## Table of Contents


ክፍሊ 1.መሰረታዊ ሓሳባት ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ....1
1.1. መእተዊ....1
1.2. መሰረታዊ ፀጋታት ኣተዓባብያን ትምህርትን ህፃናት....2
1.3 ምምዕባልን ምልዋጥን ባህሪ ካብ 5-6 ዓመት ዘለዉ ህፃናት....2
1.4 መምህራን ቅድመ ሰሩዕ ትምህርቲ ንኣተዓባብያን ትምህርትን ህፃናት ክርድእዎም ዝግባእ ኣገደስቲ ነጥብታት....4
1.5. ግደ ወለዲ ኣብ ኣተዓባብያን ትምህርትን ህፃናት....7
1.6. ምድላው ንስሩዕ ትምህርቲ....9
1.7. ኣጠቓቕማ እዚ መፅሓፍ....10
1.8. ትልሚ ትምህርትን ኣተዓባብያ ህፃናትን....14
ክፋል 2፡ ሓበሬታ ኣንፈትን ሜላታት ኣተገባብራ ምዕባለ ህፃናት....17
2.1 ንግቡእ ዕብየትን ጥንካረ ኣካልን ክንክን ምግባር....17
2.1.1. መብርሂ....17
2.1.2 ሓፈሻዊ ዕላማታት....17
2.1.3 ትፅቢት ዝግበረሎም ብቕዓት....18
2.1.4. ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፣ ብቕዓትን ሜላ ኣኣተገባብራን....20
2.1.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ....100
2.2. ቅቡልነት ዘለዎ ርክብ ምስ ዝምለከቶም ኣካላት ምፍጣር....102
2.2.1. መእተዊ....102
2.2.2.. ሓፈሻዊ ዒላማ፡-....103
2.2.3 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ብቕዓታትን....103
2.2.4. ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፣ ብቕዓት፣ ናውቲ መምህሪ ምስትምሃር፣ ሓበሬታ ሜላ ኣኣተገባብራ፣....104
2.2.5 ቅጥዒ መከታታሊ ምልክታ....126
2.3. ቋንቋ ብግቡ ምጥቃም....127
2.3.1 መብርሂ....127
2.3.2 ሓፈሻዊ ዕላማታት....127
2.3.3. ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትትን ብቕዓት....127
2.3.4 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ብቕዓታትን፣ ናውቲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ሓበሬታ ሜላ ኣኣተገባብራ....129
2.3.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልክታ....184
2.4. ኣብ ማዕልታዊ ምንቅስቓስ ኣምር ሒሳብ ምጥቃምን ምግባጥን....185

2.4.1 መብርሂ.....185
2.4.2 ሓፈሻዊ ዕላማ.....185
2.4.3 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት.....186
2.4.4 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፣ ናውቲ መሳርሒ ትምህርቲ፣ ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ.....187
2.4.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ.....230
**2.5. ምስ ካባቢ ዝህሉ ርክብከባቢ፣ ብግቡእ ምፍታሽን ምስትምቓርን.....232**
2.5.1 መብርሂ.....232
2.5.2 ሓፈሻዊ ዕላማታት.....232
2.5.3 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ብቕዓታትን.....233
2.5.4 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ብቕዓታትን፣ ናውቲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ሓበሬታ ሜላ ኣኣተገባብራ.....234
2.5.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ.....287
ልጋብ.....1

# ክፍሊ 1.መሰረታዊ ሓሳባት ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ

## 1.1. መእተዊ

ኣብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝርከቡ ካብ 5-6 ዕድሚኦም ህፃናት ክዓብዩን ክጉልብቱን ነቲ ደረጃ ዕድመ ዝመጣጠን ሓገዝ ክግበረሎም ይግባእ። ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ከባቢኦም ክርድኡ፣ ክፈልጡን ሓደሽቲ መረዳእታታት ክረኽቡ ዘለዎም ድሌታት ዝልዓለ ስለዝኾነ ብዙሕ ይሓቱን ይፍትሹን እዮም። ብፍላይ ድማ ምስ ዝተፈላለዩ ናውቲ ቅርበት ስለዘለዎም ሓበሬታት ንምርካብ ዘለዎም ድሌት ልዑል እዩ።

ኣብዚ ዘርፊ ዝርከቡ መምህራን ባህሪን ዓቕምን ህፃናት፣ ክግበረሎም ዝግባእ ክንክንን ካብ ትፅቢት ዝግበረሉ ብቕዓት ተገንዚቦም ካብ ምክንኻንን ምምሃርን ብዝዘለለ ንስሩዕ ትምህርቲ ክዓለዉን በቲ ዝድለ ኣንፈት ክፍፀምን ይግባእ። ኣብ ክሊ ዕድመ 5-6 ዝርከቡ ህፃናት ፍሉይ ትኹረት ዝግበረሎም ምኽንያት ናብ ስሩዕ ትምህርቲ ንምእታው ክዓለዉ ስለዝሕግዞም እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብዚ መፅሓፍ ንምድላው ስሩዕ ትምህርቲ ዝሕግዙ ሓሳባት ተካቲቶም እዮም።

እዚ ሓጋዚ ፅሑፍ ኣብ ክሊ ዕድመ 5-6 ንዘለዉ ህፃናት ዝተዓለወ እንትኸውን ኣብ ሓሙሽተ ዘርፍታት ምዕባለ ማለት ምንቅስቓስ ኣካል፣ ምምዕባል ማሕበራውን ስምዒታውን ትግባራት፣ ቋንቋ፣ ሒሳብን ምርዳእን ምፍታሽን ከባቢ ዘተኮረ ኰይኑ ህፃናት ክበፅሕዎ ዝግባእ ደረጃ ብቕዓት፣ ዝርዝር መሳርሕታት መምህሪ መስተምህሪን ሜላታት ምምሃር ምስትምሃርን ኣካቲቱ ዝሓዘ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ህፃናት ብዝረኸብዎም ልምዲ፣ በቢ ዘርፉ እንታይ ዓይነት ክህሎት ከምዘማዕብሉ ንምግምጋም ዝሕግዝ መከታተሊ(መመዘኒ)ቅጥዒ ግልፂ ብዝኾነ መልክዑ ተዓልዩ ኣሎ።

ህፃናት ብነፃነት ክንቀሳቐሱ፣ መረዳእታታት ክእክቡ፣ ብዛዕባ ከባቢኦም ዘለዎም ድሌትን ግንዛበን ክፈልጡ፣ ዓበይቲ ንምምሳል ዘለዎም ድሌት ተረዲኢኻ፣ እቲ ዝድለ ኣንፈት ክትሕዙ፣ በኣካል፣ ብኣእምሮን፣ ብማሕበራውን ስምዒትን ጎልቢቶም ንስሩዕ ትምህርቲ ክዓለዉ ምቹዊ ኩነታት ምፍጣር የድሊ።

እዚ መመዘኒ ወለድን መምህራንን ኣብ ከይዲ ምሕብሓብን ምክንኻንን ህፃናት ዝፍፀምዎም ተግባራትን ዝጐደሉ ነገራትን ብእዋኑ ፈሊጦም ንሕድሕድ ህፃን ኣድላዪ ትኹረት ሂቦም ክሕግዙ ከምዝኽእሉ ይእመን።

እዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ኣብ ስራሕ ዘሎ ሲለበስ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ሓጋዚ ክይኑ ዝተዓለወ እንበር ዓርሱ ክኢሉ ኣብ ተግባር ዝውዕል ዘይምኻኑ ተረዲኢኻ ነቲ ደረጃ ዝምጥን ትልሚ ኣዳሊኻ ምጥቃም የድሊ።

## 1.2. *መሰረታዊ ፀጋታት ኣተዓባብያን ትምህርትን ህፃናት*

1. ቁልዕነት ሓደ ክፋል ህይወት ሰብ እንበር ንቀፃላይ ህይወት መዳለዊ መንገዲ ጥራሕ ኣይኮነን።
2. ህፃናት ዝተማልአ ስብእና ብምምዕባል፣ /ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ስምዒታውን ማሕበራዊን/ ጥዕናን ክህልዎም ይግባእ።
3. ህፃናት ዝመሃርዎም ዓይነታት ትምህርቲ ኣብ ክንዲ በታቲንካ ምቕራብ ብዝተዋደደ መልክዑ ክመሃሩ ይግባእ።
4. ህፃናት ዓርሶም ክኢሎም ክመሃሩ መእንታን ውሽጣዊ ምልዕዓል ክህልዎም ምስራሕ ኣድላዪ እዩ።
5. ህፃናት ዓርሶም ብስርዓት ክመርሑ ዝተፈላለዩ ተግባራት/ንጥፈታት ክለማመዱ ዕድል ምሃብ የድሊ።
6. ህፃናት ዝተፈላለዩ ነገራት ዝቕበልሉ እዋን ምድላው/ወሳኒ ግዜ/ ኣለዎም።
7. ንህፃናት ትምህርቲ ኣብ ነጀምረሉ እዋን ብዝኽእልዎ እንበር ብዘይኽእልዎ ተግባር ክሽውን የብሉን።
8. ክእለትን ፈጠራን ህፃናት ዝዓበየሉ ኣብ ዝተመችቸወ ኩነታተ እዩ።
9. ማሕበራዊ ርክብ ምስ መዘናታቶም፣ ዓበይቲ ሰባት ዝህልዎም መስተጋብር ንምምዕባል ስብእና ህፃናት ወሳኒ እዩ።
10. ዕሬት ዘለዎ ትምህርቲ ነቶም ህፃናት ኣብ ዝወሃበሉ እዋን ኣብ ዝጭበጡን እቶም ህፃናት ክፈልጥዎ ዝግባእ ጉዳይን ከተኩር ይግባእ።

## 1.3 ምምዕባልን ምልዋጥን ባህሪ ካብ 5-6 ዓመት ዘለዉ ህፃናት

- ሚዛን ሰውነቶም ብምሕላው ዝተፈላለዩ ቅልጣፈ ዝሓቱ ምንቅስቓሳት ምፍፃም ይኽእሉ።
- ቀለልቲ ተግባራት ብናይ ባዕሎም ውሽጣዊ ምልዕዓል ይፍፅሙ/ይሰርሑ።
- ቅልጡፋት፣ ንቑሓትን ጠንካራታት/ደልዳላታት እናኾኑ ይመፅኡ።
- ብዓርሶም ዝተኣማመኑን ዝረዳድኡን እናኾኑ ይመፅኡ።
- ሓሰቦምን ድሌቶምን መድመፃይ ብዝርድኦም መልክዑ ምግላፅ ይኽእሉ።
- ስምዒት ህዋሳቶም ተጠቒሞም መጠን፣ ቕርፂ፣ ቀለም፣ ጣዕሚ፣ ጨና፣ ድምፅን ባህርን ነገራት ይፈልዩ።
- ነቲ ደረጃ ዝምጥን ፅንሰ ሓሳብ ግዘ፣ ቦታን ቁፅርን ይርድኡ።
- ኣብ ሓበራዊ ፀወታ ብኣግባቡ ምስታፍ ይኽእሉ።
- ሓደሽቲ ነገራት ንምፍታንን ንምፍጣርን ድሌት የሕድሩ።

- ንዝፍፅምዎም ተግባራት ምኽንያት ንምሃብ ፃዕሪ ይገብሩ።
- ንሕግታት ፀወታ ተገዛእቲ ይኾኑ።
- ናይ ነገራት ምኽንያትን ውፅኢትን ንምፍላጥ ፃዕሪ ይገብሩ።
- ናይ ባዕሎምን ናይ ካልኦትን ባህሪ ብዝተወሰነ መልክዑ ምምዛን ይጅምሩ።
- ምውዳድ ኢዶምን ዓይኖምን እናተመሓየሸ ይኸይድ።
- ዝርርቦም ማሕበራዊ መልክዕ እናሓዘ ይኸይድ።
- ካልኦት ዘለውሉ ስምዒት ምርዳእ ይጅምሩ። ከምኡዉን ንዘይምቅያም፣ ንዘይምጉዳእን ፃዕሪ ይገብሩ።
- ሓደሽቲ ተግባራት ምፍፃም የሐጉሶም።
- ቅርፂ ሰዉነቶም እናተለወጠ ይመፅእ።
- ሓደሽቲ ነገራት ንምፈላጥ ልዑል ድሌት የርእዩ።
- ብዙሕ ይዛረቡን ይሓቱን።
- ብቐዓትን ክእለትን ዘለዎም ፀወታታት ይስሕቦም።

## 1.4 መምህራን ቅድመ ሰሩዕ ትምህርቲ ንኣተዓባብያን ትምህርትን ህፃናት ክርድእዎም ዝግባእ ኣገደስቲ ነጥብታት

ሀ. ኣብ ክሊ ዕድመ ቅደመ ሰሩዕ ትምህርቲ ዝርከቡ ህፃናት ሓደሽቲ ነገራት ንምምሃር ዘለዓዕሎም ምኽንያታት

- ድሌትን ህረፍን፡- ህፃናት ካብ ዝተወለድሉ ዕለት ጀሚሮም ንነገራት ምርኣይ፣ ምርዳእን፣ ናይ ምፍላጥን ድሌት ዘለዎም እንትኸውን እዚ ድሌቶም ከባቢኦም ክፍትሹን ክፈልጡን የለዓዕሎም። መምህራንን ወለድን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ፣ ህፃናት ከባቢኦም ንክፈልጡን ክግንዘቡን ዘለዎም ድሌትን ህረፍን ኣብዝገብርዎ ፃዕርን ምንቅስቓስን ተረዲኦም ከበረታትዕዎምን ዝተፈላለዩ ዕድላት ክህብዎምን ይግባእ።
- ድሌት ምትግባርን ምዕዋትን ሽቶ፡- ህፃናት ዓርሶም ክኢሎም ዝተፈላለዩ ተግባራት ክፍፅሙን ኣብ ሽቶኡ ክበፅሕን ናይ ምግባር ልዑል ድሌት ንክህልዎም፤ ብፍላይ ድማ ምስ ፈተንቲ ዝኾኑ ፍፃመታት/ተግባራት/ ዓርሶም ክኢሎም ነቲ ስራሕ ክሰርሕዎ ብምግባር ናብቲ ዝተደለየ ሽቶ ክበፅሑ ይሕግዞም እዩ። ስለዚ መምህራንን ወለድን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ፣ ህፃናት ዓርሶም ክኢሎም ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክሰርሑን ሽቶኦም ከዐውቱን ዘድሊ ድጋፍን ክትትልን ክገብርሎም ይግባእ።
- መምህራኖምን ወለዶምን ናይ ምሕጓስ ድሌት፡- ህፃናት ዝኾነ ነገር ፈፂሞም/ሰሪሖም/ ወለዶምን መምህራኖምን ኣሐጉሶም ናእዳ ክረኽቡ ፃዕሪ ይገብሩ። ስለዚ መምህራንን ወለድን ህፃናት ዝሰርሕዎም ፅቡቓት ስራሕቲ እናተኸታተልካ ኣፍለጦ ክትህብዎምን ክተበረታትዕዎምን ይግበኦኩም።
- ዓበዪ ናይ ምምሳል ድሌት፡- ህፃናት ዓበይቲ ናይ ምምሳል ድሌት ጥራሕ ዘይኮነስ ዘለዎም ዓቕሚ ተጠቒሞም ዓበዪቲ ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ክፍፅሙ ይፅዕሩ። እዚ ድሌቶም ንምምላእ ድማ ብምቕዳሕ/ምኩራጅ/ ይመሃሩ። ስለዚ ኣብ ጥቓ ህፃን ዝርከቡ ወለድን መምህራንን ፅቡቓት መርኣያ ኰይኖም ክቐርቡ ይግባእ።
- ድሌት ምርካብ ሽልማት፡- ህፃናት ሽልማት ዝፈትዉሉ ምኽንያት ንዝሰርሕዎ ተግባር ብዝበለፀ ክሰርሑን ክትግብሩን ስለዝሕግዞም እዩ። ወለዲ፣ መምህራንን ካልኦት ሓላፍነት ክወስዱ ዝግብኦም ኣካላት ህፃናት ንዝፍፅምዎም ተግባራት እናተኸታተልካ ብምሽላም ዝተደለየ ባህሪ ከምፅኡን ክለማመዱን ምግባር የድሊ። ከምኡዉን ፀርፍን ወቐሳን ምውጋድ ይግባእ። መምህራን ህፃናት ከይርብሹ፣ ከይፈርሑን ከይሰግኡን ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ይግብኦም፤ ምኽንያቱ ፍርሓት፣ ጭንቀትን ስግኣትን ህፃናት ብኣግባቡ ከይምሃሩ ስለዝገብር።

ለ. ኣብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝርከቡ ህፃናት ክመሃርዎም ዝግባእ ኩነታት

ህፃናት ኣብዚ ዕድመ ክመሃሩ እዮም ኢልካ ምሕሳብ ኣፀጋሚ እኳ እንተኾነ ምቹው ኩነታት ኣብ ዝህልወሉ ግና ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። እዚዉን፦

- ሕጉሳት እንትኾኑ፡- ህፃናት ዝተፈላለዩ ተግባራት ንምፍፃምን ንምልምማድን ፈተነ ዝገብሩ ሕጉሳት እንትኾኑ እዩ፤ ስለዚ ኣብ ገዛ ይኹን ኣብ ኣፀደ ህፃናት ኣብ ዝውዕልሉ እዋን ግበቡእ ሓለዋን ክንክንን ዝተመልኦ ፍቕሪ ብምሃብን ምቹው ከባቢ ብምፍጣርን ሕጉሳት ኰይኖም ዝመሃርሉ ኩነታት ምፍጣር የድሊ።
- ድለት እንትህልዎም፡- ህፃናት ሓደ ነገር ምምሃር ዝደልዩ ፈለማ ንምምሃርን ንምፍላጥን ድሌት እንትህልዎም እዩ። ብፍላይ ኩሉግዘ ዘሐጉሶም ነገር እንትረኽቡ ብዝበለፀ ክመሃሩ ይለዓዓሉ። ስለዚ ናብ ህፃናት ዝቐርቡ ዝተፈላለዩ ተግባራት በቢ እዋኑ ዝለዋወጡን ዘሐጉሱ፣ ዝፍትኑን ድሌት ምምሃሮምን ዘለዓዕሉ ክኾኑ ይግባእ።
- ድልዋት እንትኾኑ፦ ህፃናት ኩሉ ነገር ብሓደ ጊዜ ምምሃር ኣይኽእሉን። ምኽንያቱ ዘለውሉ ብርኪ ምዕባለ ዝተፈላለዩ ተግባራት ንምምሃርን ንምፍፃምን ዘለዎም ድልውነት ስለዝውስኖ እዩ። መብዛሕቲኡ እዋን ዓበይቲ ህፃናት ሓደሽቲ ነገራት ንምምሃር ድልዋት ኣብዘይኰንሉ ኣብዘይተዳለዉሉን እዋን ክመሃሩን ክፈልጡን ፅዕንቶ ይገብሩሎም እዮም። እዚ ድማ እቶም ህፃውንቲ ክጭነቑ፣ ክሰላቸዉን ነቲ ክይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክፀልእዎ ስለዝገብርን ኣብ መፃኢ ድሌት ምምሃር ዓብዪ ዕንቅፋት ይኸውን። ካብዚ ብተወሳኺ ትኹረት ክግበረሉ ዝግባእ ጉዳይ ሕድሕድ ህፃን ናይ ምምሃር ፍጥነቱ ዘተፈላለየ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ።

ሐ. ኣብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝርከቡ ህፃናት ሓዱሽ ነገር ዝመሃሩሎም መንገድታት

- ብተግባር፡- ህፃናት ካብ ምርኣይን ምድማፅን ብዝበለፀ ብተግባር ይመሃሩ። ምኽንያቱ ህፃናት ንነውሕ ዝበለ ጊዜ ትኹረት ሂቦም ምድማፅ ኣይኽእሉን። ኮይኑ ግና ብተግባር ዝተደገፈ ትምህርቲ እንተቐሪብሎም ብንቕሓት ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም።
- ብምድህሳስን ብምፍታሽን፡- ህፃናት ከባቢኦም ክፍትሹ ግዘ ክወሃቦ ይግባእ። ህፃናት ስምዒት ህዋሳቶም ብምጥቃም/ብምርኣይ፣ ብምድማፅ፣ ብምጥዓም፣ ብምድህሳስን ብምጭናውን/ ዘጓንፍዎም ነገራት ንምፍላጥ ፃዕሪ ይገብሩ። ህፃናት ንነገራት ነፃ ኰይኖም ዳህሳስን ተፍተሽን እንተካይዱ ከመይ ከምዝመሃሩን ንቑፃሊ እንታይ ክኾኑ ከምዝኽእሉን ንምርዳእ ይሕግዞም።

- **ሕቶ ምሕታት፡-** ንህፃናት ምድማፅን ምዝራብን፣ ድሌትን ህረፍን ህፃናት ንምፍላጥ፣ ብዙሕ ሕቶታት ንክሓቱ ዕድል ይሀብ እዩ። ህፃናት መልሱ እናፈለጥዎ እዉን ንክረጋግፁ ይሓቱ እዮም። ስለዚ ወለድን መምህራንን ንህፃናት ብምዝርራብ፣ ንዘቕርብዎ ሓሳብ ቀልቢ ሂብካ ብምድማፅ፣ ንዝሓትዎ ሕቶ ግቡእን እዋናዊ መልሲ ብምሃብ ድሌት፥ ምምሃርን ምምርማርን ክዓብን ክውስኽን ምብርትታዕ የድሊ።
- **ብምቕዳሕ/ምኩራጅ፡-** ህፃናት ካብ ዓበይቲ ብምኩራጅ ይመሃሩ። ልክዕ ከም ዓበይቲ ዝሰርሕዎምን ዝዛረብዎምን ተግባራትን ንምፍፃም ፈተነ የካይዱ። ህፃናት ካብ ዓበይቲ  ምቕዳሕ ጥራሕ ተይኮነስ መሲሎም ምቕራብ እዉን ይፍትኑ እዮም። ስለዝኾነ ወለዲ፣ መምህራንን ምስ ህፃናት ርክብ ዘለዎም ኣካላትን ፅቡቓት መርኣያ ክኾኑ ይግባእ።
- **ምልምማድን ምፍታንን፡-** ህፃናት ሓደ ነገር ንምፍፃም ዝበለፀ መንገዲ ክሳብ ዝረኽቡ እናተሰሓሓቱ እዉን እንተኾነ ብተደጋጋሚ ፈተነታት እናካየዱ ይመሃሩ። ብፍላይ ድማ መዘናታቶም/መሓዙቶም ዝፈፀምዎም ተግባራት ክሳብ ዝፍፅሙ ብዘይ ምስልቻውን ምቁራፅን ፈተነኦም የካይዱ። ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ካብ ዘሐጉሶም ነገር እቲ ሓደ ኣይክእሎን ኢሎም ዝሓስብዎ ነገር ምኽኣሎምን ካብ መሓዙቶም/መሰታኦም ዝሐሹ ኰይኖም ምርካቦም እዩ። ስለዚ ወለዲ፣ መምህራንን ምስ ህፃናት ርክብ ዘለዎም ኣካላትን ህፃናት ዓርሶም ክኢሎም ዝተፈላለዩ ተግባራት ምፍፃም ምእንታን ክኽእሉ ክበረታትዕዎም ይግባእ።

## 1.5. *ግደ ወለዲ ኣብ ኣተዓባብያን ትምህርትን ህፃናት*

ወለዲ ኣብ መጀመርያ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ስምዒታውን ማሕበራውን ድሌታት ህፃናት ኣብ ምምላእ ዝለዓለ ግደ እንትህልዎም እቶም ናይ መፈለምታ መምህራኖም ድማ ኣብ መፃኢ ህይወቶም ፈጠርቲ ፅዕንቶ እዮም። መምህራን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ንህፃናት ሓብሒቦምን ተኸናኺኖምን ንመፃኢ ህይወቶም ናብ ስሩዕ ትምህርቲ ክኣትዉ ዘዳልዎምን እንተኾኑ ሓላፍነቶም ብኣግባቡ ክዋፅኡ ግና ምስወለዶምን/መዕበይቶምን ሓቢሮም ክሰርሑ ይግባእ።

ወለዲ ይኹኑ መዕበይቲ ምስ መምህራን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ሓበራዊ ስምምዕነት ብምፍጣር ማዕለታዊ ምንቅስቓስ እቲ ህፃን ዝከታተሉ እንተኾይኖም ሰለስቲኦም ኣካላት ማለት ወለዲ፣ ህፃናትን መዕበይት ተጠቀምቲ ክምዝኾኑ መፅናዕትታት ይሕብሩ።

> ወለዲ ምስ ቅድመ ስሩዕ መምህራን እንድሕር ድኣ ሓቢሮም ሰሪሖም ህፃናት ብትምህርቶ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ መፃኢ ህይወቶም እዉን ዕዉታት፣ ብዓርሶም ዝተኣማመኑ፣ ብዛዕባ ባዕሎም ኣውንታዊ ኣተሓሳስባ ባህርን ዘማዕብሉ ይኾኑ። ከምኡዉን ፅቡቕ ማሕበራዊ ርክብ ብምፍጣር ሕጉሳት ይኾኑ። ወለዲ እዉን ምስ መርሃ ግብሪ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ይላለዩ፤ ምስ ካልኦት ወለዲ ተሞክሮ ይለዋወጡ፤ ንውላዶም ኣብ ከይዲ ዕብየቶም ኣደላዪ ድጋፍን ክትትልን ስለዝገብሩ ሕጉሳት ይኾኑ። ካብዚ ብተወሳኺ ልዕሊ ዓቕሚ ኣብ ዘጋጥሙ ፀገማት፣ ነቶም ፀገማት እዋናዊ መፍትሒ ንክህቡ ዕድል ይፈጥረሎም።

መምህራንን ወለድን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ንህፃናት ኣብ ምሕብሓብን ምምሃርን ስራሕ ኣብ ጐድኖም ኰይኖም ብሓባር እንተሰሪሖም ዕዉታትን ሕጉሳትን ክምዝኾኑ ይእመን። ብዛዕባ እቲ ህፃን ዘርእዮ ምዕባለ እኹል ሓበሬታ ይረኽቡ። ከምኡ 'ዉን ወለዲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ተሳተፍቲ ብምዃኖም ብሓሳብ፣ ብፍልጠት፣ ብጉልበትን ናውትን ደጋፍ ክረኽቡ የኽእሎም።

ስለዚ ወለዲ እዚ ዳግማይ ዘይርከብ ዕድል ብዝግባእ ንምጥቃም ምስ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ መምህራን ፅቡቕ ዝኾነ ርክብ ብምፍጣር ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ህፃናት ልዑል ተሳትፎ ክገብሩ ትፅቢት ይግበረሎም።

መምህራን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ወለዲ ኣብ ኣተዓባብያ ህፃናትን መርሃግብሪ ቤት ትምህርትን ተሳተፍቲ ክኾኑን ክበረታትዑን ስዒቦም ዝቐረቡ ነጥብታት እንድሕር ድኣ ተግባራዊ ገይሮም ዕዉታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

- ወለዲ ኣብ ደቆም ከይዲ ምምሃር ተሳተፍቲ ክኾኑን፣ ደቆም ንፉዓት ተምሃሮ ንክኾኑ ዘርእይዎ ድሌት ብኣገባቡ ምርዳእ/ምግንዛብ
- ወለዲ ደቆም ዝድገፍሉን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝርድእሉን መርሃ-ግብሪ/ፕሮግራም ምሕንፃፅ
- ምስ ወለዲ ዝራኸብሉ ትካላዊ ምስርሕ ምትእትታው፤ ኣብነት ኣብ ምቕባልን ምስናይን ተምሃሮ፣ ብፅሑፍ፣ ብስልኪ ክኸውን ይኽእል።
- ዝተፈላለዩ መዕበዪ ግንዛበ ስራሕቲ ምሕንፃፅ። ኣብነት፦ ብዓል ወለዲ ምክያድ፣ ምይይጥ ጉጅለ ምክያድ፣ ሓፀርቲ ስልጠናታት ወዘተ. ክኸውን ይኽእል፣
- ወለዲ ኣብ ማዕልታዊ ምንቅስቓስ ህፃናት ተሳተፍቲ ንክኾኑ ምልዕዓል፣ ኣብነት፦ ኣብ ሰዓት ዕረፍቲ ምስ ደቆም ከፃዉቱ ምግባር፣ ነበረያ ነበረ ከዘንትዉሎም ምግባር፣ ናብ መዘናግዒ ቦታ ሓቢሮም ክኸዱ ምግባር ወዘተ.
- ወለዲ በቢ ዕለቱ ምስ ደቆም ኣብ ዝገብሮ ርክብ ብዛዕባ ዝተምሃርዎ ርእሰ ጉዳይ ምይይጥ ምክያድ፣
- ህፃናት በቢ ዕለቱ ዘርእይዎ ምዕባለ ክርድኡ ምግባር፣

ኣብ ዝተፈላለየ መርሃ ግብሪ/ፕሮግራም ዝሳተፉ መምህራን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዋላኳ እንተኾኑ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ሓሳባት ክዉን ክኸውን ግና ግደ ወለዲ ልዑል ምዃኑ ተረዲኦም ህፃናት ኣብ ውዕለኦም እንታይ ዓይነት ተግባራት ከምዝፈፀሙ ክገልፁ፣ ከዘንትዉን ከብራህርሁን ምግባር፤ ካብዚ ብተወሳኺ ምስ ህፃናት ዝፃወትሉን ሓቢሮም ዝሰርሕሉን ስሩዕ ፕሮግራም ምምችቻው የድሊ።

## 1.6. *ምድላው ንስሩዕ ትምህርቲ*

ዕላማ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ህፃናት ብኣካል፣ ኣእምሮ፣ ብስምዒትን ማሕበራዊ ርክብን ምህናፅን ንስሩዕ ትምህርቲ ምድላውን ምዃኑ ግልፂ እዩ። ካብ 5-6 ዓመት ዘሎ ግዜ ህፃናት ንስሩዕ ትምህርቲ ዝዳለዉሉ ዕድመ ምዃኑ ተፈሊጡ ግቡእ ትኹረት ክወሃቦ ይግባእ።

ምድላው እንታይ ? ምድላው ማለት ህፃናት ናብ ስሩዕ ትምህርቲ ቅድሚ ምእታዎም ኣብ ኣብ ቀዳማይ ቁልዕነት ብዝግበረሎም ክንክንን በቢ ዕለቱ ዝረኽብዎ ተመክሮ ምምሃርን ተጠቒምካ ናብ ሱሩዕ ትምህርቲ ክኣትዉ ንምግባር በቢ ብርኩ ክረኽብዎ ዝግባእ ምዕባለታት ወሰንቲ ምዃኖም ምርዳእ ማለት እዩ። ንህፃናት ዝግበረሎም ክንክን ዝወሃቦም ሓገዝ ፅሬት ትምህርትን ግቡእ ዝኾነ ኣንፈት እንተድኣ ሒዙ ንምድላው ስሩዕ ትምህርቲ ወሳኒ ተግባር ክኸውን ይኽእል።

ንስሩዕ ትምህርቲ ምድላው ማለት እቲ/ታ ህፃን ኣብ ዕድመ ህይወት ስሩዕ ትምህርቲ ዘድልይዎ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ስምዒታውን ማሕበራዊ ርክባትን ኣማዕቢሉ ምርካብን ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ኣትዩ ንምምሃር ልዑል ድሌት ምርኣይ ማላት እዩ። እዚ ክኸውን ዝኽእል ድማ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ እዋን ቀዳማይ ቁልዕነት ክረኽቦ ዝግባእ ክንክንን ትምህርትን እንትረክብ እየ።

ክንክንን ትምህርቲ ንዝህቡ መምህራን፣ ህፃናት ናብ ስሩዕ ትምህርቲ እንትኣትዉ ካብኦም ዝድለ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ስምዒታዊ፣ ስነልቦናውን ማሕበራዊ ርክባትን ድልውነት ዘማልኡ ምኧኖም ምፍላጥ ወሳኒ ነገር እዩ።

ትኹረት ብቕዓት ኣእምሮ፣ ምድማፅ፣ ሓሳብካን ድሌትካን ብግቡእ ምግላፅ፣ ኣፈላላይን ሓድነትን ነገራት ምስትውዓል፣ ፍፃመታት ምግንዛብ፣ ትእዛዛት ምርዳእ፣ ዓርስኻን ከባቢኻን ምግንዛብ፣ ንምምሃር ምልዕዓል ወዘተ. ዘካተተ እዩ።

ትኹረት ብቕዓት ኣካል፣ ምቁፅፃር ኣካላዊ ምንቅስቓስ፣/ስዓትካ ሓሊኻ ምምጋብ፣ ምፅርራይ፣ ንዉሕ ንዝበለ እዋን ተረጋጊዕኻ ኮፍ ምባል/፣ ሚዛን ሰውነት ምሕላው፣ ውህደት ዓይንን ኢድን ምሕላው፣ ወዘተ ዘካተተ እዩ።

ትኹረት ብቕዓት ማሕበራውን ስምዒታውን፣ ምስ መሓዙቶም ተኸባቢሮምን ተሓባቢሮምን ምስራሕ፣ ልምድን ኣሰራርሓ፣ ሕግን ስርዓትን መምህራኖምን ቤት ትምህርቶምን ምኽባር፣ ብዓቕሞም ንካልኦት ንምሕጋዝ ፈተነ ምክያድ፣ ስምዒቶም ብግቡእ መንገዲ ምግላፅ ወዘተ. ዘካተተ እዩ።

> ኣብ ዕድመ ሓደ ህፃን፣ እቶም ናይ ፈለማ 5 ዓመታት መዋቕርን ጥንካረን ሓንጎል ህፃን ዝምዕብለሉ እዋናት እንትኾኑ፤ ዝኾነ ህፃን ዘዳመፆ፣ ዝርኣዮ፣ ዝፈፀሞም ተግባራትን ምስ ሰባት ዝገብሮም ርክባትን ኣብ ምምዕባል ማሕበራዊ ህይወቱን ኣእምሮኡን ልዑል ግደ ክኸውን ይገብሮ።
>
> ኣብ ዝፍፅምዎም ማዕልታዊ ምንቅስቓስን ኣብ ዝተፈላለዩ ፀወታታት እንትፃወቱ ክፍሊ ኣካሎም ይምዕብል። እዚኦምን ካልኦት ተግባራትን ናይቲ ህፃን ተመክሮታትን ንስሩዕ ትምህርቲ ድልዊ ክኸውን ልዑል ግደ ይፃወቱ እዮም።

ትኹረት ብቕዓት ስነ ልቦና፣ ፃንሒት ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝዛዘም ዘሎ ምኧኑ ተረዲኦም ንስሩዕ ትምህርቲ ድልዋት እንትኾኑ ዘርኢ እዩ።

ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ኣንፈትን ሓበሬታትን/ጥቆማታትን ምምዕባል ስዒብካ ስፍሕ ብዝበለ መልክዑ ብዛዕባ እቲ ክልሰ ሓሳብ ምርዳእ የድሊ። ሓደ ህፃን ንስሩዕ ትምህርቲ ተዳልዩ ኣሎ ማለት ንቀዳማይ ክፍሊ ብቑዕ ኮይኑ ምርካብ ማለት ጥራሕ ዘይኰነስ ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ንዝህልዎ ህይወት ድልዊ ኮይኑ ምርካብ ማለት

እዉን እዩ። እዚ ክዉን/ተፈፃሚ ክኸውን ድማ ኣብ ሲለበስ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝተቀመጡ ብቕዓት ትምህርቲ ምስራሕን እቲ ህፃን ክበቅዕ ምግባርን እዩ። እዚ ሓጋዚ መፅሓፍ እዞም ተግባራት ዝፍፀመሉ ኣንፈት ንምሕባር ተባሂሉ ዝተዳለወ እንትኸውን ቅድሚ ሐዚ ካብ 3-4 ዓመትን ካብ 4-5 ዓመትን ናይ ዝብሉ መፃሕፍቲ ቀፃላይ ክፋል እንትኸውን ናብ ተግባር እንትውዕል ድማ ነቶም ዝተጠቐሱ ህፃናት ኣብ ክሊ 5-6 ዓመት ዝርከቡ ምኺኑ ልቢምባል የድሊ።

## 1.7. ኣጠቓቕማ እዚ መፅሓፍ

ኣብዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢት፣ ብቕዓት ትምህርቲ፣ ዒላማ፣ ተግባር፣ ናውቲ ሓገዝቲ ምምሃርን ምስትምሃርን፣ ሜላታት ኣኣተገባብራ፣ ሓበሬታን ተፍተሽን/ተፍትሽ ዝብሉ ዛዕባታት ትኹረት ንክረኽቡ ምልክታትን ጉሊሆም/ፋርያት ኰይኖም ዝርኣዩ ሓረጋትን ተቐሚጥሎም ኣለዉ። እቶም ምልክታትን ጉሊሆም/ፋርያት ኰይኖም ዝርኣዩ ሓረጋትን ኣብቲ መፅሓፍ ተኻቲቶም ቀሪቦም ኣለዉ። ትርጉም እዞም ምልክታትን ሓረጋትን ብመምህራን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ክፍለጡ ይግባእ። ትርጉሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

ምልክታት ብተጠቀምቲ ክፍለጡ ዝግብኦም ሓረጋት



ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት፡- ህፃናት ኣብ ዘተገለፀ ብርኪ ብቕዓት ትምህርቲ እንትበፅሑ ክርእይዎ ዝግባእ ለውጥታት እዮም።



ብቕዓት፡- ህፃናት ዝተፈላለዩ ተግባራት ብምፍፃም ክበፅሕዎም ዝተደለየ ብርኪ ብቕዓት ዘመልክት እዩ።



ተግባር፡- ሓብ ሓደ ክፍለ ጊዜ ዝፍፀሙ ተግባራትን ዝተቐመጠ ርእሲ እዩ። እቶም ተግባራት ኣብ ሓደ ክፍለ ጊዜ ክውድኡን ቀፃልነትዘሎዎም ኰይኖም ዝትዳለዉ እዮም። ኣብዚ ተግባር ካብ ሓደ ንላዕሊ ብቕዓት እንትህልዉ ከከም ኣድላይነቱ ክደጋገሙን ክትግበሩን ይኽእሉ እዮም።



ዒላማ፡- ኣብቲ ዕለት ዝቐረቡ ተግባራት ምስተዛዘሙ ወይ እቲ ክፍለ ጊዜ ምስተዛዘመ ህፃናት ክረኽብዎ ዝግባእ ረብሓ ወይ ክበፅሕዎም ዝድለ ብርኪ ብቅዓት እዮም። እዚኣቶም ንክፍለጊዝያዊ ዒላማ ኰይኖም ከገልግሉ ይኽእሉ እዮም።



ናውቲ ምምሃር ምስትምሃር፡- ህፃናት ናብቲ ዝድለ ብርኪ ብቕዓት ንክበፅሑ ዝፍፀሙ ተግባራት፣ ንምድጋፍ ኣብ ረብሓ ክውዕሉ ዝግብኦም ናውትታት እዮም። እቶም ናውቲ ምስ ዕድመን ጭቡጥ ዓቕሚ እቶም ህፃናት ዝዛመዱ ክኾኑ ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ መምህራን

ምልክታት ብተጠቀምቲ ክፍለጡ ዝግብኦም ሓረጋት

ክፈልጥዎ ዝግባእ ጉዳይ፣ ኣብዚ መፅሓፍ ካብ ዝተቐሙ ሓገዝቲ ናውትታት ብተወሳኺ ካልኦት ናውትታት ሓገዝቲ ትምህርቲ ምጥቃም ይኽእሉ እዮም። ስለዚ መምህራን ካብ ከባቢኦም ዝተፈላለዩ ሓገዝቲ ናውቲ እናሰርሑ ክጥቀሙ ይኽእሉ።



ሜላ ኣኣተገባብራ፦ ኣብትሕቲ እዚ ሓረግ ዝተለፁ ሓሳባት/ተግባራት ከመይ ከምዝተፈፀሙ ንመምህራን ሓበሬታ ንምሃብ ዝተቐመጠ እንትኾኑ፣ትልሚ ብምድላው ኣብ ተግባር ንምውዓል መምህራን ስምዒት ህፃናት ዝእክብሉ፣ ሜላታት ኣመሃህራ እቲ ክፍለ ጊዜ ዝገልፅሉን ዝትግብርሉን ሜላታት መጠቓለሊ ሓሳብ ዝህብሉን ዘካተተ እዩ።



ተፍታሽ/ተፍትሽ፦ ኣብ ሕድሕድ ብርኪ ብቕዓት ዝተቐመጡ ተግባራት ኣብ ከይዲ ትግበራን ድሕሪ ትግበራን ህፃናት ዘምፅእዎ/ዘርእይዎ ብርኪ ምዕባለ ንምፍታሽ/ንምግምጋም ዝሕግዝ መሳርሒ እዩ።

ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ፦ ኣብዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ኣንፈት መማዕበሊ ወይ ኣብ ሕድሕድ ትሕዝቶ መወዳእታ ቅጥዒ መከታታሊ ምልክታ ተዳልዩ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ቅጥዒ ኣብ ዓመት ሰለስተ ጊዜ ማለት መጀመርያ፣ መፋርቕን መወዳእታ ዓመትን ዝምላእ እዩ። ኣብ ፕሮግራም ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝርከቡ ህፃናት ዝምዘንዎ ብተኸታታሊ/ከይዳው ተፍተሽ ኰይኑ በቢ ዕለቱ፣ በቢ ሰሙኑ፣ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ክግበር ይግባእ።

ኣብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝግበር ተፍታሽ/ተፍትሽ በቢ ግዜኡ ኣብ ህፃናት ዝርኣዩ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ማሕበራውን ስሚዒታውን ዝርኣዩ ለውጥታትን ምዕባለታትን እናተኸታተልካ ትፍታሽ ምግባር እንበር ብፅሑፍ ዝግበር ተፍትሽ ከምዘይኰነ መምህራንን ወለድን ክፈልጥዎ ይግባእ።

ኣብ ሕድሕድ ትሕዝቶታት መወዳእታ እዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ዝተቐመጡ ቅጥዕታት መከታተሊ ምልክታ፣ መምህራን ናይቶም ህፃናት ለውጥን ምዕባለን በቢ እዋኑ እናተኸታተሉን እናገምገሙን ዝመልእዎም ምኳኑ ተረዲኦም ነቶም ቅጥዕታት ክጥቀምሎም ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ልጋብ ዝተቐመጡ ኣብነታት ተፍትሽን ኣብ መርሃ ትምህርቲ ዝተቐመጡ ሜላታት ተፍትሽ ምጥቃም ይከኣል።

መዝሙራትን ዛንታታትን፦ ኣብ ትሕቲ ሕድሕድ ተግባራት ዝተቐመጡ መዝሙራትን ዛንታታትን ኣብ ልጋብ እዚ መፅሓፍ ተቐሚጦም ኣለዉ።

## 1.7 ትልሚ ትምህርትን ኣተዓባብያ ህፃናትን

ኣብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ንኣተዓባብያን ትምህርትን ሰለስተ ዓይነት ትልምታት ይዳለዉ እዮም። እዚኣቶም እዉን ዓመታዊ፣ ወርሓውን ዕለታውን እዮም። ምስ ዕለታዊ ትልሚ ክፍለ ጊዝያዊ ትልሚ ትምህርቲ (lesson plan) ከም ልጋብ ኰይኑ ይዳሎ።

<u>ቅጥዒ መከታተሊ ምልክታ፡-</u>

ኣብዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ኣንፈት መማዕበሊ ወይ ኣብ ሕድሕድ ትሕዝቶ መወዳእታ ቅጥዒ መከታታሊ ምልክታ ተዳልዩ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ቅጥዒ ኣብ ዓመት ሰለስተ ጊዜ ማለት መጀመርያ፣ መፋርቕን መወዳእታ ዓመትን ዝምላእ እዩ። ኣብ ፕሮግራም ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝርከቡ ህፃናት ዝምዘንዎ ብተኸታታሊ/ከይዳው ተፍተሽ ኰይኑ በቢ ዕለቱ፣ በቢ ሰሙኑ፣ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ክግበር ይግባእ።

ኣብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝግበር ተፍታሽ በቢ ግዜኡ ኣብ ህፃናት ዝርኣዩ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ማሕበራውን ስሚዒታውን ለውጥታትን ምዕባለታትን እናተኸታተልካ ትፍታሽ ምግባር እንበር ብፅሑፍ ዝግበር ተፍትሽ ከምዘይኰነ መምህራንን ወለድን ክፈልጥዎ ይግባእ።


ኣብ ሕድሕድ ትሕዝቶታት መወዳእታ እዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ዝተቐመጡ ቅጥዕታት መከታተሊ ምልክታ፣ መምህራን ለውጥን ምዕባለን ህፃናት በቢ እዋኑ እናተኸታተሉን እናገምገሙን ዝመልእዎም ምኺኑ ተረዲኦም ነቶም ቅጥዕታት ክጥቀምሎም ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ልጋብ ዝተቐመጡ ኣብነታት ተፍተሽን ኣብ መርሃ ትምህርቲ ዝተቐመጡ ሜላታት ተፍትሽ ምጥቃም ይከኣል።

<u>መዝሙራትን ዛንታታትን፡-</u>

ኣብ ትሕቲ ሕድሕድ ተግባራት ዝተቐመጡ መዝሙራትን ዛንታታትን ኣብ ልጋብ እዚ መፅሓፍ ተቐሚጦም ኣለዉ።

## **1.8.** *ትልሚ ትምህርትን ኣተዓባብያ ህፃናትን*

ኣብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ንኣተዓባብያን ህፃናትን ሰለስተ ዓይነት ትልምታት ይዳለዉ። ንሳቶም እዉን ዓመታዊ፣ ወርሓውን ዕለታውን እዮም። ምስ ዕለታዊ ትልሚ ክፍለ ጊዝያዊ ትልሚ ትምህርቲ (lesson plan) ከም ልጋብ ኰይኑ ይዳሎ።




ቅጥዒ ዕለታዊ ትልሚ ኣርባዕተ ክፍልታት ኣለዎ። እቲ ና መጀመርያ ስዓት፣ እቲ ካልኣይ ዕለታዊ ትሕዝቶ ትምህርቲ፣ እቲ ሳልሳይ ኣገባብ ኣፈፃፅማ/ኣመሃህራ፣ እቲ ራብዓይ ድማ ኣብ እዋን ትግበራ ዝትርኣዩ ፀገማት ክመሓየሹ ዝግብኦም ኩነታት ዝሓዘ እዩ። ዕለታዊ ትልሚ እንታይ ክንሰርሕ ከምዘለና፣ ዝተለምናዮ ከመይ ከምዝተፈፀመ፣ ኣብ ህፃናት ዝርኣናዮ ለውጥታት ንምክትታልን ዘለዎም ፀገማት ንምፍታሕን፣ ዘይተሸፈነ ትሕዝቶ ትምህርቲ እንተልዩ ኣብ ቀፀቀሊ ዝመሓየሽሉ ኩነታት ክመቻቾ ዝሕብርን ዝሕግዝን ስለዝኾነ ኣድላዪ እዩ።

ምድላው ክፍለግዝያዊ ተግባራት፡- እዚ ክፍለጊዝያዊ ትልሚ (lesson plan) እናተብሃለ ዝፍለጥ በቢ ዕለቱ ዝፍፀሙ ተግባራት፣ ዋና ዋና ትሕዝቶታትን ፕሮግራማትን ትኽህርቲ ዝሓዘ ኰይኑ ኣብ ህፃናት ኣተዓባብያን ኣቀባብላ ትምህርትን ዘተኰረ እዩ።

*መዳለዊ መትልሚ ክፍለ ግዝያዊ*

| | | |
|---|---|---|
| ዕለት | | |
| ጉጅለ | | |
| ፕረፕግራም | | |
| ጭብጢ | | |
| ብቕዓት | | |
| ርዕስ | | |
| ናውቲ መምህረ መስተምህረ፡- ድሕሪ እዚ ክፍለ ግዜ/ፀዋታ/ህፃናት<br>1. ________________<br>2. ________________<br>3. ________________ | | |
| መምህረ ሓገዝ | | |
| ሜላ ኣመሃህራ | | |
| ዝርዝር ከይዲ እቲ ፕሮግራሙ | | |
| ተግባር መምህር | ጊዜ | ተግባር ህፃናት |
| | | |

ዕለት፣ ጉጅለ፣ ትሕዝትን ርእስን ካብቲ ዕለታዊ ትልሚ ዝውሰድ ኰይኑ ክፍለጊዝያዊ ትልሚ (lesson plan) ኣብ ዝኸውን ክሊ ዕድመ ንዝርከቡ ተባሂሉ ከም ዝተዳለወ ምፍላጥ የድሊ።

ብቕዓት፡- ካብ ዓመታዊ ትልሚ ዝውሰድ ኰይኑ እቲ ህፃን ከበፅሖ ዝተደለየ ባህርያዊ ለውጢ ዘርኢ እዩ።

ናውቲ መምህረ መስተምህረ፡- እቲ ክፍለ ግዘ ምስ ተዛዘመ እቶም ህፃናት ዘርእይዎ ለውጢ ዝገልፅ ኰይኑ እቶም ዒላማታት ኣብቲ ክፍለ ጊዜ ዝርኣዩ፣ ዓቕምን ዕድመን እቶም ህፃናት ዘገናዘበ፣ ዝትግበሩ፣ ምስ ህልዊ ኩነታት ዝዛመዱ፣ ዝምዘኑን ግልፅነት ዘለዎምን ኮይኖም ክዳለዉ ይግባእ። እቶም ተግባራት እንተይበዝሑ ብቅደም ስዒብ ክቐርቡ እንተተገይሩ ንኣፈፃፅማ ምቾዋት ይኸውን።

ሓገዝቲ ናውቲ ምምሃር ምስትምሃር፡- እቶም ኣብቲ ክፍለ ግዜ ንጥቀመሎም ሓገዝቲ ናውቲ ምምሃር ምስትምሃር ንህፃናት ብቐሊሉ ዘሳትፉ፣ ዘዘናግዑ፣ ዘሐጉሱ፣ ብቐሊሉ ኣብ ከባቢና ንረኽቦም፣ ንምድላውን ንምትግባርን ዝምቹዉ ክኾኑ ይግባእ።

ሜላ ኣመሃህራ፡- ዕላማታት ተግባራዊ ንምግባር ንጥቀመሎም ሜላታት እንትኾኑ ኣገባብ ኣመራርፃኦም ምስ ህፃናት ዕድመ፣ ክፍለ ግዘ፣ ትሕዝቶን ዒላማን ዝሳነዩ ምዃኖም ምስተረጋገፀ እዩ። እቶም ንጥቀመሎም ሜላ ኣመሃህራ ኣብቲ ክፍለጊዝያዊ ትልሚ ብንፁር ክቕመጡን ንምትግባር ዘየፀግሙ ኮይኖም ክቐርቡ ይግባእ።

ኣካይዳ እቲ ፕሮግራም፡- እቲ ፕሮግራም ከመይ ከምዝጀመር፣ ዕላማታት ከመይ ከምዝትግብሩ፣ እቲ ፕሮግራም ከመይ ከምዝጠቓለል፣ ተግባር መምህርን ህፃናትን ዝወስደሉ ግዘ ኣብዚ ብርኪ ዝካተቱ እዮም።

ህፃናት ተምሃሮ ዘይኰኑስ ተምሃሮ ንክኾኑ እናተዳለዉ ዘለዉ ምዃኖም ይፍለጥ እዩ፤ ስለዚ ሕድሕድ ፕሮግራም እንትቐርብ ድሌት ህፃናት ዘለዓዕልመረዳእታ ዘትሕዝ፣ ዝተፈላለዩ ክእለታት ዘለማምድ ክኸውን ይግባእ። ስለዚ ክፍለጊዚያዊ ትልሚ ነዚኦም ብኣግባቡ ንምፍፃም ዝሕግዝ መስርሕ ስለዝኾነ ብጥንቃቐ ክነዳልዎ ይግባእ።

ክፋል **2**፡ ሓበሬታ ኣንፈትን ሜላታት ኣተገባብራ ምዕባለ ህፃናት

## **2.1** *ንግቡእ ዕብየትን ጥንካረ ኣካልን ክንክን ምግባር*

### **2.1.1.** *መብርሂ*

ምንቅስቓስ ጥንካረ ኣካል ኣብ ኩሎም ዘፈር ምዕባለታት መሰረት እዩ። ህፃናት ኣብ ዝተማልአ ምዕባለን ለውጢ ኣካል ከምፅኡ ምሕጋዝ ወሳኒ እዩ። ካብ 5-6 ዓመት ዕድመ ዘለዎም ህፃናት ርኡይ ለውጢ ኣከላዊ ምዕባለ ዘርእይሉ ዕድመ እዩ።

ስሩዕ ትምህርቲ ኣብ ዝኣትውሉ እዋን ናይ ተምሃሮ ህይወት ክለምድዎምን ከማዕብልዎምን ዝግባእ ዝተፈላለዩ ቅልጣፈታት፣ ምትዕፃፋትን ብዙሓት ክእለታት ኣለዉ። ማዕልታዊ ኣብዝፍፅምዎም ተግባራት ምውዳድ ዓይን ኢድን ከምዕብል ይግባእ። እዚ ድማ ኣብ ትምህርቲ ዘማዕብልዎም ክእለታት ማለት ምስኣል፡ ምልኻይ፣ ብጎቲም መርእፍ ምስፋይ፣ ምፅሓፍ ወዘተ. ንክፍፅሙ ይሕግዞም።

ዝተፈላለዩ ተግባራት ንምፍፃም ዝሕግዙ ክእለታት ብእዋኑ ምፍፃም/ምልምማድ ዕድል ዝረኸበ ህፃን ዕውትን ውፅኢታውን ተግባር ምፍፃሙ እንትርዳእ ብዛዕባ ባዕሉ ዘለዎ ኣረኣእያን ዓርሰ እምነትን ክውስኽ ይሕግዞ። ስለዚ ካብ 5-6 ዓመት ዘለዉ ህፃናት ክህልዎም ዝግባእ ኣካላዊ ብቕዓት/ምዕባለ ርኡይን ረቂቕን ጥዋዳታት/ ክፍፅምዎም ዝግባእ ተግባራት ክፍፅሙ ምሕጋዝ የድሊ።

## 2.1.2 *ሓፈሻዊ ዕላማታት*

1. ንዓርሶም ብምግንዛብ፣ ብዓርሶም/ብባዕሎም ክተኣማመኑን ንባዕሎም ብግቡእ ክገልፁን ዓቕሚ ክህልዎም ምግባር፣
2. ክፍሊ ኣካላት ሰውነቶም ፈልዮም ክፀርሑ፣ ተግባራቶም ክዛረቡ፣ ክከናኸኑ ምግባር፣
3. ስሚዒት ህዋሳቶም ተጠቒሞም ንነገራት ምፍላይን ስርዓት ውልቀ ፅሬቶም ክሕልዉን ምግባር፣
4. ርኡይን ረቂቕን /ዓበይትን ኣናእሽተይን/ ጭዋዳታት ተጠቒሞም ኣብ ከባቢኦም ክርከቡ ዝኽእሉ ናውትታት ዝተፈላለዩ መፃወቲ ብምስራሕ ዓቕሚ ክህልዎም ምግባር

## 2.1.3 *ትፅቢት ዝግበረሎም ብቕዓት*

1. ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ብባዕልኻ ምትእምማንን ንባዕሎም ክብሪ ይህቡ።
   - 1.1 ዓርሶም ምግላፅ ይኽእሉ።
   - 1.2 ዓርሶም ምስ ካልኦት እናወዳደሩ ምግላፅ ይኽእሉ።
   - 1.3 ኣብ ክሊ ፀወታ ዝህልዉ ዘይምስምምዓትን ጐንፅታትን ምፍታሕ ይኽእሉ።

2. ተግባራት ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ይፈልዩን ይገልፁን።
   - 2.1 ክፍልታት ኣካላት ሰዉነት ምፅራሕ ይኽእሉ።
   - 2.2 ስራሕቲ ክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም ዝፍፅምዎም ትግባራት ብትኽክል ምግላፅ ይኽእሉ።

3. ምክንኻን ዓይኒ
   - 1.1 .ኣዒንቶም ብግቡእ ምክንኻንን ምሓዝን ይኽእሉ።

4. ምክንኻን እዝኒ
   - 4.1 እዝኖም ብጥንቃቐ ይትሕዙንይከናኸኑን።

5. ንኣፍንጫ ግቡእ ክንክን ምግባር

5.1 ፅቡቕን ሕማቕን ጨና ይፈልዩ

6. ንመልሓስን ኣፍን ክንክን ምግባር

6.1 ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ዘለዎም ምግብታት ምጥዕዓምን ምድናቕን ይኽእሉ።

6.2 ኣሮም ብጥንቃቐን ብክንክንን ምትሓዝ ይኽእሉ።

7.ብምድህሳስ ንነገራት ምፍላይ

7.1 ባህሪ ናውትታት፣ ዓቐን ሙቐትን ቅርፅን ምፍላይ ይኽእሉ።

8. ምልምማድ ምሕላው ጥዕናኻን ስርዓት ኣተሓሓልዋ ጥዕናን

8.1 ንጥዕና ዝሰማምዑ ምግብታት ፈልዮም ይፅውዑ።

8.2 ውልቀ ፅሬቶም ንምሕላው ልምምድ የካይዱ።

8.3 ውልቀ ፅሬቶም ይሕልዉ።

9. ክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም ብጥንቃቐ ምትሓዝን ምኽንኻንን

9.1 ንክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም ምክንኻንን ብጥንቃቐ ምሕላውን ይኽእሉ።

10. ምጥቃም ርኡይን ረቂቕን/ ዓበይትን ኣናእሽተንን/ ጭዋዳታት

10.1 ዓበይትን ኣናእሽተንን ጭዋዳታቶም ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ ተግባራት ምፍፃም ይኽእሉ።

11. ፈጠራታት ብነፃነት ምግላፅ

11.1 ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ናውትታት ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ መፃወቲ ምስራሕ ይኽእሉ።

### **2.1.4.** *ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፣ ብቕዓትን ሜላ ኣኣተገባብራን*

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ብባዕልኻ ምትእምማንን ንባዕልካ ክብረ ምሃብን፣ | 1.1 ንባዕሎም ምግላፅ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፦ ዓርስኻ ብብቕዓት ምግላፅ

ዒላማ፡- ንባዕሎም ብቃላት ምግላፅ ይኽእሉ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንህፃናት ዝገልፁ ሓፀርቲ ግጥምታት ምድላውን ክለማመድዎም ምግባርን።

ኣብነት፡- ህፃን እየ ኣነ፣

ኩሉ ሰብ ይፈትወኒ፣

ዝፈትዎ ፀወታ፣

ሽክርክር- ሽታሕታ፣

ምድያብ ምውራድ ዝህበካ ደስታ

ቀፂልኩም መምህር መርኣያ ኮይንኹም ብዛዕባ ባዕልክን/ኩም ብዝሓፀረ መንገዲ ብምግላፅ ንህፃናት ኣነቓቕሑ። እቶም ህፃናት ድማ በቢ ተራ እናተስኡ ብዛዕባ ባዕሎም ክዛረቡ ኣበራታትዕዎም።

ተፍትሽ ፡- ሕፃናት ንባዕሎመ ብቃላት ምግላፅ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ንባዕሎም ብስእሊ ምግላፅ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- እርሳስ፣ ወረቐት፣ ደፍተር ስእሊ፣ ሕብራዊ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- እርሳስ፣ ወረቐትን ብዓል ሕብሪ እርሳስ ምድላው።
- ኣብዚ ክፍለግዜ ስእሊ ዝስኣለሉ ምኽኑ ምዝራብን እንታይ ክስእሉ ከምዝደልዩ ምሕታትን
- ባዕሎም ክስእሉ ከምዘለዎም ብምዝራብ ዝተዳለዉ ናውትታት ከም እርሳስ፣ ወረቐትን ሕብራዊ ሕርሳስን ምሃብ።
- ስኢሎም ምስ ወድኡ ንመምህሮም ክዘረቡ ከምዘለዎም ምዝራብን ንስራሕቶም ናእዳ ምሃብን።

ተፍትሽ፡- ንባዕሎም ብስእሊ ምግላፅ ምኽኣሎምን ልምምድ ምግባሮም ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፡- ንባዕልኻ ብስእሊ ምግላፅ



ተግባር ሰለስተ፡- ምፍላይን ምፅራሕን ዝተፈላለዩ ናውትታት

ዒላማ፡- ስም ናውቲ ምፅራሕ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሚስጥራዊ ከረጺት፣ ዝተፈላለዩ መፃወቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ክፍሎም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ናውቲ እንታይ ከምዝብሃሉ ብምሕታት ንክምልሱ ዕድል ምሃብ፣
- ኣብ ማዕልታዊ ምንቅስቓሶም ዝጥቀምሎም ናውትታት ክርእይዎ ብምግባር ብስሞም ክፀርሕዎም ምግባር፣
- ሚስጥራዊ ኽረጺት ዝብል ፀወታ ክፃወቱ ምግባር፣
- ዝተፈላለየ ናውቲ ዝተሓዘ ኽረጺት ኢዶም እናእተዉን እናዳህሰሱን ዝረኸብዎ ናውቲ እንታይ ከምዝብሃል ክዛረቡን ከርእዩን እናገበርካ ምፅዋት፣

ተፍትሽ፡- ስም ናውቲ ፈልዮም ዝፀርሑ ምኽኖም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ዛንታ/ነበረያ ነበረ ምዝንታው ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝተፈላለዩ ነበረያ ነበረ/ዛንታ ዝተሓዙ መፃሕፍቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

ተግባር ኣርባዕተ፡- ምዝንታው ዛንታ/ነበረያ ነበረ

- ዛንታ
- ሓፀርቲ ዛንታታት/ነበረያ ነበረ ንህፃናት ምዝንታው።
- ዝፈልጥዎም ነበረያ ነበረ ሓደ ብሓደ ናብ መድረኽ እናወፅኡ ከዘንትዉ ምግባር።
- ምዝራብ ዝፅገሙ ህፃናት እንትጋጥሙኹም ግቡእ ድጋፍን ክትትልን እናገበርኩም ብትኽክል ንክዛረቡ ምሕጋዝን ምምራሕን

ተፍትሽ ፡- ነበረያ ነበረ/ዛንታ ምዝንታው ምኽኣሎም ምግምጋም።



ተግባር ሓሙሽተ፡- ልምምድ ስርዓት ዝርርብ

ዒላማ፡- ስርዓት ዝርርብ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሲዲ/ብሞባይል ዝተቐረፀ ዝርርብ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ስርዓት ዝርርብ ዘምህሩ ዝተቐረፁ ሲዲታት ኩዓምፁ ምግባር፣።
- ስእሊ ንምስኣል ኣብ ዝለማመድሉ እዋን ካብ መሓዙቶም መስኣሊ ናውቲ ኣብዝልቅሕሉ በይዘኻ/ኺ፣ ስርሖም ወዲኦም እንትምልሱ የቐንየልና ዝብሉ ቃላት ክጥቀሙን ክለማመዱን ምምሃር፣
- ንመሓዙቶም እንተቐይሙ ወይ እንተጥፍኡ ይቕረታ ክሓቱን ክለማመድዎን ምግባር።

| |
|---|
| መዘክር ፦ ስርዓት ዝርርብ ኣብ ማዕልታዊ ህይወቶም ክትግብርዎምን ቀፃልነት ብዘለዎ መልክዑ ክጥቀምሉ ድጋፍ ክግበረሎም ይግባእ። |

ተፍትሽ ፦ ኣብ ማዕልታዊ ምንቅስቓሶም ስርዓት ዝርርብ ዝተለማመዱ ምዃኖም ምክትታልን ምርግጋፅን።

ዒላማ፡- ከባቢኦም ምግላፅ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህረ መስተምህረ፡- ንከባቢ ዝገልፁ ዝተፈላለዩ ስእልታት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብዛዕባ ገዝኦም፣ ከባቢኦም፣ ቤት ትምህርቶም፣ መሓዙቶም ዝገልፁ ስእልታት ክርእዩ ብምግባር ሓሳቦም ክገልፁ ምብርትታዕ።

  ኣብነት፡- ምስሊ ገዛ ኣብ ከባቢኦም ክርእዩ ብምግባር ብዛዕባ ገዝኦም ክዛረቡ ምግባር።

- እስቲ ገዛውትኹም እንታይ ይመስል? ኣብ ገዛውትኹም እንታይን እንታይን ነገራት ከምዘለዉ ተዛረቡ ወዘተ እናበልካ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ ፦ ብዛዕባ ከባቢኦም ምግላፅ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሸውዓተ፡- ምምዕባል ክእለት ምሃብ ውሳነ

ዒላማ፦ ክእለት ምሃብ ውሳነ ንምምዕባል ልምምድ ይገብሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ፀወታታት ምንቅስቓስ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ እዋን ነፃ ፀወታ እንታይ ክትፃወቱ ትደልዩ? ምስ ብዓል መን ክትፃወቱ ትደልዩ? እናበልካ ምሕታት፣
- ካብ ላስቲክ ኩዕሾን ጨርቂ ኩዕሾን በየናይ ምፅዋት ደስ ይብለኩም? ዝብሉን ካልኦት ሕቶታት ብምሕታት ምሃብ ውሳነ ክለማመዱ ዕድል ምሃብ፣
- ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣምታት ህፃናት ውሳነ ንምሃብ ኣብዝምቹ ኩነታት ክሳተፉ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ ፦ ክእለታት ምሃብ ውሳነ ምልምማዶም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ብባዕልኻ ምትእምማንን ንባዕልካ ክብሪ ምሃብን፣ | 1.2 ንባዕሎም ምስ ካልኦት ብምውድዳር ምግላፅ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፦ ብዛዕባ ኣከባብራ ዕለተ ልደት ምዝራብ

ዒላማ፡- ብዛዕባ ኣከባብራ ዕለተ ልደቶም ምዝራብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሕብራዊ እርሳስ፣ ኮላ፣ ብዓል ሕብሪ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብዓል ዕለተ ልደት እንትኽበር ናይመን ልደት እዩ? ናታትኩም ከ መዓዝ እዩ ዝኽበር? እናበልካ ምሕታት፣
- ዝተወለድሉ ዕለት ዘኽብርሉ መዓልቲ መዓዝ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምብርትታዕ።
- ዕለተ ልደቶም ከመይ ከምዝኽበር ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር፣
- ክላሰር ብዝተፈላለየ ዓቐን ቆራሪፅካ ምድላው፣
- ኮላን ብዓል ሕበራዊ ወረቐትን ተጠቒምካ ፃውዒት ካርዲን መግለፂ ሰናይ ትምኒትን ካርድታት ከመይ ክምዝዳሎ ምርኣይ፣
- ኣድላይቲ ዝበሃሉ ናውትታት ንህፃናት ምዕዳል/ምሃብ።

| |
|---|
| መዘክር ፡- እዚ ትሕዝቶ ኣብ ሓደ ማዕልቲ ምውዳእ ስለዘይክኣል ኣብ ተኸታታሊ ክፍለ ጊዜ ክትግበር ይግባእ። |

ተፍትሽ ፡- ብዛዕባ አከባብራ ዕለተ ልደቶም ምዝራብ ምኽኣሎምን ምግምጋም።

ዒላማ፦ ንባዕሎም ምስ ካልኦት እናወዳደሩ ሓሳቦም ምግላፅ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ መስትዋት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- መስትዋት ክርእዩን ነኒ ባዕሎም ክርኣኣዩ ምግባር፣
- ንባዕሎም ምስ መሓዙቶም እናወዳደሩ ክዛረቡ ምግባር፣
- ምዝራብ እንተ ኣብዮም መበገሲ ሓሳብ ብምሃብ፣ ኣብነት ንሳ ነዋሕ እያ ንስኻ/ኺ ኸ ? ውዘተ እናበልና ነኒ ባዕሎም ክወዳደሩ ምብርትታዕ።

ተፍትሽ፦ ንባዕሎም ምስ ካልኦት እናወዳደሩ ምግላፅ ምኽኣሎም ምግምጋምን ምርግጋፅን።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ብባዕልኻ ምትእምማንን ንባዕልካ ክብሪ ምሃብን፣ | 1.3 ኣብ ክሊ ፀወታ ዝህልዉ ዘይምስምምዓትን ጐንፅታትን ምፍታሕ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፦ ብጉጅለ ምፅዋት

ዒላማ፡- በቢ ጉጅለ ኮይኖም ምፅዋት ይኽእሉ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ኣብ ቀፅርን ካብ ቀፅርን ኣፀደ ህፃናት ወፃኢ ዝርከቡ መፃወቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካብ ክፍሊ ወፃኢ ህፃናት ኣብ ክልተ ጉጅለ ምምዳብ፣
- ኣካላዊ ብቕዓቶም ብምርኣይን ብምምጥጣንን ኣብ ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ውድድር ክሳተፉ ምግባር። ንኣብነት፡- ቅብብል በትሪ፣ መንዲለይ ዶ ሪኢኹም ወዘተ
- ውፅኢታዊ ጉጅለ ንክህልዉ ብሓባር ምስራሕ፤ ምትሕብባር፣ ምትሕልላይ፣ ንኣባላት ጉጅለኻ ምብርትታዕ ዝብሉ ነገራት ከማዕብሉ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ኣብ ኣብ ፀወታ ጉጅለ ምፅዋት ዝኽእሉን ዘይኽእሉን ምኧኖም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ብሕብረት ምዝማር ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ኣብ መረባ/ቀፅሪን ካብ መረባ/ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት ወፃኢ ዝርከቡ መፃወቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካብ ክፍሊ ወፀኢ ህፃናት ክጉጅሉ ብምግባር ሕድሕድ ጉጅለ ብዝመረፅዎ መዝሙር ብሕብረት ክዝምሩ ምግባር፣
- መተሓባበሪ ጉጅልኦም መሪፆም ምስ ወድኡ ንመምህር ቀስ ኢሎም ክዛረብዎ ምግባር/ሓደ ጊዜ ምስተመረፀ ምቕያር ኣይፍቀድን።/
- ሕድሕድ ጉጅለ በቢ ተራ ናብ መድረኽ ብምውፃእ መተሓባበሪ እቲ ጉጅለ 1፣ 2፣ 3፡ ኢሉ ምስቆፀረ ብድሕሪኡ ብሓባር ክዝምሩ ምግባር፣
- ኣየነያይ ህፃን ብግቡእ ከምዝዘመረ ንምፍላጥ ምስቶም ህፃናት ሓቢርካ ምዝማር፣
- በዚ ኣገባብ ኩሎም ጉጅለታት ንዝመረፅዎ መዝሙር ብሕብረት ክዝምሩ ብምግባር ስራሕቶም ክግምግሙን ክለማመዱን ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ብሕብረት ምዝማር ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፡- ብሕብረት ምዝማር



ተግባር ሰለስተ፡- ብሕብረት ምስራሕ

ዒላማ፡- ብሕብረት ምስራሕ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብሕብረት ዝሰርሑ ህፃናት ዘርኢ ፎቶግራፍ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብሕብረት ዝሰርሑ ህፃናት ዘርኢ ፎቶግራፍ ኣብ ቅድሚ ህፃናት ምስቃል፣
- ብዛዕባ እቲ ስእሊ /ፎቶግራፍ/ ህፃናት ክመያየጡ ምግባር፣
- ብምቕፃል ህፃናት በቢ ጉጅለ ብምምዳብ ዝተፈላለየ ሓላፍነት ስራሕ ምሃብ፣

  ኣብነት፡- ፅሬት መረባ፣ ፅሬት ክፍሊ ወዘተ.
- በቢ ጉጅልኡ ዝስርሑ ስራሕቲ እናዞርካ ምርኣይ፣
- ረብሓን ውፅኢትን ብሕብረት ምስራሕ ከመይ ከምዝሕግዝ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ብሕብረት ምስራሕ ምልምማድ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ብፅሒት ስራሕካ ምውፃእ

ዒላማ፡- ብፅሒት ስራሕካ ምውፃእ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብሕብረት ዝሰርሑ ህፃናት ዘርኢ ፎቶግራፍ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ኣብ ገዛኦም ምስ መን ከምዝነብሩ ምሕታት፣
- ኣብ ገዛኦም ምስ ሓቢሮምዎም ዝነብሩ ሰባት ብምንታይ ዓይነት ስራሕ ከምዝሕግዝዎም ምሕታት፣
- ህፃናት ዝተፃወትሉ ናውትታት ፀወታ ምእካብ፣ ኣብ ገዛኦም ወለዶም ብስራሕ እንትፅመዱ ንኣናእሽተን ኣሕዋቶም ብምሕብሓብ ንወለዶም ምሕጋዝ፣ ክገብሩ ከምዘለዎም ምግንዛብ፣
- ወለዶምን ዓበይቲ ኣሕዋቶን እንትልእኽዎም ብግቡእ ከዳምፁ ከምዘለዎም፣ ክልኣኹ ከምዘለዎም፣ እንቢ ምባል ትኽክል ከምዘይኰነ ዝተፈላለዩ ዓርሰ ተዃንፎን ነበረያ ነበረ ብምዝንታው ነቲ ነገር ክርድእዎ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ዝተውሃቦም ብፅሒት ስራሕ ብኣግባቡ ዝተዋፅኡ ምኧኖም ምግምጋም።

ተግባር ሓሙሽተ፡- ንካልኦት ምሕጋዝ

ዒላማ፡- ንካልኦት ምሕጋዝ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሰባት እናተሓጋገዙ ስራሕ እንትሰርሑ ዘርኢ ስእሊ ፎቶግራፍ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ኣብ ምፅራይ መምህሪ ክፍሊ፣ ናውቲ ምግብናን መደቀስን ምስ መምህራኖም ሓቢሮም ክሰርሑ ብምግባር ክእለት ምትሕግጋዝ ከማዕብሉ ምግባር፣
- ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝረኽብዎም ዝተፈላለዩ ተጓንፎታት ንወለዶም ከብፅሕሎም መምህራን ክሕግዝዎም ይግባእ፣

ተፍትሽ ፡- ንካልኦት ምሕጋዝ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሽዱሽተ፡- ብሕብረት ምፅዋት

ዒላማ፡- ብሕብረት ምፅዋት ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ኣብ መረባ/ቀፅሪን ካብ መረባ/ቀፅሪ ወፅኢ ኣፀደ ህፃናት ዘለዉ መፃወቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካብ መረባ/ቀፅሪ ወፃኢ ዝርከቡ መፃወቲ ናይ መን ከምዝኾኑ፣ እንታይን እንታይን ዓይነታት መፃወቲ ከምዝኾኑ፣ በዝሖም ክንደይ ዝኣክል ከምኾነ፣ ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ኣብ መረበኦም/ቀፅሮም ዝርከቡ መፃወቲ ከመይ ምፅዋት ከምዘለዎም፣ በየናይ ዓይነተ መፃወቲ ክፃወቱ ከምዝፈትዉ ምምይያጥ፣
- ኣብ መረባ/ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት ዝርከቡ መፃወቲ ናይ ኩሎም ህፃናት ከምዝኾኑን ወረፋኦም ሓልዮም ክፃወቱ ከምዘለዎም ምርዳእ፣
- ብስርዓት ምፅዋት ተዘይክኢሎም፣ ኣብ መጀመርያ መጠንቀቕታ ቃል ምሃብ በዚ ተዘይ ተኣረሞም ንዝተወሰነ ደቓይቕ ካብቲ ፀወታ ምእጋድ ስርዓት ክመሃሩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ብሕብረት ምፅዋት ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ፀወታ ውድድር ምፅዋት ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ኣብ መረባ/ቀፅሪ ካብ መረባ/ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት ወፀኢ ዝርከቡ መፃወቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ መረባ ኣፀደ ህፃናት ዝርከቡ መፃወቲ ተጠቒሞም በቢ ጉጅለኦም ኰይኖም ክፃወቱ ምግባር፣
- ፀወታ ውድድር ምስ ተፃወቱ ምስቲ ዝተዓወተ ጉጅለ ሓቢሮም ክዝምሩን ክፃወቱን ኩነታት ምምችቻውን ምብርትታዕን፣

  ንኣብነት፡- ጉያ፣ ኩዕሶ እግሪ፣ በትሪ ቅብብል፣ ወዘተ.
- ዝተስዓረ ጉጅለ ስዕረቶም ብፀጋ ክቕበሉ ከምዘለዎምን ንሰም ድማ ካሊእ መዓልቲ ክስዕሩ ከምዝኽእሉ ክፈልጡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ፀወታ ውድድር ምፅዋት ምኽኣሎም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ተግባራት ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምፍላይን ምግላፅን፣ | 2.1 ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ምፅራሕ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት እናዛመድካ ምፅዋት

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሰሌዳ መዛመዲ ክፍሊ ኣካል ሰወነት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- መዛመዲ ሰሌዳ ክፍሊ ኣካል ሰወነት ኣብ ሕድሕድ ጠረጴዛ ኰፍ ምባል፣
- ፀወታ ምዝማድ ክፃወቱ ምግባር፣
- ህፃናት እንትፃወቱ እናዞርካ ምርኣይ፣
- እንታይ ምስ እንታይ ክፍልታት ሰወነት ከምዘዛመዱ ብምሕታት ክዛረቡ ዕድል ምሃብ፣

ተፍትሽ ፡- ክፍሊ ኣካል ሰውነቶም እናተፃወቱ ምዝማድ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ክፍልታት ሰዉነት ምስ ተግባራቶም ምዝማድ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእሊ ክፍሊ ኣካላት ሰወነት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣

  ኣብነት፡- ብኢደይ የጣቕዕ፣

  ብእግረይ ይዘልል፣

  ብኣዕንተይ ይርኢ

  ድንን ኢለ ኢድ ይነስእ፣

  ብኣፍጫይ የጫኑ/የሽትት

- ነቲ መዝሙር ክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም እናተጠቐሙ ንክዝምሩ ምግባር።

ተፍትሽ ፦ ክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም ምስ ትግባራቶም ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምስ ትግባራቶም ምዝማድ



ተግባር ሰለስተ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ዝርከበሉ ኣንፈት ምሕባር

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ዝርከበሉ ኣንፈት ምሕባር ይኽእሉ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ስእሊ ክፍልታት ሰወነት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ዘርኢ ምስሊ ኣብ ዝርአ ቦታ ምንጥልጣል፤ እቶም ህፃናት ናፍቶም ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት በኢዶም እናተኹሩ ስሞም ክፀርሑ ምግባር፣
- ህፃናት ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም እናርኣዩን ስሞም እናፀርሑን በየናይ ኣንፈት ከምዘለዉ ይሕብሩ።

ለምሳሌ፡-ፀጋም፣ የማን፣ ቅድሚት፣ ድሕሪት፣ ወዘተ…

ተፍትሽ ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ዝርከብሉ ኣንፈት ምዝራብ ምኽኣሎምን ዘይምኽኣሎምን ምግምጋም።


ተግባር ኣርባዕተ፡- ምፍላይ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ዝርከበሉ ቦታታት

ዒላማ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ዝርከበሉ ቦታታት ምፍላይ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝጐደለ ክፍሊ ኣካል ሰወነት ዘለዎ ስእሊ ሰብ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝጎደለ ክፍሊ ኣካል ሰወነት ዘለዎ ምስሊ ኩሎም ተምሃሮ ኣብዝርእይዎ ቦታ ምስቃል
- ዝጎደለ ክፍሊ ኣካል ሰዉነት እንታይ ከምዝኾኑ ስሞም ክፀርሑ ምግባር።
- ኣብ ታሕቲ ካብ ዝቐረቡ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ነቶም ዝጎደሉ እናልዐሉ ኣብ ቦትኦም ክምልኡ ምግባር



መዘክር፡- እዚ ተግባር ብመልክዕ ፐዝል ምቕራብ ይከኣል።

ተፍትሽ ፡- ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ዝርከብሉ ቦታ ምፍላይ ምኽኣሎምን ዘይምኽኣሎምን ምግምጋም።

ዒላማ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ነጠብጣብ እናገጣጠሙ ምስኣል ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብነጠብጣብ ዝተስኣለ ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብነጠብጣብ ዝተስኣለ ምስሊ ሰብ ዘርኢ ምስሊ ንህፃናት ምሃብ
- ነቶም ነጠብጣብ እናገጣጠሙ ክስእሉ ምግባር።



ኣብነት፡-

- ህፃናት እንትስእሉ እናተዘዋወርካ ምርኣይ፣

ተፍትሽ ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ነጡብጣብ እናገጣጠሙ ምስኣል ምኽኣሎምን ዘይምኽኣሎምን ምግምጋም።

ተግባር ሓሙሽተ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ነጠብጣብ እናገጣጠምካ ምስኣል



ተግባር ሽዱሽተ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብሞዴል ምስራሕ

ዒላማ፦ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብሞዴል ምስራሕ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝቦኽዐ ወረቐት፣ ጭቃ/መጣቕ፣ ስእሊ ክፍሊ ሰዉነት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዋና ዋና ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ንክዝክሩ ምሕታት
- ዝቦኽዐ ወረቐት፣ መጣቕ/ ጭቃ/፣ ተጠቒምካ ምስሊ ሰብ ከመይ ከምዝስራሕ ብቅደም ስዒብ ምርኣይ።
- ብዝርኣይዎ ቅደም ስዒብ ተኸቲሎም ንክሰርሑ እናዓቀንኻ ዝቦኽዐ ወረቐት ወይ መጣቕ ምሃብ፣
- ቅርፅታት እንትሰርሑ ኣናዘርካ ኣድላዪ ሓገዝ ምግባር፣
- ዝሰርሕዎ ቅርፂ መእንታን ክነቅፅ ኣብ ምቹዉ ቦታ ከቐምጥዎ ምግባር፣
- ንዝሰርሕዎ ስራሕ ቅርፂ ናእዳ ምሃብ
- ስራሕቲ ህፃናት እናተዘዋወሩ ክርእዩ ብምግባር ነኒ ባዕሎም ክነኣእዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ብቅርፂ ምስርሖም ምኽኣሎምን ምግምጋም።

ተግባር ሸውዓተ፦ ምዝማድ ምንቅስቓስ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት

ዒላማ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ምስ ምንቅስቓሶም የዛምዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሰሌዳ መዛመዲ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ምስ ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ዝተተሓሓዙ መዝሙራት ክዝምሩ ምግባር፣

  ብዛዕባ ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ዘለዉ ግጥምታት ህፃናት ሰሌዳ ምዝማድ ተጠቒሞም ከዛምዱ ምግባር

- ዘዳመፅዎ ግጥሚ መሊሶም ክዛረብዎ ምግባር

  ኣብነት፡- ሙሉ እየ ብምንቅስቓስ ምልምማድ፣

  ኣነ ንኡሽተን ቈልዓ እየ ንኡሽተን ቈልዓ፣

  ኣናእሽተን ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ኣለዉኒ፣

  መሸዲየይ ኣናእሽተን እግሪ ኣለዉኒ፣

  ኣነ ንኡሽተን ቈልዓ እየ ንኡሽተን ቈልዓ፣

  ኣናእሽተን ኣእዳው መፃወቲ ኣለዉኒ፣

  ኣነ ንኡሽተን ቈልዓ እየ ንኡሽተን ቈልዓ፣

  ዝርእየሎም ኣዕንቲ ኣለዉኒ፣

  ኣነ ንኡሽተን ቈልዓ እየ ንኡሽተን ቈልዓ፣

  ዝሰምዐሎም ኣናእሽተን እዝኒ ኣለዉኒ፣

  ኣነ ንኡሽተን ቈልዓ እየ ንኡሽተን ቈልዓ፣

- ዓብዪ ጕማ፣ ኣናእሽተን ጕማ ዝብሃል ፀወታ ምንቅስቓስ ክፃወቱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምስ ምንቅስቓሶም ምዝማድ ምኽኣሎም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ተግባራት ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ይፈልዩን ይገልፁን። | 2.2 ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነትና ዝፍፅምዎም |

| | |
|---|---|
| | ዝተፈላለዩ ተግባራት ብትኽክል ምግላፅ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፦ ምዝራብ ተግባራት ክፍሊ ኣካል ሰዉነት

ዒላማ፦ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምዝራብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፦ ሰሌዳ መዛመዲ ክፍሊ ኣካል ሰዉነት/ለቶ/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም እነወፅኡ ብወረፉ ተግባራት ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ክዛረቡ ምብርትታዕ፣

  ንኣብነት፦ ዓይኒ፦ ምርኣይ፣ ኣፍንጫ፦ ምጭናው/ንምሽታት፣ ስዓል እንትሕዘና ፈሳሲ ንፋጥ ምውፃእ፣ ወዘተ.
- "ኣነ ንኡሽተን ቈለዓ እየ" ዝብል ግጥሚ ክዛረቡን ኣብቲ ግጥሚ ዘለዉ ምንቅስቓስ ምስተ ግጥሚ እናዛመዱ ከቕርቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ተግባር ክልተ፦ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፦ ምዝማድ ተግባራት ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም ምስ ስራሕቶም

ዒላማ፦ ተግባራት ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም ምስ ስራሕቶም የዛምዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ሰሌዳ መዛመዲ/ሉቶ/ ክፍሊ ኣካል ሰዉነት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ሰሌዳ መዛመዲ/ሎቶ/ ተጠቒምካ ምስ ዝተረቑሑ ተግባራት ከዛምዱ ምግባር፣
- ክፍልታት ሰዉነትን ተግባራቶምን ኣብ ሰለሌዳ ብምፅሓፍ ከዛምዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካል ሰዉነትና ምስ ዝሰርሕዎም ተግባራት ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ብፀወታ ክፍሊ ኣካል ሰዉነትና ምግላፅ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ መፅሓፍ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ወይ ዛንታታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ተጠቒምካ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ክፃወቱ ምግባር፣

  ንኣብነት፦ ሕንቅል ሕንቅሊተይ

  ሰናቢ.ተይ

  ዘይራ ዘይራ መኸደኒኣ ጭራሮ ፍለጡለይ

  መልሲ .....ዓይኒ ወዘተ.

ተፍትሽ፦ ብፀወታ ክፍሊ ኣካል ሰዉነትና ምግላፅ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ፦ ብፀወታ ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ምግላፅ



ተግባር ኣርባዕተ፦ ብፀወታ ተግባራት ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ምግላፅ።

ዒላማ፦ ተግባራት ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ብፀወታ ምግላፅ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ወንበር፣ ከበሮ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣያ ዝብኢ፣ ሓምለዋይ ሓምለዋይ፣ ምንጥል ወንበርን ካልኦት ተመሳሳሊ ምንቅስቓስ ዘለዎም ፀወታ ክፃወቱ ምግባር፣
- ድሕሪ ፀወታ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም ዝፈፅምዎም ተግባራት ክዛረቡ ምግባር፣

ኣብነት፦ እግሪ ንምጉያይ፣ ኢድ ንምጥቓዕ/ንምንጭብጫብ

ተፍትሽ ፦ ብፀወታ ተግባራት ክፍሊ ኣካል ሰዉነትና ምግላፅ ምኽኣሎም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 3. ክንክን ዓይኒ | 3.1 ኣዒንቶም ብግቡእ ምክንኻንን ምሓዝን ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፦ ምዝራብ ረብሓ ዓይኒ

ዒላማ፡- ረብሓ ዓይኒ ምዝራብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእሊ ዓይኒ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ረብሓ ዓይኒ እንታይ እዩ ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ክመያየጡ ምግባር፣
- ብዓብይኡ ዝተስኣሉ ክልተ ተመሳሰልቲ ስእልታት ዓይኒ ክርእዩ ብምግባር ኣፈላለዮም ክዛረቡ ምግባር፣
- ኣፈላላይ እቲ ስእሊ ከመይ ከምዝፈለጥዎን በየናይ ክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም ከምዝፈለጥዎን ምሕታት፣
- ኣብ መምህሪ ክፍሎም ዝርእይዎም ነገራት ክዛረቡ ምግባር፣
- ክልተ ዓይኖም ክሽፍኑ ብምግባር ዝርእይዎ ነገር እንተሃለየ ምሕታት፣
- ብዓይንና እንታይ ነገር ክንገብር ንኽእል ዝብል ሕቶ ብምሕታት ክምልሱ ምግባር፣ ኣብነት፡- ብዓይንና ንርእይ፣ ንሰባት ነድንቐሉ፣ እንትንሓዝን ንበኽየሉ ወዘተ ክብሉ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ረብሓ ዓይኒ ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ንዓይኒ ዝግበር ክንክንን ጥንቃቐ ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብዓብይኡ ዝተስኣለ ምስሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዓይኖም እንድሕር ድኣ ሓሚሙን ተጎዲኡን ኲይኑ ምርኣይ ከምዘይክእሉ ንክርድኡ ዝተፈላለዩ ኣብነታት ወይ ተጓንፎታት ምዝራብ፣
- ዓይኖም ክከናኸኑ፣ ብፅሬት ክትሕዙ፣ ዝኾነ ነገር ናብ ዓይኖም ከየእትዉ፣ ሃመማን ካልኦት በረርቲ ነፍሳት ኣብ ዓይኖም ከይዓርፉ ክከላኸሉ ከምዘለዎም ክርድኡ ምግባር፣
- ሓምለዎት ተኽልታት ኣብነት፡- ጐመን፣ ቆስጣ፣ ሰላጣ፣ ካሮት፣ ንዓይንና ጠቓምቲ ምዃኖም ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ንዓይኒ ዝግበር ክንክንን ጥንቃቐ ዝተረድኡ ምዃኖም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡- ንዓይኒ ዝግበር ክንክንን ጥንቃቐን ምርዳእ።



ተግባር ሰለስተ ፡- ንምርኣይ ዝተስኣኖም ሰባት ምግንዛብ

ዒላማ፡- ንምርኣይ ዝተስኣኖም ሰባት ምርዳእ።

ናውቲ መምህሪ·ምህሪ፡- ብዓብይኡ ዝተስኣለ ምስሊ ዓይኒ፣ ብሬል፣ ስእሊ ብሬል፣ ስእሊ ምርኣይ ዝተስኣኖም ሰባት ዝጥቀምሉ በትሪ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ከባቢኦም ምርኣይ ዝተስኣኖም ወገናት ምህላዮምን ርእዮም ዝፈልጡ ምኻኖምን ምሕታት
- ምርኣይ ዝተስኣኖም ሰባት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ንምንቅስቓስ ናይ ባዕሎም በትሪ/ኬን/ ዝጠቀሙ ምኻኖም ምዝራብ፣
- ምርኣይ ዝተስኣኖም ሰባት ናይ ባዕሎም መፅሐፍን ዝፅሕፍሉ ወረቐትን ከምዘለዎም ምዝራብ/ብሬል፣ ስታይለስን ሰሌትን/

መዘክር፡- እንተተኻኢሉ እቶም መሳርሒታት ተምሃሮ ክርእይዎም ምግባር ፅቡቕ እዩ።

ተፍትሽ ፡- ንምርኣይ ዝተስኣኖም ሰባት ምሕጋዝ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 4. ምክንኻን እዝኒ | 4.1 እዝኖም ብጥንቃቐ ይትሕዙን ይከናኸኑን። |

ተግባር ሓደ፡- ምዝራብ ረብሓ እዝኒ

ዒላማ፦ ረብሓ እዝኒ ምዝራብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ መፅሓፍ ነበረያ ነበረ፣ ስእሊ ሰብ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣእዛኖም ኣየናይ ከምዝኸሎን፣ ከርእዩን ብኢዶም ደፊኖም እንታይ ይሰምዑ ከምዝለዉ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ፣
- ኣብቲ ከባቢ ነፋስ እንትነፍስ፣ ድምፂ መኪና፣ ዝርርብ ሰባት፣ መምህር ሕቶ እንትሓትት፣ ዛንታ እንትዝንቶ ነዳምፆም ድምፅታት ብእዝንና ምኻኑ ክርድኡ ምግባር፣
- ምስማዕ ዝተስኣኖም ሰባት ምስ ካልኦት ከመይ ከምዝረዳዱ ሕቶ ብምቕራብ ክመያየጡ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ረብሓ እዝኒ ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ

ተግባር ክልተ፦ ንእዝኒ ክግበረሉ ዝግባእ ክንክንን ጥንቃቐን ምርዳእ

ዒላማ፡- ንእዝኒ ክግበረሉ ዝግባእ ክንክንን ጥንቃቐን ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ፍላፅ ዕንጨይቲ፣ ዕንቍ፣ ሽንጣር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣእዛኖም ሓሚሞም ዝፈልጡ ምኺኖምን ዘይምኺኖን ምሕታት፣
- እዝኖም ብጥንቃቐ እንድሕር ዘይትሒዞምዎ ክሓሙ ከምዝኽእሉ ምርዳእ፣
- ናብ እዝንና እስክርቢቶ፣ ዕንፀይቲ፣ ክርቢት ወዘተ ክነእቱ ከምዘይብልና ክርድኡ ምግባር፣
- ኣብ ማይ ይኹን ሑፃ ኣብ ዘለዎ ከባቢ እንትፃወቱ ማይን ሑፃን ናብ እዝኖም ከይኣትዉ ጥንቃቐ ክገብሩ ከምዘለዎም ምርዳእ፣
- ወለዶም ወይ ዓበይቲ ኣሕዋቶም እዝኖም እንተፅርዩ ዋላ እንተርኣዩ ባዕሎም ክፍትኑ የብሎምን ንወለዶም ወይ ኣሕዋቶም ኣፅርዩልና ክብልዎም ምዝራብ፣

ተፍትሽ ፡- ንእዝኒ ክግበረሉ ዝግባእ ክንክንን ጥንቃቐን ዝተረድኡ ምኺኖም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ስእሊ እዝኒ ምስኣል ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር/፣ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ስእሊ ሰብ ኣብ ቅድሚኦም ክቐመጥ ብምግባር፣ ከመይ ከምዝስኣል ምርኣይ፣
- ክስእሉ ከለዉ ንእዝኒ እዉን ሓዊሶም ክስእሉ ከምዘለዎም ምዝኽኻር፣
- ስኢሎም እንትውድኡ ስራሕቶም ምስ መሓዙቶም ክለዋወጡ ብምግባር ከድንቑ ምግባር መምህር ድማ ድሕሪ ምድናቕ ኣብ ቀፃሊ ከመሓይሽዎ ዝግባእ ግቡእ ርኢቶ ምሃብ

ተፍትሽ ፡- ንእዝኒ ክግበረሉ ዝግባእ ክንክንን ጥንቃቐን ዝተረድኡ ምኻኖም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 5. ንኣፍንጫ ግቡእ ክንክን ምግባር | 5.1 ፅቡቕን ሕማቕን ጨና ይፈልዩ። |

ተግባር ሓደ፡- ምፍላይ ፅቡቕን ሕማቕን ጨና

ዒላማ፡- ምፍላይ ፅቡቕን ሕማቕን ጨና ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ቆፅሊ ቀላሚንጦስ፣ ጨና ኣዳም፣ ዳማካሴ፣ ሙዝ፣ ኣራንሽን ስእሊ ዝተፈላለዩ ኣሕምልቲ ገደናን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ጨናኡ ዘይወድአ ተኽሊ ሕዝካ ምእታው፣ ኣብነት ቆፅሊ ቀላሚንጦስ፣ ጨና ኣዳም፣ ደማካሴ ከጫንዉ/ከሽትቱ ብምግባር ህፃናት ዘርእይዎ ባህሪ ምክትታል፣
- ህፃናት ሕቶ እንድሕር ዘይሓቲቶም፣ መምህር እንታይ ዓይነት ጨና ከምዘጫነዉ/ከምዘሽተቱ ምሕታት፣
- ኣየናይ ክፍሊ ኣካሎም ተጠቒሞም ምጭናው ከምዝኽኣሉ ምሕታት፣
- ካብ ካባቢኦም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ነገራት ፅቡቕን ሕማቕን ጨና ዘለዎም ነገራት ክዛረቡ ምግባር፣

  ኣብነት፣ ጨና ፀብሒ ደርሆ፣ ጨና ሽቓቕ፣ ጨና ኬክ

ተፍትሽ ፡- ፅቡቕን ሕማቕን ጨና ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፡-ዝተፈላለዩ ነገራት ብጨና ምፍላይ

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ነገራት ብጨና ምፍላይ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ቆፅሊ ቀላሚንጦስ፣ ጨና ኣዳም፣ ዳማካሴ፣ ሙዝ፣ ኣራንሽን ስእሊ ዝተፈላለዩ ኣሕምልቲ ገደናን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ቅድሚ ሐዚ ዝፈልጥዎም ዘተፈላለየ ጨና ዘለዎም ከጫንዉ/ከሽትቱ ምግባር፣ ኣብነት፡- ጨና ኣዳም፣ ዳማካሴ፣ ሙዝ፣ ኣራንሺ፣ለሚንን ወዘተ.
- ነቶም ዝተፈላለዩ ተኽልታት ከጫንዉ ብምግባር ደስ ዝብልን ዘይብልን ጨና ዘለዎ ክፈልዩን ክዛረቡ ምግባርን፣
- ስእሊ ዝተፈላለዩ ተኽልታት ክርእዩ ብምግባር ዘለዎም ጨና ክዛረቡ ምግባር፣
- መፍለዩ ጨና ጀግ ተጠቒምካ ዝተፈላለየ ጨና ዘለዎም ተኽልታት ህፃናት ብዓይኖም ከይርኣዩ ብዓይኖም ከይርኣዩ ነቲ ተኽሊ ካብቲ ጀግ እናውፅኡ ብምጭናው ክፈልዮምን ናይ መን ኰዝኾኑ ክዛረቡ ምግባርን፣

"እጫኒኻ ፍለጥ" ዝብል ፀወታ ክፃወቱ ብምግባር፣ ዘጫነውዎ ክዘረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ነገራት ብጨንኦም ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ፡- ምፅራይ ኣፍንጫ

ዒላማ፦ ኣፍንጫኦም ምፅራይ ይኽእሉ።

ናውቲ መምሀሪ መስተምሀሪ፦ መንዲል፣ ሶፍት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣፍንጫኦም ከመይ ከምዘፅርዩ ሕቶ ብምቕራብ ክመያየጡ ምግባር፣
- ኣፍንጫ ንምፅራይ ኣብዝደልየሉ እዋን መንዲል ወይ ሶፍት ክጥቀሙ ከምዘለዎም ምርዳእ፣
- ስዓል እንትሕዞም ኣብ ኣፍጥጫኦም እንታይ ዓይነት ለውጢ ከምዝርአይ ብምሕታት ክመያየጡን ሓሳቦም ከቕርቡን ምግባር፣
- ስዓል እንትሕዞም ኣፍንጫኦም ከመይ ከፅርዩ ከምዝግብኦም ክመያየጡ ምግባር፣
- ኣብ ሽቓቕ ተፀራርዮም እንትውድኡ ዝተጠቐምሉ ወረቐት ኣብ ግቡእ መቐመጢ ጉሓፍ/ወረቐተ ከቐምጥዎ ከምዘለዎም ግንዛበ ክህልዎም ምግባር፣
- መንዲሎም በቢ ማዕልቱ ክሕፅብዎን ምስ ነቀፀ ክጥቀምሎም ምርዳእ፣

ተፍትሽ ፦ ኣፍንጨኦም ምፅራይ ከምዝኽኣሉ ምግምጋም።

ዒላማ፡- ኣፍንጫኦም ምክንኻን ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእሊ ኣፍንጫ፣ በለሕቲ ነገራት፣ ጠረምረ ወዘተ.

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣፍንጫ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት እንተተበኪሉ ከጫኑ ዘይኽእል ምኻኑ ምዝራብ፣
- ናብ ኣፍጥጫና በላሕቲ ዝኾኑ ነገራት ከም እስክርቢቶ፣ እሳስ፣ ዝበሉ ነገራት ክነእቱ ከምዘይብልና ምዝራብ፣

ተፍትሽ ፡- ንኣፍንጨኦም ክንክን ምግባር ምልምማዶም ምግምጋም።

ተግባር ሓሙሽተ፡- ስዓል እንትሕዘና ክንገብሮ ዝግብእና ጥንቃቐ

ዒላማ፡- ስዓል እንትሕዘና ክንገብሮ ዝግባእና ጥንቃቐ ይርድኡ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- መንዲል፣ ሰፍት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ሰባት ስዓል እንትሕዞም ከመይ ይስዕሉ ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ክመያየጡ ምግባር፣
- ሰባት እንትስዕሉ ካብ ገፅ ሰብ ዘወር ኢሎምን ኣፎም ሸፊኖም ክስዕሉ ከምዘለዎም ምዝራብ፣
- ኣፎም ሸፊኖም እንድሕድ ዘይስዒሎም ኣብቲ ስዓል ውሽጢ ዝርከቡ ሕማም መተሓላለፍቲ ተህዋስያን ናብ ካሊእ ሰብ ዝመሓላለፉ ምኜኖም ምዝራብ፣
- ህፃናት ከመይ ክስዕሉ ከምዘለዎም ብተግባር ምርኣይን ነቲ ዝረኣይዎ ተግባር መሰረት ገይሮም ክለማመዱ ምግባር፣
- ካብዚ ብተወሳኺ ህፃናት ስዓል እንትሕዞም ካብ ምስዓል ብተወሳኺ ዓኽታ ክህልዎም ስለዝኽእል ነቲ ዓኽታ ብሶፍ ጠቕሊሎም ኣብ መቐመጢ ጉሓፍ ከቕምጥዎ እንበር ፈቐዶ ቦታ ክድርብይዎ ከምዘይብሎም ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ስዓል እንትሕዘና ክንገብሮ ዝግባእና ጥንቃቐ ዝተረድኡ ምኜኖም ምግምጋም።

ተግባር ሽዱሽተ፡- ቅርፂ /ሞዴል/ ኣፍንጫ ምስራሕ

ዒላማ፡- ቅርፂ ኣፍንጫ/ሞዴል/ ይሰርሑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝቦኸዐ ወረቐት፣ መጣቕ/ጭቃ፣ ብሞዴል ዝተሰርሐ ቅርፂ ኣፍንጫ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብሞዴል ዝተሰርሐ ቅርፂ ኣፍንጫ ኩሎም ህፃናት ኣብዝርእይሉ ቦታ ምስቃል
- ብዝቦኸዐ ወረቐት፣ መጣቕ/ጭቃ/ ሞዴል ኣፍንጫ ከመይ ከምዝስራሕ ምርኣይ፣
- ንሕድሕድ ህፃን ብዝቦኸዐ ወረቐት፣ መጣቕ/ጭቃ/ ብምሃብ ሞዴል ኣፍንጫ ክሰርሑ ምግባርን ምክትታልን፣
- ኣብ መወዳእታ ነቲ ዝሰርሕዎ ሞዴል ምድናቕ

ተፍትሽ ፡- ቅርፂ ኣፍንጫ ብሞዴል ምስራሕ ምኽኣሎም ምክትታል።

ዒላማ፡- ብክፍልታት ሰዉነት ፀወታ ፐዝል ምፅዋት ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ፀወታ ፐዝል ብክፍሊ ኣካላት ሰዉነት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለዩ ፐዝል ዘለዎም ፀወታታት ዝሓዘ ክፍሊ ኣካል ሰዉነት ኣብ ጠረጴዛኦም ምቕማጥ፣
- ንዑም ፐዝላት ክገጣጥሙ ምግባር፣
- ነቲ ፐዝል እንትፃወቱ ቅርፂ ኣፍንጫ ኣብ ግቡእ ቦታኡ ምቕማጦም ምርግጋፅ

ተፍትሽ ፡- ብክፍልታት ሰዉነት ፐዝል ምፅዋት ምኽኣሎም ምክትታል።



ተግባር ሽውዓተ፡- ብክፍልታት ሰዉነት ፀወታ ፐዝል ምፅዋት

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 6. ንመልሓስን ኣፍን ክንክን ምግባር | 6.1 ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ዘለዎም ዝተፈላለዩ ምግቢታት ምጥዕዓምን ምድናቕን ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፦ ኣብ ኣፍ ዝርከቡ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምዝራብ

ዒላማ፡- ኣብ ኣፍ ዝርከቡ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ምዝራብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብዓብይኡ ዝተስኣል ስእሊ ኣፍ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ብዓብይኡ ዝተስኣለ ስእሊ ኣፍ ክርእይዎ ብምግባር ኣብ ውሽጡ እንታይን እንታይን ዝብሃሉ ክፍለ ኣካላት ከምዘለዉ ክዛረቡ ምግባር፣
- ኣብ ኣፎም ውሽጢ ዝርከቡ ክፍሊ ኣካላት ወረፈኦም ሓልዮም ክዛረቡ ምግባር፣
- ብኣፎም እንታይ ዓይነት ተግባራት ከምዝፍፅሙ ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ቀፂልኩም ዝስዕብ መዝሙር ኣዘምርዎም፣

  ንኡሽተን ኣፈይ ኣበይ ኣለኺ?

  ኣብዚ እየ ኣብዚ እየ ከመይ ኣለኹም፣

  ኣናእሽተን ኣስናነይ ኣበይ ኣለኹም?

  ኣብዚ ኢና ኣብዚ ኢና ከመይ ኣለኹም፣

  ቀያሕ መልሓሰይ ኣበይ ኣለኺ?

  ኣብዚ እየ ኣብዚ እየ ከመይ ኣለኹም፣

  ኣናእሽተን ከናፍረይ ኣበይ ኣለኹም?

  ኣብዚ ኢና ኣብዚ ኢና ከመይ ኣለኹም፣
- ኣብ መወዳእታ ኣብ ኣፍ ውሽጢ ዝርከቡ ክፍሊ ኣካላት ክፀርሑ ምግባር፣
- ዝተፈላለዩ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ብምቕራብ ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ክፅዉዑ ምግባር፣ ኣብነት፡- ኣብ ዝኾነ ኣፍ ዝርከብ ኮይነ ቀያሕን ራሕሲ ዘይፍለየንን እየ። ንምኻኑ ኣነ መን እየ? ዝብል ሕቶ ምቕራብ ክምልሱ ምትብባዕ፣ ብድሕሪኡ በኢድና መልሓስ ቀያሕ ከምዝኾነትን ራሕሲ ዘለዋ ምኻና ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ኣብ ኣፍ ዝርከቡ ክፍልታት ሰዉነት ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ዘለዎም ነገራት ምዝራብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለየ ጣዕሚ ዘለዎም ዝብልዑ ነገራት፣ ኣብነት፦ ሽኮር፣ መዓር፣ ጨና ኣዓም፣ ሎሚን፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ዝገልፁ ዘንታታት፣ ነበረያ ነበረ፣ ግጥምታት ብምዝራብን መዝሙራት ክዝምሩ ብምግባር ጣዕሚ ዝተፈላለዩ ነገራት ክርድኡን ክዛረቡን ምግባር፣

  ንኣብነት፦

  ሽኮር ጥዑም እዩ ቍሓሙኒ ቍሓሙኒ ይብል፣

  መዓር ጥዑም እዩ ልሓሱኒ ልሓሱኒ ይብል፣

  ሎሚን መፂፅ እዩ ኣፍካ ማይ ይመልእ፣

  "ጥዒምካ ፍለጥ" ዝብል ፀወታ ክፃወቱ ምግባር

ተፍትሽ፦ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ዘለዎም ነገራት ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ምግቢ ብጣዕሞም ምፍላይ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምሃሪ፡- ዝተፈላለየ ጣዕሚ ዘለዎም ዝብልዑ ነገራት፣ ኣብነት፡- ሽኮር፣ መዓር፣ ጨና ኣዳም፣ ሎሚን፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለየ ጣዕሚ ዘለዎም ምግብታት ብስእሊ ብምቅራብ ህፃናት ክርእይዎ ምግባር
- ነቲ ስእሊ ርእዮም እንታይ ዓይነት ጣዕሚ ከምዘለዎም ክዛረቡ ምግባር፣
- እንተተረኺቡ ነቲ ምግቢ ክጥዕሙን ጣዕሙ ክዛረቡ ምግባር፣
- ኣብ ገዝኦም ዝምገብዎም ምግብታት ከመይ ዝበሉ ከምዝኾኑን ዘለዎም ጣዕሚ ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ምግቢታት ብጣዕሞም ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 6. ንመልሓስን ኣፍን ክንክን ምግባር | 6.2 ኣፎም ብጥንቃቐን ብክንክንን ምትሓዝ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ስኒ ብጥንቃቀ ምትሓዝ

ዒላማ፡- ስኒ ብጥንቃቀ ምትሓዝ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መስትዋት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ቅድሚ መስታወት ደው ክብሉ ብምግባር ናይ ባዕሎም ምስሊ ክርእዩ ምግባር፣
- ቀፂሎም ናይ መሓዙቶም ስኒ ክርእዩን ዘስተውዓልዎ ነገር ክዛረቡ ምግባር፣
  ኣብነት፡- ዝተበላሸወ ስኒ፣ ዝተሸረፈ ስኒ፣ ምቡቃል ዝጀመረ ስኒ ወዘተ
- ብተደጋጋሚ መዓር መዓር ጣዕሚ ዘለዎመ ምግብታት ዝምገብ ህፃን ኣስናኑ ከምዝተበላሸወ ዘዘንቱ ታሪኽ እንተተረኺቡ ምቅራብ ተዘይተኻኢሉ ድማ ፈጢርካ ምዝራብ፣
- ነቲ ዛንታ መሰረት ገይርካ ብተደጋጋሚ መዓር መዓር ዝጥዕሙ ምግብታት ምምጋብ ስኒ ዘበላሹ ምዃኑ ክርድኡ ምግባር፣
- ካብዚ ብተወሳኺ ስኒ እንድሕር ዘየተመዊፁ፣ ዘይተሓፂቡን ዘይተቦርሹን ክበላሾ ከምዝኽእል ምዝራብ፣
- "ስኒ ምፅራይ ከምዚ እዩ" ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ብምግባር ነቲ ትምህርቲ ምጥንኻር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ህፃናት ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ኣስናኖም ብጥንቃቐን ብክንክንን ክትሕዙ ክለማመዱ መእንታን ምስ ወለዲ ዘተ ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ ፡- ስኒ ብጥንቃቀ ምትሓዝ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ኣስናኖም ከመይ ምክንኻን ከምዝኽእሉ ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መፅሞፅ፣ ቡሩሽ ስኒ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት በቢ ማዕልቱ ስኖም ቡሩሹን ክምዉፁን፣ ድሕሪ ምብላዕ ምግቢ ድማ ክጉመፅሙፁ ከምዘለዎም ምርዳእ፣
- እንድሕር ድኣ ስኖም ዘይምዉፁ፣ ዘይሓዕብዎን ድሕሪ ምግቢ ዘየጉመፅምፁን ኰይኖም ኣስናኖም ክበላሸን ኣፎም ሕማቕ ጨና ክህልዎም ከምዝገብር ክርድኡ ምግባር

ተፍትሽ፡- ኣስናኖም ከመይ ክከናኸኑ ከምዘለዎም ዝተረድኡ ምዃኖም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ኣስናኖም ምሕፃብ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ መወፅ፣ መሕፀቢ ስኒ ቡሩሽ፣ መሕፀቢ ስኒ ሳሙና፣ ማይ፣ ኩባያ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- መወፅ፣ መቦረሺ ስንን ብሳሙና ስኒ ወይ ብፅሩይ ማይ ተጠቒምካ ንስኒ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ኢድ ብምንቅስቓስ ከመይ ከምዝምወፅን ከምዝሕፀብን ብተግባር ምርኣይ፣
- ስኒ እንትምወፅ ወይ እንትሕፀብ/እንትቡረሽ/ እንትፍታፍ ምውሓጥ ከምዘይብሉ፣ ኣፍና እንትነጉመፅምፅ እዉን ነቲ ዘጉመፅመፅናዮ እንቱፍ ክንብሎ ከምዝግብኣና ብተግባር ክርእዩ ብምግባር ምርዳእ፣
- ህፃናት በቲ ዝረኣይዎ ተግባር ናይ ባዕሎም ስኒ ቡሩሽ ወይ መወፅ ብምሓዝ ስኖም ክምዉፁ ወይ ከፅርዩ ልምምድ ክገብሩ ምግባር፣

> መዘኽር፦ ህፃናት ንተግባራዊ ልምምድ ምሕፃብ ስኒ ናይ ባዕሎም ቡሩሽ ወይ መወፅ ካብ ገዛኦም ከምፅኡ ኣቐዲምካ ምዝራብ

ተፍትሽ ፦ ምሕፃብ ስኒ ልምምድ ምግባሮም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግ… | ተግባር ሰለስተ፦ ምልምማድ ምሕፃብ ስኒ |
|---|---|
| 7. ብምድህሳስ ንነገራት ምፍላይ | 7.1 ኣብ መንጎ ናውቲ ዘሎ ባህሪ፣ ዓቐን ሙቐት፣ መጠንን ቅርፅን ምፍላይ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፦ ባህሪ ነገራት ብምድህሳስ ምፍላይ

ዒላማ፦ ባህሪ ነገራት ብምድህሳስ ምፍላይ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ሴሌዳ ዳህሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ሓርፋፍ፣ ልስሉስ፣ ልሙፅ ዝኾኑ ሴሌዳታት ምሃብ፣
- ኣፃብዕቶም ተጠቒሞም ነቲ ሰሌዳ ክድህስሱን ዝተሰምዖም ስምዒት ሓርፋፍ፣ ልስሉስ፣ ልሙፅ ወዘተ. እናበሉ ክገልፁ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ ፦ ብምድህሳስ ናይ ነገራት ባህሪ ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ዛሕልን ሙቐትን ነገራት ብትንካፍ ምፍላይ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተኞራረፁ ሓፃዊንን ዕንፀይትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንህፃናት ቁርፅራፅ ሓፃዊንን ዕንፀይትን ብምሃብ ብኢዶም እናነኸኡ/እናተነከፉ ኣየናይ ምዉቕ ኣየናይ ዝሑል ከምዝኾነ ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር
- ሓፃዊን ምስ እንጨይቲ እንትወዳደሩ ዝሑላት ምኻኖም ክርድኡ ምግባር፣

ተ

ተግባር ክልተ፦ ዛሕልን ሙቐትን ነገራት ብትንካፍ ምፍላይ



ተግባር ሰለስተ፦ እንታይነት ነገራት ብምድህሳስ ምፍላይ

ዒላማ፡- እንታይነት ነገራት ብምድህሳስ ምፍላይ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ [illegible]ህሪ፡- ኽረፂት፡ዝተፈላለዩ ቅርፂ ዘለዎም ነገራት፣ መጠንን ባህርን ዘለዎም ናውቲ፣ (እርሳስ፣ መሰንተር፣ ላጲስ፣ መፅረቢ እርሳስ፣ ወዘተ.)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ትኣምረኛ ኽረፂት ብምድላው ዝፈልጥዎም ናውትታት ኣብቲ ኽረፂት ከእትዉ ምግባር፣
- ህፃናት በቢ ወረፋ/ተራ ኢዶም ናብቲ ከረፂት ብምእታው ሓደ ናውቲ ከውፅኡ ብምግባር፣ እንታይነቱ ክገልፁ ምግባር፣
- እቲ ዘውፅእዎ ናውቲ ተምሃሮ ክርእይዎ ብምግባር ትኽክል ምዃኑን ዘይምዃኑን ምርግጋፅ፣
- ኩሎም ህፃናት በቢ ወረፋ ኢዶም ናብ ኽረፂት ከእትዉ ብምግባር እንታይነት እቲ ዝተሓዝዎ ናውቲ ክገልፁ ምግባር ምፅዋት፣

ተፍትሽ ፡- ብምድህሳስ እንታይነት ነገራት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ኣርባዕተ፡- ንዝተፈላለየ ነገራት ብባህሪኦም ምምዳብ

ዒላማ፦ ንዝተፈላለየ ነገራት ብባህሪኦም ምምዳብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ ቅርፂ፣ መጠን፣ ባህሪ ዘለዎም ነገራት፣ (እርሳስ፣ ላጲስ፣ መፅረቢ እርሳስ፣ ወዘተ.)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለየ ቅርፂ፣ ባህሪን ዓቐንን ዘለዎም ናውቲ ኣብ ጨረጰዛ ተምሃሮ ምቕማጥ፣
- ብምቕፃል ነቶም ናውቲ ብቕርፆምን ዓቀኖምን ክምድቡ ምግባር፣
- ንምንታይ ከምዚ ገይሮም ከምዝመደብዎም ንመሓዙቶም ክዛረቡ ምዝራብ፣

ተፍትሽ ፦ ንዝተፈላለየ ነገራት ብባህሪኦም ምምዳብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ረብሓ ኢድ ብዜማ ምግላፅ ይኽእሉ።

ሓበሬታ

ተግባር ሓሙሽተ፦ ረብሓ ኢድ ብዜማ ምግላፅ

- ህፃናት ኢዶም ክርእዩን ብኢዶም እንታይን እንታይን ተግባራት ከምዝፍፅሙ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ፣
- ብምቕፃል መምህር ብኢድ ዝፍፀሙ ተግባራት ክርእዩ ብምግባር ኢድ ኣለኒ ኢሎም ከዚሙ ብምግባር ረብሓ ኢድ ክርድኡ ምግባር፣

  ንኣብነት፦ መምህር "ኢድ ኣለኒ" ብለው እንደ ሚጎርሱ እንተርእይዎም እቶም ህፃናት፣ "ብኢደይ ይበልዕ" ኢሎም ብዜማ ይምልሱ። ብኢዶም እናፅሓፉ እንተርእይዎም "ብኢደይ ይፅሕፍ" ብምባል ይምልሱ።

ተፍትሽ ፦ ረብሓ ኢድ ብዜማ ምግላፅ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ሽዱሽተ፦ ኢድ ንዝተፈላለዩ ተግባራት ምጥቃም

ዒላማ፡- ኣእዳዎም ንዝተፈላለዩ ተግባራት ይጥቀምሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መዋህለሊ ማይ፣ መዋህለሊ ሑፃ፣ ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም መሰፈሪ፣ እርሳስ፣ ወረቐት፣ ማይ ሕብሪ፣ መፅሓፍ ነበረያ ነበረ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካብ መዋህሊሊ ሑፃን ማይን ዝተፈላለየ ዓቀን ዘለዎም መስፈሪ ብምጥቃም ክሰፍሩን ዝተፈላለዩ ነገራት ክሃንፁን ምግባር፣
- መፅሓፍ ነበረያ ነበረ ሒዞም ምንባብ ክለማመዱ ምግባር
- መምህር ኢዱ/ደን ኣብ ወረቀት ብምግባር ኣፃብዕቱ ዘርጊሑ ስእሊ ኢድ ከመይ ከምዝስኣል ኣብ ቅድሚ ተምሃሮ ኰይኑ/ና ምስኣል፣
- ብምቕፃል ንሕድሕድ ህፃን ወረቐትን እርሳስን ብምሃብ ኢዶም ክስእሉ ምግባር፣
- ናይ ማይ ሕብሪ ኢዶም ብምልኻይ ኣብ ወረቐት ብምልጣፍ ምስሊ ኢዶም ክወፅእ ምግባር፣
- ምስ ወድኡ ኣብ እግሪ እቲ ስም ስሞም ክፅሕፍሉ ክግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ተግባራት ካብ ሓደ ክፍለ ጊዜ ንላዕሊ ስለዝወስዱ ምስቶም ተግባራት ብደንቢ ክሳበ ዝፍፀምዎም ግዜ ምሃብ ግቡእ እዩ። |

ተፍትሽ ፦ ኣእዳዎም ንዝተፈላለዩ ተግባራት ምጥቃም ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 8. ምልምማድ ስርዓት ኣተሓሓልዋ ጥዕናን ምሕላው ጥዕናኻን | 8.1 ንጥዕና ዝሰማምዑ ምግብታት ፈልዮም ምፅዋዕ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ምልልላይ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ ይላለዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእሊ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ፣ ሕርሻ ቦታ፣ ዕደጋ፣ ቤት ምግቢ፣ ወዘተ.

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለየ ዓይነታት ምግቢ ዝሓዘ ስእሊ ህፃናት ክርእይዎ ብምግባር ስሞም ክገልፁ ምግባር፣
- እዞም ዓይነታት ምግቢ ኣበይ ከምዝስርሑን ካበይ ከምዝግዝኡን ህፃናት ብደረጃ ዕድሚኦም ክርድእዎ ምግባር(ሕርሻ ቦታ፣ ቤት ምግቢ፣ ዕደጋ)
- ብኣብዝሓ ስድረኦም እንታይ ከምዝምገቡ፣ ካበይ ከምዝግዝኡ፣ ክመያየጡ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- እዚ ተግባር ብሓደ ክፍለ ጊዜ ስለዘይውዳእ ኣብዝቐፅሉ ተኸታተልቲ መዓልቲ ምትግባር ግቡእ ይኸውን። |

ተፍትሽ ፡- ምስ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ ምልላዮም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ስርዓት ኣመጋግባ ምትግባር ይኽእሉ።

ናውቲ መምህረ መስተምህር፡- ዝተፈላለዩ ቅርፂ፣ ዓቐንን ባህርን ዘለዎም ናውቲ (እርሳስ፣ ላጺስ፣ መፅረቢ እርሳስ) ምስቲ ትሕዝቶ ኣይኸይድን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ምግቢ ኣብ ንምገበሉ እዋን ክትግብርዎም ዝግባእ ስርዓት እንታይ ከምዝኾኑ ምሕታትን ክመያየጡ ምግባርን፣
- ህፃናት እንትምገቡ ዓቂኖም ክጎርሱ ከምዘለዎም፣ ዝጐረስዎ ምግቢ ብደንቢ ክሓይኽዎ ከምዘለዎም፣ ከይሓየኹ ክውሕጡ ከምዘይብሎም፣ እናበልዑ ክዛረቡ ከምዘይግብኦም ወዘተ. ክርድኡ ምግባር፣
- እዚ ተግባር ኩሉ ግዜ ክትግብርዎ ምግባር የድሊ፣

ተፍትሽ ፡- ስርዓት ኣመጋግባ ምትግባር ምግንዛቦም ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ፡- ስርዓት ኣመጋግባ ምትግባር

ዒላማ፡- ስርዓት ኣመጋግባ ምትግባር ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ማንካ፣ ፋርኬታ፣ ኩባያ፣ ሰፍኢ ሽሓነ፣ ቁራፅ ፎጣ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ቅድሚ ምግቢ "ፅቡቕ መኣዲ ይኹነልና" ኢሎም ንባዕሎምን ንምሓዙቶምን መግለፂ ሰናይ ትምኒቶም ክገልፁ ምልምማድ፣
- መኣዲ ምስቐረበ ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ማንካ፣ ፋርኬታን ኩባያን ብተግባር ምርኣይ፣
- መኣዲ ምስቐረበ ንምንታይ ኩባያ/ታኒካ ክተሓዝ ከምዘይብሉ ክመያየጡ ምግባር፣
- እንጀራ ከመይ ገይሮም ጠቕሊሎም ከምዝጉርሱ ብተግባር ምርኣይ፣
- ምግቢ ተመጊቦም ምስ ወድኡ ንወለዶም፣ ንመምህራኖምን ንተረኛታት መሰለፍቲ ምግቢ "የቐንየልና" ኢሎም ከመስግኑ ከምዝግብኦም ምርዳእን በቢ ማዕልቱ ዝትግብርዎ ምህላዎም ምክትታል፣
- ተረኛታት መሰለፍቲ ምግቢ ህፃናት ተመጊቦም ምስ ወድኡ ነቲ ጠረጴዛ ብፎጣ ወይ ጨርቂ ክፀርግዎ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ስርዓት ኣመጋግባ ምትግባርባሮም ምክትታል።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ኣደላልዋን ኣቀራርባን ምግቢ ብፀወታ ምቕራብ

ዒላማ፦ ኣደላልዋን ኣቀራርባን ምግቢ ብፀወታ ምቕራብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ መሲልካ ንምፅዋት ዘድልዩ ናውትታት(ማንካ፣ ፋርኬታ፣ ኩባያ፣ ሰፍኢ ሽሓኒ፣ ቁራፅ ፎጣ፣ ወዘተ.)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- እቲ መምህሪ ክፍሊ መሲልካ ንምፅዋት ብዝጥፅም መንገዲ ምምችቻው፣ ብድሕሪኡ ህፃናት ኣደላልዋ ምግቢ፣ ስርዓት አበላልዓ፣ ወዘተ. ብፀወታ ክርእዩ ምብርትታዕ፣
- ህፃናት ኣብ ገዝኦም ይኹን ኣብ ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቶም ዘሎ ስርዓት ኣመጋግባ ተኸቲሎም ክምገቡ ምስ ወለዲ ምይይጥ ብምግባር ነቲ ስርዓት ኣመጋግባ ክለምድዎ ካብ ወለዲ ኣድላይ ደገፍ ክግበረሎም ምሕጋዝ፣

| |
|---|
| መዘክር፦ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ምግቢ እንትዓሎ ንሓደጋ ብዘየቃልዕ መንገዲ ምስ ዕድሚኦም ዝመጣጠን ስራሕቲ ኣብ ምድላው ምግቢ ክሳተፉ ምግባር ይክኣል እዩ። |

ተፍትሽ፦ ኣደላልዋን ኣቀራርባን ምግቢ ብፀወታ ምቕራብን ምልምማድን ምኽኣሎም ምክትታል ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 8.ጥዕናኻ ምሕላውን ስርዓት ኣተሓላልዋ ጥዕና ምልምማድ፣ | 8.2 ውልቀ ፅሬቶም ንምሕላው ልምምድ የካይዱ። |

ተግባር ሓደ፦ ረብሓ ምሕላው ውልቀ ፅሬት

ዒላማ፡- ረብሓ ምሕላው ውልቀ ፅሬት ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መሲልካ ንምፅዋት ዘድልዩ ናውትታት(ማንካ፣ ፋርኬታ፣ ኩባያ፣ ሰፍኢ ሽሓነ፣ ቁራፅ ፎጣ፣ ወዘተ.)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ረብሓ ምሕላው ውልቀ ፅሬት ክገልፁ ዝኽእሉ ዛንታታት፣ ተዃንፎታት ምዝራብ
- ውልቀ ፅሬቶም ብዝግባእ ንዝሕልዉ ህፃናት ኣፍልጦ ምሃብ፣

| |
|---|
| መዘክር፡- በቢ ሰሙኑ ቀዳማይ መዓልቲ እቶም ህፃናት ፀጉሮም ምሕፃቦም፣ ፅፍሮም ምቁራፆም፣ ዝተሓፀበ ክዳኖም ዝተኸደኑ ምዃኖም፣ ብምርኣይ ምሕላው ውልቀ ፅሬት ዘለዎ ረብሓ ክርድኡ ምግባርን መምህር ኣብ ምሕላው ውልቀ ፅርየት ምርኣያ ኰይኖም/ነን ምቕራብ የድሊ ። |

ተፍትሽ ፡- ረብሓ ምሕላው ውልቀ ፅሬትዝተረድኡ ምዃኖም ምርግጋፅ።



ተግባር ክልተ፡- ምሕላው ውልቀን ከባብያውን ፅሬት

ዒላማ፡- ምሕላው ውልቀን ከባብያውን ፅሬት ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምሀሪ፡- መጠራቐሚ ጉሓፍ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተጠቐምናሎም ዘየድልዩ ወረቓቕቲ፣ ንኣፍዕጫኦም ንምፅራይ ዝተጠቐምሉ ሶፍት ፈቖድኦ በታታት ከይድርብይዎ ክግንዘቡ ምግባር፣
- እቶም ዝተጠቐምሎም ዝተፈላለዩ ወረቓቕትን ሶፍትታትን ኣብ መጠራቐሚ ጉሓፍ ከቐምጥዎም ክግንዘብዎ ምግባርን ምዝራብን፣
- "ውልቀ ፅርየተይ ሓልየ ኣለኹ" ዝብል መዝሙር ብሓባር ክዝምሩ ምግባር
- መልእኽቲ እቲ መዝሙር ብሕቶን መልስን ክርድእዎ ምግባር፣
- መምህር መርኣያ ብምኻን ነቲ ተግባር ክምዕብል ምግባር

ተፍትሽ ፡- ውልቀን ከባብያውን ፅርየት ምሕላው ምልምማዶም ምክትታል።

ተግባር ሰለስተ፡- ፅርየት ዘይምሕላው ዘስዕቦ ጉድኣት ምርዳእ

ዒላማ፡- ፅርየት ዘይምሕላው ዘስዕቦ ጉድኣት ይርድኡ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለዩ ተጓንፎታት ምዝራብ
- ህፃናት ኢዶም ከይተሓፀቡ ምግቢ ዝምገቡ እንተኾይኖም ኩብዶ ከሕሞም ከምዝኽእል ክርድኡ ምግባር፣
- ጉሓፍ ኣብ ዝበዝሖ ከባቢ ምፅዋት ንሕማም ስዓል ዘቃልዖም ምዃኑ ክርድኡ ምግባር፣
- ኢዶም ከይተሓፀቡ ንዓይኖምን ገፆምን ዝነኻኽኡ እንተኾይኖምን ዓይኖም ብቐሊሉ ክሓሙ ከምዝኽእሉ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ውልቀን ከባብያዊ ፅርየትን ምሕላው ልምምድ ምግባሮም ምክትታል።

ዒላማ፡- ኣተሓላልዋ ውልቀ ፅርየት ብፀወታ ይትግብሩ።።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ውልቀ ፅርየት ዘዘንትዉ መፃሕፍቲ፣ ሓፀርቲ ዛንታታት፣ ንተዋስኦ ዘድልዩ ናውትታት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብዛዕባ ውልቀ ፅርየት ዘዘንቱ ሓፂር ታሪኽ ምዝንታው
- ዘዳመፅዎ ሓፂር ታሪኽ መሰረት ገይሮም ተዋስኦ ከዳልዉ ዕድል ምሃብን ክፃወቱ ምግባርን

ተፍትሽ ፦ ኣተሓላልዋ ውልቀ ፅርየት ብፀወታ ምትግባሮም ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ኣተሓላልዋ ውልቀ ፅርየት ብፀወታ ምትግባር



ተግባር ሓሙሸተ፡- ኣተሓላልዋ ውልቀ ፅርየት ምትግባር

ዒላማ፡- ኣተሓላልዋ ውልቀ ፅርየት ይትግብሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-  ታኒካ፣ ማይ፣ ሶፍት፣ ሳሙና፣ ፎጣ ወዘተ.

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ውልቀ ፅርየት ከመይ ከምዝሕሎ ብተግባር ንክለማመዱ ኣድለይቲ ናውትታት ምቕራብ፣

  ኣብነት፡- ገፅ ምሕፃብ፣ ኢድን እግርን ምሕፃብ፣ ኣፍንጫ ምፅራይ፣ ወዘተ.

| |
|---|
| መዘከር፡- መምህር መርኣየ ኰይኖም/ነን ኢዶም/ን፣ እግረን/ሮምን፣ ገፀንን/ፆም ተሓፂበን/ቦ ከርእያ/ዩ ይግባእ። |

ተፍትሽ ፡- ኣተሓላልዋ ውልቀ ፅርየት ብተግባር ዝተለማመዱ ምዃኖም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 8.ጥዕናኻ ምሕላውን ስርዓት ኣተሓላልዋ ጥዕና ምልምማድ | 8.3 ውልቀ ፅሬቶም ይሕልዉ። |

ዒላማ፡-ውልቀ ፅሬት ንምሕላው ዝጠቕሙ ናውትታት ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ውልቀ ፅሬት ንምሕላው ዝጠቕሙ ናውትታት (ታኒካ፣ ፎጣ፣ ሳሙና፣)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ውልቀ ፅሬት ንምሕላው ዝጠቕሙ ናውትታት ኣብ ክፍሊ ብምቕራብ ንምንታይ ረብሓ ከምዝውዕሉ ምሕታትን ምምይያጥን፣
- ብምቕፃል ምሕላው ውልቀ ፅሬት እንታይ ማለት ከምዝኾነን ንምንታይ ከምዝረብሕን እቶም ናውትታት ከመይ ከምንጥቀመሎም ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ውልቀ ፅሬት ንምሕላው ዝጠቕሙ ናውትታት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሓደ፡- ውልቀ ፅሬት ንምሕላው ዝጠቕሙ ናውትታት ምፍላይ



ተግባር ክልተ፡- ውልቀ ፅሬት ንምሕላው ዝጠቕሙ ናውትታት ምፍላይ

ዒላማ፡-ኣተሓላልዋ ውልቀ ፅሬት ብፀወታ ምትግባር ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ታኒካ፣ ማይ፣ ፎጣ፣ ሳሙና፣ ብሩሽ ስኒ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ፕላስቲክ ኣሻንጉሊት ብምጥቃም ውልቀ ፅሬት ከመይ ከምዝሕሎን እንታይ ዓይነት ናውትታት ክንጥቀም ከምዘለናን ንህፃናት ምዝራብ
- ሓገዝ ንምሕታት ከምዝመፅእት ኣብ ምይይጥ ብተግባር ክትሕገዝ ምግባር፣
- ንጉሆ ካብ ምድቃሶም ምስተልዓሉ ውልቀ ፅሬቶም ንምሕላው ዝፍፅምዎም ተግባራት ብቅደም ስዒብ ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ኣተሓላልዋ ውልቀ ፅሬት ብፀወታ ምትግባር ምርኣይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፡- ኢድ፣ እግሪን ገፅን ብፅሬት ምሕላው

ዒላማ፡- ኢድ፣ እግሪን ገፅን ብፅሬት ምሕላው ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ውልቀ ፅሬት ንምሕላው ዝጠቕሙ ናውትታት (ታኒካ፣ ማይ፣ ፎጣ፣ ሳሙና፣)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኢድ፣ እግሪን ገፅን ምሕፃብ ንምንታይ ከምዝጠቅም፣ መዓዝ ክንሕፀብ ከምዘለናን ከመይ ክንሕፀብ ከምዘለናን ሕቶ ብምቕራብ ክመያየጡ ምግባር፣
- ቅድሚ ምግቢ ምብላዕና፣ ሽቓቕ ተጠቒምና ምስወዳእና፣ ኢድና ከመይ ክንሕፀብ ከምዘለና ብተግባር ክርእዩ ምግባር፣
- ኢዶም፣ እግሮምን ገፆምን በቢ ማዕለቱ ክሕፀቡ ከምዘለዎም፣ ድሕሪ ምሕፃቦም ድማ ብፅሩይ ፎጣ ከድርቕዎ ከምዘለዎም ብምርዳእ ብተግባር ምርኣይ፣ ክለማመዱ ምግባርን

ተፍትሽ ፡- ኢዶም፣ እግሮም ገፆምን ብፅሬት ከመይ ከምዝሕለው ልምምድ ምክያዶም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ኣጠቓቕማ ሽቓቕ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ሶፍት፣ ቁራፅ ሳሙና፣ ማይ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ሽቓቕ ከመይ ክጥቀሙ ከምዘለዎም ሕቶ ብምቕራብ ክመያየጡ ምግባር፣
- ህፃናት ሽቓቕ እንትጥቀሙ ብትኽክል ናብተን ነኟላት ዓሊሞም ክጥቀሙ ከምዘለዎም ክርድኡ ምግባር
- ሽቓቕ ተጠቒሞም ምስ ወድኡ ኢዶም ብሳሙና ክሐፀቡ ከምዘለዎም ምዝራብን ብተግባር ክለማመዱ ምብርትታዕን፣

ተፍትሽ ፦ ኣጠቓቕማ ሽቓቕ ልምምድ ዝገበሩ ምኟኖምን ብኣግባቡ ዝተጠቐሙ ምኟኖምን ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ምሕፃብ ክዳን ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ክዳን ኣሻንጉሊት፣ ፕላስቲክ ሽሓነ፣ ሳሙና፣ ማይ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ክዳን ህፃናት፣ ባንቡላ፣ ፕላስቲክ ሽሓነ፣ ሳሙና፣ ማይ፣ ብምቕራብ ከመይ ከምዝሓፅቡ ክለማመዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ምሕፃብ ክዳን ምልምማዶም ምክትታል።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 9.ክፍለ ኣከላት ሰዉነት ብጥንቃቀ ምትሓዝን ምክንኻንን | 9.1 ንክፍለ ኣከላት ሰዉነቶም ብጥንቃቀ ምትሓዝን ምክንኻንን ይኽእሉ። |

ዒ

ተግባር ሓደ፦ ክፍለ ኣከላት ሰዉነትና ካብ ሓደጋ ምሕላው

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፦ መፅሓፍ ዛንታ/ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ተግባር ዝተፈላለዩ ክፍለ ኣካል ሰውነትና ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ክፍለ ኣካል ሰውነትና ብምንታይ ምኽንያት ክጉድኡ ከምዝኽእሉ ምርዳእ፣
- ክፍለ ኣካል ሰውነትና ጉድኣት እንተበፂሖዎም ዝተፈላለዩ ተግባራት ምፍፃም ከምዘይኽእሉ ምርዳእ፣
- ክፍለ ኣካል ሰውነቶም ጉድኣት ከይበፅሖ ከመይ ክከናኸኑን ክጥንቀቑን ከምዘለዎም ምስ ዕድሚኦም ዝምጥን ሓሳባት ምግላፅ፣
- ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ክፍለ ኣካል ሰውነቶም ዝተጐድኡ ህፃናት ታሪኾም ብምዝራብ ካብ ዝኾነ ሓደጋ ዓርሶም ከመይ ክሕልዉ ከምዘለዎም ምዝራብ፣

መዘክር፦ ብዛዕባ እዚ ትሕዝቶ ትምህርቲ መልክዕ ብነበረያ ነበረ፣ ብተዃንሮ፣ ወዘተ መልክዑ ብምቕራብ ንህፃናት ክግንዝብዎ ምግባር የድሊ።

መዘክር፦ ብዛዕባ እዚ ትሕዝቶ ትምህርቲ መልክዕ ብነበረያ ነበረ፣ ብተዃንሮ፣ ወዘተ መልክዑ ብምቕራብ ንህፃናት ክግንዝብዎ ምግባር የድሊ።

**ተግባር ክልተ፡- ሳዕቤን ውልቀ ፅሬት ዘይምሕላው**

ዒላማ፡- ውልቀ ፅሬት ዘይምሕላው ዘብፅሖ ሳዕቤን ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእሊ ፅሬቶም ዝሓለዉን ዘይሓለዉን ህፃናት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ስእሊ ፅሬቶም ዝሓለዉን ዘይሓለዉን ህፃናት ክርእዩ ብምግባር ዝተፈላለዩ ሕቶታት ኣቕሪብካ ክመያየጡ ምግባር፣
- ኢድ፣ እግርን ገፅን ዘይምሕፃብ ዘብፅሖ ሳዕቤን ክመያየጡ ምግባር፣
- ውልቀ ፅሬት ዝይምሕላው ንዝተፈላለዩ ሕማማት ከምዘቃልዖምን ንወለዶምን መምህራኖምን ፅቡቓት ኰይኖም ከምዝርኣዩ ምዝራብ፣

ስለዝኾነ ውልቀ ፅሬቶም በበእዋኑን ማዕልታዊ ትግባሮምን ክኸውን ምግንዛብ

መዘክር፡- ፅሬቶም ዘይሕልዉ ህፃናት ዋላ ኣብ ክፍሊ እንተሃለዉ ብዘዕባኦም ኣብ ክፍሊ ዘይምዝራብ፣ ኰይኑ ግና ስምዒቶም ብዘይትንክፍ ንበይኖም ስሒብካ ምዝርራብን ምስ ወለዶም ብምምይያጥ ውልቀ ፅሬቶም ዝሕልዉሉ ኩነታት ምምቻቻው ይግባእ።

ተፍትሽ ፡- ውልቀ ፅሬት ዘይምሕላው ዘብፅሖ ሳዕቤን ዝተረድኡ ምዃኖም ምርግጋፅ።



**ተግባር ሰለስተ፡- ምሕፃብ ሰዉነት**

ዒላማ፦ ምሕፃብ ሰዉነት ይለማመዱ።

ውቲ መምህረ መስተምህሪ፦ ኣሻንጉሊት/ባንቡላ/፣ ማይ፣ ሳሙና፣ ታኒካ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብፕላስቲክ ዝተሰርሐ ኣሻንጉሊት/ባንቡላ/ ተጠቒሞም ሰወነቶመ ከመይ ክምዝሕፀቡ ብመልክዕ ፀወታ ክለማመዱ ምግባር፣
- ብተመሳሳሊ መንገዲ ሕዚ ወለዶም ንዕኦም ወለዶም ከመይ ከምዝሓፅብዎምን ኣብ ከይዲ ግና ዓርሶም እናኽኣሉ እንትኸዱ ልክዕ ከምታ ባንቡላ ዝሓፀብዋ ንባዕሎም እናሓፀቡ ከምዝኸዱ ግንዛበ ክህልዎም ምግባር የድሊ፣

> መዘከር፦ ብምዝታይ ህፃናት ልምዲ ምሕላው ውልቀ ፅሬት ከማዕብሉ ምስ ወለዶም ግቡእ እዩ።

ተፍትሽ ፦ ምሕፃብ ሰዉነት ልምምድ ምግባሮም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 10.ምጥቃም ዓበይትን ኣናእሽተንን ጭዋዳታት | 10.1 ዓበይትን ኣናእሽተንን ጭዋዳታቶም ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ ተግባራት ምፍፃም ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፦ ሚዛንካ ሓሊኻ ምስጓም

ዒላማ፦ ሚዛንካ ሓሊኻ ምስጓም ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ማእኸላይ ርጕዲ ዘለዎን 3 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ ጕንዲ፣ ኩሩሽ/ቾክ/፣ ገመድ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ማእኸላይ ርጕዲ ዘለዎን 3 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ ጕንዲ ኣብ መሬት ኣደላዲልካ ብምቕማጥ ብምስማር/ብምሕንፃፅ መስመር ክህሉ ምግባር
- ኢዶም ናብ ጐኒ ብምዝርጋሕ ሓደ ብሓደ ኣብቲ ጕንዲ ብምሕንፃፅ ውይ ኣብቲ ገመድ ክስጉሙ ምግባር፣
- ብዓርሶም ክተኣማመኑ ኣብ ቀረባኦም ኰይንኻ ምትብባዕን ምምራሕን

ተፍትሽ ፦ ሚዛንካ ሓሊኻ ምስጓም ልምምድ ምግባሮም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፦ ሚዛንካ ሓሊኻ ምገጉያይ

ዒላማ፦ ሚዛንካ ሓሊኻ ምጉያይ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ መንዲል ወይ ፅሩይ ጨርቂ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- "መንዲለይ ዶ ሪኢኹም" ዝብል ፀወታ ኣብ ክሊ መረባኦም ኰይኖም ንክፃወቱ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ሰፊሕ ክቢ ክሰርሑ ብምግባር ከምዚ ስዝዕብ ክፃወቱ ምግባር፣
- ንፀወታ ወረፋ ዝበፅሖ/ሓ ህፃን መንዲል ሓቢኡ/ኣ ት/ይትሕዝ እሞ በቶም ህፃናት ድሕሪት እናዞረ/ት

  መንዲለይ ዶ ርኣኹም? እንትትብል/እንትብል

  ኣይረኣናይ በይዛኹም፣ እቶም ኮፍ ኢሎም ክቢ ዝሰርሑ ህፃናት ይምልሱ

  እዚኣ እንታይ እያ ? እቲ/ታ ነቶም ህፃናት ዝዞር/ትዞር ትብል

  ናይ ውሮ ኰዕሶ እያ፣ እቶም ኮፍ ኢሎም ክቢ ዝሰርሑ ህፃናት ይምልሱ

  ምርኣይ የለይ፣ እቲ/ታ ነቶም ህፃናት ዝዞር/ትዞር ትብል

  ምድህሳስ እዉን የለን፣ እቶም ኮፍ ኢሎም ክቢ ዝሰርሑ ህፃናት ይምልሱ

ኣሕጊ ፀወታ፦ እቲ/ታ መንዲል ሓቢኡ/ዛ ነቶም ክቢ ዝሰርሑ ተምሃሮ ዝዞረ/ትዞር ህፃን ኣብ ሓደ ህፃን ሑቖ የቐምጥ/ተቐምጥ እሞ ትጉይይ/ይጉይይ። እቲ/ታ ምንዲል ዝተገበረሉ/ላ ህፃን መንዲል ኣብ ሕቑኡ/ኣ ዝተገበረሉ/ላ ምኺኑ/ና ተዘይፈሊጡ/ጣ ፤ ናብ ማእኸል ክቢ ኰፍ ክብል/ትብል ይግበር። ኣብ ማእኸል ኰፍ ምስ በለ/ት እቶም ክቢ ዝሰርሑ ህፃናት "ኣንጭዋይ ቡን ኣፍልሒ" /2/ እናበሉ ይዝምሩ። እንድሕር ድኣ መንዲል ዝተቐመጠሉ/ላ ምኺኑ/ና ፈሊጡ/ጣ ነቲ/ታ መንዲል ዘቀመጠ/ዘቀመጠት ህፃን ተጓይያ/ተጓይዮ። እቶም ክቢ ዝሰርሑ ህፃናት "ዉሩየ ዘይርኪ እተዊ ውሩየ ዘይርኪ እተዊ" እናበሉ የበረታትዕዋ/ዎ። በዚ መንገዲ ኩሎም ህፃናት ክፃወቱ ምግባር።

ተፍትሽ ፦ ሚዛንካ ሓሊኻ ምጉያይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ቀለልቲ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ምስራሕ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ምንፃፍ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ መምህሪ ክፍሊ ወይ ድማ ኣዳራሽ ፅሩይ ምንፃፍ ምዝርጋሕ፣
- "ዑፍ ክኸውን እየ" ን "ኣውሮፕላን ክኸውን እየ" ዝብሃሉ መዝሙራት ክዝምሩ ብምግባር ህፃናት ኢዶም ብምዝርጋሕ ከም ዑፍን ኣውሮፕላንን ኢዶም ላዕልን ታሕትን/ከነቀሳቕሱ ምግባር፣
- ህፃናት ዝተደረበ ክዳኖም ብምውፃእ ካብ ፀጋም ናብ የማን ደቂሶም ክንከባለሉ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ቀለልቲ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ምስራሕ ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ብኹርኹሮን ብጫፍ ኣፃብዕት እግርንን ምስጓም/ምኻድ

ዒላማ፡- ብኹሮኹሮን ጫፍ ኣፃብዕት እግርንን ምስጓም ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምሃሪ፡- ፀናፅል

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ መምህሪ ክፍሊ ወንበርን ጠረጴዛን ናብ ወሰን ምግባር፣
- ህፃናት እንተንኢሱ 3 ሜትሩ ዝስጉምሉ ቦታ ምምችቻው፣
- ህፃናት ክቢ ክሰርሑ ምግባር፣
- ድምፂ መሳርሒ ሙዚቃ ፀናፅል እንትሰምዑ ምንቅስቓስ ክገብሩ ምዝራብ፣
- ብጫፍ ኣፃብዕቶም ክስጉሙ ምግባር፣
- ቀፂሎም ብኹሮኹሮኦም ክስጉሙ ምግባር፣
- ኣብ ሕድሕድ ስጉሚ ምንቅስቓስ ኢድ ኣብ ሽምጢ፣ ኢድ ንላዕልን ተሕትን ከንቀሳቕሱን ክስጉሙን ብምግባር እቲ ምንቅስቃስ ምጥንኻር፣
- ምስ ህፃናት ሓቢርካ ብምስራሕ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ ፡- ብኹሮኹሮን ጫፍ ኣፃብዕቲ እግርንን ምስጓም ምኽኣሎም ምክትታል።

ዒላማ፡- ብኢድን እግርን ዝፍፀሙ ምስጓም ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ኲሩሽ/ቾክ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብእግሮምን ኢዶምን ክፍፀሙ ዝኽእሉ ተግባራት ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ኣብ እዋን ምይይጥ ዝተዛረብዎም ተግባራት ምንቅስቓስ ኣብ መሓዙቶም ቀሪቦም ብተግባር ክርእዩ ምግባር፣
- ናይ ሶኒ ሶሉስ መፃወቲ መስመራት ኣብ ክፍሊ ወይ መረባ ብቾክ ንምሕንፃፅ ዝምቹ ቦታ ምድላው፣
- እቶም መስመራት ካብ ሶኒ ክሳብ ሰንበት ምግባር፣
- መስመር ዝረገፀ ካብ ፀወታ ወፃኢ ከምዝኸውን ምርዳእ፣
- ብክልተ ካብኡ ብሓደ እግሪ ምዝላል ምልምማድ
- በመቀጠል በቢ ወረፉ ክዘሉ ምግባር

| | |
|---|---|
| ሰኞ | |
| ማክሰ<br>ረ | |
| ሐሙስ<br>ዕ | |
| ዓርብ | |
| ቅዳሜ | |
| ዕሁድ | |

ተግባር ሓሙሽተ፡- ብኢድን እግር ... ራት

መዘክር፡- ኲሎም ህፃናት ብወረፉ ክሳተፉ ብ... ክሰርሑ ምግባር ኣድላዪ እዩ።

ተፍትሽ ፦ ብኢድን እግርን ዝፍፀሙ ተግባራት ምልምማዶም ምክትታል።

ዒላማ፦ ኩዕሶ ምድርባይ ይኽእሉ።

ተግባር ሸዱሽተ፦ ኩዕሶ ምድርባይ

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ጨርቂ ኩዕሶ፣ ክቢ ፕላስቲክ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ካብ መበገሲ ቦታ 2 ሜትር ርሕቐት ክልተ ክቢ ፕላስቲክ ኣብ ማእኸለን 1 ሜትር ኣፈላላይ ብምግባር ምቕማጥ
- ካብተን ክቢ ፕላስቲክ ፊት ንፊት ብክልተ ሜትር ርሕቐት ክልተ ተምሃሮ ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- ከክልተ ጨርቂ ኩዕሶ ምሃብ፣
- እተን ዝሓዝወን ክልተ ኩዓሳሱ ናብቲ ክቢ ፕላስተክ እናደርበዩ ክኣትዋ ምግባርን እቲ ፀወታ ኹሎም ተምሃሮ ብወረፋ ክፃወቱ ምግባር፣

> መዘከር፦ እቲ ፀወታ ቅድሚ ምጅማሩ ሕጊ እቲ ፀወታ ክርድኡ ምግባር፣
>
> ንኣብነት፦ ነተን ኩዕሶ ደርብዩ ናብቲ ክቢ ፕላስቲክ ዘየእተወ ወይ ነቲ ፕላስቲክ ዘይወቕዐ ህፃን ካብ ፀወታ ወፃኢ ክኸውን ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ኩዕሶ ምድርባይ ምኻሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሸውዓተ፦ ምድርባይን ምቕላብን ኩዕሶ

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-   ምድርባይን ምቕላብን ኩዕሶ ይኽእሉ።

ዒላማ፡-  ጨርቂ ኩዕሶ፣ ፕላስቲክ ኩዕሶ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኩሎም ህፃናት ኣብ ሓደ መስርዕ ምስራዕ
- ኣብ ፊት ንፊት 2 ሜትር ርሕቐት ጠጠው ምባል፣
- ኩዕሶ ናብ ህፃናት ምድርባይ፣ ህፃናት ነታ ኩዕሶ ቔሊቦም መሊሶም ናብ መምህር ብምድርብይ ጉይዮም ናብ ድሕሪት ብምኻድ ክስርዑ ምግባር፣
- ንኩሎም ዝተሰርዑ ህፃናት ብተመሳሳሊ መንገዲ ብምፅዋት ኩዕሶ ክድርብዩን ክቔልቡን ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ክእለት ምድርባይን ምቕላብን ኩዕሶ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ክእለት ምቕላብን ምንጣርን ኩዕሶ የማዕብሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ኩዕሶ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንህፃናት ዝምጥን ክነጥር ዝኽእል ኩዕሶ ምድላው፣
- ኩዕሶ ከመይ ምቕላብን ምንጣርን ከምዝኽእሉ ብተግባር ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- እቶም ህፃናት ኣብ ክልተ መስርዕ ክስርዑ ብምግባር ካብቲ ሰልፊ 2 ሜትር ርሕቐት ጠጠው ብምባል ናብቲ/ታ ኣብ መጀመርያ መስርዕ ዘሎ/ላ ህፃን ኩዕሶ ምድርባይ፣
- ነታ ኩዕሶ ዝተቐበለ/ት ህፃን 3 ጊዜ ነታ ኩዕሶ ብምንጣር ኣብ ጐኑ ንዝተሰርዐ/ት ህፃን ደርብዩ ኰፍ ክብል ምግባር፣
- ኣብ ክልተ መስርዕ ዝተሰርዑ ህፃናት ኩሎም ብተመሳሳሊ መንገዲ ኩዕሶ ክቑልቡን ክንጥሩ ድሕ ምግባር ኣብ ጐኖም ንዘሎ ህፃን እናሃቡ ኮፍ ክብሉ ምግባር፣
- በዚ መንገዲ ኲሎም ህፃናት ክሳተፉ ብምግባር ምንጣርን ምቕላብን ኩዕሶ ክኽእሉ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ክእለት ምንጣርን ምቕላብን ኩዕሶ ምምዕባሎም ምክትታል።

ዒላማ፡- ሚዛን ሓሊኻ ምፅዋት ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ኣብ ህፃናት ኢድ ክጣበቕ ዝኽእል ረጒድ መሰረታዊ ሕብርታት ዝተለኸዩ ኣብትርቲ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብህፃናት ኢድ ክትሓዙ ዝኽእሉ መሰረታዊ ሕብርታት ዝተለኸዩ ኣብትርቲ ብምጥቃም ውድድር ጉያ ቅብብል በትሪ ምክያድ፣
- እቶም ንውድድር ዝቐርቡ ህፃናት በቢ 10 ሜትር ርሕቐት ጠጠው ዝበሉ ሰለስተ ስለስተ ኣብ ክልተ ጒጅለ ምምዳብ፣
- ርሕቐት እቲ ጠቕላላ ውድድር 30 ሜትር ክኸውን ምምቻቻው፣ ድሕሪ እቲ ውድድር ዝተዓወተ ጒጅለ ክዛረቡን ቀፃሊ ተዓወቲ ክኹኑ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ ፡- ሚዛን ሓሊኻ ምፅዋት ምልምማድ ምኽኣሎም ምክትታል፣

ተግባር ዓሰርተ፡- ስርዓት ኣከዳድና ክዳን

ዒላማ፦   ስርዓት ኣከዳድና ክዳን ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦   ሹራብ፣ ፍሬም ክዳን ፣ ካሴት መዝሙር፣ ብሞባይል ዝተቀረፀ መዝሙር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ ማዕልታዊ ምንቅስቓሶም ዝፍፅምዎም መሰረታዊ ተግባራት ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ቅደም ስዓብ ስርዓት ኣከዳድና ክዳን ክርእዩ ምግባር፣
- ናይ ባዕሎም ክዳን ተጠቂሞም ብቅደም ስዓብ ከመይ ክኸደኑ ከምዘለዎም ክለማመዱ ምግባር፣
- ድፉን ሹራብ ገልቢጥካ ብምሃብ ኣስተኻኺሎም ክኸደኑ ምግባር፣
- ቀትሪ ዝተኻደንዎ ክዳን ለይቲ ክኸደንዎ ከምዘይብሎም ክርድኡ ምግባር፣
- ክዳኖም እንተውፅኡ ዓፂሮም ከቐምጥዎ ከምዘለዎምን ተዘይ ተዓፂፉ ድማ ክጨማደድ ከምዝኽእል ክርድኡ ምግባር የድሊ።
- ዝተፈላለዩ ክዳውንቲ ብምዕፃፍ ኣጠዓፃፅፋ ክዳን ክርድኡ ምግባር፣
- "ንጉሆ ተስኤ/ተልዒለ" ዝብል መዝሙር ምስ ምንቅስቓስ ክዝምሩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ስርዓት ኣከዳድና ክዳን ምልምማዶም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ሓደ፦ ኣተኣሳስራ ጫማ

ዒላማ፡- ጫማ ምእሳር ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መእሰሪ ጫማ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኩሎም ህፃናት ምእሰሪ ጫማ ተጠቒሞም ጫማ ምእሳር ይለማመዱ።
- መእሰሪ ዘለዎ ጫማ ዝገበሩ ተምሃሮ ብምስታፍ ምእሳርን ምፍታሕን ክለማመዱ ምግባር፣
- ኣብ ከይዲ ምእሳርን ምፍታሕን ጫማ ፀጋምን የማንን ክለልዩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ጫማ ምእሳር ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ክልተ፡- መሰረታዊ ዕለታዊ ተግባራት ምፍፃም

ዒላማ፡- መሰረታዊ ማዕልታዊ ተግባራት ምፍፃም ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ካሴት መዝሙር፣ ብሩሽ ስኒ፣ መሞፅ፣ ታኒካ፣ ማይ፣ መሰንተር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ምሕፃብ ገፅ፣ ምስንታር ፀጉሪ፣ ምምዋፅ/ምሕፃብ ስኒ ኣብ ሕሉፍ ክፍለ ጊዜ ስለዝተምሃርዎ ከመይ ክትግበር ከምዝኽእል ክመያየጡ ምግባር።
- ንሕድሕድ ተግባራት ኣድለይቲ ዝኾኑ ናውትታት ምቕራብ፣
- ሕድሕድ ተግባር ከመይ ከምዝፍፀሙ ብውልቀኦም ክርእዩ ምግባር፣
- ገፅኻ ምሕፃብ ከምዚ እዩ ዝብልመዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣
- ትኽክለኛ ምንቅስቓስ ምጥቓሞም ምክትታል፣

ተፍትሽ ፡- መሰረታዊ ማዕልታዊ ተግባራት ምፍፃም ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፡- ትእዛዝ/መምርሒ ተኸቲልካ ምፅዋት

ዒላማ፡- ትእዛዝ/መምርሒ ተኸቲልካ ምፅዋትይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ካሴት መዝሙር፣ ብሩሽ ስኒ፣ መሞፅ፣ ታኒካ፣ ማይ፣ መሰንተር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ትእዛዝን/መምርሐን ምንቅስቓስ መምህር ተኸቲልካ ፀወታ ምፅዋት
- መምህር ዱብ ዱብ እናበሉ እንትጎዩ ህፃናት ብዝተፈላለዩ ኣንፈት ኲይኖም ዱብ ዱብ ይግሉ።
- መምህር ግንባሮም ሒዞም ደው/ጠጠው እንትብሉ ህፃናት እዉን ግንባሮም ሒዞም ደው ይብሉ።
- ካብ ግንባር ወፃኢ ካሊእ ክፍለ ኣካል ሰዉነቱ/ታ ዝተሓዘ/ት ህፃን ካብ ፀወታ ወፃኢ ይኸውን/ትኸውን።
- በዚ ዓይነትመፃወቲ/መሪሕ/ ብምልዋጥ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ብምግባር እቲ ፀወታ ክቕፅል ምግባር፣

ተፍትሽ፡-ትእዛዝ/መምርሒ ተኸቲሎም ምፅዋት ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ፡- ቅብብል ኩዕሶ

ዒላማ፡- ቅብብል ኩዕሶ ይፃቱ።

ናውቲ መምሀሪ መስተምሀሪ፡- ኩዕሶ፣ ፀናፅል

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ኣብ ክልተ መስርዕ ብምስራዕ ኢዶም ከዝርግሑ ብምግባር ብዝተመጣጣነ ደው ክብሉ ምግባር፣
- ብኢዶም ክትሕዝዎ ዝኽእሉ ኩዕሶ ካብ ቅድሚኦም ናብ ርእሶም ብምግባር ብርእሶም ክቀባበሉ ምግባር፣
- ኣብ መወዳእታ ጠጠው ዝበለ ኩዕሶ ተቐቢሉ ኣብ ፊት ንፊቱ ዘሎ ብጉያ ከይዱ ይሁብ እሞ እቲ ምቅብባል ይቕፅል። በዚ መንገዲ ከይዶምእቲ ቅብብል ቀዲሙ ዝወድአ መስርዕ/ጉጅለተዓዋታይ ይኸውን።

ተፍትሽ ፡- ቅብብል ኩዕሶ ምፅዋት ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ፀወታ “መራሒኸ ፍላጥ” ይፃቱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡

- “መራሒኸ ፍላጥ” ዝብል ፀወታ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ክፃወቱ ምግባር፣
- ህፃናት ክቢ ሰሪሖም ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- መራሒ ዝኸውን ህፃን ክመርፁ ምግባር፣
- ነቲ መራሒ ካብ ክፍሊ ክወፅእ ምግባር፣
- ኩሎም ህፃናት እቲ መራሒ ዝፍፅሞ ተግባር እንዳርኣዩ ክፍፅሙ ምግባር፣
- እቲ መራሒ ምንቅስቓሱ እንትቕይር ህፃናት ሓቢሮም ምስቲ መራሒ ምንቅስቓሶም ይቕይሩ፣
- ድሕሪ ዝተወሰነ ደቓቕይቕ እቲ መራሒ ንምልክት ሓበሪ ካሊእ ምንቅስቓስ ከርኢ ይሕብሮ፣
- ዝተሰሓሓተ ህፃን እንተልዩ ካብ ፀወታ ወፃኢ ክኸውን ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ፀወታ “መራሒኸ ፍላጥ” ምፅዋት ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ዓሰርተ ሸዱሽተ፡- ዝተፈላለዩ ፀወታ ምንቅስቓሳት ምፅዋት

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ፀወታ ምንቅስቓሳት ምፅዋት ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መዝለሊ ገመድ፣ ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ናውቲታት፣ መንሻሕተቶ፣ ሸውላለ፣ ሚዛን ወዘተ.

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ናውቲታት፣ መንሻሕተቶ፣ ሸውላለ፣ ሚዛን ወዘተ. ክፃወቱ ምግባር፣
- ድሕሪ እቲ ፀወታ እንታይ ከምዝተሰምዖም ክዛረቡ ምግባር፣
- ህፃናት በይኖም ተፈልዮም ዝፃወትሉ ገመድ ንሕድሕዶም ብምሃብ ከመይ ክዘሉ ከምዘለዎም ዘሊልካ ብምርኣይ ህፃናት ክለማመዱ ምግባር፣
- ሕድሕድ ህፃን ብዝተውሃቦም ገመድ ተጠቂሞም ክንደይ ጊዜ ከምዝዘለሉ ብምቑፃር ክእለት ምዝላሎም ከመሓይሹ ምብርትታዕ፣
- ህፃናት ኣብ ርእሶም ንኡሽተን ዓቐነ ዘለዎ ሸሓነ ወይ ቀሊል መፅሓፍ ኣብ ርእሶም ኰፍ ከበሉ ብምግባርን ኣብ መሬት ዝተሰመረ መስመር ክስጉሙ ምግባር፣

<u>ሕጊ እቲ ፀወታ</u>

- ✓ ኣብ ርእሶም ዝተቐመጠ ነገር ከየውደቑ ነቲ ዝተሰመረ መስመር ዝወድኡ ህፃናት ብጠቕዒት ምብርትታዕ፣
- ✓ ኣብ ርእሶም ዝተቐመጠ ነገር ዘውደቑ ህፃናት እቲ ፀወታ ክደግምዎምግባር፣
- ✓ እቲ ፀወታ ንኹሎም ተምሃሮ ክበፅሕ መእንታን ኣብ ክልተ ወይ ሰለስተ ጉጅለ መዲብካ ክፃወቱ ምግባር፣
- ✓ *ናብ ጐኒ ብዝተሰመሩ መስመራት ክልተ ወይ ሰለስተ ህፃናት ብሓባር ጀሚሮም ክስጉሙ ምግባር የድሊ።*

| |
|---|
| *መዘከር፦ እዚ ዓይነት ፀወታ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ ጊዝያት ክክፃወቱ ብምግባር ዓበይትን ኣናእሽተንን ጭዋዳታቶም ክዓቢ ምግባር።* |

ተፍትሽ፡-ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ዘለዎም ፀወታታት ምፅዋት ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ቦቓ ምፅዋት ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ፕላስቲክ ኩዕሶ፣ ቋዕቋዕታ/መትሐዚ ዕሹግ ማይ/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ፕላስቲክ ኩዕሶን ጥርሑ ቋዕቋዕታን/መትሐዚ ዕሹግ ማይ/ ተጠቒምካ ፀወታ ቦውሊንግ ከምዚ ዝስዕብ መንገዲ ክፃወቱ ምግባር፣
- ነቶም ጥርሖም ዘለዉ ቋዕቋዕታታት ካብ መበገሲ ቦታ ኣብ 10 ሜትር ርሕቐት ምድርዳር
- ነታ ኩዕሶ ናብተን ዝተደርደራ ቋዕቋዕታታት/መትሐዚ ዕሹግ ማይ/ ደርቢኻ ክወድቓ ምግባር፣
- ህፃናት ክንደይ /መትሐዚ ዕሹግ ማይ/ ክንደይ ከምዘውደቑን ክንደይ ከምዝተረፉን ክፈልጡ ምግባር፣
- በዚ መንገዲ ኩሎም ህፃናት ነዚ ፀወታ ክፃወቱ ምትብባዕ፣

ተፍትሽ ፦ ፀወታ ቦውሊንግ ምፅዋትምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ ሸሞንተ፦ ክሪ ናብ ዕንቁ ምእታው ቀላሚንጦስቀላሚንጦስ/ቆርምእታው

ዒላማ፡-ክሪ ናብ ዕንቊ ምእታው ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ክሪ/ፈትሊ፣ ፍረ ባሕርዛፍ/ቆርኪ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ዕንቊታትን ክሪ/ፈትሊ ምሃብን፣
- ኣብቲ ዕንቊ ክሪ /ፈትሊ ብምእታው ዝተፈላለዩ ገይዒ ክሳድ ምስራሕ፣

ተፍትሽ ፡- በዶቃዎች ውስጥ ክር ማስገባት መቻላቸዉን መከታተል።

ተግባር ዓሰርተ ትሽዓንተ፡- መስመር ሓሊኻ ምቑራፅ

ዒላማ፡- መስመር ሓሊኻ ምቑራፅ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- እርሳስ፣ ክላሰር፣ መጣበቒ ኮላ/ኡሁ፣ መቐስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለየ ዓይነት ሕብሪ ዘለዎም ክላሰራት ብምትሓዝ ኣብ ቅድሚ ህፃናት ኰይንኻ መስመር ሓሊኻ ከመይ ከምዝቑረፅ ብተግባር ምርኣይ፣
- ብድሕሪኡ ንህፃናት ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ክላሰርን መቐስን ምሃብ፣
- ልክዕ ከምቲ መምህሮም ዘርኣዮም ገይሮም ዝተውሃቦም ክላሰር ክቖርፁ ምግባር፣
- ኣብ መወዳእታ ዝቖረፅዎ ክላሰር እንታይ ዓይነት ቅርፂ ከምዘለዎ ንመሓዙቶም ከርእዩ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘከር፡-- እዚ ተግባር ንፈለማ እዋን እንትትግብሩ ክኸብዶም ስለዝኽእል ሓደ ቅርፂ ጂኦሜትሪ መምህር ሰሪሖም ንህፃናት ክርእይዎ ብምግባር ኣብ ዝርአ ቦታ ምቕማጥ፣ |

ተፍትሽ ፦ መስመር ሓልዮም ምቐራፅ ምኽኣሎም ምክትታል።


ተግባር ዒስራ፡- ቅርፂ ጂኦሜትሪ መስመር ሓሊኻ ምቑራፅ

ዒላማ፦ ቅርፂ ጂኦሜትሪ መስመር ሓሊኻ ምቑራፅ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ እርሳስ፣ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ክላሰር፣ መጣበቒ ኮላ/ኡሁ፣ መቐስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለዩ ሕብሪ ዘለዎም ክላሰራት ወይ ወረቐታት ንህፃናት ብምሃብ ዝተፈላለየ ቅርፂ ጅኦሜትሪ ክስእሉ ምግባር፣
- ነቶም ዝሰኣልዎም ቅርፅታት ጅኦሜትሪ መስመሮም ሓልዮም ብመቐስ ክቖርፁ ምግባር፣
- ነቶም ዝቖረፅዎም ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ብኮላ/ኡሁ ብምጥባቕ ዝተፈላለዩ ምስልታት ክሰርሑ ምግባር፣
- ነቶም ዝስርሕዎም ምስልታት ኣብ ቅድሚ ህፃናት ወፂኦም ከርእዩን እንታይ ዓይነት ከምዝኾኑ መብርሂ ክገብሩ ምትብባዕን ዕድል ምሃብን፣



ተፍትሽ፦ ቅርፂ ጂኦሜትሪ መስመር ሓሊኻ ምቑራፅ ምኽኣሎምን ምልምማዶምን ምርግጋፅ።

ተግባር ዒስራን ሓደን፦ ምድላው/ምስንዳእ ካርዲ ውህብቶ

ዒላማ፡- ካርዲ ውህብቶ ምድላው ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- እርሳስ፣ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ክላሰር፣ መጣበቒ ኮላ/ኡሁ፣ መቐስ፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር፣ ዝኣረጉ መፃሕፍቲ፣ መፅሄታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ዕድመ 4-5 ዓመት ዝተምሃርዎም ትምህርቲ ፖስት ካርድታት/ካርዲ ውህብቶ/ ካብ ረጕድ ክላሰር ከዳልዉ ምግባር፣
- ዝተፈላለዩ ምስልታት ካብ ዝኣረጉ መፅሄታት፣ ጋዜጣታትን ቆሪፆም ብምውፃእ ኣብቲ ረጕድ ክላሰር ክልጥፉን ምስ መሓዙቶም መግለፂ ሰናይ ትምኒት ክለዋወጡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ካርዲ ውህብቶ ምድላዎምን ምልምማዶምን ምክትታል።

ተግባር ዒስራን ክልተን፡- ምሕዳስ መፃሕፍቲ

ዒላማ፦ ምሕዳስ መፃሕፍቲ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ እርሳስ፣ መጣበቒ ኮላ/ኡሁ፣ መቐስ፣ ዝኣረጉ መፃሕፍቲ፣ መፅሄታትን ደፍተራትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፦

- "ዝአረጉ መፃሕፍቲ ንሓክም" ዝብል ፕሮግራም ምድላው፣
- ንኩሎም ህፃናት ንምርኣይ ኣብ ዝምቹ ቦታ ጠጠው ብምባል መሸፈኒኡ ዝተቐደደ መፅሓፍ ክርእዩ ምግባር፣
- ወረቐት፣ መጣበቒ ኮላ/ኡሁ፣ መቐስ፣ ተጠቒምና ከመይ ክነሐድሶ ከምንኽእል ብቅደም ስዓብ ብተግባር ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- ህፃናት ኣብ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ብምምዳብ ዝተቐዳደዱ መፃሕፍቲ፣ መፅሄታትን ደፍተራትን፣ ኮላ/ኡሁ፣ መቐስ ብምሃብ ነቲ ወረቐት ብመቐስ እናቖረፁን ብኮላ/ኡሁ እናለምጠጡ ክሕክምዎን ክድርቕዎን ምግባር፣
- ህፃናት ዝተቐዳደዱ መፃሕፍቲ ንምሕዳስ ኣብዝሰርሕሉ እዋን እናተዘዋወርካ ምርኣይ፣ ኣድላዪ ግብረ መልሲ ምሃብ፣ ኣብ መወዳእታ ዘሐደስዎ መፃሓፍ ንመሓዙቶም ክርእዩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ምሕዳስ መፃሕፍቲ ምልምማዶም ምክትታል።

ዒላማ፦ ብዝራእቲ ኰላቸ ምስራሕ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ ዝራእቲ፣ መጣበቒ ኮላ/ኡሁ፣ ረጕድ ክላሰር፣ ብሩሽ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ ጠረጴዛኦም ክእረዩን ክፍለዩን ዝኽእሉ ዝተሓዋወሱ ዝተፈላለዩ ዝራእትን ኣርባዕተ ኣናእሹተን ዝተቖራረፁ መትሐዚ ዕሹግ ማይ/ቋዕቋዕታታት ማይ ምሃብ፣(ኣብነት እቶም ዝራእቲ ከም ሽምብራ፣ ዓተር/በለንጓ፣ ኣዳጉራ፣ ስርናይ ወዘተ. ክኸኑ ይኽእሉ)
- ኣብቲ ክላሰር ምስሊ ዕንበባ ዝተስኣሉ ንሕድሕድ ህፃን ምሃብ፣
- ብቡሩሽን ኮላ/ኡሁን ነቲ ዝተውሃቦም ስእሊ ምልኻይ፣
- ካብኡ እቶም ዝራእቲ ኣብቲ ብኮላ/ኡሁ ዝተለኸየ ምስሊ ብምልጣፍ ኰለቸ ክሰርሑ ምልምማድ፣

| |
|---|
| መዘከር፦ ኣብ ዓብዪ ክላሰር ስእሊ ዕንበባ ብኰላቸ ዝተሰርሐ ኩሎም ተምሃሮ ኣብ ዝርእይዎ ቦታ ብምቕማጥ ኰላቸ ከመይ ከምዝስራሕ ክርድኡ ምግባር የደሊ። |

ተፍትሽ ፦ ብዝራእቲ ኰላቸ ምስራሕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ዒስራን ኣርባዕተን፦ ጥልፊ ምጥላፍ

ዒላማ፦ ጥልፊ ምጥላፍ ይለማመዱ።

ናውቲ መምሀሪ መስተምህሪ፦ ረጕድን ድሙቕን ክሪ ሱፍ፣ ጕቲም መርፍእ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንህፃናት ኣብ ዝርአይ ቦታ ጠጠው ብምባል ኣብ ረጕድ ክላሰር ምሰረታዊ መስመራት ምስማር፣
- ነቲ መስመር ሓሊኻ ሕልፍ ሕልፍ እናበልካ ምልክት ምግባር፣
- ቀፂሎም ረጕድን ድሙቕን ክሪ ሱፍ፣ ድልዱም መርፍእ ተጠቒሞም ኣብቲ ዝተሰመረ መስመር መርፍእን ክርን ብምሕላፍ ጥልፊ ወረቐት ከመይ ከምዝስራሕ ርግፅ ኢልካ ምርኣይ፣
- ካብኡ ህፃናት ነቲ ዝርኣይዎ መርኣያ መሰረት ገይሮም ክጠልፉ ምግባር፣
- ቀስ እናበሉ ቅርፅታት ጂኦሜትሪን ቀለልቲ ምስልታት ብምሃብ ጥልፊ ወረቐት ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ምጥላፍ ጥልፊ ምልምማዶም ምክትታል።

ዒላማ፡- ኣፃብዕቲ ምንቅስቃስ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ረጉድን ድሙቕን ክሪ ሱፍ፣ ጐቲም መርፍእ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንህፃናት ኣብ ዝርአይ ቦታ ጠጠው ብምባል ክልቲኦም ናይ ኢድና ኣፃብዕቲ ምዝርጋሕ፣
- ሕድሕድ ኣፃብዕቲ ብምርኣይ ናይቲ ኣፃብዕቲ ስም ክፅውዑ ምግባር፣ እንትስሓሓቱ መስተኻኸሊ ምግባር፣
- ናይ ሓደ ኣፃብዕቲ ስም እንትፅዋዕ ናይ ክልቲኦም ኣፃብዕቲ ከርእዩ ምግባር፣

ኣብነት፡- ዓበይ ኣፃብዕቲ/መንኩብያ፣ እንትፅዋዕ፣ ነታ መንኩብያ ቀልጢፎም ብምንካእ ምርኣይ፣ በዚ መሰረት ንሕድሕድ ኣፃብዕቲ እናፀዋዕካ ነተን ኣፃብዕቲ እናነኽኡ ክፃወቱ ምግባር፣

- ክልቲኦም ኣፃብዕቲ ክጭብጡ ምግባር፣
- ቀስ ብቐስ ካብ ዝተጨበጡ ኣፃብዕቲ ውስጥ ብወረፋ/ካብ መንኩብያ ስካብ ሕንጥልጥል/ እቕንዕ ብምባል ጭዋዳታቶም ክምዕብል ምልምምዳድ፣

ተፍትሽ ፡- ኣፃብዕቲ ምንቅስቃስ ምኽኣሎም ምክትታል።

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 11. ፊጠራታት ብነፃነት ምግላፅ | 11.1 ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ናውትታት ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ መፃወቲ ምስራሕ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓድ፡- ምህዞ ብስእሊ ምግላፅ

ዒላማ፦ ምህዞ ብስእሊ ምግላፅ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ደፍተር ስእሊ/ፃዕዳ ወረቐት/፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ፣/ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንህፃናት፣ ፃዕዳ ወረቐት፣ ደብተር ስእሊ፣ እርሳስ ምሃብ፣
- ዝደለይዎ ስእሊ ክስእሉን ነቲ ዝሰኣልዎ ስእሊ ብሕብራዊ እርሳስ ክለኽዩ ምግባር፣
- ኣብ እግሪ እቲ ስእሊ ስሞም፣ ዕለትን ስም እቲ ስእልን ክፅሕፍሉ ምግባር፣
- ኣብ መወዳእታ ነቲ ዝሰኣልዎ ስእሊ ንመሓዙቶም ከቕርብሎምን እንታይነቶም ክዛረቡን ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ ፦ ምህዞ ብስእሊ ምግላፅ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፦ ካብ መስመር እንተይወፅእኻ ሕብሪ ምልኻይ

ዒላማ፡- ካብ መስመር እንተይወፅኡ ሕብሪ ምልኻይ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ደፍተር ስእሊ/ፃዕዳ ወረቐት/፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ፣/ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብዓብዩኡን ንፁርን ዝርኣዩ ስእልታት ምቕራብ/ምድላው፣
- ፈለማ ካብ መስመር እንከይወፃእኻ ከመይ ክምዝስኣል ብተግባር ምርኣይ፣
- ብንፁር ዝርኣዩ ስእልታት ኣብ ጠረጴዛኦም ምቕማጥ፣
- ብሓባር ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ናይ ማይ ሕብሪ ምቕራብ፣
- እናዞርካ ስራሕቲ ህፃናት ምርኣይ ኣብ ምልኻይ ሕብሪ ዝርኣዩ ጌጋታት እርማት ምሃብ፣
- ስኢሎም ምስ ወድኡ እቲ ስእሊ ክደርቕ ድሕሪ ምግባር ኣብ መምህሪ ክፍሊ ክስቀሉ ምግባር/ምልጣፍ፣

ተፍትሽ ፡- ካብ መስመር እንተይወፅኡ ሕብሪ ምልኻይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፡- ስእሊ ምስኣልን ሕብሪ ምልኻይን

ዒላማ፡-ስእሊ ምስኣልን ሕብሪ ምልኻይን ይለማመዱ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ደፍተር ስእሊ/ፃዕዳ ወረቐት/፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ፣/ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብዓብዩኡን ንፁርን ዝተስኣሉ ስእልታት ብምቕራብ እንታይ ከምዝኾኑ ምሕታት፣
- ኣብ ዋና ዋና ክፍልታትን ብሕብሪ ዝተለኸዩን መሰረት ዝገበረ ምይይጥ ምክያድ፣
- ቀፂልኩም ኣብ ሕድሕድ ደፍተር/ፃዕዳ ወረቐት፣ ቀለም፣ እርሳስ ብምሃብ ክስእሉን ሕብሪ ክለኽዩን ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ስእሊ ምስኣልን ሕብሪ ምልኻይን ምልምማዶም ምክትታል።

ዒላማ፦ ዛንታ ብስእሊ ምግላፅ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ደፍተር ስእሊ/ፃዕዳ ወረቐት/፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ፣/ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንህፃናት ዝተፈላለዩ ዛንታታት ወይ ነበረያ ነበረ ምዝራብ/ምዝንታው፣
- ካብቲ ዘዳመፅዎ ዛንታ ዘሐጎሶም ነገር ብስእሊ ክገልፁ ምብርትታዕ፣
- ስኢሎም ምስ ወድኡ ንምሓዙቶም ከቕርብሎም ምግባር፣

መዘክር፦ በቢ እዋኑ ህፃናት ንዝስኣልዎም ስእልታት ብምእካብ ኤግዚብሽን ስእሊ ኣዳሊኻ ወለዲ ስራሕቲ ደቆም ክጉብንዩ ምግባር ይግባእ።

ተፍትሽ፦ ዛንታ ብስእሊ ምግላፅን ምልምማድን ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ሓሙሽተ፦ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ኣምሲሎም ምትግባር፣

**ዒላማ፡-** ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ኣምሲሎም ይትግብሩ።

**ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-** ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ሰባትን እንስሳትን ዘርኢ ስእሊ፣

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣብ ቅድሚ ህፃናት ደው ብምባል ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ሰብን እንስሳን ምርኣይ፣
- ህፃናት ዝርኣይዎም ምንቅስቓሳት ናይ መንን እንታይን ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር፣
- ድሕሪ ምርኣይን ምዝራብን ነቲ ምንቅስቓስ ተግባር ክርእዩ ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ብምርኩዝ ዝኸዱ ሽማግ፣ ህፃን ዝሓዘለት ኣደ፣ ምንቅስቓስ ኣባጉበየ፣ ምንቅስቓስ ፈረስ፣ ወዘተ.

**ተፍትሽ፡-** ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ኣምሲሎም ምትግባር ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሽዱሽተ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርኣዩ ተግባራት ብፀወታ ምንፁብራቕ

ዒላማ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርኣዩ ተግባራት ብፀወታ ምንፅብራቕ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ንግልጋሎት ህንፀት ዝውዕሉ መፃወቲ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንህፃናት ዝተፈላለዩ ናውቲ መፃወቲ ህንፀት ምሃብ፣
- ንህፃናት ንዝተፈላለዩ ናውቲ ህንፀት ዝውዕሉ ተጠቒሞም ከም ድልድል/ቢንቶ/፣ ገዛ፣ መንገዲ፣ መኪና ወዘተ ብፀወታ መልክዕ ከንፀባርቑ ምብርትታዕ፣
- ኣብ እዋን ፀወታ እናዛርካ ህፃናት እንታይ እናሰርሑ ከምዝኾኑ ምክትታል፣

ተፍትሽ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርኣዩ ተግባራት ብመልክዕ ፀወታ ምንፅብራቕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሸውዓተ፡- ከባቢያዊ ናውቲ ተጠቒሞም መፀዋቲ ምስራሕ

ዒላማ፡- ከባቢያዊ ናውቲ ተጠቒሞም መፀዋቲ ምስራሕ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ፃዕዳ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ከለር፣ ቆፅሊ ሙዝ፣ ፅሩይ ጨርቂ፣ ኮላ/ኡሁ፣ ሕብራዊ ወረቐት፣ ብበዓል ሞያ ዝተስኣሉ ስእልታት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ካብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ዝተፈላለዩ ናውትታት ተጠቒምካ መፃወቲ ከምዝሰርሑ ምርዳእ፣
- ወረቐት፣ ቆፅሊ ሙዝ ወይ ፅሩይ ጨርቂ ተርቲርካ ብምቕዳድ ዝተፈላለዩ መፃወቲ ከምዝስርሑ ብተግባር ሓደ መፃወቲ ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- ብተመሳሳሊ መንገዲ ህፃናት እዉን ካብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ናውትታት ተጠቒሞም መፃወቲ ክሰርሑ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ከባቢያዊ ናውቲ ተጠቒሞም መፀዋቲ ምስራሕንምልምማድ ምኽኣሎምን ምክትታል።

ተግባር ሸሞንተ፡- ከባቢያዊ ናውቲ ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ መጋየዊ ምስራሕ

**ዒላማ፡-** ከባቢያዊ ናውቲ ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ መጋየዒ ምስራሕ ይኽእሉ።

**ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-** ቆሮ እስክርቢቶ፣ ኮላ/ኡሁ፣ ክሪ/ማዕተብ፣ ጐቲም መርፍእ፣ ሕብራዊ ወረቐት፣ ብበዓል ሞያ ዝተስኣሉ ስእልታት፣ መቐስ፣

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ብዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ወረቐታት ንሰለስተ ቆሮ እስክርቢቶ ብምጥቕላልን ጫፉ ብኮላ/ኡሁ ምጥባቕ፣
- ቀስ ኣቢሎም ነቲ ቆሮ እስክርቢቶ ከውፅእዎ ምግባር፣
- እቲ ዝተጠቕለለ ወረቐት ብዝተፈላለዩ ዓቐን ብመቐስ ምቑራፅ፣ ዓበይትን ኣናእሹተንን ቐለበት ምስራሕ፣
- ኣብቶም ቐለበት ማዕተብ/ክሪ እናእተዉ መጋየዒ ኢድ ድኮት/ጎርማደ፣ ገይዒ ክሳድ፣ ወዘተ. ከመይ ከምዝስራሕ ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- ዝተፈላየ ሕብሪ ዘለዎም ወረቐትን ቆሮ እስክርቢቶን ብምሃብ ነቲ ዝርኣይዎ መሰረት ገይሮም ናይባዕሎም ገይፅታት ክሰርሑ ምግባር፣
- ተምሃሮ እንትሰርሑ እናዞርካ ምክትታልን ሓገዝ ንዝደልዩ አካላት ሓገዝ ምግባር፣

**ተፍትሽ፡-** ከባቢያዊ ናውቲ ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ መጋየዒ ምስራሕ ምልምማድ ምግባሮም ምክትታል።

ዒላማ፡- መፅሓፍ ስእሊ የዳልዉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ፃዕዳ ወረቐት፣ ከለር፣ እርሳስ፣ መፅሄታት፣ መቐስ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ናይ ባዕሎም መፅሓፍ ስእሊ ከምዘዳልዉ ብምዝራብ ስምዒት ምስራሕ ህፃናት ምልዕዓል፣
- ንሕድሕድ ህፃን ፍርቂ ወረቐት ብምሃብ በዚ ዝስዕብ መንገዲ መፅሓፍ ስእሊ ከዳልዉ ምግባር፣
- ፈለማ ነቲ ፃዕዳ ወረቐት ኣብ ክልተ ፃፍ ብምትሓዝ ኣብ ክልተ ማዕረ ምዕፃፍ
- በቲ ዝተዓፀፈ መለስካ ኣብ ክልተ ቦታ ምዕፃፍ፣
- ቀስ ኣቢልካ እቲ ዝተዓፀፈ ወረቐት ምዝርጋሕ፣
- በቲ ዝተዓፀፈ ከባቢ ኣርባዕቲኦም መስመራት/ጠርዝታት ቀስ እናበልካ ብመቐስ ምቑራፅ፣
- ወረቐቱ ብቑመት ምዝርጋሕ ካብ ማእኸል ዝተዓፀፈሉ ቦታ ናብ ጎኒ ምስሓብ፣
- በዚ መንገዲ ምልክት መስቀል እንትሰርሕ ሕድሕድ ዝተዓፀፉ ወረቐታት ናብ ሓደ ኣንፈት ብትኽክል ብምዕፃፍ 4 ገፅ ዘለዎ መፅሓፍ ምድላው፣
- እንተኸቢድዎም ሓገዝ ምግባር፣
- ኣብ ዝሰርሕዎ ስእሊ መፅሓፍ ገፃት ዝደለይዎ ስእሊ ስኢሎም ሕብራዊ እርሳስ/ከለር ክለኽዩ ምግባር፣
- ዝተፈላለዩ ስእልታት ካብ መፅሄት ቆሪፆም ብምልጣፍ ናይ ባዕሎም መፅሓፍ ስእሊ ከዳልዉ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር ፡- ክእለቶም ከማዕብሉ ብተደጋጋሚ ክሰርሑ ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ፡- መፅሓፍ ስእሊ ምድላው ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ዓሰርተ፡- ብወረቐት ዝተፈላለዩ መፃወቲ ምስራሕ

ዒላማ፡- ብወረቐት ዝተፈላለዩ መፃወቲ ምስራሕ ይኽእል።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ፃዕዳ ወረቐት፣ ሕብራዊ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ኣየር ምብራር ዝኽእል እንታይን እንታይን ከምዝኾኑ ብምሕታት ምንቕቓሕ፣
- ብምቕፃል ኣብ ኣየር ምብራር ዝኽእሉ ነገራት መን ከምዝሰርሖም ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣ ኣብነት፡- ጀት፣ ኣውሮፕላን
- ብወረቐት ካብ ዝስርሑ መፀወቲ እንታይ ክሰርሑ ከምዘለዎም ምሕታትን ጀት ንክሰርሑ ምትብባዕን፣
- ሓደ ፃዕዳ ወረቐት ኣብ 8 ቦታታት ብምቑራፅ ንህፃናት ሓደ ሓደ ምዕዳል፣
- ርግፅ ኢልካ ብምዝራብ ከምዚ ዝስዕብ መንገዲ ክሰርሑ ምግባር፣
- ፈለማ ነቲ ፃዕዳ ወረቐት ኣብ ክልተ ጫፍ ብምትሓዝ ኣብ ክልተ ማዕረ ምዕፃፍ
- ነቲ ወረቐት ዘርጊሖም ናይቲ ወረቐት ጫፍ ኣብታ መስመር ክትነክእ ብክልቲኡ ኣንፈት ክኣፅፍዎ ምግባር፣
- ነቲ ወረቐት ማእኸሉ ብምትሓዝ ነቲ መስመር ተኸቲሎም ናብ ድሕሪት ክዓፅፉን ዝዓፀፍዎ ብደንቢ ክፀቕጥዎ ምግባር፣
- ዝተዓፀፈ ወረቐት ማእኸሉ ብኢዶም ብምትሓዝ ካብ ላዕሊ ጀሚሮም ናይቲ ወረቐት ጫፍ ብክልቲኡ ገፅ ናብ ማእኸል ምዕፃፍ፣
- ማእኸል እቲ ዝተፅሓፈ ወረቐት ክዝርጋሕ ብምግባር፣ ንኡሸተን ጀት ምስራሕ
- ኣብታ ዝሰርሕዋ ጀት ስሞም፣ ዕድሚኦም ክፅሕፉ ምግባር፣ ነታ ጀት ኣብ ክፍሊ ክትበርር ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ንሕድሕድ ብርኪ ተረጋግዑ ብምርኣይ ኣሰራርሓኡ ክርድኡ ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ ፡- ብወረቐት ዝተፈላለዩ መፃወቲ ምስራሕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።




ተግባር ዓሰርተ ሓደ፡- ብወረቐት ዝተፈላለዩ ባንቡላታት ምስራሕ

ዒላማ፡- ብወረቐት ዝተፈላለዩ ባንቡላታት ምስራሕ ይኽእል።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ፃዕዳ ወረቐት፣ ሕብራዊ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንህፃናት 10x10 ሴ.ሜ ዓቐን ዘለዎ ወረቐት ብምሃብ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ሓቢርካ ምስራሕ፣
- ፈለማ ነቲ ፃዕዳ ወረቐት ነቶም ተመዓዳደውቲ ጫፋት ብምርኻብ ስሉስ ኩርናዕ ቅርፂ ክህብ ምግባር፣
- ብምቕፃል ካብ ማእኸል ዝተወሰነ ሴ.ሜ ብምሕዳግ ጫፍ እቲ ስሉስ ኩርናዕ ናብ ታሕቲ ምዕፃፍ፣
- ካብቲ ዝተዓፀፈ ወፀኢ ዘሎ ማእኸል ቦታ ምስሊ ዓይኒ፣ ኣፍንጫ ከልቢ ብምስኣል ኩርኩር ከልቢ ብወረቐት ምስራሕን ምልምማድን፣
- እንትውድኡ ኣብ መመልከቲ ኣፃብዕቶም ኣእትዮም ብምንቅስቓስ ከም ከልቢ ውሕ፣ ዉሕ ዉሕ እናበሉ ድምፂ እናውፅኡ ክፃወቱ ምግባር፣



ተፍትሽ፡- ዝተፈላለዩ ባንቡላታት ብወረቐት ብምስራሕ ምልምማዶም ምክትታል።

ተግባር ዓሰርተ ክልተ፡- ክዳውንትን ጭምብልን/ማስኬራ/ መስራሕ

ዒላማ፡- ክዳውንትን ጭምብልን/ማስኬራ/ መስራሕ ይኽእል።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ፃዕዳ ወረቐት ሕብራዊ እርሳስ፣ ኮላ፣ ክሪ/ፈትሊ፣ ጎቲም መርፍእ፣ ሕብራዊ ወረቐት፣ ስእሊ ስራሕቲ ብዓል ሞያ፣ መቐስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ክዳውንትን ጭንብልን ንምስራሕ ዘድልዩ ናውቲ ምትእኽኻብ፣
- ሕድሕድ ህፃን ዝሰርሖ ተግባር ብምዝራብ ኣብነት ንስእሊ ከለር ምልኻይ፣ ምልጣፍ ወዘተ. ዘድልዩ ክዳውንትን ምስ መምህር ሓቢሮም ክዳልዉ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ክዳውንትን ጭምብልን/ማስኬራ/ መስራሕ ምልምማዶም ምክትታል።

ዒላማ፡- ምስ ዝተፈላለዩ ሰብ ሞያን ውፅኢታት ፈጠራን ይላለዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስራሕቲ ብዓል ሞያ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብቲ ከባቢ ምስ ዝርከቡ ሰብ ሞያታት ውፅኢት ስራሕቶምን ፈጠራታቶምን ዝጉብንይሉ ኩነታት ምምችቻው፣ ንኣብነት፡- ኣለምቲ/ሸማነ/፣ ሰራሕቲ ሸኽላ
- ህፃናት ኣብ እዋን ዑደቶም ምስ ዝተፈላለዩ ሰብ ሞያታት ክላለዩ ምግባር፣
- ድሕሪ ዑደት ህፃናት ዝተዓዘብዎን ዝርኣይዎን መሰረት ገይሮም ዜና ክቐርቡ ምግባር፣

ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፡- ምስ ዝተፈላለዩ ሰብ ሞያን ውፅኢታት ፈጠራን ምልላይ።

ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ፡- ብዝቦኽዐ ወረቐት፣ መጣቕ/ጭቃ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ

ዒላማ፡- ብዝቦኸዐ ወረቐት፣ ጭቃ/መጣቕ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ ይሽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-  ስእሊ ስራሕቲ ብዓል ሞያ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝቦሽዐ ወረቐት ወይ መጣቕ/ጭቃ ስራሕቲ ብዓል ሞያ፣ ላስቲክ ጠረጴዛ
- ግቡእ ስርዓት ኣቦኻኽዓ ተኸቲሉ ዝቦኸዐ ወረቐት ወይ መጣቕ/ጭቃ ምድላው፣
- ነቲ ጠረጴዛ ብላስቲክ ምሽፋን ብድሕሪኡ እቲ መጣቕ/ጭቃ ምቕማጥ፣
- ክስርሑ ዝተደለዩ ተግባራት ክሰርሑ ምግባር፣
- ሰሪሖም ምስወድኡ ኣብ ንኡሽተን ወረቐት ስሞምን ዓይነት ዝሰርሕዎን ክፅሕፉ ምግባር፣
- በዚ ኣገባብ ፀወታ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ባዕሎም ከዓልዉን እንትነቅፅ ድማ ሕብሪ ለኽዮም ክፃወትሉ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ብዝቦኸዐ ጭቃ/መጣቕ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ክሰርሑ ብምግባር ስራሕቲ ውፅኢቶም ብኻልኦት ክጉብነዩ ኩነታት ምምችቻው ይግባእ። |


ተፋትሽ፡- ብዝቦኸዐ ወረቐት፣ ጭቃ/መጣቕ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ብወረቐት ምእላም ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ረጕድ ክላሰር፣ ሕብራዊ ወረቐት፣ ኮላ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- 110 x 10-ሴ.ሜ ዓቐን ዘለዎ ክላሰርን ሕብራዊ ወረቐት ዝኸኑ ድሙቕ ሕብርታት ዘለዎም ወረቐት ስእሊ በቶም በዝሒ ህፃናት ምድላው፣
- ነቲ ክላሰር ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ፣ ካብ ክልቲኡ ጐንታት 2 x 2 ሴ.ሜ እትው ኢልካ ምስማር፣



- እቲ ናይ ውሽጢ 8 x 8 ሴ.ሜ ዝኾነ ቦታ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ 2 ሴ.ሜ ስፍሓት ክፍልዎ ገይርካ ምስማር፣
- ካብ ዝተሰመረ ውሽጣዊ ክፋል 4 ምስመራት ቀስ ኢልካ ናይ ላዕልን ታሕትን፣ የማንን ፀጋምን ጐንታት እንተይተነኸአ ምጭዳድ/ምስንጣቕ
- ወረቐት እቲ ስእሊ 2 ሴ.ሜ x 10 ሴ.ሜ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ብነጠብጣብ መልክዕ ብምቑራፅ ምድላው፣
- መምህር ኤ 4 ዓቐን ዘለዎ ወረቐት ኣብ ላዕሊ ብዘሎ መሰረት ዝተቖረፀ ሓደ ጥብጣብ ረቒቕ ወረቐት ብምውሳድ ኣብቲ ክላሰር ውሽጢ ሓደ ጊዜ ካብ ላዕሊ ሓደ ጊዜ ካብታሕቲ ድማ ሓደ ግዘ ብምግባር ናብ ጐኒ ብምትሕልላፍ ኣብ ወመዳእታ ጠርዚ እንትበፅሕ ናይ መፈለምታን መወዳእታን ብኮላ ብምጥባቕ ምእናብ፣

| |
|---|
| መዘክር፦ መምህር ሕድሕድ ተግባር ምንቅስቓስ ብተግባር እናርአዩ ከረድኡ ይግባእ። |

ተፍትሽ ፦ ብወረቐት ምእናብ ምልምማድ ምኽኣሎም ምግምጋን።

## 2.1.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቅድመ ስሩፅ ቤት ትምህርቲ

ስም ህፃን.........................................ዕድመ.................ፆታ.............

ስም መምህር.....................................ዓመተ ምህረት......................

ኩነታት እቲ ህፃን ዝምልከት ኣብ ሓዴኡ ብርኪ ጥራሕ ብምሕራይ ኩነታቱ ምምዝጋብ፣

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሐን/ሐትን----------------------------------

2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ በጺሑ/በጺሓ--------------------------

3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በጺሑ/በጺሓ-----------------------------------

መተሓሳሰቢ፦ ሰደቃ ክትትል ኣብ መፈላምታ ዓመት፣ መፋርቅ ዓመት፣ መወዳእታ ዓመት ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ዝፍፀመሉ እዋን | | |
|---|---|---|---|
| | መጀመርታ ዓመት፣ | መፋርቅ ዓመት፣ | መወዳእታ ዓመት |
| 1. ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ብዓርስኻ ምትእምማንን ዓርስኻ ምግላፅን ይኽእሉ። | | | |
| 1.1 ዓርሶም ምግላፅ ይኽእሉ። | | | |
| 1.2 ዓርሶም ምስ ካልኦት እናወዳደሩ ምግላፅ ይኽእሉ። | | | |
| 1.3 ኣብ ከይዲ ፀወታ ዘጓንፉ ዘይምርድድኣትን ጐንፅታትን ምፍታሕ ይኽእሉ | | | |
| 2. ተግባራት ክፍሊ ኣካላት ሰዉነት ይፈልዩን ይገልፁን | | | |
| 2.1ክፍልታት ኣካላት ሰዉነት ምፅራሕ ይኽእሉ። | | | |
| 2.2 ስራሕቲ ክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም ዝፍፅምዎም ትግባራት ብትኽክል ምግላፅ ይኽእሉ። | | | |
| 3. ምክንኻን ዓይኒ | | | |
| 3.1 ዓይኖም ብጥንቃቐን ብክንክንን ምትሓዝ ይኽእሉ። | | | |
| 4. ምክንኻን እዝኒ | | | |
| 4.1 ንእዝኖም ብጥንቃቐን ብክንክንን ምትሓዝ ይኽእሉ። | | | |
| 5. ምክንኻን ኣፍንጫ | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| | | | |
| 5.1 ፅቡቐን ሕማቕን ጨና ምፍላይ ይኽእሉ፡ | | | |
| 6. ምንክናኻን ምልሓስን ኣፍን | | | |
| 6.1 ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ዘለዎም ምግብታት ጥዒሞም የድንቑ | | | |
| 7. ብምድህሳስ ንነገራትን ኩነታትን ምግላፅ | | | |
| 7.1 ኣብ መንጎ ናውቲ ዘሎ ባህሪ፣ ዓቐን፣ ሙቐትን ቅርፅን ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| 8. ምሕላው ጥዕናን ስርዓት ኣመጋግባን ምልምማድ | | | |
| 8.1ንጥዕና ዝሰማምዑ ምግብታት ፈልዮም ምዝራብ ይኽእሉ፣ | | | |
| 8.2 ውልቀ ፅሬቶም ምሕላው ይለማመዱ | | | |
| 8.3 ውልቀ ፅሬቶም ምሕላው ይኽእሉ | | | |
| 9. ምክንኻንን ብጥንቃቐ ምትሓዝን ክፍሊ ኣካላት ሰውነት | | | |
| 9.1. ክፍሊ ኣካል ሰውነቶም ብግቡእ ምሕላውን ብክንክንን ምሓዝ ይኽእሉ። | | | |
| 10. ዓበይትን ኣናእሽተንን ጭዋዳታት | | | |
| 10.1.ዓበይትን ኣናእሽተንን ጭዋዳታት ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ ተግባራት ምፍፃም ይኽእሉ። | | | |
| 11. ብነፃነት ፈጠራ ምግላፅ | | | |
| 11.1. ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ዝተፈላለዩ ናውትታት ተጠቒሞም መፃወቲ ምስራሕ ይኽእሉ። | | | |

## 2.2. ቅቡልነት ዘለዎ ርክብ ምስ ዝምለከቶም ኣካላት ምፍጣር

### 2.2.1. *መእተዊ*

ማሕበራዊ ስምዒታውን ተግባራት ምፍፃም ኣብ ምምዕባል ኩለመዳያዊ ስብእና ህፃናት ሓደ ኣንፈት እዩ። ሓደ ህፃን ምስ ወለዱን መምህራንን ፅቡቅ ክትትልን ደገፍን ተተገይርሉ ምስ መሓዙቱ ዝህልዎ ርክብ እቲ ህፃን ንባዕሉን ንመሓዙቱን ምቾው ማሕበራዊ ህይወት ክህልዎን ዝተረጋገዐ ስምዒት ንክህልዎን ይሕግዞ። ህፃናት ኣብ እዋን ቁልዕነቶም ፅቡቕ ዝኾነ ማሕበራዊ ምትእስሳርን ዝተረጋገዐ ስምዒትን እንተነይርዎም ኣብ ቀፃሊ ህይወቶም ዕዉታትን ኣብ ትምህርቶም ውፅኢታውያንን ልዑል ተሳትፎ ክምዝህልዎም ይእመን። ስለዚ ምምዕባልን ምርግጋፅን ማሕበራዊ ህይወት ስሚዒትን ገና ካብ ብጉሓቱ ትኹረት ተዋሂብዎ ክስርሓሉ ይግባእ። መምህራን ብዛዕባ ሕድሕድ ህፃን ባህሪይ ምስ ወለዲ ብዝርዝር ብምምይያጥ ብዛዕባ ውልቀኦምን ማሕበራዊ ፍፃመታትን ደቆም ጥቕልል ዝበለ ግንዛበ ክህልዎም ይግባእ።

> ዝተረጋገዐ ህይወት ዝምስረት ካብ ቍልዕዕነቱ ጀሚሩ ብፅቡቕ ማሕበራዊ ርክብ እንትትዓቢ እዩ።
>
> ካብ ህፃንነት ጀምሩ ፅቡቕ ማሕበራዊ ህይወት ዘይብሉ፣ ዝተረጋገዐ ስምዒት ሒዙ ዘይዓበየ ህፃን፣ ፍርሓትን ንኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዝተቓልዐ ይኸውን።

መምህራን ኰኑ ወለዲ ብዝተኽኣለ መጠን ንህፃናት ዘፍርሑ ነገራት ዘይምዝራብ፡ ዝተፈላለዩ መፈራርሒ ቃላት ዘይምጥቃም፤ ህፃናት ተፈጥሮኣዊ ፍርሓቶም ከይውስኽ መምህራንን ወለድን ክፅዕሩ ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ኣፀደ ህፃናት ዝርከቡ ህፃናት ኣብ ማሕበራዊ ርክብ ክፈጥሩ ብሕብረተሰቦም ተቀባልነት ዘለዎም ባህርያት ክርድኡ፣ ቅቡልነት ዘለዎምን ትፅቢት ዝግበረሎምን ባህርያት ብምምዕባል ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ምስ ዝርከቡ ተረዳዲኦም፣ ተመያይጦምን ተሓባቢሮምን ዝሰርሕሉ ኩነታት ከማዕብሉ፣ ንመምህራኖም፣ ወለዶምን መሓዙቶምን ምኽባር፣ ምእዛዝ፣ ቅቡልነት ዘለዎም ስርዓታትን ልምድታትን ኑሮ ምቕባል ወዘተ... ክለምዱ ብምግባር ፍሉይ ሓገዝ ክግበረሎም ይግባእ።

ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝተሃነፀ ፅቡቕ ማሕበራዊ ህይወትን ስነ ምግባርን ኣብ እዋን ቁልዕነት ኮነ ምንእሰይነት ዕድም ኢልዉን ምሉእ ሰብ ወዘተ... ከጋጥም ዝኽእል ኢ ሰብኣዊ ባህርያት ክከላኸል ይኽእል። ስለዚ ነዚ ክሊ ዕድመ ፍሉይ ትኹረት ምሃብ የድሊ።

### 2.2.2.. *ሓፈሻዊ ዒላማ፦*

1. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት ምልላይ፣ ምፍላጥ ድሌት ከሕድሩን ቅቡልነት ዘለዎም ባህርያት ክርእዩን ክትግብሩን ምግባር

2. ሰባት ዝገብሩሎም ጥንቃቐ ምርዳእን ምግላፅን ክኽእሉ ምግባር፣
3. ምስ ካልኦት ኣብ ዕዮታት ጉጅለ ምስታፍ፣ ስምዒት ካልኦት ምርዳእን ኣብ ሰናይ ተግባር ምስታፍ ክኽእሉ ምግባር፣

### **2.2.3** *ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ብቕዓታትን*

1. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት ንምልላይን ልዑል ድሌት ከሕድሩ ምግባርን ምፍላይን
    - 1.1. ኣብ ቀረባ ንዝረኽብዎም ሰባት ቅብሉነት ዘለዎም ባህርያት ምርኣይ ይኽእሉ፣
    - 1.2. ብዛዕባ ዕቡቕን ሕማቕን ሰነ ምግባር ምግላፅ ይኽእሉ፣
2. ክንክንን ጥንቃቐን ዝገብሩሎም ሰባት ምፍላይን ከመይ ከምዝሕብሕብዎም ምፍላጥን፣
    - 2.1. ህፃናት፣ ዓበይቲ ሰባት ከመይ ከምዝሕብሕብዎምን ከምዝጥንቀቕሎምን ምግላፅ ይኽእሉ፣
3. ንካልኦት ምሕብሓብን ዘለካ ምክፋልን/ምምቃልን
    - 3.1. ኣብ ዕዮ ጉጅለ ብዝግባእ ምስታፍን ስምዒት ካልኦት ምርዳእን ይኽእሉ፣
    - 3.2. ኣብ ከባቢኦም ዝስርሑ ሰናይ ተግባራት ምስታፍ ይኽእሉ፣

### **2.2.4.** *ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፣ ብቕዓት፣ ናውቲ መምህሪ ምስትምሃር፣ ሓበሬታ ሜላ ኣኣተገባብራ፣*

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ንምልላይ ድሌት ምሕዳርን ምፍላይን | 1.1 ብቐረባ ንዝረኽብዎም ሰባት ቅብሉነት ዘለዎም ባህሪ ምርኣይ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ምስ ካልኦት ተሓባቢርካ ምስራሕ

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር/፣ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ወረቐትን እርሳስን ንሕድሕድ ህፃን፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር/ ድማ ንክልተ፣ ኣርባዕተ ክጥቀሙ ምግባር፣
- ዝደለይዎ ስእሊ ክስእሉ ምግባር፣
- ቅድሚ ስእሊ ምጅማሮም ዝተውሃቦም ሕብራዊ እርሳስ/ከለር/ ብሓባር ክጥቀሙ ከምዘለዎም ምሕባር፣
- ከየፍቀድኻ ከለር ምጥቃም ግቡእ ከምዘይኰነ ክርድኡ ምግባር፣
- ከለር እንትለቓቐሑ ብትሕትናን ብምኽብባርን ክኸውን ከምዘለዎ ምሕባር፣
- እንትስእሉን ከለር እንትለቓቐሑን ብምርኣይ ኣድላዪ ሓገዝ ምግባር፣
- ስኢሎም ምስ ወድኡ ስእሊ መሓዙቶም ብምርኣይ ከድንቑ ከምዝግብኦም ምሕባር፣
- ኣብ መወዳእታ ስእሊ ኩሎም ህፃናት ብምእካብ ኣብ መምህሪ ክፍሊ ክስቀሉ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ምስ ካልኦት ተሓባቢሮም ምስራሕ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፡- ስርዓት ሓሊኻ ምፅዋት

ዒላማ፡- ስርዓት ሓሊኻ ምፅዋት ይለማመዱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ቅፅሪ እቲ ኣፀደ ህፃናት ዝርከብ መፃወትን ክፍለ ግዜ ፀወታን ምምችቻው፣
- እንትፃወቱ ስርዓቶም ሓልዮም ክፃወቱ ኣድላዪ ከምዝኾነ ፣ ብኣጋጣሚ እንተተዳፊኦም ይቅርታ ምሕታት ከምዘለዎም፣ ሕግታት ፀወታ ኣኽቢሮም ክፃወቱ ከምዘለዎም ግቡእ መብርሂ ምሃብን እንትፃወቱ ምክትታልን፣
- ህፃናት እንትፃወቱ እናዞርካ ምክትታልን ምዕዛብን፣
- “ሓሳዊ ጓሳ” ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ብምግባር መልእኽቲ ክዛረቡን ክርድኡን ምግባርን የድሊ።

ተፍትሽ ፡- ስርዓት ሓሊኻ ምፅዋት ምኽኣሎም ምክትታል።

ዒላማ፡- ምሕታት ይቅርታን፣ ይቅርታ ምግባርን ይለማመዱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ፀወታ ጐማ ብዛዕባ ዝተብኣሱ ክልተ ተምሃሮ ዘጓነፎም ተጓንፎ ምዝራብ
- እቶም ህፃናት እንታይ ክገብሩ ነይርዎም ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ክመያየጡ ምግባር፣
- ካልኦት ሰባት ክሓዝኑ ምግባር ግቡእ ከምዘይኮነ፣ ብኣጋጣሚ እንተበዲልናዮም ይቅርታ ክንሓትት ከምዘለና ክርድኡ ምግባር የድሊ፣
- ኣብ ፀወታን ውሽጢ ክፍልን ዝፍጠሩ ዘይምስምምዓት ብይቅርታ ክፈትሑ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ምሕታት ይቅርታን ይቅርታ ምግባርን ምልምማዶም ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ፡- ምሕታት ይቅርታን፣ ይቅርታ ምግባርን

**ተግባር ሰለስተ፡- ተቐባልነት ዘለዎ ባህሪ ምርኣይ**

ዒላማ፡- ተቐባልነት ዘለዎ ባህሪ ምርኣይ ይኽእሉ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ምስ ወለዶም ኣብ ገዛኦም እንትውዕሉ እንታይ እናሰርሑ ከምዝውዕሉ ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ወለዲ እንትልእኽዎም እምብየው ክብሉ ከምዘይግባእ ምርዳእ፣
- እንትጋገዩ ይቕሬታ ክሓቱ ከምዘለዎም ክርድኡ ምግባር፣
- ምሕሳው ሕማቕን መነወሪ ተግባርን ምዃኑ፣ ንብረት ሰብ ብዘይ ፍቃድ ምልዓል ኣግባብ ከምዘይኰነ ክርድኡ ምግባር፣
- ኣብ ገዛኦም ይኹን ኣብ ኣፀደ ህፃት ኣብ ዝውዕልሉ ብሕብረተሰብ ከባቢኦም ቅቡላት ዝኾኑ ባህርያት ከርእዩ ከምዘለዎም ምርዳእ፣
- ኣድለይቲ ዝበሃሉ ባህርያት ከማዕብሉ ግቡእ ሓገዝን ክትትልን ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ተቐባልነት ዘለዎ ባህሪ ምርኣይ ምኽኣሎም ምግምጋም።



**ተግባር ኣርባዕተ፡- ምኽባር ብዓል ብሄርን ብሄረሰባትን**

ዒላማ፡- ምኽባር ብዓል ብሄርን ብሄረሰባትን ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሕብራዊ እርሳስ/ከለር/፣ ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ብዓል ብሄርን ብሄረሳባትን ዝተፈላለዩ ክዳውንቲ ተኸዲኖም ክመፅኡ ምግባር፣
- ብዛዕባ ዝተኸደንዎ ክዳንነ ብሄርን ክዛረቡ ምግባር፣
- ዝተፈላለዩ ስእልታት ስኢልካ ብምሃብ ብሕብራዊ እርሳስ ክለኽይዎ ምግባር፣
- ንምንታይ ከምዝለኸይዎ መብርሂ ክህቡ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ኣብ ብዓል ብሄርን ብሄረሰባትን መምህር እዉን እንተኾነ ነቲ ብዓል ዝገልፅ ክዳን ተኸዲኑን ክመፅኣ ይግባእ። |

ተፍትሽ፡- ብዓል ብሄርን ብሄረሰባትን ምኽባር ምልምማዶም ምክትታል።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ንምልላይ ድሌት ምሕዳርን ምፍላይን | 1.2 መግለፂ ፅቡቕ ሕማቕን ስነ ምግባር ምዝራብ ይኽእሉ ። |

| |
|---|
| ተግባር ሓደ፡- መግለፂ ፅቡቕ ስነ ምግባር |

ዒላማ፡- መግለፂ ፅቡቕ ስነ ምግባር ይርድኡ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ፅቡቕ ስነ ምግባርን ንፋዕ ህፃንን ዝበሃል ከመይ ዝበለ ከምዝኾነ ሕቶ ብምቕራብ ሓሳቦም ከቕርቡ ምብርትታዕ፣
- መልሲ ህፃናት ድሕሪ ምድማፅ ንፋዕን ፅቡቕ ስነ ምግባር ዘለዎ ህፃናት ዝበሃሉ፡-
    - ዘይሕሽዉ፣
    - ብዘይ ፍቓድ ንብረት ካሊእ ሰብ ዘይወስዱ፣
    - ዘይፃረፉ፣
    - ንካልኦት ዘየቐይሙ፣
    - ሓቀኛታት፣
    - ርሕሩሓት፣
    - ምእዙዛት፣
    - ንመሓዙቶምን ዓበይቲ ሰባትን ዘኽብሩ፣ ወዘተ. እዮም።

ተፍትሽ ፡- መግለፂ ፅቡቕ ስነ ምግባር ዝበሃሉ ዝተረድኡ ምኻኖም ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፡- ምፍላይ ፅቡቕን ሕማቕን ስነ ምግባር

ዒላማ፡- ፅቡቕን ሕማቕን ስነ ምግባር ዝበሃሉ ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብዛዕባ ፅቡቕን ሕማቕን ስነምግባር ዝገልፁ ካሴት መዝሙራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- “ሓሳዊ ጓሳ ን ነበረያ ነበረ” ዝብሉ መዝሙራት ክዝምሩ ምግባር፣
- መልእኽቲ እቲ መዝሙር እንታይ እዩ ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ክመያየጡ ምግባር፣
- ምሕሳውን ምስራቕን መግለፂ ሕማቕ ስነ ምግባር ምዃኖም ክርድኡ ምግባር፣
- ብዛዕባ ሕማቕን ፅቡቕን ስነምግባር ዝገልፁ መዝሙራት ክዝምሩ ብምግባር እንታይነቶምን መግለፂ ባህርያቶምን ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ፅቡቕን ሕማቕን ስነ ምግባር ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ። ማረጋገጥ።

## ተግባር ሰለስተ፡- ኣብ እዋን ፀወታ ፅቡቕ ስነ ምግባር ምርኣይ

ዒላማ፡- ኣብ እዋን ፀወታ ፅቡቕ ስነ ምግባር የርእዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መሲልካ ንምፅዋት ዘድልዩ ናውትታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ እዋን መሲልካ ፀወታ ህፃናት ዝፍፅምዎም ተግባራትን ዝዛረብዎም ዘረባታትን ምክትታል፣
- ኣብቲ ፀወታ ዘየድልዩን ሕማቓት ተግባራትን እንትፍፅሙ መምህር ጋሻ ኮይኖም ብምእታው እርማት ምሃብን ምስትኽኻልን፣
- ፅቡቕ ባህሪ ንዘርኣዩ ህፃናት ድማ ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ክብርን ኣፍልጦን ምሃብ፣
- ሕብረተሰብና ዘይቕበሎም መግለፂ ባህርያት ስነ ምግባር ዝገልፁ ዝተፈላለዩ ዛንታታት ብምቕራብ ብዝበለፀ ክርድኡ ምግባር፣

  ኣብነት፡- ምሕሳው፣ ምስራቕ፣ ምፅራፍ፣ ጉቦ ምቕባል፣ ተኣዛዚ ዘይምኳን፣ ሰብ ዘይምኽባር ወዘተ መግለፂ ሕማቕን ሕብረተሰብና ዝፅየፎም ተግባራት ምኳኖም ምርዳእ፣

ተፍትሽ ፡- ኣብ እዋን ፀወታ ፅቡቕ ስነ ምግባር ምርኣይ ምኽኣሎም ምክትታል።



## ተግባር ኣርባዕተ፡- ምትግባር ፅቡቕ ስነ ምግባር

ዒላማ፡- ፅቡቕ ስነ ምግባር ይትግብሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ፅቡቕ ስነ ምግባር ዘርእዩ ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ወይ ፅሑፋት፣ ንኣብነት፡-

| | | |
|---|---|---|
| ሓደ ሽማግለ ሰብኣይ ቖቢያም ደርብዮም | ሓደ ህፃን ነታ ቖቢዕ ብጉያ ኣልዒሉ ይህቦም | እቶም ሽማግለ ሰብኣይ ነቲ ህፃን ሓቝፎም ይስዕምዎን |

ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-

- ነቲ ዝርኣይዎ ስእሊ ተደሪኾም ሓሳቦም ክገልፁ ምትብባዕን ክመያየጡ ምግባርን፣
- ኣብ ማዕልታዊ ህይወቶም ፅቡቕ ስነ ምግባር ከርእዩ ኣድላይ ዝበሃል ሓገዝ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ፅቡቕ ስነምግባር ምትግባሮም ምግምጋም፣

ዒላማ፡- ብኣኽብሮት ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-

- ወለዶምን መምህራኖምን እንትፅውዕዎም እንታይ ኢሎም ከምዝምልሱ ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ዝኾነ ሰብ እንትፅውዖም ኣቤት ኢሎም ክምልሱ ከምዝግብኦም ምርዳእ፣
- ወለ[illegible] እንትህብዎም ከመይ ክቕበሉ [illegible]
- ክልተ ኢዶም ዝርግሕ ኣቢሎም፣ ርእሶም እድንን ኣቢሎም ክቕበሉ ከምዘለዎምን የቐንየለይ ኢሎም ከመስግኑ ከምዘለዎምን ምርዳእ፣

ተግባር ሓሙሽተ፡- ብኣኽብሮት ምላሽ ምሃብ

ተፍትሽ ፡- ብኣኽብሮት ምላሽ ምሃብ ምኽኣሎም ምክትታል።



ተግባር ሽዱሽተ፡- ወረፋ/ተራ ሓሊኻ መልሲ ምሃብ

ዒላማ፦ ወረፋ/ተራ ሓሊኻ መልሲ ምሃብ ይኽእሉ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ ክፍሊ፣ ካብ ክፍሊ ወፃእን ኣብ እዋን ክፍለ ግዜን ክርእይዎን ክትግብርዎን ዝግብኦም ስነ ምግባራት እንታይን እንታይን ከምዝኾኑ ምሕታት፣
- ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም እንታይን እንታይን ዓይነታት መፃወቲ ከምዘለዉ፣ በዝሓም ክንደይ ከምዝኾኑ፣ ብዝበለፀ ዝፈትዉዎ መፃወቲ ኣየናይ ከምዝኾነ ምሕታት፣
- ኣብ ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት ዘለዉ መፃወቲ ናይ መን ከምዝኾኑን ከመይ ክፃወቱዎም ከምዘለዎምን ምሕታት፣ኣብቲ ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት ዝርከቡ ናይ ኩሎም ህፃናት ከምዝኾኑ ክርድኡን ንምፅዋት ኣብዝደልይሉ እዋን ወረፋኦም ሓልዮም ክፃወቱ ከምዘለዎምን ክርድኡ ምግባር፣
- ኣብ እዋን ዕረፍቲ ኣብ ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት ኣብ ዘለዉ ማወቲ ክፃወቱ እንትደልዩ ወረፋኦም ሓልዮም ክፃወቱ ከምዝግብኦም ብዝግባእ ምዝራብ፣
- ወረፈኦም ሓልዮምን ስርዓት ተኸቲሎምን ንዝፃወቱ ህፃናት ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ምምስጋን፣ ንዘይተፃወቱ ድማ ከመይ ክፃወቱ ከምዘለዎም ግቡእ ሓበሬታ ምሃብ፣

ተፍትሽ ፦ ወረፋኦም/ተራኦም ሓሊዮም ምፅዋት ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ሕጊ ፀወታ ምኽባር ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ንፀወታ ዘድልዩ ዝተፈላለዩ ናውቲ መፃወቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብሕጊ ዝምርሑ ፀወታታት ክፃወቱ ምግባር፣
- ከይድን ሕግን እቲ ፀወታ ክግንዘቡ ምግባር፣
- ሕጊ ፀወታ ብምኽባር ሓቢሮም ክፃወቱ ምግባር፣
- ንኣብነት፦ "ጎይታይ ንጉስ፣ ያቆብ ሓወይ፣ ዝጠፍአ ደሊኻ ርኸብ" ወዘተ.
- ሕጊ ፀወታ ንዘየኽበሩ ህፃናት ካብ ፀወታ ወፃኢ ክኾኑ ምግባር፣
- ንሕጊ ተገዛእቲ ናይ ምኧን ባህሪ ካብ ብቈልዕነቶም ጀሚሩ ኣብ ልቦንኦም ክሰርፅ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ሕጊ ፀወታ ምኽባር ምኽኣሎም ምርግጋፅ፣

ተግባር ሸሞንተ፦ ሕማቕን ፅቡቕን ተግባራት ብተዋስኦ ምርኣይ

ዒላማ፡- ሕማቕን ፅቡቕን ተግባራት ብተዋስኦ ምርኣይ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡-  ንተዋስኦ ዘድልዩ ዝተፈላለዩ ናውቲታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ምስቶም ህፃናት ዕድመ ዝኸይድ ክዳውንቲ፣ ጭምብል/ማስኬራ/ ምድላው፣
- “ጉረኛ ማንትለ” ዝብል መዝሙር ናብ ተዋስኦ ቀይሮም ንካልኦት ህፃናትን ንወለድን ከርእዩ ምግባር፣
- “ጉረኛ ማንትለ” ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ብምግባር መልእኽቱ እንታይ ከምዝኾነ ብምሕታት ክመያየጥሉ ምግባር፣
- ንባዕልካ ልዕል ልዕል፣ ንካልኦት ምትሓት መግለፂ ሕማቕ ተግባርን ዘይግቡእ ባህርን ከምዝኾነ ክርድኡ ምግባር፣
- “ጉረኛ ማንትለ” ዝብል መዝሙር ንወለድን ካልኦት ህፃናትን ከቕርቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ሕማቕን ፅቡቕን ተግባራት ብተዋስኦ ምርኣይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡

ተግባር ትሸዓንተ፡- ኣብ ጉጅለ ዕዮ ምስታፍ

ዒላማ፡- ኣብ ጉጅለ ዕዮ ብንቕሓት ይሳተፉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ገመድ፣ በቲረ ቅብብል፣ ኩዕሶ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ካብ ክፍሊ ክወፅኡ ብምግባር ኣብ ክልተ ጉጅለ ምጉጃል፣
- ኩሎም ህፃናት ኣብ ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ውድደራት ክሳተፉ ምግባር፣
- ጉጅለኻ ተዓዊታ ንክትወፅእ ሓቢርካ ምስራሕ፣ ምትሕብባር፣ ምትሕልላይ፣ ንኣባላት ጉጅለ ሞራል ምሃብን ምብርትታዕን ኣድላዪ ከምዝኾነ ክርድኡ ምግባር፣
- ኣብነት፡- ውድድር ጉያ በትረ ቅብብል፣ መን ቀዲሙ ይኣቱ፣ ምንቓል ጭራ፣
- ኣብ መወዳሕታ ሕድሕድ ጉጅለ ዝመረፆ መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ኣብ ጉጅለ ዕዮ ብንቕሓት ምስታፎም ምርግጋፅ።



ተግባር ዓሰርተ፡- ብሓባር ምስራሕ

ዒላማ፡- ክእለት ብሓባር ምስራሕ የማዕብሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-  ጓንቲ ኢድ/ ረቂቕ ፌስታል/፣ መጠራቐሚ ጉሓፍ፣ ማይ፣ ሳሙና፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ቀፅሪ/መረባ ኣፀደ ህፃናት ንምፅራይ ዝሕግዙ ናቲ ምድላው፣
- ህፃናት ኣብ ዝተፈላለየ ጉጅለ ብምምዳብ ዝተፈላለየ ስራሕቲ ሂብካ ክሰርሑ ምግባር፣
- ንሕድሕድ ጉጅለ ዝሰርሕዎ ስራሕቲ እናዞርካ ምዕዛብን ንስራሕቶም ናእዳ ምሃብን፣
- ብሓባር ምስራሕ ዘለዎ ረብሓ ክርድኡ ምግባር፣
- ስራሕቶም ምስ ወድኡ ኢዶም ብሳሙና ገይሮም ክሕፀቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ክእለት ብሓባር ምስራሕ ምምዕባሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ ሓደ፡- ብሕማቕን ፅቡቕን ስነ ምግባር ተዋስኦ ምቕራብ

ዒላማ፡- ብሕማቕን ፅቡቕን ስነ ምግባር ተዋስኦ ምቕራብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ንተዋስኦ ዘድልዩ ናውቲ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ምስ ህፃናት ዕድመ ዝኸይድ ክዳውንቲ/ኣልባሳት፣ ጭምብል/ማስኬራ/ ምድላው፣
- "ጉረኛ ማንትለ" ዝብል መዝሙር ናብ ተዋስኦ ቀይሮም ንካልኦት ህፃናትን ንወለድን ከርእዩ ምግባር፣
- "ጉረኛ ማንትለ" ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ብምግባር መልእኽቱ እንታይ ከምዝኾነ ብምሕታት ክመያየጥሉ ምግባር፣
- ነቲ መዝሙር ንህፃናትን ወለድን ከቕርብሎም ምግባር።

ተፍትሽ ፡- ብሕማቕን ፅቡቕን ስነ ምግባር ተዋስኦ ምቕራቦም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ብዓል ወለዲ የኽብሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ንተዋስኦ ዘድልዩ ናውቲ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ኣብ ብዓል ወለዲ ብዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ክሳተፉ ምግባር፣
- ብሓባር ብምስራሕ ልዑል ተሳትፎ ክገብሩ ምብርትታዕ፣
- ኣብነት፡- ኣብ መዝሙር፣ ኤግዚቭሽን ስእሊ፣ ቕርፃቕርፂ፣ ክሳተፉ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ኣብ ብዓል ወለዲ ብዝግባእ ምስታፎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ክንክንን ጥንቃቐን ዝገብርሎም ሰባት ምልላይን ከመይ ከምዝሕብሕብዎምን ምፍላጥ | 2.1 ሰባት ከመይ ከምዝጥንቀቑሎምን ከምዝሕብሕብዎምን ምግላፅ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ክንክንን ጥንቃቐን ዝገብርሎም ሰባት ምፍላይ/ምልላይ

ዒላማ፡- ክንክንን ጥንቃቐን ዝገብርሎም ሰባት ይፈልዩ/የለልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ንተዋስኦ ዘድልዩ ናውቲ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ መምህሪ ክፍሊ ክንክን ዘገብርሎም ብዓል መን ከምዝኾኑ ምሕታት፣
- መን እንታይ ዓይነት ክንክን ከምዝገብረሎም ምሕታትን ክመያየጡ ምግባርን፣
- ኣብነት፡- መምህር፣ ሞግዚት፣ ሰራሕተኛታት ዕሬት፣ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር፣ ር/መምህር
- ኩሎም ዝገብርሎም ደገፍን ክንክንን ንዝገብርሎም ሰባት ግቡእ ክብሪ ክወሃቦም ከምዝግባእ ክርድኡ ምግባር፣
- ኣብ መወዳእታ ዛንታ ላሊቱ ሉሊት ዘንታ ከዳምፀን መሊሶም ከዘንትዉን ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ክንክንን ጥንቃቐን ዝገብርሎም ሰባት ዘፈልዩ/ዘለልዩ ምኺኖም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ክንክንን ጥንቃቐን ናይ ዝገብርሎም ሰባት ስእሊ ይስእሉ።

ተግባር ክልተ፡- ክንክንን ጥንቃቐን ናይ ዝገብርሎም ሰባት ስእሊ ምስኣል።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ወረቐት፣ እርሳስ፣ ከለር፣ ወዘተ.

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ክንክንን ጥንቃቐን ናይ ዝገብርሎም ሰባት ስእሊ ክስእሉ ወረቐት፣ እርሳስን ላጽስን ምሃብ፣
- ህፃናት ኣብ ዝስእልሉ እዋን እናዞርካ ንመን ከምዝስኣሉ ምሕታትን ግቡእ ደገፍን ምግባር፣
- ንምንታይ ነዚ ሰብ ክስእሉ ከምዝመረፁ ብምሕታት ምኽንያቶም ከብራህርሁ ምግባር

ተፍትሽ፡-ክንክንን ጥንቃቐን ናይ ዝገብርሎም ሰባት ስእሊ ምስኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፡- ክንክንን ጥንቃቐን ዝገብርሎም ሰባት ብፀወታ ምግላፅ።

ዒላማ፡- ክንክንን ጥንቃቐን ዝገብርሎም ሰባት ብፀወታ ይገልፁ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መሲልካ ንምፅዋት ዘድልዩ ናውቲ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ክንክንን ጥንቃቐን ናይ ዝገብርሎም ሰባት ስእሊ ክስእሉ ወረቐት፣ እርሳስን ላጽስን ምሃብ፣
- ህፃናት ኣብ ዝስእልሉ እዋን እናዞርካ ንመን ከምዝስኣሉ ምሕታትን ግቡእ ደገፍን ምግባር፣
- ንምንታይ ነዚ ሰብ ክስእሉ ከምዝመረፁ ብምሕታት ምኽንያቶም ኩብረህርሁ ምግባርን ከመይ ከምዝሕብሕብዎም ብተግባር ሰሪሖም ከርእዩ መእንታን መርኣያ ስራሕ ምቕራብ፣
  ኣብነት፡- ክዳነይ ይኽድኑኒ፣ ንዝብል ሓሳብ ንምግላፅ ክዳን ምኽዳን
- ኣብ ሓደጋን ህፁፅ እዋን ስኪ ምድዋል ከምዝድሊ ክርድኡ ምግባር፣
- ቀፂሎም ኣብ መሲልካ ብምፅዋት ብንቕሓት ክሳተፉ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘከር፡- ኣብ ዘተፈላላየ ክፍለ ግዜ ብዛዕባ መምህር፣ ፖሊስ፣ ዶክተር፣ ነርስ፣ ፓይለት፣ ሹፌር፣ ወዘተ ከመያየጡ ኩነታት ምምችቻው ይግባእ። |

ተፍትሽ፡- ክንክንን ጥንቃቐን ናይ ዝገብርሎም ሰባት ብፀወታ መልክዕ ምግላፆም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 3.ንኻልኦት ምሕብሓብን ዘለና ምክፋልን | 3.1 ኣብ ጉጅለ ስራሕ ብኣግባቡ ምስታፍን ስምዒት ካልኦት ምርዳእ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ስምዒት ታሕጓስን ሓዘንን ምፍላይ

ዒላማ፡- ስምዒት ታሕጓስን ሓዘንን ይፈልዩ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ስምዒት ታሕጓስን ሓዘንን ዝርኣዮም ስእልታት ወይ ፎቶግራፋት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ስምዒት ሓጐስን ሓዘንን ዘርእዩ ስእልታት ወይ ፎቶ ግራፋት ክርእዩ ምግባር፣
- ነቲ ስእሊ ርእዮም እንታይ ዓይነት ስምዒት ከምዝኸነ ክገልፁ ምግባር፣
- ኣብቲ ዝርኣይዎ ስእሊ ዝተዓዘብዎ ስምዒት ንምንታይ ከምኡ ከምዝኾነ ክገልፁ ምብርትታዕ፣
- ህፃናት ዘሐጉሶምን ዘሕዝኖምን ነገር እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ዕድል ምሃብን ምብርትታዕን

ተፍትሽ ፡- ስምዒት ሓጎስን ሓዘንን ምርድኦም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ስምዒት ካልኦት ይርድኡ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት

ተግባር ክልተ፡- ስምዒት ካልኦት ምርዳእ

ሓበሬታ

- ተኸታታልነት ኣብ ዘለዎም ስእልታት ሓቢሮም እናሰርሑ ዘለዉ ሰባት ስምዒቶም ብዝግባእ ክግንዘቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ስምዒት ካልኦት ምርድኦም ምልምማድ።



ተግባር ሰለስተ፡- ስምዒት ካልኦት ምግንዛብ

ዒላማ፡- ስምዒት ካልኦት ይግንዘቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-  ንፅሬትን ፅገናን ክጠቕሙ ዝኽእሉ ናውትታት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ኣብ ትምህርታዊ ፕሮግራማትን ዕዮታት ጉጅለን ክሳተፉ ምግባር፣

  ኣብነት፡- ኣብ ፅሬት ክፍሊ፣ ምፅራይ መምህሪ ሓገዛት፣ ምክንኻን ተኽልታት ወዘተ.
- ኣብ ዝሳተፍሉ እዋን ብሓባር ክሰርሑ ከምዘለዎም ክርድኡ ምግባር፣
- ብሓባር ኣብ ዝሰርሕሉ እዋን ስምዒት መሓዙቶም ክስተውዕሉን ክርድኡን ከምዝግባእ ሓበሬታ ምሃብ፣

ተፍትሽ፡- ስምዒት ካልኦት ምግንዛቦም ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ፡- መልእኽቲ መዝሙር ምርዳእ

ዒላማ፡- መልእኽቲ መዝሙር ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ካሴት መዝሙር፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለዩ መዝሙራት ሓቢሮም ክዝምሩ ምግባር፣
- መልእኽቲ እቲ መዝሙር ክዛረቡ ምግባር
- በቲ መዝሙር ዝተሰምዖም ክገልፁ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- መምህር ዝመርፅዎም መዝሙራት ብዛዕባ ስምዒት ሰባት ዝገልፁ ክኾኑ ይግባእ። |

ተፍትሽ ፡- መልእኽቲ መዝሙር ምርዳኦም ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ ፡- ስምዒት ካልኦት ምግላፅ

ዒላማ፡- ስምዒት ካልኦት ምግላፅ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ንፅሬትን ፅገናን ዝጠቐሙ ናውቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ሰባት እንትሕጐሱ፣ እንትሓዝኑን እንትኹሩዩን ከመይ ዓይነት ስምዒት ከምዘርእዩ ብተግባር ከርእዩ ዝገብርዎ ፃዕሪ ምብርትታዕ ምድናቕ
- ካልኦት መሓዙቶም ኣየናይ ኣገላልፃ ስምዒት ከምዝሐጐሶምን ከምዝሕዘኖም ሪኢቶ ክህቡ ምብርትታዕ።
- ስምዒት ብአግባቡ ኣድላይነት ምግላፅን ምርዳእን ሰባት ብዘይጐድእ መልክዑ ክገልፁን ክለማመዱን ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ስምዒት ካልኦት ምግላፅ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ስምዒት ካልኦት ምግላፅ ይለማመዱ::

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦  ንፅሬትን ፅገናን ዝጠቕሙ ናውቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ካልኦት ከይተረበሹን ከይሓዘኑን ስምዒቶም ከመይ ምግላፅ ከምዝኽእሉ  ዉሱን ሓበሬታ ብምሃብ ምሕታት፣

ንኣብነት፦ ናውቲ መፃወቲ፣ ብበታ፣ ኣብ እዋን ፀዋታ ምፅላእ ወዘተ…

- በቢ ዕለቱ ዘጋጥሞም ኅንፅታት ዝገልፁ ተጓንፎታት ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ስምዒት ካልኦት ምግላፅ ምልምማዶም ምክትታል።

ተግባር  ሸውዓተ ፦ ዝተፈላለዩ ገፀባህርያት

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ገፀባህርያት ወኪሎም ምውሳእ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መፅሓፍ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- <<ንኡሽተን ዮናስ>> ን <<ሓላዊ ማዕዖ በድሉ>> ዛንታ ብምትራኽ ብዛዕባ ዮናስ ዝተሰምዖም ስምዒት ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ባህሪ ገፀ ባህሪያት ዮናስን በድሉን ወኪሎም ስምዒቶም ክገልፁ ምብርትታዕ፣
- <<መን ይበልፅ>> ዝብል ዛንታ ምዝንታውን ሰለስተኦም ሰብ ታሪኽ ዘለዉሉ ብርኪ ስምዒት ክገልፁ ምግባር፣
- ዛንታ <<ዉሩን ቦቢን>> ምንባብን ስምዒት ዉሩን ቦቢን ክገልዩ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- እዞም ዛንታታት ምስ በዝሒ ህፃናትን ንምዝንታው ዝወስድሉ ጊዜን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ግዲኦም ክፃወቱ ምግባር፣ |

ተፍትሽ ፡- ባህሪ ዝተፈላለዩ ገፀባህርያት ወኪሎም ምውሳእ ምክትታል።

ዒላማ፡- ጐንፅታት ምፍታሕ ይለማመዱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ነኒ ባዕሎም ኣብ ዝፃወትሉ እዋን ዘጋጥሞም ዘይምርድድኣት ክገልፁ ምግባር፣
- ኣብ እዋን ፀወታ እንትስዓሩ ዘይምኹራይ፣ ንካልኦት ዘይምቅያም፣ እተቐይምናዮም ድማ ይቕሬታ ምሕታት ከምዝግባኦም ምርዳእ፣

ተፍትሽ፡- ምፍታሕ ጐንፅታት ምኽኣሎም ይለማመዱ።



ተግባር ሸሞንተ ፡- ጐንፅታት ምፍታሕ

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 3. ንካልኦት ምሕብሓብን ዘለና ምክፋልን | 3.2. ኣብ ከባቢኦም ንሰባት ዝግበር ሰናይን ተግባር ምስታፍ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ኣብ ፀወታ ስምዒት ካልኦት ምግላፅ፣

ዒላማ፡- ኣብ ፀወታ ስምዒት ካልኦት ምግላፅ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ወኪሎም ንምውሳእ ዝሕግዞም ኣልባሳት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብሜላ መሲልካ ምፅዋት፣ ንካልኦት መሲሎም ክፃወቱን ፅቡቕ ተግባራት ክፍፅሙን ኩነታት ምምችቻው፣

ተፍትሽ ፡- ኣብ ፀወታ ስምዒት ካልኦት ምግላፅ ምክትታል።

ተግባር ክልተ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ምፍላይ

ዒላማ፡-ኣብ ዝተፈላለዩ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ምፍላይ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ ክሊ ዕድመ ናይ ዝርከቡ ሰባት ፎቶግራፍ ወይም ስእሊ /ሽማግለ፣ ህፃን፣ ቈልዓ.../

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ናይ ዝተፈላለየ ዕድመ ዘለዎም ሰባት ፎቶግራፍ /ስእሊ/ ክርእዩ ምግባር፣
- ኣብ ፎቶግራፍ ወይ ስእሊ ዕድመ ዝርእይዎም ሰባት ክዛረቡን ክፈልዩን ምግባር ኣብነት፡- /ሽማግለ፣ ህፃን፣ ቈልዓ.../
- ቀፂሎም ነቶም ፎቶግራፍ እናርኣዩ ክዝምሩ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ንካልኦት ምሕጋዝ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መፅሓፍ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካልኦት ሰባት ኣብ ምፅራይ ከባቢ እንትሳተፉ ሓቢሮም ብምኻን ናይ ዓቕሞም ክሰርሑ ብመልክዕ ዛንታ ወይ ነበረያ ነበረ ምንጋር፣
- ኣብ ገዝኦም ምስ ዝነብሩ ሰባት ብስራሕ ዝሕግዙ ምኻኖም ምሕታት፣ ዝሕግዙ እንተ... ን ክመያየጡ ምግባርን፣

**ተግባር ሰለስተ ፡- ንካልኦት ምሕጋዝ**

- ኣብ ውሽጢ ገዛ ክልኣኹ ምግባር፣ ምእዙዛት፣ ዝተጫወትሉ መፃወቲ ክእክቡን ወለዶም ስራሕ እንትሕዙ ንህፃውንቲ ኣሕዋቶም ከፃውትዎም ከምዝግባእ ክግንዘቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ንካልኦት ክሕግዙ ልምምድ ምክያዶም ምርግጋፅ፡

**ተግባር ሓሙሽተ፡- ንኻልኦት ምምቓል/ምክፋል**

ዒላማ፡- ምስ ካልኦት ተሓባቢሮም ምስራሕ ይለማመዱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ምትዕርራይ መምህረ ክፍሎም፣ መደቀሲኦምን መመገቢ ቦትኦምን ህፃናት ምስ መምህራኖም ሓቢርካ ብምስራሕ ክእለት ምትሕግጋዝ ከማዕብሉ ምግባር፣
- ኣብ መፃወቲ ቦታ ምስ መምህራን ብሓባር ኰይኖም ህፃናት ዘፃውትሉ ኩነታት ምምችቻው፣

ተፍትሽ ፡- ምስ ካልኦት ተሓባቢሮም ምስራሕ ዝተለማመዱ ምዃኖም ምክትታል።

ዒላማ፡- ካብ ዘለዎም ነገር ንካልኦት ምምቃል/ምክፋል ይለማመዱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ማዕልቲ ውህብቶ ምድላው፣
- ህፃናት ኣብ ገዝኦም ዘለዉ ዘይኸደንዎም ዝተፈላለዩ ክዳውንቲ ንዝተፀገሙ ህፃናት ዝሁብሉ ኩነታት/ፕሮግራም ምምችቻው፤
- ኣበ ገዝኦም እንትውዕሉ ወለዶም እንታይ ከምዝሰርሑ ምሕታት፣
- እንትዛረቡ ሓሳቦም ብዝግባእ ምድማፅ፣
- ን[illegible]
- ን[illegible] ዝግባእ ብመልክዕ ተጓንፎ/ዛንታ ምንጋር፣

ተግባር ኣርባዕተ፡- ምስ ካልኦት ተሓባቢርካ ምስራሕ፣

መዘከር ፡- ወለዲ፣ መምህራን ቅድመ ስሩዕን ሰራሕተኛታት ኣፀደ ህፃናትን ንህፃናት ብኩለ መዳይ መርኣያ ኰይኖም ክቐርቡ ይግባእ።

ተፍትሽ ፡- ካብ ዘለዎም ነገር ንካልኦት ምምቃል/ምክፋል ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ሹዱሽተ ፡- ምስ ካልኦት ምክፋል/ምምቃል

ዒላማ፡- ዘለዎም ነገር ምስ ካልኦት ምምቃል/ምክፋል ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ንባንቡላ መስርሒ ዝጠቕሙ ናውቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንባንቡላ መስርሒ ዝጠቕሙ ናውቲ ብምቕራብ ሓቢርካ ክልተ ባንቡላ ምስራሕ፣
- ካብኡ ካብቶም ዝተሰርሑ ባንቡላታት ብሓደኡ ምፅዋት
- እቲ ካሊእ ድማ ብኻሊእ ክፍለ ጊዜ ብምጥቃምን ንኣናሕሽተን ቈልዑ ብመልክዕ ውህብቶ ከበርክቱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ዘለዎም ነገር ምስ ካልኦት ምምቃል/ምክፋል ልምምድ ምግባሮም ምርግጋፅ፣

## **2.2.5** *ቅጥዒ መከታታሊ ምልክታ*

ስም ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ

ስም ህፃን..........................................ዕድመ................ፆታ............

ስም መምህር.......................................ዓመተ ምህረት....................

ኩነታት እቲ ህፃን ዝምልከት ኣብ ሓዴኡ ብርኪ ጥራሕ ብምሕራይ ኩነታቱ ምምዝጋብ፣

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሐን/ሐትን-----------------------------------

2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ በፂሑ/በፂሓ--------------------------

3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/በፂሓ-----------------------------------

መተሓሳሰቢ፦ ሰደቃ ክትትል ኣብ መፈላምታ ዓመት፣ መፋርቅ ዓመት፣ መወዳእታ ዓመት ክምላእ ይግብኦ።

| ሽቶ | ምልከታ^ | | |
|---|---|---|---|
| | መጀመርያ ዓመት | መንፈቕ | መወዳእታ ዓመት |
| **1** ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ሰባት ምርኣይን ንምልላይ ድሌት ምሕዳርን ምፍላይን | | | |
| 1.1 ኣብ ቀረባ ንዝረኽብዎም ሰባት ተቐባልነት ዘለዎም ባህሪ ምርኣይ ይኽእሉ፣ | | | |
| 1.2. ብዛዕባ ፅቡቕን ሕማቕን ስነ ምግባር ምዝራብ ይኽእሉ፣ | | | |
| **2.** ክንክን ምሕብሓብን ዝገብሩሎም ሰባት ምፍላይን ከመይ ከምዝሕብሕብዎም ምፍላጥ | | | |
| 2.1. ዓበይቲ ሰባት ከመይ ከምዝንከባኸብዎምን ከምዝሕብሕብዎምን ምግላፅ ይኽእሉ፣ | | | |
| **3.** ንኻልኦት ምሕብሓብን ዘለና ነገር ምክፋልን/ምምቃልን | | | |
| 3.1 ኣብ ስራሕቲ ዕዮ ጉጅለ ብዝግባእ ምስታፍን ስምዒት ካልኦትምርዳእን ምክፋልን ይኽእሉ፣ | | | |
| 3.2. ኣብ ከባቢኦም ንደቂ ሰባት ዝግበር ሰናይ ተግባር ምስታፍ ይኽእሉ፣ | | | |

## 2.3. ቋንቋ ብግቡ ምጥቃም

### 2.3.1 መብርሂ

ቋንቋ መረዳድኢ፣ ድሌትን፣ ስምዒትን ንካልኦት ንምግላፅ ዝጠቅም መሳርሒ እዩ።
ካብ 5-6 ዓመት ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ሰባት ዝዛረብዎ ኣስተውዒሎም ምድማፅን፣ መድመፅቲ ብዝርድኦም መልክዑ ሓሳቦም፣ ድሌቶምን ስምዒቶምን ንምግላፅ ይፍትኑ። ካብዚ ብተወሳኺ ብዝበለፀ ንስሩዕ ትምህርቲ ዝዳለዉሉ ዕድመ ከም ምኳኑ መጠን ዝበዝሑ ፊደላት ብድምፅን ብቐርፅን ምፍላይን ኣምሲሎም ንምፅሓፍ ምፍታን ዝንባለ ይርኣዮም እዩ።

መምህራን ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ክእለትን ዝንባለን ህፃናት ኣብ ግምት ብምእታው ዕድመ በይኑ ለውጢ ከምዘየምፅእ ብምርዳእ ኑቶም ህፃናት ምምዕባል ክእለት ቋንቋ ምቸው ከባቢ ብምፍጣርን ኣድላዪ ዝበሃል ሓገዝ ብምግባር ህፃናት ንስሩዕ ትምህርቲ ድልዋት ምግባር የድሊ።

### 2.3.2 ሓፈሻዊ ዕላማታት

1. ኣብ ከባቢኦም ዝድመፁ ድምፅታት ምፍላይን ንትእዛዛትን መምርሕታትን ምላሽ ናይ ምሃብ ክእለትን ዝንባለን ከማዕብሉ ምግባር፣
2. ብደረጃኦም ዝቐርቡ ዛንታታትን መዝሙራትን ኣስተውዒሎም ብምድማፅ ብዘይምንም ሓገዝ ምዝንታውን ምዝማርን ክኽእሉ ምግባር፣
3. ክእለት ንባዕልኻ ብዝግባእ ብምግላፅ፣ ኣስተውዒልካ ምድማፅን ሓሳብኻ ብዘረባ ምግላፅ ከማዕብሉ ምግባር፣
4. ዝበዝሑ ፊደላት ብድምፅን ብቅርፅን ብምፍላይ ቀለልቲ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ምንባብ ንክለማመዱ ምግባር፣
5. ንዝተላለይዎም ፊደላትን ቃላትን ኣምሲሎም ምፅሓፍ ክለማመዱ ምግባር፣

### 2.3.3. ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትትን ብቕዓት

1. መረዳእታታት ብኣግባቡ ብምድማፅ ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ፣
   1.1. ኣብ ከባቢኦም ዝድመፁ ድምፅታት ምፍላይ ይኽእሉ፣
   1.2. ኣብ መንጎ ድምፅታት ዘሎ ኣፈላላይ ይርድኡ፣
   1.3. ንትእዛዛትን መምርሕታትን ግቡእ ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ፣

2.ንዝቐረበሎም ዛንታ ኣዳሚፆም፣ ደጊሞም ምዝንታው ይኽእሉ፣
   1.4. ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ብዓርሰ ተኣማንነት፣ ብግቡን ትርጉም ብዝህብ መልክዑ ንግግርን ምልክት ቋንቋን ምርድዳእ ይኽእሉ፣

1.5. ቋንቋ ብዝግባእ ምጥቃም ይኽእሉ፣

1.6. ብዝርርባዊ ቋንቋ ሓጐስ ምርካብ ይኽእሉ፣

3. ንባብ ብምንባብ ምሕጓስ፣ ምርካብ ፍልጠትን ምርዳእን ከምዝክኣል ይግንዘቡ፣

3.1. ቀለልቲ ቃላትን ምሉኣት ሓሳባትን ምንባብ ይኽእሉ፣

4. ምንቅስቓስ ኢድን ዓይንን ምውዳድ ብምምዕባል ንፅሕፈት ምድላው፣

4.1. ፊደላትን ቃላትን ምፅሓፍ ይኽእሉ፣

## **2.3.4** *ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ብቕዓታትን፣ ናውቲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ሓበሬታ ሜላ ኣኣተገባብራ*

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ሓበሬታታት ብኣግባቡ ብምድማፅ ንዝተፈላለዩ ተግባራት ግቡእ ምላሽ ምሃብ | 1.1. ኣብ ከባቢኦም ዝድመፁ ድምፅታት ምፍላይ ይኽእሉ፣ |

ተግባር ሓደ ፦ ምፍላይ ድምፅታት

ዒላማ፡- ምፍላይ ድምፅታት ይኽእሉ።

የመርጃ መሣሪያዎች ጥቆማ፡- ዝተቐረፀ ድምፂ እንስሳት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተቐረፀ ድምፅታት በጊዕ፣ ከልቢ፣ ድሙ፣ ላሕሚ ከዳምፁ ምግባር፣
- ዘዳመፅዋ ድምፂ ናይ መን ምኻኑ ምሕታትን ክምልሱ ምግባርን፣
- ብዝተኽኣለ መጠን ሓደ ድምፂ ኣዳሚያም ብዝግባእ እንተይመለሱን እንተይፈለዩን ናብ ካሊእ ዘይምኻድ፣
- ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ከባቢኦም ዘዳምፅዎም ድምፂ እንስሳት ከመይ ከምዝብሉ ክመያየጡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ድምፅታት ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ኣንፈት ድምፂ ምፍላይ ይፈልዩ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ዝመሃርሉ ክፍሊ ዓይኖም ዓሚቶም ኮፍ ክብሉ ብምግባር ኣብ ጎኖም ኲይንኻ ዝኾነ ድምፂ ክሰምዑ ምግባር፣

ንኣብነት፡- ምጥቓዕ፣ ብእግሪ ንመሬት ምውቃዕ፣ መፅሓፍ ምግልባጥ፣ ወዘተ …

- ነቲ ድምፂ ድሕሪ ምድማፆም ዓይኖም ክገልፁ ምግባር፣
- ንዝሰምዕዎ ድምፂ ካበይናይ ካባቢ ከምዝኾነ ኣንፈቱ ክሕብሩ ምግባር፣
- በዚ ዓይነት ኣገባብ ኩሎም ህፃናት ክሳተፉ ብምግባር ህፃናት ኣንፈት ምፍላይ ድምፂ ዓቕሞም ክምዕብል ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ኣንፈት ድምፂ ምፍላይ ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ክልተ ፦ ኣንፈት ድምፂ ምፍላይ

ተግባር ሰለስተ ፦ ድምፂ ኣምሲልካ ምውፃእ

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ስእሊ እንስሳ ዘቤት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብዓብይኡ ዝርአ ምስሊ እንስሳ ዘቤት ብምስኣል ንኩሉ ህፃን ኣብዝርአ ቦታ ብምጥቃዕ ህፃናት ክርእይዎ ምግባር የድሊ፣

  ንኣብነት፦ በጊዕ፣ ጤል፣ ድሙ ወዘተ…
- መፀውዒ ስሞም፣ ኣበይ ከምዝነብሩ፣ እንታይ ክምዝምገቡ ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ብሓባር ድምፂ ኣምሲሎም ክዝምሩ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ድምፂ ኣምሲሎም ምውፃእ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ ፦ ትእዛዝ ተቐቢልካ ምትግባር

ዒላማ፦ ትእዛዝ ተቐቢሎም ምትግባር ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ክላሰር፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ካብ ወረቐት ዘውዲ ንጉስ ምድላው፣
- <<ንጉስ ንጉስ ሆይ>> ፀወታ ንምፅዋት ሽዱሽተ ፈቃደኛ ህፃናት ምሕራይ፣
- ካብቶም ዝተመረፁ ህፃናት እቲ ሓደ ንጉስ ብምግባር ዘዉዲ ንጉስ ክፅዕኑን ብርኽ ኣብ ዝበለ ቦታ ዝተቐመጠ ወንበር ኰፍ ክብል ምግባር፣
- ዝተረፉ ሓሙሽተ ህፃናት ካብቲ ንጉስ ዝተወሰነ ሜትር ርሕቕ ኢሎም ብመስርዕ ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
- በቢ ተራ ሕድሕድ ህፃን ኣብ ቅድሚ ንጉስ ድንን እናበሉ <<ንጉስ ንጉስ ሆይ>> ከመይ ገይረ ክመፅእ? እናበሉ ክሓቱ ምግባር፣
- እቲ ንጉስ ድማ ህፃናት ካብ ዝፈልጥዎም እንስሳት ሓደ ክፅውዑ ብምግባር ክስጉሙ/ክዘሉ ምግባር፣ ኣብነት፦ ከም ወተዳር፣ ከም ማንትለ፣ ከም ጭንቁራዕ፣ ከም ኣባጉዖየ፣ ወዘተ…/
- እቲ ህፃን በቲ ንጉስ ዝተኣዘዞ ብምፍፃም ካአሊእ ህፃን ክሳብ ሰሪሑ ዝውድእ ጠጠው ኢሉ ወረፋኡ ክሕልው ምግባር፣
- በዚ ዓይነት ኣገባብ ትእዛዙ ንዝፈፀመን ናብ ንጉስ ዝበፅሐን ህፃን ንጉስ ክኸውን ምግባር፣
- ኩሎም ህፃናት ነዚ ፀወታ ክፃወቱ ምግባር፣
- ፈላማይ ንጉስ መምህር ተዝኸውን ይምረፅ፣

ተፍትሽ ፦ ዝተፈላለዩ ትእዛዝ ተቐቢሎም ምትግባር ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ሓሙሽተ ፦ ሕጊ ፀወታ ተኸቲልካ ምፅዋት

ዒላማ፦ ሕጊ ፀወታ ተኸቲልካ ምፅዋት ይኽእሉ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ኣብ ዝተፈላለየ ጉጅለ ምጉጃል፣
- <<ቆፃል፣ ቆፃል>> ዝበሃል ፀወታ ከመይ ከምዝፃወትዎም ሕጊ ምርዳእ፣
- ብመሰረት እቲ ሕጊ ወይ መምርሒ ምፅዋት ምኽኣሎም ምክትታል፣

ተፍትሽ ፦ ሕጊ ፀወታ ተኸቲልካ ምፅዋት ምኽኣሎም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. መረዳእታታት ብኣግባቡ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ፣ | 1.2 ኣብ መንጎ ድምፅታት ዘሎ ኣፈላላይ ምልላይ ይኽእሉ። |

**ተግባር ሓደ ፦ ሰባት ብድምፆም ምፍላይ**

ዒላማ

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ክላሰር፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ፀዋዒኻ ፍለጥ ዝብል ፀወታ ክፃወቱ ምግባር፣
  - ፈለማ ህፃናት ሕጊ እቲ ፀወታ ክፈልጡ ምግባር፣
  - ብምቑፃል 6 ህፃናት ብምሕራይ ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ጠጠው/ደው ክብሉ ምግባር፣
  - ካብ መንጎኦም ብፍቃደኝነት/ብጥቆማ/ ተሓታቲ ክኸውን ምግባር፣
  - እቲ ተሓታቲ ህፃን ገፁ ናብ ህፃናት ገይሩ ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
  - ካብቶም ሓሙሽተ እቲ ሓደ ገፁ ካብ ህፃናት ብምዟር ነቲ ጠጠው ዝበለ ህፃን ድምፁ ዓው ኣቢሉ ስሙ ክፅውዖ ምግባር፣
  - ገፁ ካብ ህፃናት መሊሱ ስሙ እንትፅዋዕ መን ከምዝፀውዖ ክዛረብ ምግባር፣
  - ኣብ መወዳእታ መልሲ እቶም ህፃናት ቅኑዕ ምዃኑን ዘይምዃኑን ናይቲ ክፍሊ ህፃናት ከረጋግፁ ምግባር፣
  - በዚ ዓይነት ኣገባብ እቲ ጉጅለ ብምቅይያር ኩሎም ህፃናት ክሳተፉ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ድምፂ ሰባት ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ድምፂ ኣምሲልካ ምውፃእ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ጭምብል/ማስኬራ ዝተፈላለዩ እንስሳት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ቅድሚ ኹሉ ጭምብል/ማስኬራ ዝተፈላለዩ እንስሳት ምድላው
- ዝተዳለወ ጭምብል/ማስኬራ ዝተፈላለዩ እንስሳት ብምቕራብ ንምፅዋት ፈቓደኛታት ዝኾኑ ህፃናት ምዕዳም፣
- ንምፅዋት ፈቓደኛታት ዝኾኑ ህፃናት ምዕዳም፣ ዝተዳለወሎም ጭምብል/ማስኬራ ብምሃብ ክኽደንዎ ምግባርን ኣብ ቦትኦም ከይዶም ኮፍ ክብሉ ምግባርን፣
- ብም... ...ንስሳ ጭምብል/ማስኬራ ዝገ...

  ተግባር ክልተ ፡- ድምፂ ኣምሲልካ ምውፃእ

- ህፃናት ትኽክል ምኻኖምን ዘይምኻኖምን መሓዙቶም ፍርዲ ክህቡ ምግባር፣
- በዚ ዓይነት ኣገባብ ኩሎም ህፃናት ብወረፋ ክፃወቱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ድምፂ ኣምሲሎም ምውፃእ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ተመሳሳልን ዝተፈለየን ድምፂ ምፍላይ ይኽእሉ።

የመርጃ መሣሪያዎች ጥቆማ፦ እርሳስ፣ ወረቐት/ናይ ስእሊ ደፍተር/፣ ሕብራዊ እርሳስ

ሓበሬ

ተግባር ሰለስተ ፡- ተመሳሳልን ዝተፈለየን ድምፂ ምፍላይ

- ፈላማይን መወዳእታን ተመሳሳሊ ድምፂ ዘለዎም ቃላት ምቕራብ፣
- ነቶም ቃላት ደጋጊሞም ክፅውዑ ምግባር፣
- ካብ ዝተዘረቡ ቃላት ማእኸል ፈለማ ተመሳሰልቲ ቀፂሎም ዝተፈለየ ዝኾነ ክዛረቡ ብምግባር ተመሳሰልትን ዝተፈለየን ድምፂ ኣዳሚፆም ብዓቕሞም ክፈልዩ ምግባር፣

ለምሳሌ:- ዓሮ፣ ጭኽሮ፤ ሰበረ፣ መረረ፣ ወዘተ...

ተፍትሽ ፡- ተመሳሳልን ዝተፈለየን ድምፂ ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፦ ድምፅታት ምስ ምንቅስቓስ ምውዳድ ይኽእሉ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ናብ ስፖርት ሜዳ ሒዝካ ምውፃእ፣
- መምህር ድምፅታት ዝተፈለያዩ እንሳትንን ኣዕዋፋትንን ምስ ምንቅስቓስ ብምውዳድ ምርኣይ፣
- እቶም ህፃናት ደድሕሪ መምህር ድምፂ ምስ ምንቅስቓስ እናዋደዱ ክፃወቱ ምግባር፣

  ንኣብነት፦ ከም ላሕሚ እምቧሕ እናበሉ ክኸዱ፣ ከም ዑፍ ጭው..ጭው እናበሉ ኢዶም ዘርጊሖም ከም ምብራር ይፍትኑ፣
- ካብዚ ብተወሳኺ መምህር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ደው ብምባል ነቶም ድምፅታት እንተውፅኡ ህፃናት ዘዳመፅዎ ድምፂ ምስ ምንቅስቓሱ ኣዋሂዶም ዝሰርሑ ምኟኖም ክዛረቡ ምግባር፣

  ንኣብነት፦ መምህር ጺ ጺ ጺ እንትብሉ እቶም ህፃናት መኪና፣ መምህር ፊርርር እንትብሉ ህፃናት ፊሽካ ብምባል ድምፅ ከዋድዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ድምፅታት ምስ ምንቅስቓስ ምውዳድ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ ፦ ድምፅታት ምስ ምንቅስቓስ ምውዳድ

ዒላማ፡- ድምፅታት ፊደል ምስ ስእሊ ምዝማድ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝተፈላለዩ ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለዩ ስእልታት ንህፃናት ምሃብ
- መምህር ናይቲ ስእሊ መፀውዒ መጀመሪያ ፊደል ድምፁ እንትዛረቡ ነቲ ስእሊ ዝሓዘ ህፃን ልዕል ኣቢሉ እንታይ ከምዝኾነ ክዛረብ ምግባር፣
- ድምፅታት ምስ ስእሊ ክዛመዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ድምፅታት ፊደል ምስ ስእሊ ምዝማድ ምኽኣሎም ምክትታል።

ዒላማ፡- ቅርጺ ፊደላት ምስ ድምጺ የዛምዱ።

**ተግባር ሽዱሽተ፡- ቅርጺ ፊደላት ምስ ድምጺ ምዝማድ**

ናውቲ [illegible]

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተላለይዎም ፊደላት ህፃናት ንወለዶም ፅሒፎም ክህቡ ምግባር፣
- መምህር ነቲ ፊደል እንትትፅውዕ ነቲ ፊደል ዝሓዘ/ዘት ህፃን ናብ መምህር ክኸይድ ምግባር፣
- ቅርጺ ፊደላት ምስ ድምጺ ምዝማድ ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ፡- ቅርጺ ፊደላት ምስ ድምጺ ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. መረዳእታታት ብኣግባቡ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ምላሽ ምሃብን፣ | 1.3. ንትእዛዛትን መምርሕታትን ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፦ ንትእዛዛትን መምርሕታትን ምላሽ ምሃብ

[illegible]፦ ንትእዛዛትን መምርሕታትን ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፦ ኣብ መምህሪ ክፍሊ ዝርከቡ ናውትታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- <<ትእዛዝ ፈፅም>> ዝብል ፀወታ ክፃወቱ ምግባር
    - ክልተ ህፃናት ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ወፂኦም ጠጠው ክብሉ ምግባር፣
    - እቲ ሓደ ትእዛዝ ተቐባሊ ክኸውን ምግባር፣
    - ኣንፈት ሓባሪ ትእዛዝ ብምሃብ ነቲ ትእዛዝ ክፍፅም ምብርትታዕ፣

      ንኣብነት፦ ህፃናት ኣብ ትሕቲ ዝተቐመጥሉ ወንበር ብድሕሪኡ ዘሎ ጠረጴዛ ዝተቐመጠ ኣብ ውሽጢ ካርቶን ዘሎ ቾክ ኣምፅእ፣
    - ነቲ ትእዛዝ ብትኽክል ዝፈፀመ/ት ምኳኑ/ና ምስ ህፃናት ብሓባር ኰይንኻ ምክትታልን ነቶም ህፃናት ትኽክል ድዩ ዝብል ሕቶ ብምሕታት ከረጋግፁ ምግባር፣
    - ብተመሳሳሊ መንገዲ ዝተፈላለዩ ትእዛዛት ንህፃናት እናሃብካ እናተፃወቱ ነቲ ትእዛዝ ክፍፅሙ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ንትእዛዛትን መምርሕታትን ምላሽ ምሃብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ መምርሒ ተኸቲልካ ዕዮ ጉጅለ ይሰርሑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ክሕደሱ ዝግብኦም ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፣ ናውቲ መሐደሲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ትልሚ ዕዮ ጉጅለ ምድላው
- ንጉጅለታት ክሕደሱ ዝግብኦም ናውቲ ምምሃር ምስትምሃር ምስ መሓደሲ ናውትታት ምሃብ

  ለምሳሌ ፦ ሽፋኖም ዝኣረጉን ዝተቐዳደዱን መፃሕፍቲ ነበረያ ነበረን ስእልን ወዘተ...

- መምርሒ ቅደም ስዓብ ኣሰራርሓ ንጉጅለታት ምሃብ፣
- ብዝተውሃቦም ገድብ ግዘ ስራሕቲ ጉጅለ ክሰርሑ እናዞርካ ምድጋፍ፣
- ክፍለ ግዘ ክውዳእ እንትቃረብ እንታይን ከመይን ከምዝሰርሑ ንደቂ ክፍሎም ክገልፁን ምግባር፣
- ካብ መምርሒ ወፃኢ እናሰርሑ ዝነበሩ ኣብ ቀፃሊ ከመሓይሹ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ ፦ ዕዮ ጉጅለ መምርሒ ተኸቲልካ ምስራሕ ምልምማዶም ምክትታል።

ተግባር ክልተ፦ መምርሒ ተኸቲልካ ዕዮ ጉጅለ ምስራሕ

ዒላማ፦ ብትኽክል መልእኽቲ የብፅሑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ክሕደሱ ዝግብኦም ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፣ ናውቲ መሐደሲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንመምህራን፣ ንሞግዚታት፣ ካልኦት ሰራሕተኛታትን ንወለዶም ሓፂር መልእኽቲ ከብፅሑ ምግባር፣
- ነቲ

**ተግባር ሰለስተ፦ብትኽክል መልእኽቲ ምብፃሕ**

ኛታት ብምሕታት ምርግጋፅ፣
- መልእኽቲ ብትኽክል ዘብፅሑ ህፃናት ኣብ ቅድሚ መማህርቶም ኣፍልጦ ምሃብ፣
- መልእኽቲ ብትኽክል ንምብፃሕ ኣሰተውዒልካ ምድማፅ ኣድላዪ ከምዝኾነ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ መልእኽቲ ብትኽክል ምብፃሕ ምኽኣሎም ብምክትታል ምግምጋም።

ዒላማ፡- መምርሒ ተኸቲልካ ይፃወቱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ወንበር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- <<ምንጥል ወንበር>> ፣ <<ቆፃል ቆፃል>> ዝብል ፀወታ ኣብ ክፍሊ ምፅዋት
- በቲ መምርሒ መሰረት በቢ ተራ/ወረፋ ምፅዋቶም ምክትታል፣

ተፍትሽ ፡- መምርሒ ተኸቲልካ ምፅዋት ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- መምርሒ ተኸቲልካ ምፅዋት

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. መረዳእታታት ብኣግባቡ ብምድማፅ ንዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ፣ | 1.4. ዛንታታትን ነበረያ ነበረን ኣዳሚያም ዝተረድኦም ክገልፁን መሊሶም ክዘንትዉ ምግባር፣ |

ዒላማ፡- ተግባር ሓደ ፡- መልእኽቲ ዛንታ/ነበረያነበረ ምርዳእ

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- መፃሕፍቲ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንህፃናት ዘሐጉሱን ዘዘናግዑን ዛንታታት ብግቡእ ኣገላልፃ፣ ኣወፃፅኣ ድምፅን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ተጠቒምካ ምዝንታው፣
- ኣብቲ ዘዳመፅዎ ዛንታ ዝርከቡ ገፀ ባህርያት፣ መልእኽቲ እቲ ዛንታን እቶም ገፀ ባህርያት ብቅደም ስዓብ እንታይ ከምዝፈፀሙ ምሕታት፣
- መልእኽቲ እቲ ዛንታ ንክርድኡ ሕቶ ምሕታት
- ነቲ ዛንታ ብዘይ ሓገዝ መምህር ዓርሶም ክኢሎም ከዘንትዉ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘከር፡- ኣብቲ ዛንታ ውሽጢ ዝርከቡ ከበድቲ ቃላት ቅድሚ ምዝንታዉ ትርጉሞም ምዝራብ የድሊ ። |

ተፍትሽ ፡- መልእኽቲ እቲ ዛንታ/ነበረያነበረ ምርድኦም ምግምጋም።

**ተግባር ክልተ፦ ዛንታ ብስእሊ ምግላፅ**

ዒላማ፦ ዛንታ ብስእሊ ምግላፅ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ መፃሕፍቲ ነበረያ ነበረ፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ፤ ወረቐት

ሓበሬታ [illegible]

- [illegible] ብመልክዕ ስእሊ ከቕርቡ ምግባር፣
- እንትውድኡ ዝሰኣልዎ ስእሊ ንመሓዙቶም ክርእይዎምን መልእኽቲ እቲ ስእሊ ክዛረቡ ምብርትታዕ፣
- ኣብ ትሕቲ እቲ ስእሊ ስሞም ክፅሕፉ ምፅሓፍ ተዘይ ክኢሎም ድማ መምህር ክፅሕፍሎም ብምግባር ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ምጥቃዕ፣

ተፍትሽ፦ ዛንታ ብስእሊ ምግላፅ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፦ ዛንታ ብተዋስኦ ምግላፅ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ አልባሳት፣ ጭምብል/ማስኬራ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብተደጋጋሚ ኣብ ዘዳመፅዎም ዛንታታት ዘለዉ ገፀ ባህርያት ነቶም ህፃናት ምክፋል፣
- ፈለማ ፈቃደኛ ሕፃናት ዝሰምዕዎም ገፀ ባህርያት ወኪሎም ክፃወቱ ምግባር፣
- ብምቅፃል ከከም ገፀባህርያት ነቶም ህፃናት ኣልባሳትን ማስኬራን ክኸደኑ ብምግባር ዛንታታት ብመልክዕ ተዋስኦ ንክፍሊ መሓዙቶም ከቕርቡ ምግባር፣
- ዝሐሸ ተሳትፎ ዘርኣዩ ሕፃናት ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ናእዳ ምሃብን ምብርትታዕን፣

መዘከር ፡ እዚ ተግባር ኣብ ሓደ ክፍለ ጊዜ ስለዘይውዳእ ኣብ ተኸታተልቲ ክፍለ ጊዜ ክትግበር ይግብኦ። ህፃናት ነቲ ተዋስኦ እንተቕርቡ ግቡእ ስነ ምግባር ከርእዩ ምግባር።

ተፍትሽ፦ ዛ

ተግባር ሰለስተ ፦ ዛንታ ብተዋስኦ ምግላፅ



ተግባር ኣርባዕተ፦ ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ርእዮም ሓደሽቲ ዛንታታት ክምህዙን ከዘንትዉን ምግባር፣

ዒላማ፦ ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ርእዮም ሓደሽቲ ዛንታታት ምምሃዝን ምዝንታውን ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ካብ 5 ዘይበልፁ ስእልታት ንህፃናት ኣብ ጠረጴዛኦም ምቕማጥ
- ነቲ ስእሊ ርእዮም ታሪኽን ትሕዝቶን እቲ ዛንታ ተረዲኦም ብቕደም ስዒብ ከቖምጡ ምግባር፣
- ብምኽፃል ሕድሕድ ስእሊ ብምርኣይ ዛንታ ምሂዞም ከዘንትዉ ምብርትታዕ፣
- ክእለት ዛንታ ምምሃዝን ምዝንታውን ክምዕብሉ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ፦ ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ርእዮም ሓደሽቲ ዛንታታት ምምምሃዝን ምዝንታውን ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሓሙሽተ፦ ዘይተመልኡ/ዘይተወድኡ ዛንታታት ምምላእ/ምውዳእ

ዒላማ፦ ዘዳመፅዎም ዘይተመልኡ/ዘይተወድኡ ዛንታታት ምምላእ/ምውዳእ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ አልባሳት፣ ጭምብል/ማስኬራ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ካልኦት ዝጀመርዎም ዘንታታት ኣዳሚዖም ከመይ መሊኦም ምዝራብ ከምዝኽእሉ መብርሂ ምሃብ፣
- ብዝግባእ ኣሰተውዒሉ ዘዳመፀ ህፃን ጅምር ዛንታ መሊኡ ከዘንቱ ምግባር፣
- ሓደ ዘንታ ንምዝንታው ምጅማር፣

  ንኣብነት፦ ነበረያ ነበረ ሓደ እዋን ሓንቲ ንእሽተን ሓፃር ከልቢ ካብ ገዝኣ ወፂኣ እንትኸይድ ይደኽማ እሞ ኣብ እግሪ ሓንቲ ኦም ኮፍ በለት.........ኢልካ ምጅማር፣
- ነዚ ዛንታ መሊኡ ዝውድእ መን እዩ ኢልካ ምሕታት
- ድሌት ዘለዎ ህፃን ናብ መድረኽ ወፂኡ ነቲ ዛንታ ካብ መፈለምታ ጀሚሩ ነቲ ዛንታ/ነበረያ ነበረ መሊኡ ዝተወሰኑ ምሉእ ሓሳባት ከዘንቱ ምግባር፣
- ሰለስተን ኣርባዕተን ምሉእ ሓሳባት ምስ ተዛረበ ነቲ ህፃን ብምብርትታዕ ካሊእ ቈልዓ ቅድም ኢሉ ዝተጀመረ ዛንታ ካብታ ዝተቐረፀት ከፂሉ ዝተወሰነ ምሉእ ሓሳብ ክገልፅ ምግባር፣

> መዘከር ፦ ንኹሎም ህፃናት በቢ ተራ ዕድል ብምሃብ ክእለት ምድማፆም ክዓቢ ምብርትታዕ ይግባእ።

ተፍትሽ፦ ዘዳመፅዎም ዘይተመልኡ/ዘይተወድኡ ዛንታታት ምምላእ/ምውዳእ ምልምማዶም ምክትታል።

ዒላማ፡- ተዃንፎታት ብመልክዕ ተዋስኦ ምቕራብ ይለማመዱ።

ናው

ተግባር ሽዱሽተ ፡- ተዃንፎታት ብመልክዕ ተዋስኦ ምቕራብ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ቅድሚ ሐዚ ዝሰምዕዎም ዛንታታት መምህር ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምቕራብ ክዝክሩ ምግባር፣
- ብምቕፃል መምህር ተዃንፎታት እሕፅር ኣቢሎምምዝራብ፣
- ፈቃደኛ ህፃናት ዘዳመፅዎ ተጋንፎ ገፀባህሪ ወኪሎም ክፃወቱ ምብርትታዕ፣
- ኣብ ዝተፈላለየ ብዓላት ወለዲ ኣፀደ ህፃናትን ነመሓዙቶም ዝተለማመድዎ ተዋስኦ ከቕርቡ ምግባር፣

መዘክር፡- ህፃናት ነቲ ተዋስኦ እንተቕርቡ ዝፍፅምዎም ስነ ምግባር ምክትታል።

ተፍትሽ ፡- ተዃነፎታት ብመልክዕ ተዋስኦ ምቕራብ ምልምማዶም ምክትታል።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣምታት ብዓርሰ ምትእምማንን ብግቡእን ትርጉም ብዝሁብ ምዝርራብን ብምልክት ቋንቋን ምርድዳእን፣ | 2.1. ቋንቋ ብኣግባቡ ምጥቃም ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፡- ፀብፃብ ምቕራብ

ዒላማ፡- ንጉሆ ንጉሆ ፀብፃብ ምቕራብ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝተፈላለዩ ናውትታትን ክዳውንትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ሰሙን መጀመርታ መዓልቲ ናይ ንጉሆ ፀብፃብ ከቕርቡ ምግባር፣
- ቀዳምን ሰንበትን እንታይ እናሰርሑ ከምዘሕለፉ ብምሕታት ኩሎም ህፃናት ክዛረቡ ምብርትታዕ፣
- ሓደ ህፃን እንትዛረብ ዝተረፉ ህፃናት ከዳምፁ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ህፃናት ምዝራብ እንተኸቢድዎም ጠቋሚ ሕቶታት ብምሕታት ክለማመዱ ምግባር። |

ተፍትሽ፡- ፀብፃብ ወጋሕታ ምቕራብ ምኽኣሎም ምክትታል።

ዒላማ፡- ኣብ መዓልቲ ዝፍፅምዎም ተግባራት ይዛረቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝተፈላለዩ ተግባራት ዘርእዩ ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ካብ ሰዓት ምቅባል ክሳብ ሰዓት መሰነዪ ዝፍፅምዎም ተግባራት ክዛረቡ ምትብባዕ፣
- ናብ ገዝኦም ምስ ተመለሱ እንታይን እንታይን ተግባራት ከምዝፍፅሙ ትርጉም ብዘለዎ መልክዕ ክገልፁ ምግባር

| |
|---|
| መዘክር፡- ኣብ ኣፀደ ህፃናትን ኣብ ገዝኦም ዝፍፅምዎም ተግባራት ምዝካር ክኽእሉ ዝተፈላለዩ ስእልታት ብምርኣይ ክነቓቕሖ ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ ፡- ኣብ መዓልቲ ዝፍፅምዎም ተግባራት ምዝራብ ምኽኣሎም ምዝራብ።

ተግባር ሰለስተ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርኣይዎም ነገራት ምዝራብ መናገር

ዒላማ፦ ኣብ ከባቢኦም ዝርኣይዎም ነገራት ምዝራብ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላየ ፍፃመታት ዘርእዩ ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ናብ ኣፀደ ህፃናት ቅድሚ ምምፃኦም ኣብ ገዝኦም ዝተዓዘብዎም ነገራት ብዝርዝርን ብቅደም ስዓብን ከቕርቡ ምግባር፣
- ህፃናት ናብ ኣፀደ ህፃናት እንትመፅኡ ኣብ መንገዲ እንታይ ከምዝርኣዩን ከምዘዓናሮምን ብቅደም ስዓብ ክዛረቡ ምብርትታዕ፣
- ክእለት ዛንታ ምምሃዝን ምዝንታውን ከማዕብሉ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ ፦ ኣብ ከባቢኦም ዝርኣይዎም ነገራት ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፦ ብዛዕባ መፃኢ ድልየቶም ይዛረቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ ተግባራት ዘርእዩ ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ምስ ዓበዩ እንታይ ክኾኑ ከምዝደልዩ ዘዘንቱ ሓፂር ታሪኽ ምንባብ፣
- ሕድሕድ ህፃን ምስ ዓበዩ እንታይ ክኾኑ ከምዝደልዩ ብምሕታት ድልየቶም ክዛረቡ ምግባር፣
- ህፃናት ድልየቶም እንትገልፁ ናእዳ ምሃብን ዘድሊ ድጋፍ ምግባርን፣

ተፍትሽ፦ ብዛዕባ መፃኢ ድልየቶም ምዝራብ ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ኣርባዕተ ፦ ብዛዕባ መፃኢ ድልየቶም ምዝራብ



ተግባር ሓሙሸተ፦ ብዛዕባ እንስሳ ዘቤት ምዝራብ

ዒላማ፡- ብዛዕባ እንስሳ ዘቤት ይዛረቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእሊ ዝተፈላለዩ እንስሳ ዘቤት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለዩ ስእልታት እንስሳ ዘቤት ክርእዩ ድሕሪ ምግባር ኣበይ ከምዝነብሩን እንታይ ዓይነት ረብሓ ከምዝህቡናን ክዛረቡ ምግባር፣

  ንኣብነት፤- ድሙ፣ ከልቢ፣ ደርሆ፣ ወዘተ…

ተፍትሽ ፡- ብዛዕበ እንስሳ ዘቤት ምዝራብ ምኽኣሎም ምክትታል።

ዒላማ፦ ሓሳቦም ብፀወታ ይገልፁ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ናውቲ ግዴኻ/መሲልካ ምፅዋት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ ኩርናዕ ፀወታ ዝተፈላለዩ ፀወታታት መሲልካ ፀወታ ክፃወቱ ኩነታት ምምችቻው፣
- ፀወታ ህፃናት እናዞርካ ብምርኣይ በቲ ዝተውሃቦም ግደ ዝዛረብዎ ምድማፅ፣
- ብፀወታ ክሓልፍ ዝተደለየ ሓሳብ መድመፅቲ ብዝርድኦም ቋንቋ ዘመሓላለፉ ምኽእሎም ምክትታል፣
- ሓሳቡብ ብግቡእ ምንገዲ  ምግላፅ ዘይኽኣልሉ ኩነታት እናተለማመዱ ምግላፅ ክምዝኽእሉ ምብርትታዕ፣
- ኣብ መወዳእታ እንታይ ዓይነት ግደ ተመቓቂሎም ክምዝተፃቱ፣ ምስ መን ክምዝተፃወቱ እንታይ ክምዝተሰምዖም ብምሕታት ምምይያጥ፣

ተፍትሽ ፦ ሓሳቦም ብፀወታ ምግላፅ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

ተግባር ሽዱሽተ ፦ ሓሳብኻ ብፀወታ ምግላፅ



ተግባር ሸውዓት ፦ ዘዳመፅዎ ዛንታ መሊሶም ምዝንታው

ዒላማ፡- ዘዳመፅዎም ዛንታታት መሊሶም የዘንትዉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መፅሓፍ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- መምህር ዛንታ እንተዘንትዉ ንህፃናት ክስሕብ ብዝዝኽእል መንገዲ ምንቅስቓስ ገፅን ኢድን ብሓፈሻ ነቲ ዛንታ ብግቡእ ኣገላልፃ ክዝንቶ ብምግባር ትኹረት ህፃናት ብምስሓብ ክነቓቕሖ ምግባር፣
- ድሕሪ ምድማፅ እቲ ዛንታ ብዛዕባ እቶም ሰብ ታሪኽ ክመያየጡ ምግባር፣
- ህፃናት ሓደብሓደ ናብ መድረኽ ክወፅኡ ብምግባር ናይቲ ዘዳመፅዎ ዛንታ ትሕዝቶኡ ከየዛብዑ ክዘንትዉ ምግባር፣
- ዛንታ ኣዳሚዖም ምዝንታው ዘይኽኣሉ ህፃናት ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት መሊሶም ዘዘንትውሉ ዕድል ምፍጣርን ምብርትታዕን፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ኣብቲ ዛንታ ዝርከቡ ከበድቲ ቃላት እንተሃልዮም ቅድሚ እቲ ዛንታ ምቅራቡ ፍታሕ ቃላት ምዝራብ፣ |

ተፍትሽ ፡- ዘዳመፅዎም ዛንታታት ትሕዝቶኡ ከየዛብዑ መሊሶምምዝንታዎም ምክትታል።



ተግባር ሸሞንተ ፡- ዘዳመፅዎ መዝሙር መሊሶም ምዝማር

ዒላማ፡- ዘዳመፅዎ መዝሙር መሊሶም ይዝምሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መዝሙር ካሴት/ሲዲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ዘተፈላለዩ መዝሙራት ክዝምሩ ብምግባር መልእኽቲ እቲ መዝሙር ክዛረቡ ምግባር፣
- ብምቅፃል ዓርሶም ክኢሎም ትሕዝቶ እቲ መዝሙር ከየዛብዑ ክዝምሩ ምግባር፣

> መዘክር፡- ሓዱሽ መዝሙር እንድሕር ድኣ ኰይኑ ሕድሕድ ተለላታት ግጥሚ እቲ መዝሙር ርግፅ ኢሉ ምስቲ ዜማ ብምውሃድን ምዝማርን ደድሕሪ መምህር ክዝምሩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ዘዳመፅዎ መዝሙር መሊስካ ምዝማር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ተጓንፎታቶም ይዛረቡ።

ተግባር ትሽዓንተ፡- ምዝራብ ተጓንፎታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- መምህር ተጓንፎኦም ንህፃናት ምዝራብ።
- ህፃናት ነናይ ባዕሎም ተጓንፎ ክዛረቡ ምብርታታፅ።
- ህፃናት ተጓንፎኦም ኣብዝዛረብሉ እዋን ብፅሞና ምድማፅ እንትውድኡ ድማ ብጣቕዒት ምብርትታፅ፣
- ተጓንፎኦም ምዝራብ ንዘይኽእሉን ፈቲኖም ምውዳእ ንዘይኽእሉን ህፃናት ሕቶታት ብምሕታት ሓሳቦም ክገልፁ ምብርትታፅ፣

ተፍትሽ ፡- ተጓንፎታቶም ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም።



ተግባር ዓሰርተ ፡- ንዝረአዎ ስእሊ ብሓሳብ ምግላፅ

ዒላማ፡- ዝርአኻዮ ስእሊ ብሓሳብ ይገልፁ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ስእሊ ምርኣይ ንዝብል ርእሲ ፕሮግራም/መርሃ ግብሪ ምድላው፣
- ዝተፈላለዩ ታሪኻት ዝገልፁ ብዝተፈላለዩ ሕብርታት ዝተለኸዩ ስእልታት ሓደ ብሓደ ምርኣይ፣
- ኣብቲ ስእሊ እንታይ ከምዝርኣዩ፣ ዝርእይዎም ሰብ ታሪኽ እንታይ እናሰርሑ ከምዝኾኑ፣ ክግምቱን ክዛረቡን ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ንዝርአይዎ ስእሊ ብሓሳብ ምግላፅ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ተኸታታልነት ታሪኽ ዘለዎም ስእልታት ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት

ተግባር ዓሰርተ ሓደ፡- ተኸታታልነት ታሪኽ ዘለዎም ስእልታት ምርዳእ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካብ 5 ዘይበልፁ ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ኣብ ሕድሕድ ጠረጴዛ ምቕማጥ
- ነቲ ስእሊ ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ስእሊ ብቅደም ስዒብ ከቐምጡ ምግባር፣
- ብምቕፃል ኣብ ሕድሕድ ስእሊ ዘለዉ ታሪኻት ክዛረቡ ዕድል ምሃብን ምብርትታዕን

ተፍትሽ ፦ ተኸታታልነት ታሪኽ ዘለዎም ስእልታት ምርድኦም ምግምጋም።



ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፡- ስእልታት ነበረያ ነበረ ብምርኣይ ምዝንታው

ተግባ

ዒላማ፡- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ዛንታ ናብ ትረኻ ይቕይሩ።

ናውቲ መምሀሪ መስተምሀሪ፡- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ደው ብምባል ሰለስተ ተኸታታልነት ዘለዎም ብዓበይቲ ዝተስኣሉ ስእልታት ሓደ ብሓደ ክርእዩ ምግባር፣
- ኣብ ሕድሕድ ስእሊ እንታይ ከምዝርኣዩ ክዛረቡ ምግባር፣
- ብምቕፃል ሰለስተ ህፃናት ብድልየት ክልዓሉ ብምግባርሓደ ሓደ ስእሊ ብምሃብ ብቅደም ስዓብ ከክትሕዙ ምግባር፣
- ካብኡ ሓደ ብዝጀመሮ ታሪኽ እቲ ካሊእ ቐፂሉ ክዛረብ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ናብ ትረኻ ምቕያሮም ምክትታል።

ዒላማ፡- ስእልታት ነበረያ ነበረ እናርእዩ የዘንትዉ።

ናውቲ መምሀሪ መስተምሀሪ፡- መፃሕፍቲ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካብ መፃሕፍቲ ነበረያ ነበረ ስእልታት ጥራሕ ክርእዩ ብምግባር እቲ ነበረያ ነበረ ክዛረቡ ምግባር፣
- ልክዕ ከምቲ ዝተፅሓፈ ታሪኽ ንምግላፅ ንዝፈተኑ ህፃናት ምብርትታዕ፣

ተ

ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፡- ስእልታት ዛንታ ብምርኣይ ምዝንታው

ዒላማ፦ ስምዒቶም ብዝርርብ ይገልፁ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፦ መፃሓፍ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ ዘተፈላለዩ ክፍለ ግዝያት ህፃናት ካብ ቤተሰቦም፣ ካብ ዝምገብዎም ምግብታት፣ ካብ ኣዕዋፍ፣ ካብ እንሰሳት፣ ካብ እፀዋትን ነፍሳትን ማእኸል ኣዝዮም ዝፈትዉዎም ወይ ዝፀልእዎ ነገር እንታይ ከምዝኹነን ንምንታይ ከምዝፈትዉዎን ከምዝፀልእዎን ምኽንያቶም ክገልፁ ምብርትታዕ፣
- ካብ ምላሽ ህፃናት ብምብጋስ ስምዒት ህፃናት/ምፍታዎምን፣ ምፅላኦምን፣ ፍርሓቶምን/ ብመርዳእ [illegible]

ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ ፦ ስምዒትካ ብዝርርብ ምግላፅ

ተግባር ዓሰርተ ሓሙሽተ፦ ብተዋስኦ ከባቢኻ ምግላፅ

ዒላማ፡- ከባቢኦም ብተዋስኦ ይገልፁ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-  መፅሓፍ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብዛዕባ ገዝኦም፣ ኣፀደ ህፃናቶም፣ ዝነብርሉ ከባቢ ሕቶታት ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ነቲ ተዋስኦ ዘድሊ ክዳውንቲ/ኣልባሳት ምድላው
- ብምቅፃል ህፃናት ዝተፈላለዩ ገፀባህርያት ወኪሎም ክዋስኡ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ ፡- ከባቢኦም ብተዋስኦ ምግላፅ ምኽኣሎም ምክትታል።

ዒላማ፡- ከበድቲ ቃላት ይፀርሑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መፅሓፍ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ብምባል ዓው ኢልካ ከቢድ ቃል ምፅራሕ፣
- ህፃናትም ዘዳመፅዎ ቃል መሊሶም ክፀርሑ/ክፅውፅዎ ምግባር፣
- ብምቕፃል ነቲ ቃል ብቕልጡፍን ብተደጋጋሚ ክፀርሕዎ ብምግባር ምፅዋት፣
- ከይተጋገዩ ነቲ ቃል ክፀርሕዎ ምግባርን ምብርትታዕን፣

ንኣብነት፡- ጨለለቃ፣ ምትዕፅፃፍ፣ ቴሌኮሚኒኬሽን

ተፍትሽ ፡- ከበድቲ ቃላት ምፅራሕ ምልምማዶም ምክትታል።

ተግባር ዓሰርተ ሽዱሽተ፡- ምፅራሕ ከበድቲ ቃላት

ተግባር ዓሰርተ ሸውዓተ፡- ስምዒቶም ብገፅን ብኣካላዊ ምንቅስቓስን ምግላፅ

ዒላማ፡- ስምዒቶም ብኣካላዊ ምንቅስቓስን ይገልፁ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መፅሓፍ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ቀለልትን ሓፀር ስምዒት ዝገልፁ ዛንታታት፣ ተጻንፎታት፣ ዛንታታት ንህፃናት ምዝራብ፣
  - ስምዒት ገፀባህርያት ዘዳመፅዎ ዛንታ ብገፆምን ኣካላዊ ምንቅስቓሶምን ንክገልፁ ምብርትታዕ፣

ንኣብነት፡-

- እቲ ህፃን ኣዴኡ ዘቐመጠቶ ኣቕሓ ብምልዓሉ ኣዴኡ እንትሓቶ ከመይ በላ? ዘቐመጥክዎ ኣቕሓ መን ኣልዒልዎ በላ?  ብንዴት መመልከቲ ኣፃብዕተን ላዕልን ታሕትን እንዳበላ ገፀን ጭምድድ ብምባል ክዛረባ ምግባር፣
- እቲ ቆልዓ እንታይ በለ? ይቕርታ ግበርለይ ካልኣይ መዓልቲ ከየፍቐድኩ ኣይወስድን ክልተ ኢዱ ናብ ኣዴኡ ዘርጉሑ ብፍርሓት ከርእይ ምግባር፣
- ኣዴኡ ካብ ኣፀደ ህፃናት ክትወስድኦ እንትትመፅኣ እንታይ ኢለን? እንታይ ገይሩ? ኣደይ መፂእኺ ዶ? ሕቑፍ እንተብለን ከርእዩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ስምዕትካ ብገፅን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ምግላፅ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ፍፃመታትን ግዜን ይገልፁ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ መፅሓፍ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ፅንሰ ሓሳብ ግዝ /ናይ ቀረባ፣ ሕሉፍን መፃኢን/ ክርድኡ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ምሕታት፣
- ግቡእን ገላፅን ቃላት ግዜን ፍፃመን ተጠቒሞም ሓሳቦም ክገልፁ ምብርትታዕ፣

ንኣብነት፦

ነበረያ ነበረ ዝብል መዝሙር መዓዝ ዘሚርና?

ትማሊ /ቅድም/ ሐዚ እናዘመርና ኢና።

ሐዚ እናተምሃርና ኢና

መፈደሲ ስዓት እንትኣክልን ወለድኹም እንትመፅኡን

እንታይ ትገብሩ?

ወለድና እንትመፅኡ ናብ ገዛና ንኸይድ።

- ብምቅፃል ትማሊ፣ ሎሚ፣ ፅባሕ ዝብሉ ገለፅቲ ቃላት ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ምሉእ ሓሳባት ብምህናፅ ሓሳቦም ክገልፁ ምብርትታዕ።

ተፍትሽ ፦ ግዜን ፍፃመታትን ምግላፅ ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ዓሰርተ ትሽዓንተ፡- ምልላይ ሓደሽቲ ቃላት

ዒላማ፡- ሓደሽቲ ቃላት ይላለዩ።

ናውቲ መምህረ መስተምህር፡- መፅሓፍ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ነቶም ህፃናት ዝምጥኖም ግጥምታትን ነበረያ ነበረን ምዝንታው
- ኣብቲ ነበረያ ነበረን ግጥምን ውሽጢ ዝነበሩ ትርጉም ሓደሽቲ ቃላት ክርድኡን ደጊሞም ነቲ ቃል ክፀርሑን ምግባር፣
- ብዘዳመያም ነበረያ ነበረን ግጥምታትን ዝተሰምየም ስምዒት ብቃላት ክገልፁ ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ቀደም ሃለቃ ገ/ሃና ዝብሃሉ ቀላድን ተፃዋትን ሰብኣይ ነበሩ። ሓደ እዋን ሃለቃ ገ/ሃና ኣብ ሓደ ምርዓ ተፀዊዖም ስለዝነበረ ናብቲ መርዓ ኣረጓጉቲ ክዳን ተኸዲኖም ከዱ። ዋርድያ እቲ ዳስ ዝተኸደንዎ ክዳን ርእዩ ኣየእትዉን በሎም። ካብኡ ሃለቃ ገ/ሃና ናብ ገዛኦም ተመሊሶም ፅሩይን ፀፃዕዳ ክዳኖም ተኸዲኖም እንትመፅኡ እቲ ዋርድያ ኢድ ነሲኡ እተዉ በሎም። ፅቡቕ ኮፍ መበሊ ቦታ እዉን ተውሃቦም ቀዒሉ ምግቢ ቀረቡሎም። ሃለቃ ገ/ሃና ነቲ ምግቢ እናልዐሉ ናብ ክዳኖም ምልምጣጥ ጀመሩ። ኣብቲ መርዓ ካብ ዝነበሩ መተኣናገድቲ ሓደ ሰብ መፂኡ ንምንታይ ክዳንኩም ብፀብሒ ትልቕልቑ በሎም። <<ናብዚ መርዓ ዝተፀዋዕኹ ኣነ ዘይኮንኩስ ክዳነይ እዩ ።>> ኢሎም ተዛረቡ ይበሃል።
- ኣብቲ ዛንታ ንምንታይ? ከመይ? መዓዝ? ንዝብሉ ሕቶታት ምላሽ ክህቡ ምግባር።

ተፍትሽ ፡- ሓደሽቲ ቃለት ምልላዮም ምግምጋም።

ተግባር ዒስራ፡- ምርዳእ መወዳደርቲ ቃላት

**ዒላማ፡-** መወዳደርቲ ቃላት ይርድኡ።

**ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-** ዝተፈላለዩ ዓቐን ዘለዎም እርሳሳት ወይ ማስመሪያታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለዩ ዓቐን ዘለዎም እርሳሳት ወይ ማስመሪያታት ንህፃናት ብምሃብ ዓብዩ፣ ኣዝዩ ዓብዩ፣ ንኡሽተን፣ ኣዝዩ ንኡሽተን. ዝብሉ መወዳደርቲ ቃላት ክላለዩ ምግባር
- ብኢደ ዝተሓዝዎም እርሳሳት/ማስመሪያታት/ ኣየናይ ዓብዩ፣ ኣዝዩ ዓብዩ፣ ንኡሽተን፣ ወዘተ. ከምዝዥኑ ኣወዳደርቲ ቃላት ብምጥቃም ክዛረቡ ምግባር፣
- ብምቕፃል ኣእዳዎም ብቕልጡፍ ከም መኪና ክሽከርክሩ ምግባር፣ ቀፂሎም ኣዝዮም ክሽከርክሩ ምግባር፣
- ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ተግባራት ብቕልጡፍ፣ ኣዘዩ ቕልጡፍ፣ ዝብሉ መወዳደርቲ ቃላት ክፈልጡን ኣብ ዝርርቦም ክጠቀሙ ምግባር፣

**ተፍትሽ ፡-** መወዳደርቲ ቃላት ዝበሃሉ ዝተረድኡ ምኻኖም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ኩነታት ብሓሳብ ይስእሉ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ዝተፈላለዩ ዓቐን ዘለዎም እርሳሳት ወይ ማስመሪያታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- መፍትሒ ዝደልዩ ዝተፈላለዩ ተኣንሮታት ብምዝራብ ንስኹም እንተትኾኑ እንታይ ምገበርኩም ዝብል ሕቶ ምቕራብ
- ኣብ ከባቢኦም ንዘይለዉ ነገራት ብሓሳቦም ብምስኣል ሓሲቦም ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ኩነታት ብሓሳብ ምስኣል ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ኣብ ምሉእ ሓሳብ ዝርኣዩ ጌጋታት ይእርሙ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንህፃናት ጌጋ ዘለዎም ምሉእ ሓሳባት ብምዝራብ ኣስተውዒሎም ከዳምፁ ብምግባር እቲ ጌጋ እንታይ ከምዝኾነ ፈልዮም ክዛረቡ ምግባር፣

  ንኣብነት፡-

  - <<ሎሚ ኩብደይ ስለዘሕመመኒ ንምሕካም ናብ ጋራዥ ክኸይድ እየ>>
  - <<ሎሚ ምስሐይ ዝበልዐሉ ኣዝዩ ጡዑም ዝኾነ መፅሓፍ እዩ።>> ወዘተ…
- [illegible] ጌጋ

ተግባር ዒስራን ክልተን ፡- ኣብ ምሉእ ሓሳብ ዝርኣዩ ጌጋታት ምፍላይ

ተፍትሽ ፡- ኣብ ምሉእ ሓሳብ ዝርኣዩ ጌጋታት ምስትኽኻል ምኽኣሎም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|

| | |
|---|---|
| 2. ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣምታት ብዓርሰ ምትእምማንን ብግቡእን ትርጉም ብዝህብ ምዝርራብን ብምልክት ቋንቋን ምርድዳእን፣ | 2.2 . ብዝርርብ ቋንቋ ሓሳባት ይረኽቡ። |

ዒላማ፡- ብግጥሚ ምሕጓስ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መፅሓፍ ግጥሚ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንህፃናት ዝምጥኑ ግጥምታት ዓው ኢልካ ምንባብ
- ትሕዝቶ ግጥሚ ብተግባር ክርእዩ ምግባር፣

ንኣብነት፡-

ነበረያ ነበረ

እንታይ ነበረ

| |
|---|
| መዘክር፡- መምህራን ናይ ሕፃናት ትኩረት ዝስሕቡ ሓፀርቲ ግጥምታት ብምግጣም ንህፃናት ብምቕራብ ህፃናት ክሕጐሱ ምግባር የድሊ። |

ተፍትሽ ፡- ብግጥሚ ምሕጓስ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሓደ፡- ብግጥሚ ምሕጓስ



ተግባር ክልተ፡- ንሕቶታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ

ዒላማ፦ ንሕቶታት ግቡእ ምላሽ ይህቡ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብዛዕባ ስድራኦምን ውልቀኦም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ምሕታት
- ንሕቶታት ብዝግባእ ብምድማፅ ነቶም ሕቶታት ዝተማልአን ግቡእ ምላሽ ምሃብ ክለማመዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ንሕቶታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 3. እናንቡብካ ምሕጓስን ፍልጠት ከምዝርኩብ ምርዳእ፣ | 3.1 . ቀለልቲ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ምንባብ ይኽእሉ። |

ዒ

ተግባር ሓደ፦ ሓድነትን ፍልልይን ስእልታት ምዝራብ

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ ካርድታት ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለዩ ካርድታት ስእሊ ብምሃብ ተመሳሳልቲ ዝኾኑ ክሓርዩ ምግባር፣
- እቶም ስእልታት ዘመሳስልዎምን ዘፈላልይዎምን ነገራት ክዛረቡ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ ፦ ሓድነትን ፍልልይን ስእልታት ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡- ፍልልይን ምስስልን ስእልታት ምርዳእ

ዒላማ፡- ፍልልይን ምስስልን ስእልታት ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ናይ ዶሚኖ ስእሊ፣ ሰሌዳ ኣዛምድ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ስእሊ ዶሚኖ ፣ ሰሌዳ መዛመዲ/ለቶ ብምሃብ ክፃወቱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ፍልልይን ምስስልን ስእልታት ዝተረድኡ ምዃኖም ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ፡- መሪሕ ፊደላትን ስያመኦምን ምዝራብ

ዒላማ፡- መሪሕ ፊደላትን ስያመኦምን ይዛረቡ።

የመርጃ መሣሪያዎች ጥቆማ፡- ሰሌዳ መሪሕ ፊደላት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ቅድም ኢሎም ዝተላለይዎም መሪሕ ፊደላት ክርእዩ ምግባር፣
- ብምቕፃል መፀውዒ ስሞም ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- የመሪ ፊደላት ስያሜ መናገር መቻላቸዉን ማረጋገጥ።

ዒላማ፡- ዓሌት ፊደላት የለልዩ።

የመርጃ መሣሪያዎች ጥቆማ፡- ሰሌዳ ፊደል

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ሰሌዳ ፊደል ብምጥቃም ሰለስተ በቅርፆም ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ፊደላት መሪሕ ፊደል ምውሳድ፣
- ስዒቦም/ቀፂሎም ዝመፅኡ ዓሌት ፊደላት /ካዕብ/ በቢ ተራ ክርእዩ ብምግባር መፀውዒ ስሞም ምዝራብ፣

  ንኣብነት፡- ቡ ሱ ሹ
- ህፃናት ደጋጊሞም ክፀርሕዎም ምግባር
- ካብ መሪሕ ፊደላት /ግዕዝ/ ፣ /በ ሰ ሽ/ ዘለዎም ምስስልን ፍልልይን ሓደ ብሓደ ብምርኣይ ክዛረቡ ምግባር፣
- መምህር እቶም ፊደላት ዘመሳስልዎምን ዘፈላልዮምን ብምዝራብ ክርድኡ ምግባር፣
- “ኣነ መን እየ” ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ዓሌት ፊደላት ምልላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ምልላይ ዓሌት ፊደላት



ተግባር ሓሙሽተ፡- ድምፅን ቅርፅን ዓሌት ፊደላት ብፀወታ ምፍላይ

ዒላማ፦ ድምፅን ቕርፅን ዓሌት ፊደላት ብፀወታ ይፈልዩ።

የመርጃ መሣሪያዎች ጥቆማ፦ ሰሌዳ ፊደላት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- "ሕንቅል ሕንቅሊተይ" ን "ዝጎድለ ምልኡ" ዝብል ፀወታ ብዝስዕብ መንገዲ ብምፅዋት ናይቶም ፊደላት ድምፅን ቕርፅን ከለልዩ ምግባር፣

  ሕንቅል ሕንቅሊተይ

  ሰናቢተይ

  ኣነ ዓሌት ፊደል "በ " እየ።

  ብፀጋማይ እግረይ ጐኒ ንእሹተን ሕንፃፅ ኣለኒ

  ኣነ መን እየ**?** ቡ

- ካብ ዝተላለይዎም ሰለስተ ፊደላት መሪሕ ፊደል/ግእዝ/ ክርእዩ ብምግባር፣ መፀውዒ ስሞም፣ ድምፆምን ቕርፆምን ክፀርሑ ምግባር፣
- ዓይኖም ክዕምቱ ምግባር፣
- ዓይኖም እንትዕመቱ ሓንቲ ፊደል ምሕባእ፣
- ብድሕሪኡ ዓይኖም ክገልፁን ዝጠፍአት ፊደል መን ከምዝኾነት ብምንታይ ከምትፍለን ብምሕታት ክምልሱ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ድምፅን ቕርፅን ዓሌት ፊደላት ብፀወታ ምፍላዮም ምርግጋፅ።



ተግባር ሽዱሽተ ፦ ዝተላለይዎም ፊደላት ምንባብ

ዒላማ፡- ዝተላለይዎም ፊደላት የንብቡ።

የመርጃ መሣሪያዎች ጥቆማ፡- ሰሌዳ ፊደላት ፣ ካርዲ ፊደላት /ፍለሽ ካርዲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ዝተላለይዎም ፊደላት ንቑልቑልን ኣግድምን ምፅሓፍ፣
- ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ፣ ካብ ፀጋም ናብ የማን ዓይኖም ብንቅስቓስ ከንብቡ ምግባር፣
- ዝተላለይዎም ፊደላት ብኣናእሽተንን ረጒድቲ ወረቐታት ፅሒፍካ ምሃብ፣
- መምህር "ትወፅእ እያ! ትወፅእ እያ!" እናበሉ ኣብ ኢዶም ሰሌዳ ፊደል እንተርእዩ መምህር ዝሓዝዎ ዓይነት ፊደል፣ ካርዲ ፊደል ዝሓዘ ህፃን ከርእይ ብምግባር ብፀወታ ክለማመዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ዝተላለይዎም ፊደላት ዘንበብዎም ምኺኖም ምግምጋም።

ተግባር ሸውዓተ፡- ድምፅን ቅርፅን ዓሌት ፊደላት ምልላይ

ዒላማ፡- ድምፅን ቕርፅን ዓሌት ፊደላት የለልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዶሚኖ፣ ሎቶ ፊደላት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዶሚኖ፣ ሎቶ ፊደላት ምሃብን ክፃወቱ ብምግባርድምፅን ቕርፅን ፊደላት ክለልዩ ምግባር፣

ንኣብነት፡- <u>ሰሌዳ መዛመዲ ፊደላት</u>

| | | |
|---|---|---|
| ቡ | ኩ | ዙ |
| ዡ | ሉ | ሹ |
| ሱ | ኹ | ኡ |

| | | |
|---|---|---|
| ቡ | ኹ | ኩ |
| ሱ | ኡ | ሹ |
| ሉ | ዙ | ዡ |

<u>ዶሚኖ ፊደላት</u>

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ቡ | ሱ | | ኩ | ሉ | | ሱ | ኩ | ሉ | ኡ |

- ዶሚኖ ፊደላት ብዝስዕብ መንገዲ ክፃወቱ ምግባር፡-
  - በዝሒ ተፃወቲ ክልተ እንትኾኑ ክልቲኦም ማዕረ ካርዲ ቁፅሪ ይወሃቦም
  - እቲ ሓደ ተፃወቲ ዝደለዮ ካርዲ ብምቕማጥ ይጅምር፣

መተሓሳሰቢ፡- ህፃናት ብሓደ ገዝ ክላለይዎም ዝግባእ ፊደላት ካብ ሰለስተ ክበልፁ ቲ

የብሎምን። እቶም ፊደላት ድማ ብቕርፆም ተመሳሳልቲ ክኾኑ ይግባእ።

- ኣቀዲሞም ብዝተላለይዎምን ዝፈልጥዎምን ፊደላት ዝተመስረቱ ቃላት ምንባብ ክለማመዱ ይግባእ፡
- ካዕብ እንትውድኡ በዚ ዓይነት ሜላ ኣመሃህራ ዓሌት መሪሕ ፊደላት /ሳልስ፣ ራብእ፣ ዲ ሃምስ፣ ሳድስን ሳብእን ክላለይዎም ይግባእ/ ቢ ሲ ሺ፣ ባ ሳ ሻ፣ ቤ ሴ ሼ፣ ብ ስ ሽ፣ቦ ሶ ሾ/

ብፍላይ ሳድስ ሻድሻይ ዓሌት ፊደል/ ካብቶም ካልኦት ዓሌት ፊደላት ስለዝኸብድ /ቅርፂ ፊደል ተመሳሳልነት ስለዘይብሎም/ እቶም ህፃናት ሸምዲዶም ከይትሕዙ ክጥንቑ ምግባር ኣየድልይን።

ተፍትሽ ፦ ድምፅን ቕርፅን ዓሌት ፊደላት ምልላዮም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ትርጉም ቃላት ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ብዝተላለይዎም መሪሕ/ግእዝ ፊደል ዝተመስረቱን ብዓበይኡ ዝተፅሓፉን ቃላት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብዝተላለይዎም መሪሕ ፊደል ዝተመስረቱን ብዓበይኡ ዝተፅሓፉን ቃላት ህፃናት ኣብ ዝርእይዎ ቦታ ምቕማጥ፣
- ኣብ ዓበዪ ወረቐት ዝተፅሓፉ ቃላት ዓው ኢሎም ካብ ፀጋም ናብ የማን ምስ መምህር ክንብቡ ምግባር፣
- ፍታሕ ቃላት ክዛረቡ ምሕታት ተዘይፈሊጦምዎ ምዝራብ፣
- ነቶም ቃላት ክንብቡ ዝደልዩ ህፃናት ዕድል ብምሃብ ክንብቡ ምግባርን፣

ተፍትሽ ፦ ትርጉም ቃላት ምርዳኦም ምርግጋፅ።

ተግባር ሸሞንተ፦ ትርጉም ቃላት ምርዳእ



ተግባር ትሽዓንተ፦ ቃላትን ስእልታትን ምዝማድ

ዒላማ፡- ቃላትን ስእልታትን የዛምዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝተፈላለዩ ስእልታት፣ ስያመ ስእልታት ዝተፅሓፈሉ ዓብዪ ወረቐት/ሰሌዳ/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- እቶም ስእልታት ንህፃናት ምዕዳል፣
- ነቶም ህፃናት ካብ ዝተውሃቡ ስእልታት ናይቲ ሓደ ስእሊ ስም መፀውዒ ቃል ምርኣይ፣
- እቶም ህፃናት ብሰላሕታ ከንብቡ ብምግባር ዘንቡብዎ ቃል ምስቲ ስእሊ ከዛምዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ቃላትን ስእልታትን ምዝማድ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ፡- ምዝማድ ቃላትን ስእልታትን

ዒላማ፡- ቃላትን ስእልታትን የዛምዱ።


ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ሎቶ ስእልን ቃላት ዝተፅሓፎም ካርድታትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ሕድሕድ ጉጅለ ሎቶ ስአሊን ቃላት ዝተፅሓፎም ካርድታትን ምሃብ፣
- ነዞም ዝስዕቡ ከዛምዱ ምግባር፣

ንኣብነት፡-

| | |
|---|---|
| መፅሐፍ | ፀሓይ |
| መነፅር | ብሽክሌታ |



ተፍትሽ ፡- ቃላትን ስእልታትን ምዝማድ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ንዝተፈላለዩ ቃላት ምንባብን ትርጉሞም ይዛረቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ኣብ ክላሰር ዝተፅሓፈ ቃላት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንሕድሕድ ህፃናት ሓደ ሓደ ቃል ምሃብ፣
- ብምቕፃል ምንባብ ዝደልዩ ህፃናት ብስርዓት ኢዶም ከውፅኡ ብምግባር ኣብ ቅድሚ ደቂ ክፍሎም ወፂኦም ከንብቡ ምግባር፣
- ህፃናት ፍታሕ/ትርጉም ቃላት ክዛረቡ ምግባር
- ህፃናት ዘንበብዎ ቃል ዝተፅሓፈሉ ወረቐት ብመልክዕ ሽልማት ምሃብ፣

*መዘክር፡- ዝምስረቱ ቃላቱ ቅድም ኢሎም ብዝተላለይዎምን ሓደሽቲ ዝተምሃርዎምን ፊደላት ዝተመስረቱ ክኾኑ ይግባእ።*

ተፍትሽ ፡- ንዝተፈላለዩ ቃላት ምንባብን ትርጉሞምን ምዝራብ ምልምማዶም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ክልተ፡- ብሰላሕታ ምንባብ

ዒላማ፦ ብሰላሕታ ምንባብ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህረ መስተምህር፦ ሰሌዳ ቃላት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብዝተላለይዎም ፊደላት ዝተመስረቱ ቃላት ኣብ ፀሊም ሴሌዳ ምፅሓፍ፣
- ሕድሕድ ፊደል እናቖፀሩን እናገጣጠሙን ከንብቡ ምግባር፣
- ካብዚ ብተወሳኺ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ፣ ካብ የማን ናብ ፀጋም ሕዝን ቅድም ኢሎም ብዝተላለይዎምን ፊደላት ተጠቒሞም ቃላት ክፅሕፉ ምግባር፣
- ሕፃናቱ ፈለማ ብሰላሕታ ከንብቡ ድሕሪ ምግባር ኢዶም ኣውፂኦም ዓው ኢሎም ከንብቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ብሰላሕታ ምንባብ ምልምማዶም ምክትታል።

ዒላማ፦ ስም ዝተፈላለዩ ናውቲ የንብቡ።

ናውቲ መምህረ መስተምህር፦ ስም ዝተፈላለዩ ናውትታት ዝተፅሓፈሎም ካርድታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለዩ ናውቲ ኣብ ጠረጴዛ ምቕማጥ፣
- ስም ናውቲ ዝተፅሓፈሎም ካርድታት ንሕድ ሕድ ህፃናት ብምሃብ ከንብቡ ምግባር
- ነቲ ዝተሓዝዎ ካርዲ ብምንባብ ነቲ ናውቲ ካብቲ ጠረጴዛ ብምልዓል ንህፃናትን ንመምህርን ከርእዩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ስም ዝተፈላለዩ ናውቲ ምንባብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፦ ስም ዝተፈላለዩ ናውቲ ምንባብ

ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ፦ ተመሳሳልነትን ፍልልይን ዘለዎም ቃላት ምፍላይ

**ዒላማ፡-** ተመሳሳልነትን ፍልልይን ዘለዎም ቃላት ይፈልዩ።

**ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-** ሰሌዳ ቃላት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣብ ዓበዪ ወረቐት 3 ቃላት ምፅሓፍ /ክልቲኦም ተመሳሳልቲ እቲ ሓደ ዝተፈለየ ገይርካ ምፅሓፍ/
- ካብቶም ካብ ተራ ቑፅሪ 1 ክሳብ 3 ዝተፅሓፉ ቃላት ዝተፈለየ ክዛረቡ ምግባር፣

**ተፍትሽ፡-** ተመሳሳልነትን ፍልልይን ዘለዎም ቃላት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

**ዒላማ፡-** ቃላት ደልዮም ይረኽቡ።

**ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-** ብዝፈልጥዎም ፊደላት ዝተፅሓፉ ዝተፈላለዩ ትርጉም ዘለዎም ካርዲ ቃላት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ካርዲ ቃላት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ምልጣፍ፣
- **"**ዝሰማዕኽምዎ ቃል ኣልሽኩም ርኸቡ" ዝብል ፀወታ ብኽምዚ መንገዲ ክፃወቱ ምግባር፡-
    - ክልተ ህፃናት ደው ክብሉ ምግባር፣
    - መምህር ነቲ ቃልእንትፅውዑ ካብቶም ኣብቲ ክፍሊ ዝተጠቅዑ ካርዲ ቃላት ኣልሾም/ደልዮም ክርእዩ ምግባር፣

**ተፍትሽ ፡-** ቃላትን ደልዮም ዝረኽቡ ምኽኖም ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ ሓሙሽተ፡- ኣለሻ ቃላት



ተግባር ዓሰርተ ሽዱሽተ፡- ቃላት ብፀወታ ምንባብ

ዒላማ፦ እንዳተፃወቱ ቃላት የንብቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ሎቶ ቃላትን ዶሚኖ ቃላትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንሕድሕድ ህፃን ሎቶ ቃላትን ዶሚኖ ቃላትን ምሃብ
- ህፃናት ሎቶ ቃላትን ዶሚኖ ቃላትን እናተፃወቱን እናገጣጠሙን ቃላት ከንብቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ እንዳተፃወቱ ቃላት ንምንባብ ዝተለማመዱ ምኧኖም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ቀለልቲ ሓረጋት የንብቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ሰሌዳ ሓረጋት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ ፀሊም ሴሌዳ ቀለልቲ ሓረጋት ብምፅሓፍ ምንባብ ክለማመዱ ምግባር፣

  ንኣብነት፦ ኣልማዝ ጫማ

ተፍትሽ ፦ ቀለልቲ ሓረጋት ንምንባብ ልምምድ ዝገበሩ ምኧኖም ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ ሸውዓተ፦ ምንባብ ቀለልቲ ሓረጋት



ተግባር ዓሰርተ ሸሞንተ፦ ምንባብ ምሉእ ሓሳብ

ዒላማ፡- ምሉእ ሓሳብ የንብቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሰሌዳ ምሉእ ሓሳብ፣ ቀለልቲ ምሉእ ሓሳብ ዘተፅሓፎም ምሉኣት ሓሳባት ዝተሓዙ ወረቓቕቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተማልአ ምሉእ ሓሳብ ብምፅሓፍ ህፃናት ከንብቡ ምግባር፣
- ንሕድሕድ ህፃን ምሉእ ሓሳብ ዝተፅሓፎ ወረቐት ምሃብ፣
- ነቲ ዝተውሃቦም ምሉእ ሓሳብ ብሰላሕታ ከንብቡ ምግባር፣
- ብሰላሕታ ኣንቢቦም ምስ ወድኡ ንመሓዙቶም ዓው ኢሎም ከንብብሎም ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ምሉእ ሓሳብ ንምንባብ ምልምማዶም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ንቃላትን ኣንቢቦም ብተግባር ይገልፁ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝተፈላለዩ ትዕዛዛት ዘለዎም ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ዝተፅሓፎም ወረቓቕቲ/ካርድታት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ዝተሓዙ ካርድታት/ወረቓቕቲ ክርእዩ ብምግባር ነቲ ዘንበብዎ ብተግባር/ድርጊት ክገልፁ ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ተልዓሉ፣ ሰጉሙ/ኪዱ፣ ዝለሉ ወዘተ...
- ኣብ ከይዲ ምሉእ ሓሳብ ብምጥቃም ብሓጐስ ምንባብ ክለማመዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ንቃላትን ኣንቢቦም ብተግባር ምግላፅ ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ዓሰርተ ትሽዓንተ፡- ንቃላትን ኣንቢቦም ብተግባር ምግላፅ



ተግባር ዒስራ ፡- ደፋትርን መፃሕፍትን ብስርዓትን ፅሬትን ምትሓዝ

ዒላማ፦ ደፋትርን መፃሕፍትን ብስርዓትን ፅሬትን ይትሕዙ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ደፍተር፣ መፃሕፍቲ፣ መፅሄት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ኣብ ቀፃሊ ዓመት ቀዳማይ ክፍሊ ከምዝኣትዉ ምዝራብ
- ቀዳማይ ክፍሊ እንትኣትዉ ካብኦም ትፅቢት ዝግበር ነገር እንተልዩ ብምሕታት ትኹረቶም ምስሓብ
- ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ዝወሃቡ ምኳኖም፣፣ ብዙሓት ደፋትር ከምዝህልዎም ምዝራብ፣
- ቀዳማይ ክፍሊ ዝኣተወ ህፃን ክገብሮም ካብ ዝግብኡ ነገራት መፅሓፍን ደፍተርን ብስርዓትን ብፀሬትን ምትሓዝ እቲ ሓደ ከምዝኾነ ክርድኡ ምግባር፣
- ደፍተሮምን መፅሓፎምን ብስርዓት ንምትሓዝ፦
    - ብዝርሃፀ ኢድ ዘይምትሓዝ
    - ረሳሕ ብዝኾነ ኢድ ዘይምትሓዝ
    - ፁብሒ ክነክእ ዘይምግባር
    - ዘይምቕዳድ ወዘተ…
- ዝኣረገ ደፍተርን መፅሄትን ከም ኣብነት ተጠቂምካ ብቀሊሉ ከመይ ከምዝበላሸዉ ክርእዩ ምግባር፣
- ተምሃሮ ቀዳማይ ክፍሊ መፅሓፎም ከይዓፀፉ ናብ ቦርሰኦም ከእትዉ ከምዘለዎምክፈልጡ ይግባእ፣ ንስኹም ከ ከምዚ ምግባር ትኽእሉ ዶ? ዝብል ሕቶ ብምልዓል ክመያየጡ ምግባር፣
- መፃሕፍትን ደፋትርን ብስርዓት ናብ ቦርሳ ከመይ ከምዛእትዉ ክለማመዱ ምግባር፣
- ናይ ስእሊ ደፍተሮም ድሕሪ ምጥቃሞም ብስርዓት ዓፂሮም ናብ ቦርሳ ከእትዉ ምልምማድ፣
- ህፃናት ኣብ ከይዲ ደፋትሮም ብስርዓት ከእትዉን ከውፅኡን ምግባር፣
- ኣብ ዝወሃቦም መፃሕፍቲ ዝኾነ ይኹን ፅሑፍ ክፅሕፉ ከምዘይብሎም ምዝራብ፣

ተፍትሽ ፦ ደፋትርን መፃሕፍትን ብስርዓትን ፅሬትን ምትሓዝ ምኽኣሎም ምክትታል።

ዒላማ፡- ምድማፅን ምዝንታውን ዛንታ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምሃሪ፡- ደፍተር፣ መፃሕፍቲ፣ መፅሄት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ሕፃናት ዝፈልጥዎም ዛንታ ኣብ ክፍሊ ክቐርቡ ምግባር፣
- መምህር ህፃናት ዘቐረብዎም ዛንታታት እሕፅር ኣቢሎም ኣብ ወረቐት ምፅሓፍ፣
- ኣብ ካሊእ ክፍለ ግዘ ዝፀሓፍዎ ሓፂር ዛንታ መን ከምዘቀረቦ ምሕታትን ምዝራብን ብድሕሪኡ ከዘንትውልና ንዝደልዩ ህፃናት ዕድል ምሃብ፣
- ህፃናት ብመምህራኖምን መሓዙቶምን ዝቀርቡ ዝተፈላለዩ ዛንታ ብኣቓልቦ ክዳምፁ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ዛንታ ምድማፅን ምዝንታውን ምግምጋም።


| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
| --- | --- |
| 4. ምንቅስቓስ ኢድን ዓይንን ብምውሃድ ንፅሑፍ ክዳለዉ ምግባር፣ | 4.1. ፊደላትን ቃላትን ምፅሓፍ ይኽእሉ። |

ዒላማ ተግባር ሓደ፦ መሰረታዊ መስመራት ምስራሕ

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንሕድሕድ ህፃን ኣብ ጠረጴዛኦም ወረቐትን እርሳስ ብምሃብ መሰረታዊ መስመራት ክፅሕፉ ምግባር
- ዝፀሓፍዎም መሰረታዊ መስመራት ተጠቂሞም ዝተፈላለዩ ቕርፅታት ክሰርሑ ምልምማድ፣



ዜብራ፣ ዝናብ እንትዘንብ፣ መስቀል፣ ዓፍራ ሳሙና፣ ትንፍልኽ ፣መሳልል ወዘተ

> መዘክር፦ እዚ ተግባር ህፃናት ደጋጊሞም ኣብዝተፈላለየ ክፍለ ግዝያት ክሰርሑ ምግባር የድሊ።

ተፍትሽ ፦ መሰረታዊ መስመራት ምፅሓፍ/ምስራሕ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ስእሊ ምስኣል ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ደብተር ስእሊ፣ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ

ተግባር ክልተ፡- ስእሊ ምስኣል

ሓበሬታ ሜ

- ንህፃናት ደብተር ስእሊ ወይ ወረቐት ኣዳሊኻ ምሃብ፣
- ህፃናት ዝተውሃቦም ደብተር ስእሊ/ወረቐት/ ተጠቒሞም ዝደለይዎ ስኣሊ ክስእሉ ብምግባር ካብ መስመር ከይወፅኡ ሕብራዊ እርሳስ ክለኽይዎ ምግባር
- ህፃናት እንታይ ከምዝስኣሉ ብምሕታት ዝሰኣልዎን ብሕብሪ ዝለኸይዎን ስእሊ ንመሓዙቶም ከርእዩ ምግባርን ምብርትታዕን፣

ተፍትሽ ፡- ስእሊ ምስኣል ምልምማዶም ምክትታል።

ዒላማ፡- ነጠብጣባት የራኽቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ደብተር ስእሊ፣ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብሪ፣ ብነጠብጣብ ዝተስአሉ ስእልታት፣ ኣብ ወረቐት ዝተስኣሉ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ወዘተ…

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንሕድሕድ ህፃን ነጠብጣብ ዘለዎም ወረቓቕቲ ምሃብ፣
- ነቶም ነጠብጣባት እናራኸቡ ዝተፈላለዩ ስእልታት ብምስኣል ብከለር ክለኽይዎም ምግባር፣
- ነቲ ዝሰኣልዎን ከለር ዝለኸይዎን ስእሊ ስሞም ክፅሕፍሉ ብምግባር ኣብ መንድቅ ምልጣፍ፣

ተፍትሽ ፡- ነጠብጣብ እናራኸቡ ንምፅሓፍ ድልዋት ምዃኖም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ንድርብ ፊደላት ሕብሪ ይለኽዩ።

ተግባር ሰለስተ፡- ምርኻብ ነጠብጣብ

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሕብራዊ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተላለይዎም ፊደላት ኣብ ንኡሽተን ወረቐት ብድርብ ፅሒፍካ ምሃብ፣
- በቲ ትእዛዝ መሰረት ካብ መስመር እንተይወፅኡ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር
- ነቲ [illegible] ኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ምልጣፍ/ምጥቃዕ።

ተግባር ኣራት ፡- ንድርብ ፊደላት ሕብሪ ምልኻይ

ተፍትሽ ፡- ብድርብ ንዝተፅሓፉ ፊደላት ሕብሪ ምልኻይ ምኽኣሎም ምግምጋም።



ተግባር ሓሙሽተ፡- ኣምሲልካ ምስኣል

ዒላማ፡- ኣምሲልካ ምስኣል ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብዓብይኡ ዝተስኣሉ ዝተፈላለዩ ስእልታት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብዓብይኡ ዝተስኣሉ ስእልታት ኩሎም ተምሃሮ ኣብዝርእይዎ ቦታ ምልጣፍ/ምጥቃዕ፣
- ንዝርኣይው ስእሊ ኣምሲሎም ክስእሉን ክለማመዱን ምግባር
- ስኢሎም ምስ ወድ ስራሕቶም ብመምህሮምን መሓዙቶምን ክግምገም ምግባር፣
- ዝበለፀ ስእሊ ናይ ዝስኣሉን ካብ ትእዛዝ ወፃኢ ናይ ዝስኣሉ ህፃናት ንምይይጥ ክቀርብ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ኣምሲልካ ምስኣል ምልምማዶምን ምኽኣሎምን ምግምጋም።

ተግባር ሽዱሽተ፡- ምፅሓፍ ፊደላት

ዒላማ፡- ፊደላት ምፅሓፍ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ፊደላት ኣብ ደፍተሮም ካብ ፀጋም ናብ የማን ንክፅሕፉ ዘድሊ ሓገዝ ምግባር፣
- ቑርፅራፅ ወረቓቕቲ ብምሃብ ፊደላት ምፅሓፍ ክለማመዱ ምግባር
- ዝተላለይዎም ፊደላት ምስ ዓሌቶም ክፅሕፉ ብምግባር እቶም ዓሌት መሪሕ ፊደል ካብቲ መሪሕ ፊደል/ግእዝ ብምንታይ ከምዝፍለዩ ምሕታት፣
- ዝፀሓፍዎም ፊደላት ምስ ኣብ ጐኖም ዘለዉ ህፃናት ከወዳድሩ ምግባር፣
- ህፃናት ዝፀሓፍዎ ፊደል ምስ ኣብ ክላሰር/ቻርት ዝተፅሓፈ ፊደል ብምውድዳር ንባዕሎም ክግምግሙ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ፊደላትምፅሓፍ ምልምማዶም ምግምጋም።

ተግባር ሸውዓተ፡- መስመር ሓሊኻ ቃላት ምፅሓፍ

**ዒላማ፦** *መስመር ሓሊኻ ቃላት ምፅሓፍ ይለማመዱ።*

**ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦** ክላሰር፣ ቻርት፣ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ከለር፣ ቾክ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፦**

- ብዝተምሃርዎም ፊደላት ዝተመስረቱ ቃላት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ፣ ካብ ፀጋም ናብ የማን ክፅሕፍዎም ምግባር፣
- ካብ መስመር ከይወፅኡ፣ ፊደላት ሓዴኡ ዓብዪ ሓዴኡ ንኡሽተን ከይገበሩን ክፅሕፉ መስመር ኣብ ዘለዎ ዓብዪ ወረቐት ፅሒፍካ ምርኣይ፣
- ህፃናት ኣብ ደፍተሮም መስመር ሓልዮምን ፊደለት ብማዕረ ዓቐን ክፅሕፉ ምግባር፣

> **መዘከር ፦** ህፃናት እንትፅሕፉ እናዞርካ ብምዕዛብ ኣድላዪ ዘበለ ሓገዝ ምግባርን ምብርትታዕን ይግባእ።

**ተፍትሽ ፦** *መስመር ሓሊኻ ቃላት ንምፅሓፍ ምልምማዶም ምርግጋፅ።*



ተግባር ሸሞንተ፦ ዘንብብዎም ቃላት ዘኪሮም ምፅሓፍ

ዒላማ፦ ዘንበብዎም ቃላት ዘኪሮም ይፅሕፉ።

ናውቲ መምሀሪ መስተምሀሪ፦  ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብዝተምሃርዎምን ሐዚ ብዝተላለይዎምን ፊደላት ዝተመስረቱ ቃላት ከንብቡ ምግባር፣
- ነቲ ዝተፅሓፈ ቃል ሓደ ጊዜ ጥራሕ ርእዮም ብትኽክል ከንብቡ ምልምማድ፣
- ነቲ ዘንበብዎ ቃል ዘኪሮም ክፅሕፉን ደጊሞም ከንብብዎን ምግባር፣
- ህፃናት ኣብ ወረቐት ዝፀሓፍዎ ቃል ክርእይዎን ስራሕቶም ክግምግሙን  ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ዘንበብዎም ቃላት ዘኪሮም ምፅሓፍ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፦ ቃላት ካብ ፀሊም ሰሌዳ ብትኽክል ይግልብጡ።

ናውቲ መምሀሪ መስተምሀሪ፦  ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ቀዳማይ ክፍሊ ተምሃሮ ከመይ ከምዝምሃሩ ዉሱን ገለፃ ምግባር፣
- ኣብ ፀሊም ሴሌዳ ዝተፅሓፉ ቃላት ብትኽክልን ኣምሲሎም ክግልብጡ ምዝራብ፣
- ነቶም ቃላት እንትፅሕፉ ከይነፃፀሉን ከየረሓሐቑ ክፅሕፍዎም እኹል ሓበሬታ ምሃብን  ዘድሊ

ተግባር ትሽዓንተ፦ ቃላት ካብ ፀሊም ሰሌዳ ብትኽክል ምግልባጥ

ተፍ[illegible]ግጋፅ።

ዒላማ፦ ፍሉይ ዝኾነ ቃል የኽብቡ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ ፀሊም ሴሌዳ ኣብ ሓደ መስመር ኣርባዕተ ሓደ ዓይነትን ሓደ ዝተፈለየን ቃል ምፅሓፍ
- ፍቓደኛታት ዝኾኑ ህፃናት በቢ ተራ እናተልዓሉ ከንብቡ ምግባር፣
- ካብቶም ኣርባዕተ ቃላት ዝተፈለየ ኣየናይ ከምዝኾነን ንምንታይ ከምዝተፈለየን ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣
- ተመሳሳልቲ ሕቶታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣
- ህፃናት ነቲ ሕቶ ናብ ደፍተሮም ብምግልባጥ ዝተፈለየ ቃል ከኽብቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ፍሉይ ዝኾነ ቃል ምኽባብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ፦ ፍሉይ ዝኾነ ቃል ምኽባብ

ዒላማ፦ ሓፀርቲ ምሉኣት ሓሳባት ካብ ወረቐት ይግልብጡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ሓፀርቲ ምሉኣት ሓሳባት ኣብ ወረቐት ብምፅሓፍ ኣብ ጠረጴዛኦም ምቕማጥ፣
- ዝተውሃቦም ሓፀርቲ ምሉኣት ሓሳባት ካብ ወረቐት ናብ ደፍተሮም ክግልብጡ ምግባርን ምስ ወድኡ ንመሓዙቶምን መምህሮምን ክርእዩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ሓፀርቲ ምሉኣት ሓሳባት ካብ ወረቐት ምግልባጥ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ ክልተ፦ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ዝተፅሓፉ ምሉኣት ሓሳባት ገልቢጥካ ምንባብ

ከወረቐት [illegible]

ተግባር ዓሰርተ ሓደ፦ ሓፀርቲ ምሉኣት ሓሳባት ካብ ወረቐት ምግልባጥ

ዒላማ፦ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ዝተፅሓፉ ምሉኣት ሓሳባት ገልቢጦም የንብቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ዝተፅሓፉ ምሉኣት ሓሳባት ናብ ደፍተሮም ገልቢጦም ክፅሕፉ ምግባር።
- ህፃና ግቡእ ስርዓት ነጥብ ኣማሊኦም ምፅሓፍ ክሳብ ዝኽእሉ ምልምማድ፣
- ነቲ ዝፀሓፍዎ ዘንብብዎ ምዃኖም ምርግጋፅ፣

ተፍትሽ ፦ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ዝተፅሓፉ ምሉኣት ሓሳባት ገልቢጥካ ምፅሓፍ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ሕቶታት ካብ ፀሊም ሰሌዳ ብምግልባጥ መልሲ ይህቡ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ቀለልቲ ምሉእ ሓሳባት ኣብ ፀሊም ሴሌዳ ብምፅሓፍ ክምልስዎም ምግባር።
- እቶም ቀለልቲ ምሉእ ሓሳባት ናብ ደፍተሮም ብምግልባጥ መልሲ ክህቡ ምልምማድ፣

ንኣብነት፦ ስምኻ/ኺ መን እዩ?

ክንደይ ዕድሜኻ/ኺ?

ሎሚ ዕለቱ እንታይ እዩ? ወዘተ…

ተፍትሽ ፦ ሕቶታት ካብ ፀሊም ሰሌዳ ብምግልባጥ መልሲ ምሃብ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፦ ሕቶታት ካብ ፀሊም ሰሌዳ ብምግልባጥ መልሲ ምሃብ

ክወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ብዝተምሃርዎም ፊደላት ቃላት ምምስራትን ምፅሓፍን ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- መፀውዒ ስም ዝተምሃርዎም ፊደላት ብምዝራብ ህፃናት ክፅሕፍዎም ምግባር፣
- ብዝተምሃርዎም ፊደላት ዝተመስረቱ ቃላትን ምዝራብ፣
- ህፃናት ዝተምሃርዎም ቅርፂ ፊደላቱ ዘኪሮም ኣብ ደፍተሮም ክፅሕፉ ምልምማድ፣

ተፍትሽ ፡- ብዝተምሃርዎም ፊደላት ቃላት ምምስራትን ምፅሓፍን ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ፡- ብዝተምሃርዎም ፊደላት ቃላት ምምስራትን ምፅሓፍን

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ብዛዕባ ባዕሎም ምፅሓፍ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንህፃናት ወረቐትን እርሳስን ብምሃብ ዝስዕቡ ምፅሓፍ፡-
  - ስሞም
  - ዝነብርሉ ከባቢ
  - ስም ወለዶም፣ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ክፅሕፉ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ብዛዕባ ባዕሎም ምፅሓፍ ምልምማዶም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ሓሙሽተ፡- ብዛዕባ ባዕሎም ምፅሓፍ

ከወረቐት ላይ መገልበጥ



ተግባር ዓሰርተ ሽዱሽተ፡- ኣብ ዕንቍ ክሪ/ፈትሊ ምእታው

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ኣብ ዕንቁ ክሪ/ፈትሊ ምእታው ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዕንቁ፣ ፍረ ቀላሚንጦስ/ኮርኪ፣ ክሪ/ፈትሊ ወዘተ…

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ክሪ/ፈትሊ ናብ ዕንቁ ከእትዉ ምግባር፣
- ህፃናት ክሪ/ፈትሊ ናብ ዕንቁ፣ ከእትዉ ብምግባር ክነሓንሑ ምግባር፣
- ቀዲሙ ዝወድአ ቢንጐ ብምባል ዝወድአ ምዃኑ ምፍላጥ፣
    - በዚ መንገዲ ኩሎምህፃናት ክፃወተ ዕድል ምሃብ፣

| |
|---|
| መዘክር፡- እዚ ተግባር እናተደጋገመ ዝስራሕ ምዃኑ ልቢ ምባል የድሊ። |

ተፍትሽ፡- ኣብ ፍረ ዕንቁ ክሪ/ፈትሊ ምእታው ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ብመቐስ ወረቀት ይቖርፁ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሕብራዊ ወረቀታት፣ ጎቲም መቐስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንህፃናት ዝተፈላለዩ ሕብራዊ ወረቐታትን ጐቲም መቐስን ምሃብ፣
- ብዝተፈላለየ ዓቐንን ቕርፅን ዘለዎም ወረቓቕትን ጎቲም መቐስን ንህፃናት ብምሃብ ክቖራርፁ ምግባር፣
- ስእሊ ብምሃብ ኣብቲ ስእሊ እቶም ዝተቖራረፁ ወረቀታት ኮላ ለምጢጦም ክልጥፉ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ብመቐስ ወረቀት ምቁርራፅ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ሞዴላት ይሰርሑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝቦኽዐ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለዩ ሞዴላት ክሰርሑ ምግባር፣
- ምስ ወድኡ ኣብ እግሪ እቲ ሞዴል ስሞም ክፅሕፉ ብምግባር ኣብ ዝርአ ቦታ ምልጣፍ

መዘክር፡- እዚ ተግባር ብተደጋጋሚ ዝስራሕ ምኧኑ ልቢ ምባል የድሊ።

ተፍትሽ ፡- ዝተፈላለዩ ሞዴላት ምስራሕ ምኽኣሎም ምግምጋም።

## 2.3.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ------------------------------------------------------------------

ስም ህፃኑ ------------------------------------------- ዕድመ -------------- ጾታ --------

ስም መምህር --------------------------------------------- ዓመተ ምህረት -------------

ብዛዕባ እቲ ህፃን ዘለና ምልከታ ቀፂሎም ኣብ ዘለዉ ብርክታት ኣብ ሓዴኡ ብርኪ ብምቕማጥ ኣብቲ ቅጥዒ ምልከታ ኣብ ዝብል ትሕዝቶ ርእሲ ይምልኡ።

ብርክታት፡-

1/ ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሐን/ሐትን-----------------------------------

2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ በፂሑ/በፂሓ---------------------------

3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/በፂሓ-----------------------------------

መተሓሳሰቢ፡- እዚ መከታተሊ ቅጥዒ ኣብ መፈለምታ፣ መፋርቕን መወዳእታን ዓመት ክምላእ ይግባእ።

| | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | ኣብ መጀመርታ ዓመት | መፋርቕ ዓመት | መወዳእታ ዓመት |
| **1.** መረዳእታታት ብኣግባቡ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ምላሽ ምሃብን | | | |
| 1.1 ኣብ ከባቢኦም ዝድመፁ ድምፅታት ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| 1.2 ኣብ መንጎ ድምፅታት ዘሎ ኣፈላላይ ይግንዘቡ። | | | |
| 1.3 ንትእዛዛትን መምርሕታትን ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ። | | | |
| 1.4 ዘዳመፅዎም ዛንታታት መሊሶም ምዝንታው ይኽእሉ። | | | |
| **2.** ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ብዓርሶም ክተኣማመኑ፣ ብኣግባቡ ትርጉም ክህብ ብዝኽእል ዝርርብን ብቋንቋ ምልክትን ምርድዳእ። | | | |
| 2.1 ቋንቋ ብዝግባእ ምጥቃም ይኽእሉ። | | | |
| 2.2 ብዝርርባዊ ቋንቋ ብዝግባእ ይሕሉሱ፡ | | | |
| **3.** ብምንባብ ምሕጓስ ፍልጠት ምርካብን ምርዳእን፣ | | | |
| 3.1 ቀለልቲ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ምንባብ ይኽእሉ። | | | |
| **4.** ምንቅስቓስ ዓይንን ኢድን ብምምዕባል ንምፅሓፍ ድልዊ ምዃን | | | |
| 4.1 ፊደላትን ቃላትን ምፅሓፍ ይኽእሉ። | | | |

## 2.4. ኣብ ማዕልታዊ ምንቅስቓስ ኣምር ሒሳብ ምጥቃምን ምግባጥን

### 2.4.1 *መብርሂ*

ትምህርቲ ሒሳብ ብባህሪኡ ኣብ ስራሕ ኣእምሮ ዘተኰረ እዩ። እተ ከይዲ ብዝግባእ ንምምራሕ ህፃናት ኣብ ተደላዪ ብቕዓት ንምብፃሕ ብርኪ ምዕባለ ኣእምሮ እቶም ህፃናት ምርዳእ የድሊ።

እዚ እንተኾይኑ ህፃናት ዓርሶም ክኢሎም ምሕሳብ ዝኽእሉ፣፣ ፈተሕቲ ፀገምን ትምህርቲ ሒሳብ እናተዘናግዑን እናተሓጉሱን ዝመሃሩ ህፃናት ክኾኑ ይኽእሉ።

ህፃናት ናብ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ እንትኣትዉ ትፅቢት ካብዝግበረሎም ልዑል ተግባራት እቲ ሓደ ስራሕ ኣእምሮ እዩ።

ትምህርቲ ሒሳብ ብቀጥታ ኣብ ማዕልታዊ ምንቅስቓስ ህፃናት ተደሪኹ ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ርክብ ንምርዳእ ይሕግዞም። ህፃናት ምስቲ ዘለውሉ ብርኪ ዕድመ ርክብ ናይ ዝኾነ ነገር ንምርዳእ ይፅገሙ እዮም።

ስለዚ ህፃናት ኣብ ምዕቡልን ምቹውን ከባቢ ዝተፈላለዩ ናውትታት እናተጠቐሙ ዓርሶም ክኢሎም ክንቐሳቀሱን እናፈተሹን ክመሃሩ ምቹው ባይታ ምፍጣር የድሊ።

ካብ 5-6 ዓመት ዘለዉ ተምሃሮ ፕሮግራም ቅድመ ስሩዕ ዝውድእሉን ናብ ስሩዕ ትምህርቲ ንምእታው ድልዊ ዝኾንሉን ስለዝኾነ ምስ ኣምር ሒሳብ ዝተሓሓዙ ዝተፈላለዩ ተግባራት ክላለዩ ይግባእ። ስለዚ ትምህርቲ ሒሳብ ኣእምሮ ህፃናት ዘማዕብሉን ዘሐጕሱን ምስ ዕለታዊ ምንቅስቓሶም ዝተሓሓዙ ዝተፈላለዩ ተግበራት ዕድሚኦም ዘገናዘበን ዝተመጠነን ትሕዝቶ ክመሃሩ ይግባእ።

### 2.4.2 *ሓፈሻዊ ዕላማ*

1. ንነገራት ብዓይነት ምምዳብ፣ ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድናን ቅደም ስዓብን ብዝሓለወ መንገዲ ምርኣይን ክእለቶም ምምዕባልን፣
2. ኣብ መንጎ ነገራትን ቁፅርታትን ዘሎ ሓድነትን ፍልልይን ክዛረቡ ምግባር፣
3. ካብ 1-20 ዘለዉ ኣሃዛት ምፍላይ፣ ቁፅርታት ምድማርን ምጉዳልን ክለማመዱን ገንዘብ ክፈልዩ ምግባርን
4. ቦታ፣ ርሕቐትን ኣንፈትን፣ ነገራት ምድርዳር፣ ምውድዳርን ዘለዉሉ ቦታ ምግላፅ ክኽእሉ ምግባር፣

### 2.4.3 *ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት*

1. ባህሪ ናውቲ ምፍታሽ ምርዳእን ምፍላይን

1.1. ናውቲታት ብዓይነት ምምዳብ ይኽእሉ፣

2. ንነገራት ብባህሪኦም ምውድዳር፣

 2.1. ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድናን ቅደም ስዓብን ምርኣይ ይኽእሉ፣

3. ቁፅርታት ምልላይ፣ መግላፅ፣ ዝምድናታቶም ምርዳእ፣ ቀለልቲ ስልሒታት ምስራሕ፣

 3.1. ኣብ መንጎ ነገራትን ቁፅርታትን ዘሎ ሓድነትን ፍልልይን ምዝራብ ይኽእሉ።

 3.2. ይዓቢ፣ ይንእስን ማዕረ ይኸውንን እናበሉ ይዛረቡ፣

 3.3. ካብ 1-20 ዘለዉ ኣሃዛት ምፍላይ ይኽእሉ፣

 3.4. ካብ 1-20 ዘለዉ ኣሃዛት ምድማር፣ ምጉዳልን ምቑፃርን ይኽእሉ።

4. ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ዝኹኑ መለክዕታትን መሳርሕታትን ምጥቃም፣

 4.1. ቦታ፣ ርሕቐትን ኣንፈትን ምግላፅ ይኽእሉ፣

 4.2. ናውትታት ብስርዓት ምድርዳርን ምውድዳርን ይኽእሉ፣

5. ክልሰ ሐሳብ ግዜ ምርዳእን መግለፅታት ምጥቃምን፣

 5.1. ብጊዜ ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይን ምኽታልን ይኽእሉ፣

6. ክልስ ሓሳብ ቦታ ምርዳእን መግለፅታት ምጥቃምን፣

 6.1. ናውትታት ዝርከብሉ ዝተፈላለዩ ኣንፈታት ምዝራብ ይኽእሉ፣

7.ንገንዘብ ምልላይ፣፣ ምፍላይ፣ ምግላፅን ምጥቃምን

 7.1. ዋጋ ገንዘብ ምዝራብ ይኽእሉ፣

## **2.4.4** *ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፣ ናውቲ መሳርሒ ትምህርቲ፣ ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ*

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ባህሪ ናውትታት ምፍታሕ፣ ምርዳእን ምፍላይን | 1.1. ንነገራት ብዓይነት ምምዳብ ይኽእሉ፣ |

ዒላማ:- **ተግባር ሓደ:- ሓደ ዓይነት ዝኾኑ ነገራት ምዝማድ**

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ናውቲ መምሀሪ መስተምሀሪ:- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ፅምዲ ነገራት፣ ፍረታት፣ ኮርኪ፣ ፀፀራት፣ ዕንቍታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ:-

- ፅምዲ ዝኾኑ ነገራት ምትሕዉዋስ

ንኣብነት:- ፍረታት በቢዓይነት /ቀላሚንጦስ፣ ፅሕዲ ወዘተ.../፣ ኮርኪታት፣ ፀፀራት፣ ፉሩይ ኣዳጉራ ወዘተ...

- ካብቶም ዝተሓዋወሱ ዘርእታት ቆንጢርካ ንህፃናት ምሃብ፣ ኣብ ጠረጴዛኦም ምቕማጥ
- ፅምዲ ማለት ክልተ ሓደ ዓይነት ነገራት ምዃኖም ኣብ ሕድሕድ ጠረጴዛ ብምኻድ ክርእዩ ምግባር፣
- ብምቕፃል ፅምዲ ዝኾኑ ነገራት እንዳአረዩ ብቅደም ስዒብ ኣብ ጠረጴዛኦም ከቀምጡ ምግባር፣
- ብትኽክል ምቕማጦምን ምዝማዶምን ምርኣይ፣
- እንታይን እንታይን ፅምዲ ነገራት ኣብ ቅድሚኦም ከምዘቀመጡ ክዛረቡ ምግባር፣
- ሓደ ዓይነት ነገራት ብፅምዲ ንምቕማጥ ዘፀግሞም ነገራት እንትህልው ኣድላዪ ሓገዝ ምግባር፣

ተፍትሽ:- ሓደ ዓይነት ዝኾኑ ነገራት ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ብፅምዲ ብምትሕሓዝ ይፃወቱ።

ና

ተግባር ክልተ፡- ብፅምዲ ብምትሕሓዝ ምፅዋት

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ፀወታ ንዓርከኻ ምድላይ ብኽምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ምፅዋት
  - ህፃናት ኣብ ክፍል ዉሽጢ ተበታቲኖም ክጐይዩ ብፀናፅል ምምራሕ
  - ክልተ እንትብል ከክልተ/ዕምዲ/ ክተሓሓዙ ከምዝግብኦም ምዝራብ፣
  - ካብ ክልተ ንላዕሊ ዋይ በይኑ ዘተረፈ ህፃን ካብ ፀወታ ወፃኢ ክኸውን ምግባር፣

መዘከር፡- ቁፅሪ ተፃወቲ ህፃናት ኩሉ ግዘ ጐደሎ ክኸውን ይግብኦ።

ተፍትሽ ፡- ብፅምዲ ብምትሕሓዝ ምፅዋት ምኽኣሎምምግምጋም።

ዒላማ፡- ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ካብ ሕብራዊ ክላሰር ዝተዳለዉ /ተቖሪፆም ዝወፅኡ/ ቅርፃ ቅርፅታት፣ ፃዕዳ ወረቐት፣ ሕብራዊ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ቅርጻ ቅርፂ ጂኦሜተሪ ትርብዒት፣ ስሉስ ኩርናዕ፣ ርቡዕ ኩርናዕ ዝተስኣሉ ወረቐት ምዕዳል፣
- ነቶም ቅርፅታት ዝተፈላለዩ ሕብርታት ምልኻይ፣
- ዓይነት ቅርፅን ዝተለኸይዎ ሕብርን ክዛረቡ ምግባር፣
- ቅድም ኢሉ ኣብ ዕድመ 4-5 ብዛዕባ ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ዝተምሃርዎ ምጥንኻር፣

ተፍትሽ ፦ ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ ፦ ምፍላይ ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ

ተግባር ኣርባዕተ፡- ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ብስም ምፅራሕ


ከወረቐት ላይ መገልበጥ


ዒላማ፡- ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ብስም ይፀርሑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ካብ ሕብራዊ ክላሰር ዝተዳለዉ /ተቖሪፆም ዝወፅኡ/ ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ፣ ፒዝል

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ቅርፅታት ስሉስ ኩርናዕ፣ ርቡዕ ኩርናዕ፣ ብዓል ሓሙሽተን ሽዱሽተን ኩርናዕን ንህፃናት ምርኣይ፣
- ርቡዕ ኩርናዕ ክርእዩን ስሙ ክፀርሑን ድሕሪ ምግባር ነተን ኩርናዓት ምቁፃር፣
- ትርብዒት ኣርባዕተ ጎንታቱ ማዕረ ከምዝኾነ ክርእዩን ስሙ ክፀርሑን ምግባር፣
- ብተመሳሳሊ ብዓለ ሓሙሽተን ሽዱሽተን ኩርናዓት ህፃናት እንዳወፅኡ ጎንታቱን ኩርናዓቱን ክቆፅሩ ምግባር፣
- ዝተቖራረፁ ቅረፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ኣብ ጠረጴዛኦም ምቅማጥን ምሃብን፣
- ነቲ ፒዝል ገጣጢሞም ዝረኸብዎ ቅርፂ መፀውዒ ስም ክዛረቡ ምብርትታዕ፣





ተፍትሽ ፡- ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ብስም ምፅራሕ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሓሙሽተ፡- ምምስሳል ቅርጻ ቅርፂ ጂኦሜትሪ

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ቅርጻ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ምምስሳል ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ካብ ሕብራዊ ክላሰር ዝተዳለዉ /ተቖሪፆም ዝወፅኡ/ ቅርፃ ቅርፂ፣ ፃዕዳ ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብዓል ሓሙሽተን ሽዱሽተን ገፃ፣ ፃዕዳ ወረቐት፣ እርሳስ ንሕድሕዶም ምሃብ፣
- ተዳልዮም ዝተውሃቦም ቅርፃቅርፅታት ኣብ ወረቀተ ኣደጊፎም ነቲ ምስሊ ከቕርዩ ንምግባር ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- በቲ ዝርኣይዎ ኣብነት መሰረት እቲ ቅርፅን ኮፒ ዝገበርዎን ምስሊ ከመሳስሉ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ቅርጻ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ምምስሳል ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ቅርፂ ጂኦሜትሪ ኣብ ቦታኡ ይመልኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ቅርፂ ቦርድ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ቅርፂ ቦርድ ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ካብቲ ቦርድ ብምንፃል መሊሶም ክገጣጥሙ ምግባር፣
- ከክልተ ህፃናት ኣብ ሓደ ብምምዳብ ክወዳደሩ ብምግባር ብዛዕባ ቅርፂ ዘለዎም ርድኢት ምጥንኻር፣



ተፍትሽ ፡- ቅርፂ ጂኦሜትሪ ቦርድን ምምላእ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሽዱሽተ፡- ቅርፂታት ጂኦሜትሪ ኣብ ቦርድ/ቦትኦም ምምላእ

ተግባር ሸውዓተ፡- ሓድነትን ፍልልይን ቅርፃቅርፂ ጂኦሜትሪ ምርዳእ

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ሓድነትን ፍልልይን ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ካብ ሕብራዊ ክላሰር ዝተዳለዉ /ተቖሪፆም ዝወፅኡ/ ቅርፃ ቅርፂ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ሓደ ክብን ሾጣጣን ንህፃናት ብምሃብ ኣብ ጠረጴኦም ከንከባልሉ ብምግባር ሓድነትን ፍልልይን ክርድኡ ምግባር፣
- ኣብ ክላሰር ወይ ቻርትታት ኣናእሽተን ክብታት፣ ስሉስ ኩርናዓት፣ ሲሊንደራት ምስኣልን ሓዋዊስካ ምሃብን፣
- ነታ ክቢ ኩሎም ህፃናት ክርእይዋ ብምግባር ካብተን ኣብ ጠረጴዛኦም ዝተቐመጣ ስእልታት ዝመሳሰል ሓርዮም ኣብ ቅድሚኦም ከቐምጡ ምሕታት፣
- ካልኦት ቅርጻ ቅርፅታት ከምኡ ፈልዮም ከውፅኡ ምግባር፣
- ዝደርደርዎም/ዝነደቕዎም ቅርጻ ቅርፅታት ብምንታይ ከምዝመሳሰሉን ከምዝፈላለዩን ምሕታት፣

ተፍትሽ ፡- ሓድነትን ፍልልይን ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ምርድኦም ምርግጋፅ።

## ተግባር ሸሞንተ፦ እኩብ ምስራሕን ምውድዳርን

ዒላማ፦ ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ 3ዐ ሴ.ሜ ንውሓት ዘለዎ ክሪ/ ወይ ገመድ ቁፅሪ ህፃናት፣ ሎቶታት ስእሊ፣ ቆፎታት እስክሪቢቶ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ቆፎታት እስክሪቢቶ ቀፎዖ በቢ ሓደ ሴ.ሜ. ንውሓትምቁርራፅን ምስ ቀጠን ገመድ ምሃብ፣
- ሓደ ዓይነት ሕብሪ ዘለዎም ቆፎታት እስክርቢቶ ብፅምዲ ብፅምዲ ናብቲ ክሪ/ፈትሊ ወይ ቀጢን ገመድ ከእትዉ ምግባር፣
- ዝተፈላለዩ ናውትታት ክሪ/ፈትሊ /ሲባጎ/ 30 ሴ.ሜ. ዝኾን ንሕድሕድ ህፃን ምሃብ ብዝተውሃቦም ክሪ/ፈትሊ ክልቲኡ ጫፍ ብምርኻብ ኣብ ጠረጴዛኦም ክቢ ሓፁር ክሰርሑ ምግባር፣
- ተምሃሮ ዝተውሃቦም ንጥፈት እንትሰርሑ እናዞርካ ምርኣይን ንዝተፀገሙ ምሕጋዝን፣
- ካብቲ ዝተውሃቦም ናውቲ እቲ ሓደ ኣብ ኢድ መምህር ዝርኣይዎ ምስሊ ኣብ ውሽጢ ሓፁሮም ከእትዉ ምግባር፣
- ሕድሕድ ህፃን ዝተኣዘዝዎ ኣብ ክቢ ውሽጢ ምእታዎም ምርግጋፅ፣
- ብተመሳሳሊ መንገዲ እቶም ዝተረፉ ናውትታት ኩሎም ናብቲ ሓፁሮም ከእትዉ ምግባር፣
- ኣብቲ ሓፁር ዝተኣከቡ <<እኩብ>> ከምዝብሃሉ ምርዳእ፣
- ብምቕፃል ሕድሕድ ህፃን ነናይ ባዕሉ እኩብ እናርኣዩ ኣብ ውሽጢ ሓፁሮም ዘለዉ በዝሑ ኣባላት እኩብ ክዛረቡ ምግባር፣
- ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ እኩብ ምስራሕን ብምንታይን ብምንታይን እኩብ ከምዝሰርሑ ክመያየጡ ምግባር፣
- ካልኣይ ሓፁር ክሰርሑን ኣብ ቀዳማይ ሓፁር ዘይኣተዉ ናውትታት ክኣትዉ ምግባር፣
- ነቶም ክልተ እኩባት ክርእዩ ግዘ ምሃብን ካብቶም ክልተ እኩባት ሓደ ዓይነት ዝኾኑ እናመረፁ ከውፅኡን ክድርድርዎም ብምግባር ክልቲኦም እኩባት ምውድዳር፣
- <<ሓደ፣ ክልተን ሰለስተን ኣናእሽተን ኣዕዋፍ>> ብምዝማር ነቲ ትምህርቲ ምጥቕላል፣

☑ ተፍትሽ ፦ እኩብ ምስራሕን ምውድዳርን ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት የዛምዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ሎቶታት፣ ስእልታት ዝተፈላለዩ ናውቲ፣ ሰሌዳ ሕብሪ፣ ቅርፂ እንስሳ ዘቤት፣ ናውቲ ገዛ፣ ስእሊ መንገድታት ትራንስፖርት ሎቶ እፀዋት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ቅርፂ እንስሳ ዘቤት፣ ናውቲ ገዛ፣ ስእሊ መንገድታት ትራንስፖርት ሎቶ እፀዋት ተተኻኢሉ ፣

ተግባር ትሽዓንተ፦ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት ምዝማድ

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

- ዝበፅሖም ሎቶ እናተዘራረቡ በበ ዓይነቱ ከዛምዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ፦ ዝጐደለ ምምላእ

ከወረቐት ላይ መገልበጥ


ዒላማ፡- ዝጐደለ ኣካል ይመልኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሎቶ ስእሊ፣ ስእሊ ዝተፈላለዩ ናውቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ፀወታ ዝጎደላ ሙላእ ክፃወቱ ምግባር፣
- ስእሊ እንስሳት፣ ናውቲ ገዛ ወዘተ... ክስእሉን ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካለቶም /ሓደ ወይ ክልተት/ ቆሪፅካ ብምውፃእ ነቶም ቁርፅራፃት ኣብ ሓደ ምቕማጥ፣
- ምሉእ ዝኾኑ ተመሳሰልቲ ስእልታት ኣብ ሓደ ብምድርዳር ዝጐደለ ኣካሎም ካብቲ ቁርፅራፅ ክመልኡ ምግባር፣

ንኣብነት፡-



ተፍትሽ ፡- ዝጐደለ ምምላእ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

**ዒላማ፡-** ስእሊ ምስኣል ይኽእሉ።

**ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-** ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣብ ስእሊ ክፍለ ግዘ ንህፃናት ወረቐት፣ እርሳስን ሕብራዊ እርሳስን ምዕዳል
- እንታይ ክስእሉ ከምዝደልዩ ምሕታት
- ዝደለይዎ ስኣሊ ክስእሉን ሕብሪ ክለኽይዎን ምዝራብ፣

**ተፍትሽ ፡-** ስእሊ ንምስኣል ምልምማዶም ምክትታል።

**ተግባር ዓሰርተ ክልተ፡- ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት ብዓይነቶም ምፍላይ**

ዒላማ፡- ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት ብዓይነቶም ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ፍረ ቀላሚንጦስ፣ ዕንቁታት፣ ኮርኪታትን ፀፀራትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ኮርኪታት፣ ፍረ ቀላሚንጦስ፣ ዕንቊታት ፀፀራትን ንህፃናት ምዕዳል፣
- ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ብሓደ ክገብርዎምን ክነድቕዎም/ክድርድርዎም ምግባር፣
- ንምንታይ ከምዝደርደርዎም/ከምዝነደቕዎም ክዛረቡ ምግባር፣
- ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት ፈልዮም ከውፅኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት ብዓይነቶም ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ዝመሳሰሉን ዝፈላለዩን ነገራት ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ሰሌዳ ሕብሪ፣ ባንቡላ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ባንቡላ ጋሻ ኰይና መፂኣ <<ገዛ ስርሖ.ለይ>> እንትትብል ሰሌዳ ሕብሪ ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ሕብራዊ ገዛ ክስርሑ ምግባር፣
- ኣብቲ ዝተሰርሐ ገዛ እንታይ ከምዝመሳሰልን ከምዝፈላለይን ከምዘሎ ክዛረቡ ምግባር፣
- እቲ ገዛ ዝመሳሰል በቲ ዝተሰርሐሉ ሕብሪ ምዃኑ፣ ዘይመሳሰል ድማ እቶም ሕብርታት ዝተፈላለዩ ምዃኖም በቢ ተራ ክዛረቡ ምግባር፣
- <<ገዛይ ገዛይ>> ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ዝመሳሰሉን ዝፈላለዩን ነገራት ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፦ ዝመሳሰሉን ዝፈላለዩን ነገራት ምፍላይ

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
| --- | --- |
| 2. ብባህሪኦም ንነገራት ምውድዳር፣ | 2.1. ኣብ ነገራት ዘሎ ዝምድናን ቅደም ስዓቡ ብዝሓለወ መንገዲ ምርኣይ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፦ ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድና ምግላፅ፣

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ ቅርፅን ሕብርን ዘለዎም ኳዓሳሱ፣ ኮርኪታት፣ መኸደኒ ቋፅቋፅታ/ሃይላንድ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለዩ ናውትታት ሓዋዊስካ ኣብ ጠረጴዛኦም ምቕማጥ፣
- ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ናውቲ ኣብ ሓደ ኽቐምጡ ምግባር፣
- ነቶም ተመሳሰልቲ ናውቲ ኣብ ጠረጴዛ ክቐምጡ ድሕሪ ምግባር ብምንታይ ከምዝመሳሰሉን ዝምድናኦም ክርድኡ ምግባር፣

  ንኣብነት፦ ኵዕሶ፣ ኮርኪ ወዘተ...
- ፈልዮም ዝተሓዝዎም ተመሳሰልቲ ነገራት ብቕደም ስዓብ ክገልፁ ምግባር፣

  ንኣብነት፦ ንኡሽተን፣ ዓብዪ፤ ቀሊል፣ ኸቢድ ወዘተ...


ተፍትሽ ፦ ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድና ምግላፅ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

**ተግባር ክልተ፦ መወዳደርቲ ቃላት ምጥቃም**

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ንኡሽተን፣ ዓብዩ፤ ቀሊል፣ ኸቢድ፣ ብጣዕሚ ንኡሽተን ወዘተ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ሽንጣር ምሃብ
- ነቶም ሽንጣራት ብቁመቶም ምሰራዕ፣
- ብምቕፃል ንኡሽተን፣ ዓብዩ፤ ቀሊል፣ ኸቢድ፣ ብጣዕሚ ንኡሽተን ወዘተ... ንምግላፅ ዝምቹ ክድርድሩን ነቶም ቃላት ተጠቂሞም ከወዳድሩምግባር



ተፍትሽ ፦ መወዳደርቲ ቃላት ምጠቃሞም ምክትታል።



**ተግባር ሰለስተ፦ ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ብቅደም ስዒብ ምድርዳር**

ዒላማ፦ ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ብቅደም ስዓብ ይድርድሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ኣብ ወረቐት ስዘተስኣለ ስሉስ ከርናዕ፣ ርቡዕ ኩርናዕ፣ ፔንታ ጎን፣ ኪዩብ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ ወረቐት ዝተስኣሉ ዓበይትን ኣናእሽተን ቅርፅታት ጂኦሜትሪ፣ ስሉስ ኩርናዕ፣ ርቡዕ ኩርናዕን ብዓል ሓሙሽተ ጎንን ኪዩቢክ ምሃብ፣
- ነቶም ምስልታት ብመቐስ ቆሪፆም ከውፅኡን ዓበይትን ኣናእሽተንን ፈልዮም ክድርድሩ/ክነድቑ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ብቅደም ስዓብ ምድርዳር ምኽኣሎም ምርግጋፅ፣


ተግባር ኣርባዕተ፦ ናውትታት ካብ ንኡሽተን ናብ ዓበዪ ብምድርዳር ምውድዳር

ዒላማ፡- ናውትታት ካብ ንኡሽተን ናብ ዓብዪ ይድርድሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ካብ ንኡሽተን ናብ ዓብዪ ዝተቐረፁን ብሕብሪ ዝተለኸዩን ሸምባቆታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካብ ንኡሽተን ናብ ዓብዪ /ካብ ሓፂር ናብ ነዊሕ/ ተቖራሪፆም ሕብሪ ዝተለኸዩ ሸምባቆታት በቢ ብርኾም ምድርዳር፣
- ብፀወታ መልክዕ ንኡሽተን፣ ማእኸላይ፣ ኣዝዩ ዓብዪ፣ እናበሉ ብምድርዳር ከወዳድሩ ምግባር



ተፍትሽ፡- ናውትታት ካብ ንኡሽተን ናብ ዓብዪ ብምድርዳር ምውድዳር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ቁፅርታት ምልላይ፣ ምግላፅ፣ ዝምድናኦም ምርዳእን ቀለልቲ ስልሒታት ምስራሕ፣ | 1.1. ኣብ መንጎ ቁፅርታትን ነገራትን ዘሎ ሓድነትን ፍልልይን ምዝራብ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ተቖፀርቲ ነገራት ምቑፃር

ዒላማ፡- ተቖፀርቲ ነገራት ይቖፅሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሽመል፣ ኣራሻንታ/ኮርኪ፣ ፀፀር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካብ 10 ዘይበዝሑ ዝተፈላለዩ ተቖፀርቲ ነገራት ንህፃናት ምዕዳልን ብዓይነቶም ክፈልዩ ምግባርን፣

  ንኣብነት፡- ሽንጣር፣ ኣራሻንታ/ኮርኪ፣ ፀፀር
- ብዓይነት ዝፈለይዎም ተቖፀርቲ ነገራት ክድርድሩን ክቖፅሩን ምግባር፣
- ኣብ ወረቐት ዝተስኣሉ ኣናእሽተን ተቖፀርቲ ነገራት ብምዕዳል ክቖፅሩ ምግባር፣
- ናውትታት ዝተፈላለዩ እንተኼኑ እዉን ዓቐኖም ከምዝፈላለ ክርድኡ ምገባር፣

ተፍትሽ ፡- ተቖፀርቲ ነገራት ምቑፃር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- "ጣቕዒት ምስ ቑፅሪ ምዝማድ" ዝብል ፀወታ ይፃወቱ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ተቖፀርቲ ነገራት ምስ ቁፅሪ ኣሃዛት ምዝማድ መእንታን ክኽእሉ ቐዲሙ ካብ 4-5 ዓመት ዝተላለይዎም ኣሃዛት ብምጥቃም ቁፅርታት ምርኣይ፣
- ርግፅ ኢሎም ከጣቕዑን ነቲ ጣቕዒት ክቖፅሩን ምግባር፣
- ዝርኣይዎ ዓቐን ቁፅርታት ብጣቕዒት ንክገልፁ ብምግባር ምፅዋት፣
- ሕድሕድ ህፃን ብተመሳሊ መንገዲ ክትግብሩ ዕድል ምሃብ፣

ተፍትሽ፡- "ጣቕዒት ምስ ቑፅሪ ምዝማድ" ዝብል ፀወታ ምፅዋት ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ተቖፀርቲ ምስ ኣሃዛት የዛምዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሽንጣር፣ ኮርኪ፣ ፀፀር፣ ተንቀሳቓሲ ኣሃዛት ቁፅሪ፣ እርሳስ፣ ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ተቖፀርቲ ነገራት ንህፃናት ምዕዳል፣

  ንኣብነት፡- ሽንጣር፣ ኮርኪ፣ ፀፀር፣ ተንቀሳቓሲ ኣሃዛት ቁፅሪ፣ እርሳስ፣ ከለር
- ዝተውሃቦም ተቖፃሪ ነገር ብዓይነት ክፈልዩ ምግባር፣
- ብዓይነት ዝተፈለዩ ተቖፀርቲ ነገራት ተንቀሳቓሲ ኣሃዛት ቁፅሪ፣ ከዛመዱ ምግባር፣
- ህፃናት ብትክክል ምዝማዶም እናተዘዋወርካ ብምርኣይ ምብርትታዕ፣
- ብትክክል ዘያዛመዱ እንተልዮም ድጋፍ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ተቖፀርቲ ምስ ኣሃዛት ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ዓቐን ኣሃዝ ብተቖፀርቲ ነገራት የርእዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝተፈላለዩ ተቆፀርቲ ነገራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካብ 1-20 ዘለዉ ኣሃዛት ብቓል ክቖፅሩ ምግባር፣
- ተቖፀርቲ ነገራት ምሃብ፣
- መምህር ዝፅውዕዎም ቁፅሪ ተቖፀርቲ ነገራት ብምድርዳር ክርእዩ ምግባር፣

ንኣብነት፡- መምህር ኣርባዕተ እንትብሉ ህፃናት ኣርባዕተ ተቖፀርቲ ነገራት ፈልዮም ክርእዩ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- በዝሒ ኣሃዝ ብተቖፀርቲ ነገራት ምርኣይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፣

ተግባር ኣርባዕተ፡- ዓቐን ኣሃዝ ብተቖፀርቲ ነገራት ምርኣይ፣

ተግባር ሓሙሽተ ፡- ቁፅርታት ምስ ተቖፀርቲ ነገራት ምዝማድ

ዒላማ፡- ቁፅርታት ምስ ተቖፀርቲ ነገራት የዛምዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምሀሪ፡- ካርድታት ኣሃዝ፣ ሽንጣር፣ ዝተፈላለዩ ተቖፀርቲ ነገራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ናይ ሽንጣር ቐፀራ ሳጡን ምቕራብ
- ካብ 1-10 ዘለዉ ቁፅርታትን ተቖፀርትን ከዛምዱ ንሕድሕድ ህፃን ዕድል ምሃብ፣
- ቁፅርታት ብላዕሊ ተቖፀርቲ ብታሕቲ ከመይ ኸቕመጡ ከምዘለዎም ኣብ ሓደ ኣሃዝ ምርኣይ፣
- ብምቕፃል ህፃናት ብተመሳሳሊ ክትግብሩ ብምግባር ናይ ቁፅርን ኣሃዝን ናይምዝማድ ክእለቶም ምጥንኻር፣
- ቀዲሞም ካብ 1-10 ዘለዉ ኣሃዛትን ተቖፀርትን ኣዛሚዶም እንትውድኡ ብጉጅለ መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ቁፅርታት ምስ ተቖፀርቲ ነገራት ምዝማድ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሽዱሽተ፡- ብቑፅሪ ጣቕዒት ልክዕ ተቖፀርቲ ነገራት ምድርዳር

ዒላማ፦ ብቑፅሪ ጣቕዒት ልክዕ ተቖፀርቲ ነገራት ይድርድሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ ተቖፀርቲ ነገራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለዩ ተቖፀርቲ ነገራት ንህፃናት ምዕዳል፣
- ነቲ ጣቅዒት ቆፂሮም ተቖፀርቲ ነገራት ክፈልዩ/ክድርድሩ ምግባር፣
- ህፃናት ብፅምዲ ብፅምዲ እናኾኑ ነኒ ሕድሕዶም ክትግብርዎ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ብቑፅሪ ጣቕዒት ልክዕ ተቖፀርቲ ነገራት ምድርዳር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

## ተግባር ሸውዓተ፦ ስእሊ ብምስኣል ቁፅርታት ምቑፃር

ዒላማ፦ [illegible]

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ወረቐት፣ እርሳስን ከለር ንህፃናት ምዕዳል፣
- ስእሊ ክስእሉን ካብቶም ዝሰኣልዎም ስእልታት ውሽጢ ነታ ሓንቲ ከለር ክለኽይዋ ከምኡ እንዳበሉን በቲ ዝወሃቦም መምርሒ መሰረት ክለኽዩ ምግባር፣
- ካብ ዝሰኣልዎም በዝሒ ስእልታት ክንደይ ዝኣኽሉ ከለር ከምዝለኸዩ ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ስእሊ ብምስኣል ቁፅርታት ምቑፃር ከምዝኽኣሉ ምርገጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 3. ንቁፅርታት ምልላይ፣ ምግላፅ፣ ዝምድናኦም ምርዳእን ቀለልቲ ስልሒታት ምስራሕ፣ | 3.2. ማዕረ፣ ይዓቢ፣ ይንእስ እናበሉ ምዝራብ ይኽእሉ። |


ተግባር ሓደ፦ ኣምር ይዓቢን ይንእስን ምግንዛብ

ዒላማ፡- ኣምር ይዓቢን ይንእስን ይግንዘቡ።

ናውቲ መምሀሪ መስተምሀሪ፡- ኮርኪ፣ ፀፀር፣ ፍረታት፣ መኸደኒ እስክሪቢቶ፣ መኸደኒ ቋዕቋዕታ/ሃይላንድ፣ ሲባጎ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ክልተ ሓፁር እኩብ ንምስራሕ ዝጠቕሙ 30 ሴ.ሜ. ንውሓት ዘለዎም ሲባጎታትን እኩብ ንምስራሕ ዝጠቕሙናውትታት ምዕዳል፣
- ንኣብነት፡- ኮርኪ፣ ፀፀር፣ ፍረታት፣ መኸደኒ እስክሪቢቶ፣ መኸደኒ ቋዕቋዕታ/ሃይላንድ፣ ሲባጎ
- ህፃናት ሓፁር እኩብ ክሰርሑ ምግባር
- ብዛዕባ ሓፁሮም ክዛረቡ ምግባር፣
- ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን እኩብ እንታይ ከምዝተኣከቡን ኣብ ማእኸሎም ዘሎ ኣፈላላይ ክዛረቡ ምግባር፣
- ኣባላት ክልቲኦም እኩባት ሓደ ሓደ ብምርኻብ ምቑፃር፣
- ኣየናይ እኩብ ኣባላት ከምዝበዝሑ ኣየናይ ድማ ከምዝንእሱ ኢልካ ብምሕታት ክልሰ ሓሳብ ይዓብን ይንእስን ክርድኡ ምግባር፣



ይዓቢ

ይንእስ

**ተፍትሽ፦** ክልስ ሓሳብ ይዓቢን ይንእስን ምግንዛብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።


**ዒላማ፦** ፀወታ ምዝማድ ይፃወቱ።

**ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦** ሎቶ/ሰሌዳ መዛመዲ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦**

- ዝተፈላለዩ ናውትታት ሎቶ እናዛመዱ ክፃወቱ ምግባር፣





**ተፍትሽ፦** ፀወታ ምዝማድ ምፅዋት ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

**ተግባር ክልተ፦ ፀወታ ምዝማድ ምፅዋት**

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 3.ንቁፅርታት ምልላይ፣ ምግላፅ፣ ዝምድናኦም ምርዳእን ቀለልቲ ስልሒታት ምስራሕ፣ | 3.3. ካብ 1-20 ዘለዉ ኣሃዛት ምፍላይ ይኽእሉ። |

ዒላማ፦ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ኣሃዛት ይቖፅሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምሀሪ፦ ዝተፈላለዩ ተቖፀርቲ ነገራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ካብ **1-20** ዘለዉ ኣሃዛት ብቃል ክቖፅሩ ምንቕቓሕ፣
- ዝተፈላለዩ ተቖፀርቲ ነገራት/ናውትታት/ ምሃብ፣
- ካብ **1-20** ብምድርዳር ክቖፅሩ ምግባር፣
- እንትቖፅሩ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ክቖፅሩ ናብ ጐኒ፣ ናብ ታሕቲ ክድርድሩ ምግባር፣
- ዝተደርደሩ ካብ የማን ናብ ፀጋም፣ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ክቖፅሩ ምግባር፣
- ብዝተፈላለየ ኣንፈት ክቖፅሩን ዝተፈላለዩ ተቖፀርቲ ነገራት ዓቐኖም ከምዘይለዋወጥ ክስተውዕሉ ምሕጋዝ፣
- እንትቖፀሩ ናይ መወዳእታ ኣሃዝ ብምርኣይ ክቖፅሩ ምግባር

  ንኣብነት፦ 4 ተቖፀርቲ ነገራት እንትቖፅሩ ኣርባዕተ ናይ መወዳእታ ተቖፀርቲ ዘይኮኑስ ብምሉኦም ኣርባዕተ ነገራት ምዃኖም ምርዳእ፣
- <<ኣናእሽተን ኣዕዋፍ>> ን <<**10** ሓደሽቲ ክዳውንቲ>> ክዝምሩ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ኣሃዛት ምቑፃር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሓደ፦ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ኣሃዛት ምቑፃር



ተግባር ክልተ፦ ሓዱሽ ቁፅርታት ምልላይ

ዒላማ፡- ሓዱሽ ቁፅርታት ይላለዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብርጭቆ ወረቐት፣ ሰሌዳ ቁፅሪ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካብ 1-20 ዘለዉ ቁፅርታት ንምልላይ ቅድም ኢሎም ዝፈልጥዎም ቁፅርታት ንክዝክሩ ምሕታት፣
- ሓደሽቲ ቁፅርታት /ካብ 11-20/ ብርጭቆ ወረቐት ሰሌዳ ቁፅሪ ብምጥቃም ምርኣይ፣
- ነቶም ኣሃዛት ብስም ብምፅዋዕ ኣብ ጠረጴዛኦም ብምቅማጥ ብኽልተ ኣፃብዕቶም ክድህስስ ምግባር፣
- ዝዳህሰስዎ ቁጥሪ ኣብ ኣየር ክፅሕፍዎ ምግባርን ምልምማድን፣
- ሓደሽቲ ቁፅርታት ብቅደም ስዕብ ንሰለስተ ክፍለ ግዘ ሜላ ኣመሃህራ ብምጥቃም ምልላይ፣
- ካብ ዝተላለይዎም ሓደሽቲ ቁፅርታት ወፃኢ ሓዋዊስካ ብምቕማጥ ዝተላለይዎም ቁፅርታት ፈልዮም ከውፅኡ ምግባር ክፅዉዑ ምግባርን

ተፍትሽ፡- ሓዱሽ ቁፅርታት ምግምጋም።



ተግባር ሰለስተ፡- ኣመሰራርታ ቁፅርታት ምግንዛብ

ዒላማ፦ ኣመሰራርታ ቁፅርታት ይግንዘቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ፀፀራት፣ ፍረታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣመሰራርታ ቁፅርታት ክግንዘቡ ካብ 1-10 ቁፅርታት ብፀፀር ክቑፅሩ ብምግባር፣ ኣብቲ ቀዳማይ ቁፅሪ ፀፀር/ፍረ/ እንትውሰኽ ቀፃሊ ቁፅሪ ከምዝረኽቡ ምርዳእ፣
- እቲ ቀፃሊ ቁፅሪ ብምፅዋዕን ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብምፅሓፍን ኩሎም ህፃናት ክርእይዎን ክፀርሕዎምን ምግባር፣
- ፀፀራት /ፍረታት/ ብምጥቃም ዝርኣይዎ ኣሃዝ ክፅሕፉ ምግባር፣
- ካብ 11-20 ዘለዉ ቁፅርታት ኣመሰራርታኦም ክግንዘቡን ኣብ ሓደ ዝኾነ ቁፅሪ ጎኒ ካሊእ ቁፅሪ ብምፅሓፍ ከምዝምስረት ምርዳእ፣ ኣብነት ኣብ ሓደ ካሊእ ሓደ እንትንፅሕፍ 11 ከምዝኸውን፤ ኣብ ሓደ ጎኒ 2 እንትንውስኽ 12 ከምትኸውን ወዘተ ምርኣይ፣

> መዘክር፦ እዚ ተግባር ብመልክዕ ነበረያ ነበረ/ብፀወታ/ ህፃናት ክዛረቡ ብምግባር፣
>
> ንኣብነት ፦ ሓደ ቁፅሪ ትመፅእ እሞ ደው በለት፤ በይነይ ክኸውን ኣይደልይን ንዓይ ትመስል ካሊእ ቁፅሪ  ዓርኪ ክትኾነኒ ኣብ ጎነይ ወስኹለይ በለት። ኣብ ጎድና ንዓኣ ትመስል /ደ ቁፅሪ ደው ኣበልናላ መፀውዒ ስማ ተቐይሩ ዓሰርተ ሓደ ኮነት። ብማለት ኣመሰራርታ ካልኦት ቁፅርታት ቀስ ብቀስ ምርኣይ፣

ተፍትሽ ፦ ኣመሰራርታ ቁፅርታት ምግንዛቦም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፦ ምፅሓፍን ምንባብን ቁፅሪ

ዒላማ፦ ምፅሓፍን ምንባብን ቁፅሪ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ሕብራዊ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ካብ 1-20 ብድርብ ዝተፅሓፈ ቁፅሪ ምሃብን ሕብሪ ክለኽዩ ምግባርን፣
- ካብ 1-20 ብነጠብጣብ ዝተፅሓፈ ቁፅሪ ኣብ ወረቐት ፅሒፍካ ምሃብ፣
- ከመይ ምድመቕ /ምትሕሓዝዝ/ ከምዝክኣል ብምርኣይ ከድምቁ ምግባር፣
- ዘድመቕዎ ቁፅሪ መፀውዒ ስሙ ክዛረቡ ምሕታት፣
- ዝተፅሓፉ ቁፅርታት ክርእዩ ብምግባር ኣምሲሎም ምፅሓፍ ክለማመዱ ምግባር፣
- ካብ 1-20 ቁፅርታት ሓዋዊስካ ብምሃብ ቁፅሪ እንትፅዋዕ እናተፃወቱ ካብ ዝተሓዋወሱ ቁፅርታት ሓርዮም/መሪፆም ንመምህሮም ክርእዩ ብምግባር፣
- ካብ 1-20 ቁፅርታት ዝተሓዙ ፐዝላት ብምግጥጣም ክፃወቱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ቁፅሪ ምፅሓፍን ምንባብን ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሓሙሽተ፦ ግጥሚ ቁፅርታት ምዝራብ

ዒላማ፦ ግጥሚ ቁፅርታት ይዛረቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ፐዝላት፣ ዶሚኖ ቁፅሪ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ግጥሚ ቁፅሪ ክዛረቡ ምልምማድ፣

ንኣብነት ፦

ሓደ፣ ክልተ፣ ሰለስተ፣ ኣርባዕተ ምሳሕን ድራርን ቈልዓ፣

ሓሙሽተ፣ ሽዱሽተ፣ ሸውዓተ፣ ሸሞንተ፣ ትሽዓተ እንታይ ክገብራ

ዓሰርተ ምስ ሓደ ዜሮ ደው ኢላ ርኣኽዋ፣

- ብምቕፃል ብመልክዕ ሕንቅል ሕንቅሊታይ ቁፅርታት ክፃወቱ ምግባር፣

ንኣብነት፦ ‹‹ኣነ ቅድሚ **5** ድሕሪ **3** ዝርከብ ቁፅሪ እየ ኣነ መን እየ**?**››

- ዶሚኖ ቁፅሪ ክፃወቱን ክለማመዱዑን ግዘ ምሃብ፣

ተፍትሽ ፦ ግጥሚ ቁፅርታት ምዝራብ ማኽኣሎም ምግምጋም።


| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 3.ቁቁፅርታት ምልላይ | 3.4 . ካብ 1-20 ዘለዉ ቁፅርታት ምድማርን ምጉዳልን ይኽእሉ። |

ዒላማ፦ ኣምር ምድማር ይላለዩ።

ናውቲ መምሀሪ መስተምሀሪ፦ መቑፀሪ ክላሰራት፣ ተቖፀርቲ ነገራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ተቖፀርቲ ነገራትን ምልክት ምድማርን ከምኡዉን መቑፀሪ ክላሰራት ንህፃናት ምዕዳል፣
- ምልክት ምድማር ክርእዩ ብምግባር ከምዝስዕብ ምርዳእ፦
    - ሓደ ህፃን መምህር ናብ ዘለዎ ምፅዋዕ፣
    - ኣብ መቑፀሪ ክላሰር ክልተ ክቢ ከቐምጡ ምግባር፣
    - ካብቲ መስመር ካልኢ ቈልዓ ንኡሽተን ርሕቕ ኢሉ ክቢ ከቐምጥ ምግባር፣
    - ፈለማ ነተን ክቢ ዘቐመጠ ህፃን ክንደይ ክቢ ከምዘቐመጠ፣ እቲ ካልኣይ ህፃን እዉን ክንደይ ክቢ ከምዝወሰኸ ምሕታት፣
    - ክቢ ክልቲኦም ህፃናት ክንደይ ከምዝኾኑ ምሕታት፣
    - ኣብ ክልቲኦም ምልክት ምድማር ብምቕማጥ መልሱ ይኸውን (=) ዝብል ቃልን ምልክትን ብምጠቃም ምዝራብ፣
    - እዚ ተግባር ብውልቀኦምን ብጉጅለን ክለማመዱ ምግባር፣



□ □ + □ = □ □ □

- <<ኣብ ልዕሊ ሓደ ወሲኽ>> ዝብልመዝሙር ክዝምር ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ኣምር ምድማር ምርድኦም ምክትታል።

ተግባር ሓደ፦ ኣምር ምድማር ምልላይ

ተግባር ክለተ፦ ኣምር ምድማርን ምጉዳልን ምልላይ


ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ኣምር ምድማርን ምጉዳልን ይላለዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ተቐፀርቲ ነገራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ተቖፀርቲ ነገራት ንህፃናት ምዕዳል፣
- ኣብ ሓደ ተኣኪቦም ካብ ዝተቐመጡ ናውትታት ማእኸል ህፃናት ኣብ ዝርእይዎ ቦታ ካርድታት መቑፀሪ ብምጥቃም ምቑፃርን ምድርዳርን፣
- ብመምህር ዝተቖፀሩ ናውትታት ኣብ ቅድሚኦም ብዘለዉ ካርድታት ቆፂሮም ከቐምጡ ምግባር፣
- ኣብ ካርድ ቆፂሮም ዘቐመጥዎም ምህናፅ/ምድርዳር ምኽኣሎም ምክትታል
- ካሊእ ሓደ ተቖፃሪ ህፃን ብምልዓል እቶም ህፃት ነናይ ባዕሎም ክቖፅሩ ምግባር፣
- ቀዲሞም ካብ ዝተቖፀሩ  ንኡሽተን ርሕቐ ኢልካ ናብቲ ቀዲሙ ዝተቖፀረ ሓደ ተቖፃሪ ነገር ምውሳኽ፣
- ኣብቲ ዝነበሮ ሓደ እንትውስኽ ንምርኣይ ምልክት ምድማር ከቐምጡ ምግባር፣
- ክንደይ ከምዝኾነ ምሕታት፣ ሓቢርካ ምቑፃርን ውፅኢቱ ይኸውን (=) ዝብል ምልክት ክጥቀሙ ምግባርን፣



መዘክር ፡- እዚ ከይዲ ንምጉዳል እዉን ይጠቅም እዩ።

ዓሰርተ ኣዕዋፍ ኣብ ኦም እንትዓርፉ ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣

መዘክር፡- ምድማርን ምጉዳልን ንምልምማድ ንፈለማ እዋን ንጥቀመሉ ተቖፀርቲ ነገራት ክኾኑ ይግባእ።

ቁፅርታት ኣብ ቦርድ ካብ ምድማር ንላዕሊ ብዝሐሸን ንቑሓት ኰይኖም ክሳተፉን ዝገብር ናውትታትን ስእልን ምጥቃም እዩ። ምልክታት ምድማር (+)፣ ምጉዳል (-)፣ ማዕረ ይኸውን (=) ኣብ ዝስሕብ ክላሰር ክዳለዉ ይግባእ።

☑ ተፍትሽ ፦ ኣምር ምድማርን ምጉዳልን ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ሰለስተ፦ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ቁፅርታት ምቑፃር

ዒላማ፡- ብዝተፈላለየ ኣንፈት ቁፅርታት ይቖፅሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ተቖፀርቲ ነገራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካብ 1-20 ተቖፀርቲ ነገራት ክድርድሩ/ክሰርዑ ምግባር፣
- ናብ ቅድሚትን ድሕሪትን እናደጋገሙ ክቖፅሩ ምግባር፣
- ቁፅርታት ብምርኣይ ቅድምን ድሕርን እታ ኣሃዝ ዘላ ቁፅሪ ክንደይ ከምዝኾነት ብምሕታት ክምልሱ ምብርትታዕ፣ እንተኣብይዎም ቁሩብ ኣፋፍኖት ምሃብ
- ሓደ ዝኾነ ቁፅሪ ክርእዩ ብምግባር፣ ክሳብ እቲ ዝርኣይዎ ቁፅሪ ዘለዉ ኣሃዛት ክቖፅሩ ምግባር፣
- ኣብ ቁፂሮም ዝበፅሕዎ ኣሃዝ ቀፂሉ ዘሎ ኣሃዝ ክዛረቡ ብምግባር ብዝተፈላለዩ ኣሃዛት ክድምሩን ክጉድሉን ምልምማድ፣

  ንኣብነት፡- ኣብ ሓሙሽተ፣ ሓደ ዑፍ እንትውሰኽ ክንደይ ይኸውን? ካብ ሓሙሽተ፣ ሓደ ዑፍ እንትጎድል ክንደይ ከምዝቐሪ ምሕታትን ዝቖፅረለይ መን እዩ? ኢልካ ምሕታት ወዘተ…

| |
|---|
| *መዘክር፦* ምቑፃር ብሽምዳድ ጥራሕ ከይኸውን ጥንቃቐ ምግባር የድሊ፣<br>• ኣብ ልዕሊ ሓደ ሓደ ወሲኽ፣ ዓሰርተ ኣዕዋፍ ኣብ ኦም እንትዓርፉ ዝብልንመዝሙር ክዝምሩ ብምግባር እቲ ትምህርቲ ክጠናኸር ምግባር፣ |

ተፍትሽ ፡- ብዝተፈላለየ ኣንፈት ቁፅርታት ምቑፃር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 4. ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ግቡእ ዝኾኑ መሳርሕታትን መለክዕታትን ምጥቃም፣ | 4.1 . ቦታ፣ ርሕቀትን ኣንፈትን ምግላፅ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ ፡- ምግንዛብ ኣምር ኣንፈትን ርሕቐትን

ዒላማ፦ ኣምር ኣንፈትን ርሕቐትን ይግንዘቡ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፦ ወንበር፣ ኣብ መምህሪ ክፍሊ ዝርከቡ ናውትታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ክልተ ህፃናት ኣብ ዝተፈላለየ ርሕቐት የማነ ፀጋም ደው ክብሉን ኣብ ማእኸሎም ወንበር ምግባርን፣
- እቲ ሓደ ህፃን ካብቲ ወንበር ክርሕቕ፤ እቲ ሓደ ድማ ቅርብ ኢሉ ደው ክብል ምግባር፣
- ኣብ ማእኸሎም ካብ ዘሎ ወንበር መን ቅርብን ርሕቕን ኢሉ ከምዘሎ ክዛረቡ ምብርትታዕ፣
- ብምቕፃል ብየማን፣ ብፀጋም መን ጠጠው/ደው ከምዝበለ ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር፣
- ህፃናት ዝነብርሉ ከባቢ (መንበሪኦም) አድራሻ ዝፈልጥዎ ምኽኑ ምሕታት፣
- ናብ ኣፀደ ህፃናት ብምንታይ ከምዝመፅኡ ንምንታይ ትራንስፖርት ከምዝተጠቐሙ(ዝመፅኡ እንተልዮም)ዝብሉ ምሕታት እንትምልሱ ቐረባ፣ ሩሑቕን ብጣዕሚ ርሑቕን ኢሎም ክምልሱ ምሕጋዝ

> መዘኻኸሪ፦ እዚ ተግባር ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ክልተ ብምምቃል ኣብ ተኸታታሊ ክፍለ ግዘ ምትግባር ይድሊ ምኽንያቱ የማንን ፀጋምን ንምፍላጥን ርሕቐት ንምግንዛብ ብዝተወሰነ መልክዑ ኣፈላላይ ስለዘለዎም እዩ።

ተፍትሽ ፦ ኣምር ኣንፈትን ርሕቐትን ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ክልተ፦ ምፍላይ ኣንፈትን ቦታን

ዒላማ፡- ኣንፈትን ቦታን ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ወንበር፣ ኣብ መምህሪ ክፍሊ ዝርከቡ ናውትታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ኣብ ዝምሃርሉ ኣፀደ ህፃናት ውሽጢ መምህሪ ክፍሎም ዝርከበሉ ኣንፈትን ቦታን ክፈልጡ ምልምማድ፣
  ንኣብነት፡- መምህሪ ክፍሎም፣ ቢሮ፣ መፃወቲ ቦትኦም፣ መመገቢ ቦትኦምን ሽቓቕን ኣበይ ክፍሊ ከምዝርከብን ኣብ ጎኒ መን ከምዘሎን ክዛረቡ ምግባር፣
- ቦታ ሓበርቲ መዝሙራትን ግጥምታትን ክዛረቡ/ክዝምሩ ምግባር፣
- "ኣበይ ይርከብ?" ን <<እንታይ ከምዝተለወጠ ፍለጥ>> ዝብል ፀወታ ክፃወቱ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ቦታን ኣንፈትን ምፍላይ ምኽኣሎም ምክትታል።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 4 ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ግቡእ ዝኾኑ መሳርሒታት መለክዕታት መጥቃም፣ | 4.2 .ነገራት ብስርዓት ምድርዳርን ምውድዳርን ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ምንፅፃር ዓበይትን ኣናእሽተንን ናውቲ

ዒላማ፡- ዓበይትን ኣናእሽተንን ናውቲ ይንፅሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዓበይትን ኣናእሽተንን ኩባያታት ፕላስቲክ፣ ብሑፃ ዝመልአ ሳፁን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ናብ ሜዳ ክወፅኡ ብምግባር <<ምስፋር>> ፀወታ ክፃወቱ ምግባር፣
- ዓበይትን ኣናእሽተንን ኩባያታት ፕላስቲክ ንህፃናት ምዕዳል፣
- ሑፃ ካብ ዓብዩ ኩባያ ናብ ንኡሽተን ኩባያ፣ ካብ ንኡሽተን ናብ ዓብዩ ኩባያ እናሰፈሩ ክወዳደሩ ምግባር፣
- እናሰፈሩ ብምግልባጥ ንኡሽተን ኩባያ ውሑድ ዓብዩ ኩባያ ብዙሕ ከምዝትሕዝ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ዓበይትን ኣናእሽተንን ናውቲ ምንፅፃር/ምውድዳር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ሓፀርትን ነወሕትን ናውትታት ብምልካዕ የወዳድሩስ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-  ወረቐት፣ እርሳስ፣ ከለር፣ ነጡብጣብ /ክላሰር ወረቐት/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ወረቐት፣ እርሳስ፣ ከለርን ነጡብጣብ ዘለዎ ነገር ንህፃናት ምሃብ
- ኣብ ዝተውሃቦም ወረቐት እርሳስ ተጠቒሞም ክልተ መንገድታት እቲ ሓደ ሓፀር እቲ ሓደ ነዊሕ ኣብ ላዕልን ታሕትን ገይሮም ክስእሉ ምግባር፣
- ስኢሎም እንትውድኡ ነቶም ነጡብጣብ ክልክዑን ኣየናይ ሓፂር ኣየናይ ነዊሕ ከምዝኾኑ ከወዳድሩ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ሓፀርትን ነወሕትን ናውትታት ብምልካዕ ምውድዳር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡-  ሓፀርትን ነወሕትን ናውትታት ብምልካዕ ምውድዳር



ተግባር ሰለስተ፡- ቀለልትን ከበድትን ነገራት ምውድዳር

ዒላማ፡- ቀለልትን ከበድትን ነገራት የወዳድሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብዓቐን ማዕረ ዝኾኑ፣ ዝተፈላለዩ ክብደት ዘለዎም፣ ብቕርፂ ዝመሳሰሉ ሸንጣራት፤ ብዓይኒ እንትርኣዩ ማዕረ ዝመስሉ ብጡጥን ሑፃን ዝተመልኡ ከረፂታት/ቖርማምሽታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ነቶም ሸንጣራት ኣብ መይዳ ኢዶም ኮፍ ኣቢሎም ብምልካዕ ኣየናይ ከቢድ፣ ኣየናይ ቀሊል ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር፣
- ደጋጊሞም ክምዝኑን ከወዳድሩን ምብርትታዕ፣

| ቀሊል | ከቢድ |
|---|---|

- በዚ ዓይነት ኣገባብ ነቶም ከረፂታት/ቖርማምሽታት እዉን ብኢዶም ብምልካዕ ከቢድን ቀሊልን ኣየናይ ከምዝኾኑ ከወዳድሩ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ቀለልትን ከበድትን ነገራት ምውድዳር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ርሕቐት ምልካዕ

ዒላማ፦ ርሕቐት ምልካዕ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ማስመሪያ፤ መለክዒ ሲባጎ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ መንጎ ወንበር መምህርን ወንበር ህፃናት ዘሎ ርሕቐት ብስጉሚ ክልክዑ ብምግባር ክንደይ ስጉሚ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር፣
- ቀፂሎም ብማስመሪያ ክልክዑ ርሕቐቱ ክንደይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር፣
- ጠረጴዛ መምህርን ህፃናትን ንዓቐን መኒኡ ከምዝዓብይ ከምዝንእስን ምሕታት፣
- ሲባጎ/ቀጢን ገመድ ተጠቒሞም ከመይ ከምዝልክዑ ክርእዩ ምግባር፣
- በቢ ተራ ሲባጎ/ቀጢን ገመድ ተጠቒሞም ክልቲኦም ጠረጴዛታት እናለክዑ ክለማመዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ርሕቐት ምልካዕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ስፍሓት ምልካዕ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህረ መስተምህር፡- ርቡዕ ኩርናዕ፣ ትርብዒት፣ መለክዒ ነጥብጣብ (ካብ ክላስር ወረቐት ዝተቖረፀ)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ጠረጴዛ ህፃናት፣ ርቡዕ ኩርናዕ፣ ትርብዒት፣ መለክዒ ጥብጣብ ብምሃብ ጎንን ስፍሓትን ቅርፅታት ከመይ ከምዝልክዑ ምርኣይ፣
- በቲ መለክዒ ነጠብጣብ ኣየናይ ጐኑ ከምዝፀብብን ከምዝስፍሕን ማዕረ ምኳኖም ክዘረቡ ምብርትታዕ፣

ተፍትሽ ፡- ስፍሓት ምልካዕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።


ተግባር ሓሙሽተ፡- ስፍሓት ምልካዕ

ተግባር ሽዱሽተ፡- ኣምር ምሉእን ምቃልን ምግንዛብ

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፦ ኣምር ምሉእን ምቃልን ይግንዘቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ቁመት 12 ሳ.ሜ.፤ ስፍሓት ጐኒ 3 ሳ.ሜ. ዝኾኑ ክልተ ሲሊንደራት፤



ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ካብቶም ክልተ ስሊንደራት ነቲ ሓደ ኣብ ኣርባዕተ ቦታ ምምቃል/ምቑራፅ
- ዝተቖራረፁ ስሊንደራት ምስቲ ዘይተቖረፀ ስሊንደር ጐኒ ንጐኒ ጠጠው ኩብል ብምግባር ክልክዑ ምግባር፣
- እቲ ዘይተቐረፀ ስሊንደር ምስቶም ዝተቖራረፁ ስሊንደራት ማዕረ ምዃኑ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ኣምር ምሉእን ምቃልን ምግንዛቦም ምርግጋፅ።

ተግባር ሸውዓተ ፦ መሳርሕታት መለክዒ ምጥቃም

ዒላማ፡- መሳርሕታት መለክዒ ይጥቀሙ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ወረቐት፣ ማስመሪያ፣ መለክዒ ሲባጎ/ቀጢን ገመድ፣ ጨርቂ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብዛዕባ መለክዒ መሳርሕታት ብኸምዚ መንገዲ ዝተወሰነ ግንዛበ ክህልዎም ምግባር፣
    - መሳርሒ ተጠቒምካ ነቲ ወረቐትን ምልካዕ
    - ነቲ ገመድ ወይ ጨርቂ ብእመት ምልካዕ
    - መምህሪ ክፍሊ ህፃናት ካብ ኣፍደገ ክሳብ ግድግዳ ዘሎ ብስጉሚ ክልክዑ ምግባር፣
- ሕድሕድ ህፃን ክልክዕ ብምግባር ዓቀኑ ክዛረቡ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር **፡-** መሳርሕታት መለክዒ ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ነገራት ክልክዑ ምግባር፣ |

ተፍትሽ ፡- መሳርሕታት መለክዒ ምጥቃም ምኽኣሎም ምርጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 5. ኣምር ግዘ መግለፅታቱን ምርዳእ፣ | 5.1. ኣብ ግዘ ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፦ ኣብ ግዘ ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይ

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ መፃሕፍቲ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- በቢ እዋኑ ዝኸበሩ ዝተፈላለዩ ኩብረ ብዓላት ብምዝኽኻር ንምንታይ ከምዝኽበሩ ክመያየጡ ምግባር፣
- ብዓል እንትህሉ ኣብ ገዛኦም እንታይን እንታይን ነገራት ከምዝፍፀሙ ክዛረቡ ምግባር፣
- መዓዝ እዚ ተፈፂሙ? ብዓል ልደትካ/ኪ መዓዝ ነይሩ? / ብምባል ምሕታትን ብዛዕባ ሕሉፍን መፃኢ ህይወቶም መልሲ ክህቡ ምግባር፣
- ኣከባብራ ብዓላት ኣመልኪቶም ፀወታ ዝፃወትሉ ኩነታት ምምችቻው፣

ተፍትሽ ፦ ኣብ ግዘ ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይ ምኽኣሎም ምክትታል።

ዒላማ፡- ረብሓ ሰዓት ይርድኡ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ኣብ ረጕድ ወረቐት ወይ ካርቶን ዝተሰርሐ ሰዓት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንክይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝሕግዝ ሰዓት
- ሰዓት ንምንታይ ከምዝጠቅም ክመያየጡ ምግባር፣
- ብስእሊ መልክዕ ዝቐረበ ሰዓት ኣብ ዝርአ ቦታ ክስቀል ብምግባር ነቲ ስእሊ እናርኣዩ ናይ ባዕሎም ክስእሉ እርሳስን ወረቐትን ምሃብ፣
- ንዝስኣልዎ ስእሊ ናእዳ ምሃብ፣

ተፍትሽ ፡- ረብሓ ሰዓት ምርዳኦም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡- ረብሓ ሰዓት ምርዳእ።

ተግባር ሰለስተ፡- ምስ መዓልቲ መቑፀሪ ምልላይ

ዒላማ፦ መቑፀሪ መዓልቲ ይላለዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ መቑፀሪ መዓልቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብዓብይኡ ዝርአ መቑፀሪ መዓልቲ/ካላንደር ምቕራብ፣
- ኣብቲ መቑፀሪ ስም ኣዋርሕ፣ ሰሙንን ዕለትን ከምኡዉን ብዓላት ምኽኖም ዘመላኽቱ ዝተፈለ ሕብርታት ከምዘለዉ ምሕባር፣

ተፍትሽ ፦ መዓልቲ መቑፀሪ ምግንዛቦም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ቀትርን ምሸትን ዝፍፀሙ ተግባራት ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ቀትርን ምሸትን ዝፍፀሙ ተግባራት ዘርእዩ ስእልታት ብመልክዕ ሎቶ ምድላው፣


ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-


- “ንጉሆ ተላዒለ›› ዝብል ተለላ ግጥሚ ደጋጊሞም ክዛረቡ ምግባር፣

  ንጉሆ ተላዒለ፣

  ቁርሰይ በሊዐ፣

  ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸይድ ቦርሳይ ኣልዒለ።
- ቀትርን ምሸትን ዝፍፀሙ ተግባራት ብስእሊ ክርእዩ ምግባር፣
- ኣብቲ ስእሊ ዝርኣዩ ተግባራት ብዝምልከት ከዛምዱ ምግባር፣
- ተግባር ኣርባዕተ፡- ቀትርን ምሸትን ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይ ... )፤ ንምሸት ብፀሊም ሕብሪ ኣብ ዝተለኸየ ወረቐት ወርሕን ንኡሽተን ከዋኽብትን ስኢሎም ኣየናይ ግዘ ከምዝውክል ክርድኡ ምግባር፣





ተፍትሽ፡- ቀትርን ምሸትን ዝፍፀሙ ተግባራት ፈልዮም ምዝራብ ምኽኣሎም ብምድማፅ ምግምጋም።

ዒላማ፦ ማዕልትታት ሰሙን ፈልዮም ይዛረቡ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፦ ኣብ ረጕድ ወረቐት ወይ ካርቶኒ ዝተሰርሐ መቁፀሪ መዓልቲ፣ ክላሰር፤ ሻሽ ቦርድ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ብዛዕባ ግዘ ዘለዎም ግንዛበ ምጥንኻር፣
- ንጉሆ ናብ ክፍሊ ምስ ኣተዉን ዕለታዊ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሮምን መዓልቱ፣ ወርሑ፣ ዓመተ ምህረቱን ክዛረቡ ምግባር፣
- ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ወይ ሻሽ ቦርድ መዓልቱ፣ ወርሑ፣ ዓመተ ምህረቱን ምፅሓፍ ወይ ምልጣፍ፣
- <<መዓልትታት ሰሙን>> ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣
- መዓልትታት ሰሙን ኣብ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ረጕድ ወረቐት ምፅሓፍ፣
- ኣብ ሕቼ እቲ ወረቐት ብርጭቆ ወረቐት ብምልጣፍ ናብቲ ሻሽ ቦርድ ምጥባቕ፣
- መዓልትታት ሰሙን (መዓልትታት ዕረፍትን ትምህርትን) ተባሂሎም ከምዝምቀሉ ክግንዘቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ማዕልትታት ሰሙን ፈልዮም ምዝራብ ምኽኣሎም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምቕራብ ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ፦ ምፍላይ ማዕልትታት ሰሙን

ዒላማ፡- ኣብ ቀትሪ ዝፍፀሙ ተግባራት ይፈልዩ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ሰደቓ ወረፋ፣ መፃሕፍቲ ነበረያ ነበረ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ሰደቓ ወረፋ፣ ክርእዩ ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ሰደቓ ወረፋ ኣትክልቲ ቦታ፣ ወረፋ ክፍለ ግዘ፣ ወረፋ ሰዓት ምግቢ
- መዓዝ እንታይ ከምዝፍፀም ብምሕታት ምምይያጥ፡
- ግዘ/እዋን ክገልፁ ዝኽእሉ ነበረያ ነበረን ሓፀርቲ ዛንታታት ከዳምፁ ብምግባር እንታይ? መዓዝ? ከምዝተፈፀመ ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ኣብ ቀትሪ ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይ ምኽኣሎም ምክትታል።

ተግባር ሻዱሻተ ፡- ኣብ ቀትሪ ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይ፣

ተግባር ሸውዓተ፡- ‹‹እንታይ መዓዝ ይፍፀም?” ዝብል ፀወታ ምፅዋት

ዒላማ፡- ‹‹እንታይ መዓዝ ይፍፀም?” ዝብል ፀወታ ይፃወቱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ወረፋ ምዕዳል መፃሕፍቲ፣ መፃሕፍቲ ነበረያ ነበረ/ዛንታ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ሰዉነትና መዓዝ ንሕፀብ? ቀዳምን ሰንበትን
- ኢድና መዓዝ ንሕፁብ? ቅድምን ድሕርን ምግቢ ምምጋብናን
- ቁርስና መዓዝ ንበልዕ? ኣብ ሰዓት ቁርሲ/ንጉሆ
- ናብ ቤት ትምህርቲ (ኣፀደህፃናት)መዓዝ ንኸይድ? ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ዘለዉ መዓልትታት ወዘተ... እናበሉ ክፃወቱ ምሕጋዝ፣

ተፍትሽ ፡- ‹‹እንታይ መዓዝ ይፍፀም?” ዝብል ፀወታ ምፅዋቶም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- እንታይነትን ዓይነታት ወቕትታት ይላለዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ኣኩዓድና ዝተፈላለዩ ወቕትታት ዘርእዩ ስእልታት፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት እንታይነት ወቕትታት ክዛረቡ ምግባር 279፣
- ሰባት ኣብ ክረምትን ሓጋይን ዝኽደንዎም ስእሊ ክዓውንቲ ክርእዩ ምግባር፣
- ሰባት ኣብ ክረምትን ሓጋይን ዝኽደንዎ ክዳውንቲ ንምንታይ ከምዝፈላለዩ ክዛረቡ ምግባርን ኣብ መነባብሮ ዝህልዎም ፅዕንቶን ክመያየጡ ምግባር፣
- ወቕትታት ምስ ዘርእይዎ ለውጢ ዝዛመዱ ፀወታታት ክፃወቱ ምግባር፣
- ኣብ ኣርባዕቲኦም ወቕትታት ብፍላይ ኣብ ክረምትን ሓጋይን ኣብ ሰባትን ኣብ ከባብን ዝርኣዩ ለውጥታት ዘርኢ ስእሊ ብመልክዕ ሎቶ ምድላውን ምፅዋትን

ተፍትሽ ፡- ዓይነትን እንታይነትን ወቕትታት ምግንዛቦም ምግምጋም።

ተግባር ሸመንተ፡- እንታይነትን ዓይነታት ወቕትታት ምልላይ

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 6. ኣምር ቦታ ምርዳእን መግለፅታቱ ምጥቃምን፣ | 6.1. ናውትታት ዝርከብሉ ኣንፈት ምዝራብ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ኣቀማምጣ ናውቲ ምዝራብ

ዒላማ፡- ኣቀማምጣ ናውቲ ይዛረቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝተፈላለዩ ናውትታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ መምህሪ ክፍሊ ዝርከቡ ናውቲ ኣብ ልዕሊ፣ ትሕቲ፣ ጎኒ ጠረጴዛ ምቕማጥ፣
- ህፃናትን በቢ ሓደ ናብ ጠረጴዛ ክመፅኡ ብምግባር ዝተቐመጡ ናውቲ እቲ ሓደ ካብቲ ካሊእ በየናይ ኣንፈት ከምዘሎ ክስተውዕሉ ምግባር፣
- እንታይ ኣበይ ቦታ ከምዝተቐመጠ ክዛረቡ ምግባር፣
- ገፆም ኣዚሮም/መሊሶም ደው ክብሉ ብምግባር ኣቀማምጣ ናውቲ ምቅይያር፣
- ገፆም ናብቲ ዝነበርዎ ኣዚሮም/መሊሶም ክርእኑ ዝተለወጠ ነገር እንተልዩ ኣበየናይ ኣንፈት ከምዝኸኑ ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ኣቀማምጣ ናውቲ ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ክለተ፡- ምልላይ ኣንፈት

ዒላማ፦ ኣንፈት የለልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ ነገራት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታን ኣንፈትን ዘርኢ ስእሊ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንህፃናት ብግልፂ ኣብ ዝርአ ቦታ ዝተፈላለዩ ነገራት ዘርኢ ስእሊ ምስቃል፣
- ህፃናት ነቲ ስአሊ ብምስትውዓል እንታይን እንታይን ከምዘለዉ ክዛረቡ ምግባር፣
- ቐፂሉ እንታይ ካብ ምንታይ በየናይ ኣንፈት/ፀጋም፣ የማን /ከምዘሎ ክዛረቡ ምሕታት

ንኣብነት:- ‹እቲ ንኡሸተን ቈልዓ ኣበይ ኣሎ?፣ ኣብ ጐኑ እንታይ ኣሎ?፣ ኣብቲ ብስክሌት መን ኣሎ?፣ እቲ ቈልዓ በየናይ ኣንፈት ይርከብ?› ወዘተ።





ተፍትሽ ፦ ኣንፈት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ሰለስተ፦ ቀረባን ርሑቕን ብፀወታ ምፍላይ

ዒላማ፡- ቀረባን ርሑቕን ብፀወታ ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ወንበር፣ ፀናፅል

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብቲ ክፍሊ ውሽጢ 4 ወንበራት ኣብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ምቕማጥ
- ብፀናፅል ክንቀሳቐሱ ምግባር፣
- ቁፅሪ ህፃናት ካብ ቁፅሪ ወንበር ክበዝሕ ይግብኦ
- ድምፂ ፀናፅል ጠጠው እንትብል ‹ርሑቕ!› እንትብሃል ርሑቕ ዘሎ ወንበር፣ ቀረባ!› እንትብሃል ቀረባ ዘሎ ወንበር ኮፍ ክብሉ ከምዘለዎም ምዝራብ
- ተፃዊትካ ምርኣይን በቢ ተራ ክፃወቱ ምግባርን፣

ተፍትሽ ፡- ቀረባን ርሑቕን ብፀወታ ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 7. ምስ ገንዘብ ምልላይ፣ ምፍላይ፣ ምግላፅን ምጥቃምን | 7.1 . ዋጋ ገንዘብ ምዝራብ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- መጠን ገንዘብ ምግንዛብ

ዒላማ፡- መጠን ገንዘብ ይግንዘቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ቅርሺ፣ ሳናቲም

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ገንዘብ ሒዞም ዝፈልጡ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ምርግጋፅ፣
- ገንዘብ ሒዞም ዝፈልጡ ክንደይ ከምዝትሓዙ እንታይ ከምዝገበርዎ ክዛረቡ ምግባር፣
- ኣቕራሽን ሳናቲምን ኣብ ጠረጴዛ ምቕማጥ
- ምረፁ እሞ ውሰዱ እንተትብሃሉ ኣየናይ ከምዝመርፁ ምሕታት፣
- ዝመረፅዎ ገንዘብ ካብቲ ካሊእ ብምንታይ ከምዝፍለ ምሕታት፣
- ኣብ መወዳእታ ዝተፈላለየ መጠን ገንዘብ (ብዙሕን ውሑድን ነገር ንምዕዳግ ከምዝጠቅም) ከምዘለዉ ምርዳእ፣

ተፍትሽ ፦ መጠን ገንዘብ ምግንዛቦም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡- ምፍላይ ዝተፈላለዩ ሳናቲም

ዒላማ፦ ዝተፈላለዩ ሳናቲም ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ ሳናቲም፣ ረቂቕ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ድንኳን ድንኳን/ሹቕ ፀዋታ ዘድልዩ መፃወቲ /ፀወታ ኩርናዕ ድንኳን/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብጉጅለ ወይ ብውልቀ ረቂቕ ወረቐት፤ እርሳስ፤ ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎ ሳናቲም ምዕዳል፣
- ነታ ሳንቲም ብረቂቕ ወረቐት ብምሽፋን ብእርሳስ ብምፍግፋግ ቅርፂ ሳንቲም ምውፃእ ከምዝከኣል ምርኣይ፣
- መምህር ብዘርኣይዎ ኣብነት መሰረት ህፃናት ባዕሎም ቅርፂ ሳንቲም ከውፅኡ ምግባር፣
- ዝሰርሕዎ ስእሊ ብመቐስ ብምቑራፅ ኣብ ወረቐት ምልጣፍ፣
- ካብኡ ፀወታ ‹ሹቕ ሹቕ› ክፃወቱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ዝተፈላለዩ ሳናቲም ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፦ ረብሓ ትካል ገንዘብ የለልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ዝተፈላለዩ ሳናቲም፣ ረቂቕ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ንፀዋታ ሹቕሹቕ ዘድልዩ መፃወቲ /ፀወታ ኩርናዕ ድንኳን/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ወለዶም ገንዘብ ኣበይ ከምዘቅምጡ ምሕታት፣
- ምስ ወለዶም ናብ ባንኪ ከይዶም ዝፈልጡ ምዃኖም ምሕታት
- ባንኪ እንታይ ከምዝኾነ ብምሕታት ክምልሱ ምብርትታዕ፣
- ባንኪ ገንዘብ ዝቐመጠሉ ቦታ ከምዝኾነ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ረብሓ ትካል ገንዘብ ምልላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፦ ስርዓት ዕድጊት ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ምስሊ ቅርሺን ሳንትምን፣ ንፀወታ ድንኳን ድንኳን ዘድልዩ መፃወቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ናብ ድንኳን/ሹቕ ከይዶም ኣቕሓ ንምዕዳግ እንትደልዩ እንታይ ከምዝብሃል ብምሕታት ምምይያጥ፣
- ኣብ ፀወታ ድንኳን ብዝተፈላለየ ግዘ ክፃወቱ ምግባር፣
- ኣብ እዋን ምትዕድዳግ ክጥቀምሎም ዝግባእ ቃላት ዓዳጊ ኮይኑ ክፃወቱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ስርዓት ዕድጊት ምልምማዶም ምርግጋፅ።

## 2.4.5 *ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ*

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ------------------------------------------------------------------

ስም ህፃኑ ------------------------------------------- ዕድመ -------------- ጾታ --------

ስም መምህር --------------------------------------------- ዓመተ ምህረት -------------

ብዛዕባ እቲ ህፃን ዘለና ምልከታ ቀፂሎም ኣብ ዘለዉ ብርክታት ኣብ ሓዴኡ ብርኪ ብምቕማጥ ኣብቲ ቅጥዒ ምልከታ ኣብ ዝብል ትሕዝቶ ርእሲ ይምልኡ።

ብርክታት፦

1/ ምምሕያሽ ዘድልዮ ---------------------------------------------------------------------

2/ ነቲ ብቕዓት ዘማልአ ---------------------------------------------------------------------

3/ ትፅቢት ካብ ዝግበረሉ ንላዕሊ ዝሰርሐ------------------------------------------------------------

መተሓሳሰቢ፦ እዚ መከታተሊ ቅጥዒ ኣብ መፈለምታ፣ መፋርቕን መወዳእታን ዓመት ክምላእ ይግባእ።

| ብቕዓት | ምልከታ^ |
|---|---|

| | መፈለምታ ዓመት | መንፈቕ | መወዳእታ ዓመት |
|---|---|---|---|
| **1.** ባህሪ ናውቲ ምርዳእ ምፍታሽን ምፍላይን | | | |
| 1.1. ንነገራት ብዓይነት ምምዳብ ይኽእሉ። | | | |
| 1.2. ሓደ ዓይነት ዝኾኑ ነገራት ምዝማድ | | | |
| 1.3. ብፅምዲ ክተሓሓዙ ብምግባር ምፅዋት ይኽእሉ። | | | |
| 1.4. ቅርፃ ቅርፂ ጂኦሜተሪ ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| **2.** ነገራት ብባህሪኦም ምውድዳር፣ | | | |
| 2.1. ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድና ቅደም ስዒብ ምርኣይ ይኽእሉ፣ | | | |
| **3.** ቁፅርታት ምልላይ፣ መግላፅ፣ ዝምድናኦም ምርዳእን ቀለልቲ ስልሒት ምስራሕ | | | |
| 3.1. ኣብ መንጎ ነገራትን ቁፅርታትን ዘሎ ሓድነትን ኣፈላላይን ይግንዘቡ | | | |
| 3.2 ማዕረ እዮም፣ ይዓብይ፣ ይንእስ እናበሉ ምዝራብ ይኽእሉ። | | | |
| 3.3 ካብ 1-20 ዘለዉ ኣሃዛት ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| 3.4 ካብ 1-20 ዘለዉ ኣሃዛት ምድማርን ምጉዳልን ይኽእሉ። | | | |
| **4.** ኣብ ዘተፈላለየ ኩነታትግቡእ ዝኾነ መሳርሕታት መለክዒ ምጥቃም፣ | | | |
| 4.1 ቦታ፣ ርሕቐትን ኣንፈትን ምግላፅ ይኽእሉ። | | | |
| 4.2 ንነገራት ብስርዓት ምድርዳርን ምውድዳርን ይኽእሉ። | | | |
| **5.** ክልሰ ሓሳብ ግዘን መግለፅታቱን ምጥቃም፣ | | | |
| 5.1. ኣብ ግዘ ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| **6.** ፅንሰ ሓሳበ ቦታን መግለፅታቱን ምጥቃም፣ | | | |
| 6.1. ናውትታት ዝርከብሉ ኣንፈትን ቦታን ምዝራብ ይኽእሉ። | | | |
| **7.** ንገንዘብ ምልላይ፣ ምፍላይ፣ ምግላፅን ምጥቃምን | | | |
| 7.1 ዋጋ ገንዘበ ምዘራብ ይኽእሉ። | | | |

## 2.5. ምስ ካባቢ ዝህሉ ርክብከባቢ፣ ብግቡእ ምፍታሽን ምስትምቓርን

### 2.5.1 መብርሂ

ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት /ከ 5-6 ዓመት/ ቋንቋን ስምዒት ህዋሳት ብምጠቃም ከባቢኦም ብዝግባእ ዝፍትሽሉ፣ ንምፍላጥ ልዑል ድሌት ዘሕድርሉን ምንቕቓሓት ዝርኣይሎም ካብ ምኳኑ ብተወሳኺ ሓደሽቲ ክልሰ ሓሳባት ዝመሃሩሉን ናይ ነገራት ምኽንያትን ውፅኢትን ምፍላጥ ዘደልይሉ ዕድመ እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡-

ስምዒት ህዋሶም ብምጥቃም ባህሪ ነገራት ንክርድኡ ሓገዝ ብምግባር ከባቢኦም ኣስተውዒሎም ክርእዩ፣ ክፍትሹን ዕድል ብምሃብ ብደረጃኦም ዝተፈላለዩ ፈተነታት ንምግባር ዝስዕብ ለውጢ ክርድኡ ምግባር።

ንዝሓትዎ ሕቶ ግቡእ ምላሽ ብእዋኑ ብምሃብ ድጋፍ ምግባር፣

ህፃናት ዝፍፅምዎም ተግባራት ምስቲ ዘለዉሉ ብርኪ ዕብየት ዝሰማምዑ ምኳኖም ምርግጋፅን እቶም ተግባራት ደጋጊሞም ክለማመዱ ብምግባር ፃዕሪ ህፃናት ኣፍልጦ ምሃብ ይግባእ።

### 2.5.2 ሓፈሻዊ ዕላማታት

1. ኣብ ገዝኦምን ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቶምን ዝረኽብዎም ሰባትን ካልኦትንተፈጥሮኣዊ ነገራትን ምፍላይን ብደረጃኦም ፈተነ ምክያድ ክኽእሉ ምግባር፣
2. ስራሕ ብፅሒት ሰባትን ጠቓምቲ ቦታታትን ብምዝራብ ስምዒት ምፍታው ሃገር ከማዕብሉ ምግባር፣
3. ኣብ ከባብያዊ ፅሬት ብምስታፍ ጉድኣት ካብ ዘብፅሑ ነገራት ዓርሶም ክሕልዉ ምግባር፣
4. ክልስ ሓሳብ ምንቅስቓስ ምርዳእ፣ ዓይነት መጓዓዝያ ምፍላይን ዝተፈላለዩ ነገራት ብምስራሕ ፈጠራታት ህፃናት ምምዕባል፣

### 2.5.3 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ብቕዓታትን

1. ከባቢኻ ምፍታሽን ምፍላጥን
   - 1.1. ኣብ ገዝኦምን ኣብ ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቶምን ዝርከቡ ሰባት፣ ስራሕቲ ሰብን ተፈጥሮን ነገራት ምፍላይ ይኽእሉ።
   - 1.2. ኣብ ከባቢኦም ብዝረኽብዎም ነገራት ዝተፈላለዩ ፈተነታት ምክያድ ይኽእሉ።

2. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ጠቐምቲ ቦታታት የድንቑ፣
    2.1 ህፃናት ረብሓ ጠቐምቲ ቦታታትን ብፅሒት ስራሕ ሰባትን ይዛረቡ።
    2.2. ስምዒት ምፍታው ሃገር የማዕብሉ
3. ከባቢ ከመይ ምክንኻን ከምዝክኣል ይፈልጡን ይንከባኸቡን
    3.1. ኣብ ከባብያዊ ፅሬት ይሳተፉ
4. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ይፈልዩን ጥንቃቐ ይገብሩን
    4.2. ንባዕሎም ካብ ጎዳእቲ ነገራት ምሕላውን ከባቢኦም ምፅራይ ይኽእል
    4.3. ብደረጃኦም መሰል ህፃናት ተረዲኦም ካብ ጥቕዓት ህፃናት ንምክልኻል ይፍትኑ
5. ክልስ ሓሳብ ምንቅስቓስ ምርዳእን ፈተነ ምክያድን
    5.1. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ መጓዓዝያታት ሓድነቶምን ፍልልዮምን የወዳድሩ።
6. ብስነ-ስዕልን ቅርፃቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራት ምድናቕ ንባዕሎም ምግላፅ፣
    ክእለት ፈጠራኦም ንምምዕባል ዝተፈላለዩ ነገራት ክሰርሑ ምግባር

*ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ብቕዓታትን፣ ናውቲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ሓበሬታ ሜላ ኣኣተገባብራ*

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ከባቢኦም ምፍታሽን ምፍላጥን | 1.3. ኣብ ገዝኦምን ኣብ ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቶምን ዝርከቡ ሰባት፣ ስራሕቲ ሰብን ተፈጥሮን ነገራት ምፍላይ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፦ ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕ ነገራትን ምፍላይ

ዒላማ፦ ተፈጥሮአዊን ሰብ ስራሕ ነገራትን ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ስእሊ ሰብ፣ እንስሳትን ነፍሳትን፣ ፀፀር፣ እምኒ፣ ሓመድ፣ ስእሊ መኪና፣ ወንበር፣ ጠረጴዛ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ተፈጥሮአዊን  ስራሕ ሰብ ነገራት ኣየንኦት ከምዝኾኑ ንድረጀኦም ዝምጥን ዝተፈላለዩ ኣብነታት ብምሃብ ክርድእዎ ምግባር፣
- ተፈጥሮኣዊ ነገራት ዝበሃሉ ብተፈጥሮ ዝርከቡ ከምዝኾኑ ምግላፅ፣
  ንኣብነት፦ ሰብ፣ እንስሳት፣ ነፍሳት፣ ፀፀር፣ እምኒ፣ ሓመድ
- ስራሕቲ ሰብ ዝበሃሉ ሰባት ንዝተፈላለየ ረብሓ ዝሰርሕዎም ከምዝኾኑ ምግላፅ፣
  ንኣብነት፦ መኪና፣ ገዛ፣ ወንበር፣ ጠረጴዛ ወዘተ...
- ተፈጥሮአውን ስራሕቲ ሰብን ዝኾኑ ነገራት ንክፈልዩ  ዝተፈላለዩ ስእልታት ብምሃብ ክጉጅልዎም ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ተፈጥሮአዊን ስራሕ ሰብ ነገራት  ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን ብባህሪኦም ይምድቡ።


ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዝተፈላለዩ ፅምዲ ስእልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ተዳልዮም ዝቐረቡ ዝተፈላለዩ ፅምድ ስእልታት ንህፃናት ምሃብ፣
- ነቶም ስእልታት ብባህሪኦም ክምድቡ ምግባር፣
- መዲቦም ምስ ወድኡ ንምንታይ ከምኡ ከምዝገበሩን ሓበራዊ መፀውዒኦም እንታይ ከምዝኾነ ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ፍራምረ፣ እንስሳ ዘገዳም፣ ተሽከርከርቲ፣ ኣሕምልት ገደና ወዘተ

- እንድሕድ ድኣ ተጋግዮም ሕቶታት ብምሕታት ጌጋኦም ክእርሙ ምሕጋዝ፣








ተፍትሽ ፡- ተፈጥሮኣውን ስራሕቲ ሰብን ብባህሪኦም ምምዳብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፡- ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን ብባህሪኦም ምምዳብ



ተግባር ሰለስተ፡- እንስሳት፣ ነፍሳትን ኣዕዋፍን ምፍላይ

ዒላማ፡- እንስሳት፣ ነፍሳትን ኣዕዋፍን ይፈልዩ።

ናውቲ መምህረ መስተምህር፡- ሎቶ እንስሳት ፣ ፒዝል፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ፒዝልን ዶሚኖ ስእልን እንስሳት የነፍሳት እና የአእዋፍ ምድላወ፣
- ፀወታ ዝጎደለምላእ ክፃወቱ ምግባር፣
- ፅፃናት እናተፃወቱ ዝተምሃርዎ ትምህርቲ ከጠናኽሩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- እንስሳት፣ ነፍሳትን  አዕዋፍን ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡-  እንስሳት፣ ነፍሳትን  አዕዋፋትን ምስኣል

ዒላማ፦ እንስሳት፣ ነፍሳትን  አዕዋፍን  ይስእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦  ወረቐት፣ እርሳስ፣ ባለቀለም እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ወረቐትን እርሳስን ንህፃናት ምሃብ።
- እንስሳት፣ ነፍሳትን  አዕዋፍን  ክስእሉን ብሕብረዊ እርሳስ ክለኽዩን ምግባር፣
- ምስ ወድኡ ብመቐስ ነታ ስእሊ ቀዲዶም ከውፅእዋ ምግባር፣
- እታ ተቐዲዳ ዝወፅአት ስእሊ ኣብ ፃዕዳ ወረቐት ብምልጣፍ ኣብ ግርግዳ ክፍሊ ምስቓል፣

| |
|---|
| መዘክር፦ እዚ ተግባር ኣብ ሓደ ክፍለ ግዘ ስለዘይውዳእ ህፃናት ብተደጋጋሚ ክትግብርዎ ምግባር ይግባእ። |

ተፍትሽ፦ እንስሳት፣ ነፍሳትን  አዕዋፍን ምስኣል ምልምማዶም ምክትታል።



ተግባር ሓሙሽተ፦ መነባብሮ እንስሳት ምርዳእ

ዒላማ፦ መነባብሮ እንስሳት ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ሎቶ እንስሳትን ፒዝል፣ ዶሚኖ ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ዝርከቡ እንስሳት መነባብሮኦም ክርእዩ ምግባር፣
- ኣብ ከባቢኦም እንስሳት ተዓቑበምሉ ዝነብሩ እንተልዩ ህፃናት ክርእዩ ምግባር፣

ንኣብነት፦ ስድስት ኪሎ ዝርከብ ቀፅሪ እንበሳ

- ብዛዕባ ዝርኣይዎ ነገር ኣብ ክፍሊ ክመያየጡ ብምግባር ግንዛበኦም ምዕባይ፣

ተፍትሽ ፦ መነባብሮ እንስሳት ምርድኦም ምርግጋፅ።

ተግባር ሽዱሽተ፦ ምክንኻን ተኽልታትን እንስሳ ዘቤትን

ዒላማ፡- ተኽልታትን እንስሳ ዘቤትን ይከናኸኑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ኣብ ፕላስቲክ ዝተተኽሉ ተኽልታት፣ ንአትክልት መሰተዪ ማይ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ እንስሳት፣ ደርሆ፣ ድሙ፣ ከልቢ ወዘተ.... ወለዶም ምግቢ እናሃቡ እንትከናኸንዎም ንሳቶም እዉን ምስ ወለዶም ኰይኖም ምክንኻን ከምዘለዎም ክርድኡ ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ምግቢ ከልቢ ምምንጣልን ምፍጋምን ክገብሩ ከምዘይግብኦም ክርድኡ ምግባር፤፣
- ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቶምን ክፍሎምን ዝርከቡ ተኽልታት ፕላስቲክ ወረፋኦም ሓልዮም ማይ ከስትዩን ለውጥታቶም ክግንዘቡን ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ምክንኻን እንስሳ ዘቤትን ተኽልታትን ልምምድ ምግባሮም ምክተታል።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ከባቢኦም ምፍታሽን ምፍላጥን | 1.2. ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ነገራት ፈተነ የካይዱ። |

ተግባር ሓደ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ተፈጥሮአዊ ነገራት ምፍላይ

ዒላማ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ተፈጥሮአዊ ነገራት ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ደቀቕቲ ፀፀራት፣ ኣናእሽተን ኣእማን፣ ዝተፈላለዩ ፍረ ቀላሚንጦስ፣ ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ቆፅልታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮአዊ ነገራት ናብ ክፍሊ ሒዝካ ምምፃእ፣ ንኣብነት፡- ደቀቕቲ ፀፀራት፣ ኣናእሽተን ኣእማን፣ ዝተፈላለዩ ፍረ ቀላሚንጦስ፣ ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ቆፅልታት
- ንህፃናት ኣብ ጠረጴዛኦም ብምሃብ እንታይ ከምዝኹኑ ክርድኡ ምግባር፣
- ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት ብሓደ ክገብሩ ምዝራብ
- ናይ ኩሎም ሓበራዊ መፀውዒ ተፈጥሮኣዊ ነገራት ከምዝብሃል ምግላፅ።

ተፍትሽ ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ተፈጥሮአዊ ነገራት ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ክልተ፡- መነባብሮ ጭንቁራዕን ነፍሳትን ምግንዛብ

ዒላማ፡- መነባብሮ ጭንቁራዕን ነፍሳትን ይግንዘቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእሊ ጭንቁራዕ፣ ደቀቕቲ ሓሳኹ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ከባቢኦም ኣብ እዋን ክረምቲ ኣብ ዝዓቼረ ማይ እንታይ ርኢኹም ትፈልጡ ዝብል መረሕ ሕቶ ብምቕራብ ክመያየጡ ምግባር፣
- ጭንቁራዕ፣ ደቀቕቲ ሓሳኹ ኣብ ዝዓቼረ ማይ ከምዝርከቡ ምዝራብ፣
- ጭንቁራዕ ቋዕ..ቋዕ ዝብል ድምፂ ከምተውፅእ፣ ምዝላል እንበር ምስጓም ከምዘይትኽእል ክርድኡ ምግባር፣
- ጭንቁራዕ ንሰብ ከምዘይትጎድእን ኣብ እዋን ክረምቲ ሓዳ ሓደ ግዘ ናብ ከባቢ ገዛ ከምትመፅእን ምዝራብ፣
- ደቀቕቲ ሓሳኹ እንዳተስሓቡ ክምዝጉዓዙን ማይ እንትህሉ ከምዝፍጠሩን ክግንዘቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- መነባብሮ ጭንቁራዕን ነፍሳትን ምግንዛብ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ረብሓ መነባብሮ ዓሳ ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእሊ ዓሳ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ውቅያኖሳት፣ ባሕርታት፣ ቃላያትን ዓበይቲ ሩባታትን ዓሳ ከምዝርከብ ምግላፅ፣
- ዓሳ ካብ ማይ ወፂኡ ክነብር ከምዘይኽእል ምግላፅ፣
- ዓሰ ንምግብነት ከምዝጠቅምን ንሰውነትና ዝለዓለ ረብሓ ከምዘለዎ ምግላፅ፣

ተፍትሽ ፡- ረብሓ መነባብሮ ዓሳ ምርድኦም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ኣፈላላይ ሓጋይን ክረምትን ምርዳእ

ዒላማ፡- ኣፈላላይ ሓጋይን ክረምትን ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብዛዕባ ክረምትን ሓጋይን ክረምትን ዝገልፁ ስእልታት ወይ ፎቶግራፋት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ሓጋይን ክረምትን ዘርእዩ ስእልታት ምጥቃም

ሓጋይ እንትኸውን ብኣብዝሓ ዝስዕቡ ነገራት ይኸሰቱ፣

    - ፀሓይ ኩሉ ግዘ ትርአ
    - አየሩ ሙቐት እዩ
    - ዝናብ ኣይዘንብን
    - መሬቱ ደረቕ ይኾን
    - ኩዓን እንተተሓፂቡ ቀልጢፉ ይነቅፅ

ክረምቲ እንትኸውን ብኣብዝሓ ዝስዕቡ ነገራት ይኸሰቱ

    - ፀሓይ ምሉእ ማዕልቲ ኣይትርአይን
    - አየሩ ዝሑል እዩ
    - ዝናብ ይዘንብ
    - መሬቱ ራሕሲ ይህልዎ
    - ኩዓን እንተተሓፂቡ ቀልጢፉ ኣይነቅፅን ክግንዘቡ ምግባር።

- ኣብ እዋን ሓጋይን ክረምትን ህይወት ኣብ ዘለዎም ነገራት ዝርአ ለውጢ (ኣብ ሰብ፣ እንስሳትን እፀዋት) ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ኣፈላላይ ሓጋይን ክረምትን ዝተረድኡ ምኻኖም ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ፡- ረብሓ ማይ ምርዳእ

ዒላማ፡- ረብሓማይ ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ማይ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ረብሓ ማይ ኣመልኪቶም ክመያየጡ ምግባር፣
- ማይ ምግቢ ንምብሳል፣ ፅሬት ንምሕው፣ ንመጓዓዝያ ከምዝጠቅም ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ረብሓ ማይ ምርድኦም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ብዛዕባ ንፋስ ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ወረቐት፣ ክላሰር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ናብ መይዳ ሒዝካ ብምውፃእ ንፋስ እንታይ ከምዝኾነን ኣብ ከባቢኦም ንፋስ ምህላዉ ከመይ ከምዝፈልጡ ብምሕታት ምምይያጥ፣
- ንፋስ ብዙሕ ነገር ከምዘንቀሳቕስን ድምፂ ከምዘለዎምን ክርድኡ ምግባር፣
- ኣሰራርሓ ሽክርክሪት ወረቐት ክርእዩ ምግባር፣
- ሽክርክሪት ወረቐት ብምስራሕ ክፃወቱ ምብርትታዕ
- ንፋስ ናብ ዝመፅኦሉ ኣንፈት ብፍጥነት ብምስጓም ወይ ብምጉያይ ሽክርክሪት ብሓይሊ

ተግባር ሽዱሽተ፡- ብዛዕባ ንፋስ ምርዳእ

ተፍትሽ ፡-



ተግባር ሸውዓተ፡- ረብሓ ንፋስ ምርዳእ

ዒላማ፦ ረብሓ ንፋስ ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ወረቐት፣ ክልተ ረቂቕ ጨርቂ ፣ ማይ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃፃናት ወረቐት ዓዒሮም ከም መሸረፈት እናሸረፉ ዝተሰመዖም ስምዒት ክዛረቡ ብምግባር ረብሓ ንፋስ ክግንዘቡ ምግባር
- ክልተ ረቂቕ ጨርቂ፣ ኣብ ማይ ብምእዛኽን ብምጭፍጣጥ ነቲ ሓደ ንፋስ ኣብ ዝረኽበሉ ቦታ ምንጥልጣል፣ እቲ ካሊእ ድማ ከይጨፍጠጥካ ንፋስ ኣብ ዘይረኽበሉ ቦታ ምስቃል ኣየናይ ቀዲሙ ከምዝነቅፅ ክርድኡ ምግባር፣
- ንፋስ ንዝሞቐ አየር ከምዘዝሕልን ክዳን ቀልጢፉ ከምዘንቅፅን ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ረብሓ ንፋስ ዝተረድኡ ምኟኖም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ነገራት መፃወቲ ይሰርሑ።

ናውቲ መምሀሪ መስተምሀሪ፡- ወረቐት፣ ቆፅሊ ቀላሚንጦስ፣ ረቂቕ ጨርቂ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ወረቐት ብምዕፃፍ ጀትን መርከብን ከመይ ከምዝስራሕ ሰሪሕካ ምርኣይ፣
- ንህፃናት ወረቐት ብምሃብ በቲ ዝረኣይዎ ኣብነት ጀትን መርከብን ክሰርሑ ምልዕዓልን ምሕጋዝን
- ካብ ቆፅሊ ቀላሚንጦስን ካርዲ ሞባይልን ሽክርክሪት ብምስራሕ ህፃናት ክርእዩ ምግባር፣
- ህፃናት በቲ ዝርኣይዎ መሰረት ክፃወቱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ነገራት መፃወቲ ምስራሕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ

ተግባር ትሽዓንተ፡- ዝጥሕሉን ዝንሳፈፉ ነገራትን ምፍላይ

ዒላማ፡- ዝጥሕሉን ዝንሳፈፉ ነገራትን ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብርሃን ዘሕልፉ ፕላስቲክ ኣጋር ሽሃነ፣ ኣናእሽተን ሰባት (መልጎም፣ ላጽስ፣ ቆፅሊ፣ ማይ ወዘተ...)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብርሃን ዘተሓላልፍ ጐድጓድ ፕላስቲክ ሽሓነ ማይ ምግባር፣
- እቲ ሽሓነ ህ>ናት ኣብዝርእይዎ ቦታ ምቅማጥ፣
- ህፃናት ዝፈልጥዎ ዝተፈላለዩ ናውትታት ኣብ ጠረጴዛ ምቅማጥ፣

  ንኣብነት፡- መልጎም፣ ላጽስ፣ ቆፅሊ፣ ማይ ወዘተ...
- ክልተ ህፃናት ክልዓሉ ብምግባር ኣብ ጠረጴዛ ካብ ዝተቐመጡ ናውቲ ዝደለይዎ ኣቑሓ ክልዕሉ ምግባር፣
- እንታይ ከምዝኹነ ብምርኣይ ክዛረቡ ምግባር፣
- ዘልዐልዎ ኣቑሓ ኣብቲ ኣጋር ሽሃነ ዘሎ ማይ ከእትዉ ምግባር፣
- እቲ ኣቑሓ ዝተንሳፈፈ ወይ ዝጠሓለ ምዃኑ ርእዮም ክዛረቡ ምግባር፣
- በዚ ዓይነት መንገዲ ኩሎም ህፃናት ክፃወቱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ዝጥሕሉን ዝንሳፈፉ ነገራትን ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ዓሰርተ፡- ብቆፎ እስክሪብቶ ክብታት ዓፍራ ምውፃእ

ዒላማ፦ ብቆሮ እስክሪብቶ ኩብታት ዓፍራ የውፅኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ቆሮ እስክሪብቶ፣ ማይ ዝሓዘ ኣጋር ሽሓነ፣ ኦሞ /ሳሙና/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ፅሩይ ቆሮታት እስክሪብቶ ብበዝሒ ህፃናት ምድላው፣
- ኣብ ኣጋር ሽሓነ ኦሞ/ፈሳሲ ሳሙና ወይ ሳሙና ብምግባር ዓፍራ ክወፅኦ ምብፅባፅ፣
- ሕድሕድ ህፃን ቆሮ እስክርቢቶኡ ሒዙ ናብቲ ዓፍራ ደኒኑ ብኣፎም ነቲ ዓፍራ እናሰሓቡ ናብ ኣየር ኡፍ ክብልዎ ምግባር፣
- በዚ ዓይነት ኣገባብ ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ኩብታት እናሰርሑ ክፃወቱ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር ፦ ሕድሕድ ህፃና ብናይ ባዕሉ ቀሮ ጥራሕ ክፃወት ምግባርን እቲ ዓፍራ ናብ ኣፉ ከይኣትውን ዘድሊ ገለፃን ምኽርን ምግባር። |

ተፍትሽ ፦ ብቆሮ እስክሪብቶ ኩብታት ዓፍራ ምውፃእ ምኽኣሎም ምክትታል።



ተግባር ዓሰርተ ሓደ፦ ዝሓቁን ዘይሓቁን ነገራት ምፍላይ

ዒላማ፡- ዝሓቁን ዘይሓቁን ነገራት ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብርሃን ዘሕልፉ ፕላስቲክ ኩባያታት፣ ጨው፣ ሽኮር፣ ሕሩጭ፣ ሑፃ፣ እምኒ፣ ዘይቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለዩ ብርሃን ዘሕልፉ ፕላስቲክ ኩባያታት ምድላው፣
- ኣብ ኣናእሽተን ኣቕሓ ጨው፣ ሽኰር፣ ሕሩጭ፣ ሑፃ፣ እምኒ፣ ዘይቲ ምቕራብ፣
- ህፃናት ብፍቃደኝነት ሓደ ብሓደ እናተልዓሉ ሓደ ነገር ኣልዒሎም ኣብቲ ማይ ዘለዎ ሽሓነ እናእተዉ ብዕንጨይቲ ከሕብሩ/ክብፅብፁ ምግባር፣
- ኩሎም ህፃናት ዝየርኣይ ለውጢ ክከታተሉ ምግባር፣
- ብማይ ዝሓቁን ዘይሓቁን ነገራት ፈተነ ብምክያድ ክፈልዩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ዝሓቁን ዘይሓቁን ነገራት ምፍላይ ብፈተነ ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።


ተግባር ዓሰርተ ክልተ፡- ኣፈላለይ ሰፊሕን ፀቢብን ኣቕሓ ምርዳእ

ዒላማ፡- ኣፈላለይ ሰፊሕን ፀቢብን ኣቕሓ ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብርሃን ዘመሓላለፉ ክልተ ማዕረ ቁመትን ዝተፈላለየ ስፍሓትን ዘለዎም ፕላስቲክ ኩባያ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብርሃን ዘመሓላለፉ ክልተ ማዕረ ቁመትን ዝተፈላለየ ስፍሓትን ዘለዎም ፕላስቲክ ኩባያ ምቕራብ፣
- ኣብ ክልቲኦም ማዕረ ዝኾነ ዓቀን ማይ ናብቶም ኩባያታት ምምላእ፣
- ኣየናይ ፕላስቲክ ኩባያ ብዙሕ ማይ ከምዝሓዘ ንህፃናት ምሕታት፣
- መልሲ ህፃናት ድሕሪ ምስማዕ ነቲ ማይ በቢ ተራ ካብቲ ኩባያ ናብ ካሊእ ኩባያ ምምላስ፣
- ነዚ ድሕሪ ምርኣዮም ካብቲ ሰፊሕን ፀቢብብ ኩባያ ኣየናይ ብዙሕ ማይ ከምዝሓዘ ምሕታት፣
- ብዓይኒ እንትርአ እቲ ፀቢብ ካብቲ ሰፊሕ ኣቕሓ ዝበዝሐ ከምዝመስል ብምዝራብ ክግንዘቡ ምግባር፣



ተፍትሽ ፡- ኣፈላለይ ሰፊሕን ፀቢብን ኣቕሓ ምርዳእ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።



ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፡- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድ

ዒላማ፡- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድ ከምዘለዉ ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዓይነታት ሓመድ፣ ማይ፣ ብርሃን ዘመሓላልፉ ኩባያታት ፕላስቲክ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድ ብርሃን ኣብ ዘሕልፍ ኩባያ ፕላስቲክ ንህፃናት ምሃብ
- ቅሩብ ማይ ብምሃብ ክብፅብፁ ምግባር፣
- ውፅኢቱ እንታይ ከምዝኾነን እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝረኸቡ ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድ ከምዘለዉ ከምዝተረድኡ ምግምጋም።

ዒላማ፡- ናውትታት ብክብደቶም የወዳድሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ዓይነታት ሓመድ፣ ማይ፣ ብርሃን ዘመሓላልፉ ኩባያታት ፕላስቲክ፣ መኸደኒ ቆርቆሮ ፍሊት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ክልተ መኸደኒ ቆርቆሮ ፍሊት ተጠቒምካ ሚዛን ምስራሕ
- ማዕረ ክብደት ዘለዎም ናውቲ ናብቲ ሚዛን እንተቐሚጥና እቲ ሚዛን ኣብ ማዕረ ቦታ ጠጠው ክምዝብል ክግንዘቡ ምግባር፣
- ብንኡሽተን ኣቕሓ ሑፃ ናብቲ ሓደ ሚዛን ናብቲ ካሊእ ሚዛን እዉን ተመሳሰሊ ሑፃ ብምቕማጥ ማዕረ ከምዝኾኑ ከረጋግፁ ምግባር፣
- ኣብቲ ጫፍ ሓደ ሚዛን ማይ ዘለዎ ሑፃ ኣብቲ ካልኣይ ጫፍ ድማ ማይ ዘይብሉ ሑፃ ሰሪርና ብምቕማጥ ኣየናይ ከምዝኸብድን ኣፈላላዮም ክርእዩ ምግባር፣
- ንምንታይ ማዕረ ከምዘይኮኑ ክመያየጡ ምግባርን እቲ ማይ ዘለዎ ክብደት ከምዝውስኽን ክርድኡ ምግባር፣
- ማይ ዘለዎን ዘይብሉን ሑፃ ብኢዶም እንዳመዘኑ ከወዳድሩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ናውትታት ብክብደቶም ምውድዳር ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ፡- ናውትታት ብክብደቶም ምውድዳር




ተግባር ዓሰርተ ሓሙሽተ፡- ዓቐንን ቕርፅን ምውድዳር

ዒላማ፡- ዓቐንን ቕርፅን የወዳድሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡-  ዝቦኽዕ መጣቕ ወይ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንሕድሕድ ህፃን ማዕረ ዓቐን ዘለዎም ዝቦኽዕ መጣቕ ወይ ወረቐት ምሃብ
- ክልተ ድንቡልቡል ኩዕሶ ክሰርሑ ምግባር፣
- ካብተን ክልተ ድቡልቡል ነታ ሓንቲ ሾጣጥ ቅርፂ ክህልዋ ምግባር፣
- ዝሰርሕዎ ቅርፂ ኩዕሶን ሾጣጥን ኣብ ቅድሚኦም ከቐምጡ ብምግባር ኣየናይ ከምዝበልፅ ምሕታት፣
- መሊሶም ነቲ ሾጣጣ ቅርፂ ዘለዎ ከድቦልቦልዎ ብምግባር ኣብ ጥቓ እቲ ኩዕሶ ብምቕማጥ ማዕረ ምዃኖም ክርድኡ ምግባር፣
- ዝተፈላለዩ ቅርፂ ዘለዎም ነገራት ማዕረ ዓቀን ክህልዎም ከምዝኽእል ክርድኡ ምግባር፣



ተፍትሽ ፡- ዓቐንን ቕርፅን ምውደዳር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
| --- | --- |
| 2. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ጠቐምቲ ቦታታት ምፍላጥን ምድናቕን | 2.1 ጠቐምቲ ቦታታትን ብፅሒት ስራሕ ሰባትን ምዝራብ ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ኣብ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ዝሰርሑ ሰብሞያታት ምዝራብ

ዒላማ፡-ኣብ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ዝሰርሑ ሰብሞያታት የዘርቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእልን ፎቶግራፍን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት፣ ሰብ ሞያታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ብስም ክፀርሑ ምግባር፣
- ናብ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ከይዶ ዘፈልጡ ምኧኖምን ዘይምኧኖምን፣ ምስ መን ከምዝኸዱን ምሕታትን ምምይያጥን፣

  ንኣብነት፡- እንዳ መጥሓን፣ ድንኳን፣ ፋርማሲ፣ ዕደጋ ወዘተ…
- ብምቕፃል ኣብዞም ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ዝሰርሑ ሰብ ሞያታት እንታይ ተባሂሎም ከምዝፅዉዑን መን እንታይ ከምዝሰርሕን ብምሕታት ግንዛበ ክህልዎም ምግባር፣
- ኣብ መወዳታ ብፀወታ መልክዕ ግልጋሎት ወሃብትን ሰብ ሞያታትን ክገልፁ ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ሕንቅል ሽንቅሊተይ

  ሰናቢተይ

  ግልጋሎት ትካል ወሃቢ እየ፤

  ሓኪም ሓሚሙ ናብ ሕክምና ከምዝኸዱ ኩሉ

  መኪና እንትበላሾ ናባይ ይመፅኡ ኣነ መን እየ? <u>ጋራዥ</u>

ተፍትሽ፡- ብዛዕባ ኣብ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ዝሰርሑ ሰብሞያታት ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ይጉብንዩ/ይህውፁ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ሰብ ሞያታት ዘርእዩ ስእሊ።

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ናብ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ብምውሳድ ክጉብንዩ ምግባር፣
  ኣብነት፡- ፋብሪካ፣ ጥዕና ኬላ፣ ቤተ መንግስቲ፣ ሙዚየም፣ ቤ/ትምህርቲ
- ኣብ እዋን ዑደት ሰብ ሞያታት ስራሕ ብፅሒቶም ንህፃናት ከላልዩ ምግባር፣
- ድሕሪ ዑደት ብዛዕባ ዝረኣይዎን ዘዳመፅዎን ነገራት ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ምጉብናይ/ምህዋፅ ምኽኣሎም ምክትታል።

ዒላማ፦ ብዛዕባ ስራሕቲ ሰብ ሞያ ይዛረቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት፣ ሰብ ሞያታት ዘርእዩ ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ናይ ወለዶምን ቀረባ ዘመዶምን ሞያን ዝሰርሕሉን ቦታ ሓቲቶም ክመፅኡ ምግባር፣
- ዘረኸዎ መልሲ ንደቂ ክፍሎም ካፍሉ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ብዛዕባ ሰብ ሞያን ስራሕቶምን ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፦ ብዛዕባ ሰብ ሞያን ስራሕቶምን ምዝራብ

ዒላማ፦ ብፅሒት ስራሕ ሰብ ሞያ ግልጋሎት ወሃብቲ ኣምሲሎም ይፃወቱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት፣ ሰብ ሞያታት ዘርእዩ ስእሊ፣ ግዴኻ መፅዋት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- እቲ መምህሪ ክፍሊ መሲልካ ፀወታ ንምፅዋት ብዝጥዕም መንገዲ ምምችቻው፣
- ህፃናት ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰብ ሞያታት ብፅሒት ስራሖም ብምንፅብራቕ ክፃወቱ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ብፅሒት ስራሕ ሰብ ሞያ ግልጋሎት ወሃብቲ ኣምሲሎም ምፅዋት ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፦ ብፅሒት ስራሕ ሰብ ሞያ ግልጋሎት ወሃብቲ ኣምሲሎም ምፅዋት

ተግባር ሓሙሽተ፦ ግልጋሎት ወሃብት ትካላት ዝርከብሉ ቦታን ብፅሒት ስራሕ ሰብ ሞያ ምዝራብ

ዒላማ፡- ግልጋሎት ወሃብት ትካላት ዝርከብሉ ቦታን ብፅሒት ስራሕ ሰብ ሞያ ይዛረቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት፣ ሰብ ሞያታት ዘርእዩ ስእሊ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለዩ ትርጉም ኣልቦ ዛንታታት ብምዝንታው ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ወሃብት ትካላት ዝርከብሉ ቦታን ብፅሒት ስራሕ ሰብሞያን ክርድኡ ምግባር፣

ለምሳሌ፡-

- ○ “ሓደ እዋን ናይ ገዛና መብራህቲ ስለዝጠፍአ ሽምዓ ንምዕዳግ ናብ መሸጢ ቤት ምድሓኒት ከድኩ፣ ነቲ ሸያጢ ሽምዓ ሹፌር ሽምዓ ክዕድግ ከምዝመፃእኹ ተዛረብክዎ። እሱ እወን ሽምዓ ስለዝሃበኒ ሽምዓይ ሒዘ ናብ ገዛይ ከድኩ።” ኢልካ ምዝራብ፣
- ○ ብምቕፃል እቲ ዛንታ ጌጋ ዘለዎ ምኽኑን ዘይምኽኑን ብምሕታት ጌጋኡ እንታይ ከምዝኾነ እንታይ ክኸውን ከምዝግብኦን ብምሕታት ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ዝህብዎ ግልጋሎት ክግንዘቡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ግልጋሎት ወሃብት ትካላት ዝርከብሉ ቦታን ብፅሒት ስራሕ ሰብ ሞያ ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሽዱሽተ፡- ምጉብናይ/ምህዋፅ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ

ዒላማ፡- ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ብምጉብናይ/ብምህዋፅ ንቀዳማይ ክፍሊ ድልዋት ይኾኑ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት፣ ሰብ ሞያታት ዘርእዩ ስእሊ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ንስሩዕ ትምህርቲ ዝደለውሉ ዕድመ ስለዝኾኑ ኣብ ቀረብኦም ናብ ዝርከብ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ወሲድካ ምጉብናይ፣
- ኣብ እዋን ዑደት ሕቶታት ብምሕታት ትኹረት ገይሮም ክከታተሉ ምግባር፣
- ድሕሪ ዑደት ቀዳማይ ክፍሊ ዝመሃሩ ህፃናት መን ከምዘምህሮም፣ ንዘምህሮም መን ኢሎም ከምዝፅውዕዎ፣ ኣቀማምጣ ተምሃሮ፣ ኣወዳድባ ቀፅሪን ክፍልን እንታይ ከምዝመስል ብምምይጥ ህፃናት ንስሩዕ ድልዊ ክኾኑ ምግባር፣

> መዘከር ፡- ከምዚ ዝበለ ተግባር ብዛዕባ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ዘለዎም ግንዛበ ስለዝውስኽ ብተደጋጋሚ ተተግበረ እቶም ህፃናት ዝበለፀ ተጠቀምቲ ይገብሮም።

ተፍትሽ ፡- ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ብምጉብናይ ንቀዳማይ ክፍሊ ድልዋት ምዃኖም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2.ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታትምፍላጥን ምድናቕን፣ | 2.2. ስምዒት ምፍታው ሃገር የማዕብሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ምልላይ ቅርፂ ካርታ ኢትዮጵያ


ዒላማ፡- ቅርፂ ካርታ ኢትዮጵያን ይላለዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ፓዝል ካርታ ኢትዮጵያ፣ ክላሰር፣ ጐቲም መርፍእ፣ ሃሪ/ክሪ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካርታ ኢትዮጵ
- ፓዝል ካርታ ኢትዮጵያ ብምሃብ ክገጣጥሙ ምግባር፣
- ብምቕፃል ካርታ ኢትዮጵያን ኣብ ረጕድ ክላሰር ብምስራሕ ሓሓሊፉ ነኧላት ምድላው፣
- ካብኡ ዝተሰርሐ ካርታ በቲ ጎቲም መርፍእ ሃሪ ብምእታው ክሰፍይዎ ምግባር፣
- ነቲ ነኧል ተኸቲሎም ፈትሊ/ክሪ ብምእታው ክሰፍዩ ምግባር፣
- ኣብ መወዳእታ ስራሕቲ ኩሎም ህፃናተ ኣብ ግድግዳ ምልጣፍ፣

ተፍትሽ ፡- ቅርፂ ካርታ ኢትዮጵያን ምልላዮም ምክትታል።



ተግባር ክለተ፡- ምፍላይ ካርታ ኢትዮጵያን

ዒላማ፡- ካርታ ኢትዮጵያን ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ካርታ ኢትዮጵያ፣ ካርታ ካልኦት ሃገራት፣ ፃዕዳ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ረጕድ ካርቶን ዝተስርሐ ካርታ ኢትዮጵያን ካልኦት ሃገራትን ብምሃብ ኣየናይ ናይ ሃገርና ካርታ ከምዝኾነ ክመርፁ ምግባር፣
- ዝመረፅዎ ካርታ ኢትዮጵያ ብከለር ክለኽይዎ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ካርታ ኢትዮጵያን ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ረብሓ ሙያ ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእሊ ናይ ዝተፈላለዩ ሞያታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ሃገርና ዝተፈላለዩ ሰብ ሞያታት ከምዘለዉን እንታይ እንታይ ከምዝብሃሉ ክመያየጡ ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ሓኪም፣ ፖሊስ፣ መምህር፣ ወታደር፣ ኣናቢ፣ ሰራሒ ሽክላ ሃናፂ፣ ግንበኛ ወዘተ

- ኩሎም ሞያታት ንሃገርና ጠቓምቲ ምዃኖም ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ፡- ረብሓ ሙያ ዝተረድኡ ምዃኖም ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፡- ረብሓ ሙያ ምርዳእ

ተግባር ኣርባዕተ፡- ንሃገርና ፅቡቕ ስራሕ ዝሰርሑ ሰባት ምልላይ

ዒላማ፡- ንሃገርና ፅቡቕ ስራሕ ዝሰርሑ ሰባት ይላለዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእልን ፎቶ ግራፍን ንሃገርና ፅቡቕ ስራሕ ዝሰርሑ ሰባት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ስእልን ፎቶ ግራፍን ንሃገርና ፅቡቕ ስራሕ ዝሰርሑ ሰባት ክርእዩ ብምግባር ስሞም ብምልላይ እንታይ ከምዝሰርሑ ግንዛበ ክህልዎም ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ሃይለ ገብረስላሴ፣ ደራርቱ ቱሉ፣ ሃፀይ ዮሃንስ፣ ዶ/ር ኢያሱ በርሀ፣ መለስ ዜናዊ፣ ሓየሎም ኣርኣያ ወዘተ.
- ብዛዕባ ፍሉጣት ሰባት ዝተፅሓፉ ፅሑፋት ንዕድሚኦም ዝምጥን ፅሑፍ ኣዳሊኻ ምቕራብ፣
- ንሳቶም እዉን ምስ ዓበዩ ንሃገሮምን ንወገኖምን ጠቓሚ ነገር ክሰርሑ ከምዝግብኦም ክፈልጡ ይግባእ።
- እንታይ ክሰርሑ ከምዝደልዩ ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ንሃገርና ፅቡቕ ስራሕ ዝሰርሑ ሰባት ምልላዮም ምግምጋም።

ዒላማ፦ ባንዲራ ኢትዮጵያ ምስራሕ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ቀጢን ዕንፀይቲ፣ ፃዕዳ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- መምህር ሓደ ፃዕዳ ወረቐት ሰለስተ ጋድም መስመራት ቆፃል፣ ቢጫ፣ ቀይሕን ሰማያዊን ሕብርታት ካብቲ ወስመር ከይወፅኡ ክለኽዩ ከምዘለዎም ሰሪሑካ ምርኣይ፣
- ብምቕፃል ኣብ ቀጢን ዕንፀይቲ ብምጥባቕ ክልተ ዙር ምጥቕላል፣
- ካብኡ ህፃናት መምህር እንታይ ከምዝሰርሑ ክግምቱ ምግባር ተዘይፈሊጦምዎ ኣፋፍኖት ምሃብ፣
- ብምቕፃል ብበዝሒ ቁፅሪ ህፃናት ሓደ ወረቐት ኣብ ኣርባዕተ ቦታታት ምዕዳል፣
- ሕድሕድ ቁርፅራፅ ኣብ ሰለስተ ቦታታት መቖልካ ምስማር
- ንሕድሕድ ህፃን ወረቐትን ከለርን ብምሃብ ባንዲራ ኢትዮጵያን ክለኽዩ ምግባር፣
- እንትውድኡ ንሕድሕዶም ቀጢን ዕንጸይቲ ብምሃብ ኣብቲ ዕንጨይቲ ክልተ ዙር ክጥቕልሉን ከጣብቑን ምግባር፣
- ኣብ መወዳእታ ህፃናት ኣብ ዘለዉሉ ጠጠው ኢሎም ብምውልብላብ ‹ባንዴራና› ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር፦እዚ ተግባር ዝተፈላለዩ ብሄራዊ ብዓላት (መዓልቲ ባንዲራ) ኣብ ዝኽበረሉ እዋን ምትግባር ይከኣል። |

ተፍትሽ ፦ ባንዲራ ኢትዮጵያ ምስራሕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፡- ብሄር ብሄረሰባትን ሃገርና ይላለዩ።

ናውቲ መምህረ መስተምህረ፡- ስእሊ ብሄር ብሄረሰባትን ሃገርና

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ስእሊ ዝተፈላለዩ ብሄር ብሄረሰባትን ብምጥቃም ኣብ ሃገርና ብዙሓት ብሄር ብሄረሰባትን ከምዘለዉ ክርድኡ ምግባር፣
- እዞም ብሄር ብሄረሰባትን ዝተፈላለዩ ቋንቋ ከምዝዛረቡ ክርድኡ ምግባር፣
- ሃገርና ናይ ኩልና ከምዝኾነትን ብሰላም፣ ብፍቅሪ ብምትሕልላይ ክንነብር ከምዘለና ክርድኡ ምግባር፣

> መዘክር፡- እዚ ተግባር ብዓል ብሄር ብሄረሰባትን ኣብዝኽበረሉ እዋን ተግባራዊ ምግባር ህፃናት ብዝበለፀ ክርድእዎ ይኽእሉ እዮም።

ተፍትሽ ፡- ብሄር ብሄረሰባትን ሃገርና ምልላዮም ምርግጋፅ።

ተግባር ሸውዓተ፡- ምልላይ ታሪካዊ ቦታታት ሃገርና

ዒላማ፡- ታሪካዊ ቦታታት ሃገርና ብስም ይላለይዎም።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ስእሊ ታሪካዊ ቦታታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ሃገርና ትፍለጠሎም ተሪካዊ ቦታታት ብስእሊ ክርእዩ ምግባርን ምምይያጥን፣

  ንኣብነት፡- አክሱም፣ ላሊበላ፣ ህንፃ ፋሲል፣ ህንፃታት ሃረር፣ ወዘተ....

- መልክዕ ከምዘለዎምን ንቱሪስት መስሕብነት ከምዝገልግሉ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ታሪካዊ ቦታታት ሃገርና ብስም ዝተላለይዎም ምኽኑ ምክትታል።

ተግባር ሸሞንተ፡- መዝሙር ህዝቢ ኢትዮጵያ ምዝማር

ዒላማ፡- መዝሙር ህዝቢ ኢትዮጵያ ይዝምሩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ካሴት መዝሙር ህዝብ ኢትዮጵያ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ዝተፈላለየ ግዘ መዝሙር ህዝብ ኢትዮጵያ ብሕብረት ክዝምሩ ምግባር፣
- እንትዝምሩ ክኸተልዎም ዝግባእ ስርዓት ክፈልጡን ክለማመዱን ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ሰጥ ኢልካ ደው ምባል፣ ዘይምውጋፅ፣ ዘይምስሓቕ፣ ወዘተ...

- ዝተፈላለዩ ብዓላት ህዝቢ ኣብ ኣፀደ ህፃናት እንትኽብር መዝሙር ህዝቢ ኢትዮጵያ ንምዝማር ክለማመዱን ብዕድሚኦም ምፍታው ስምዒት ሃገር ከማዕብሉ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- መዝሙር ህዝብ ኢትዮጵያ ምዝማር ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|

| | |
|---|---|
| 3. ከባቢኦም ከመይ ምክንኻን ከምዝክኣል ምፍላጥን ምክንኻንን | 3.1.ኣብ ፅሬት ከባቢኦም ይሳተፉ። |

ተግባር ሓደ፡- ምፍላይ መሳርሒታት ግልጋሎት ፅሬት

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ብዓብዪ ዝተስኣሉ መሳርሒታት ፅሬት፣ ወረቓቕቲ፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ፣ ዓብዪ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብዓብዩኡ ዝተስኣሉ መሳርሒታት ፅሬት ኣብ ክፍሊ ምስቃል፣
- ንህፃናት ወረቐት፣ እርሳስ ሕብራዊ እርሳስ ምዕዳል፣
- ስእሊ መሳርሒታት ፅሬት ክርእዩ ብምግባር ናይ ባዕሎም ክስእሉን ከለር ምልካየን፣
- እንትውድኡ ናይ ምንታይ ስእሊ ከምዝኾነን ንምንታይ ከምዘገልግልን ብምሕታት ምምይያጥ፣
- ኣብ ገዛኦምን ብኣፀደ ህፃናትን ስራሕቲ ፅሬት ክሳተፉ ንምግባር ኩነታት ምምችቻው፣
- ነቲ ስእሊ ቐሪፆም ከውፅኡ ምግባር፣
- ስእሊ ኩሎም ህፃናት ኣብ ቻርት ብምልጣፍ ኣብ ክፍሊ ምስቃል፣

ተፍትሽ ፡- ግልጋሎት መሳርሒታት ፅሬት ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።



ተግባር ክልተ፡- ኣብ ከባብያዊ ፅሬት ምስታፍ

ዒላማ፡- ኣብ ከባብያዊ ፅሬት ይሳተፉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ሰሌዳ ወረቐ /ማሰታወቂያ/፣ መሕፈሲ ጉሓፍ፣ ዘንቢል መእከቢ ጉሓፍ፣ መስተዩ ማይ ወዘተ...

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- መምህር ምስ ህፃናት ብሓባር ንፅሬት ዘገልግሉ መሳርሕታት ምድላው፣
- ህፃናት ብጉጅለ ብምምዳብ ንሕድሕድ ጉጅለ ብፅሒት ስራሕ ምሃብ፣
- ህፃናት ብዘይምንም ምዝካር፣ ሰሌዳ ወረቐ ብምርኣይ ምስ ዕድመ መሓዙቶም ኣብ ስራሕ ፅሬት ክሳተፉ ምግባር፣
- ግጥምታት ኩዳምፁ ብምግባር ባህሊ ፅሬት ከባቢ ክምዕብልን ረብሓኡ ክርድኡ ምግባር፣

ንኣብነት፡-

ህፃናት ህፃናት በይዛኹም፣

ስምዑኒ ክዛረበኩም፣

ጉሓፋት ኣይትደርብዩ ፈቜድኡ፣

ጉሓፋት ሕማም የምፅኡ፣

ብሕማም ከይንጥቃዕ፣

ካብ ትምህርቲ ከይንተርፍ

ኣይህልወንን ፀወታ

ተፍትሽ ፡- ኣብ ከባብያዊ ፅሬት ምስታፍ ምኽኣሎም ምክተታል።

ዒላማ፡- መፃወትን መፃወቲ ከባብን ብኣግባቡ ይትሕዙ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መፃወቲ ብሎካት፣ መአከቢ ጉሓፍ ፣ ዝተፈላሊ መፃወቲ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህንፀትን ኣምሲልካ ፀወታ ምፅዋትን፣
- ድሕሪ ፀወታ ዝተጠቐምዎም መፃወቲታትን መሳርሕታትን ናብ ቦታኡ ክምለሱ ብምግባር እቶም ናውትታት ብስርዓት ክቐመጡ ከምዘለዎም ልምዲ ከማዕብሉ ምግባር፣
- ኮፍ መበሊ ወንበሮም ድሕሪ ፀወታ ናብ ቦታኡ ምምላስ ከምዘድልዮም ክግንዘቡ ምግባር፣
- ንስራሕ ዘየድልዩ ቁርፅራፅ ወረቓቕቲ ምስ ኣፅረዩ ካልኦት ወረቓቕትን ሶፍትታትን ፈቜደኡ ቦታ ክድርብዩ ከምዘይግባእን ኣብ መአከቢ ጉሓፍ ክቐምጥዎ ከምዝግባእ ግንዛበ ክህልዎም ምግባር፣
- መምህር ኣብ ዚ ዙርያ መርኣያ ኰይነም ክትግብሩ ይግባእ፣

| |
|---|
| መዘክር፡- እዞም ስርዓታት ኣብ ማዕልታዊ ምንቅስቓስ ክትትል ብምግባር ባህሊ ክኾኑ ክለማመዱ ምግባር፣ |

ተፍትሽ ፡- መፃወትን መፃወቲ ከባብን ብኣግባቡ ምትሓዝ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ፡- መመገቢ ከባቢ ምፅራይ

ዒላማ፡- መመገቢ ከባቢ የፅርዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ኣናእሽተን ቁርፅራፅ ጨርቂ፣ ማይ፣ መእከቢ ጉሓፍ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንኡሽተን ቁራፅ ጨርቂ ኣብ ማይ ብምእዛኽ ጠረጴዛ ምፅራግ/ምውልዋል፣
- ቅድሚ ምግቢ ምምጋቦም ጠረጴዛ ከመይ ክፀርጉ ከምዘለዎም ምዝራብ፣
- ዝፀረጉዎ ናብ መሬት ክድርብዩ ከምዘይብሎምን ኣብ መእከቢ ጉሓፍ ከቐምጥዎ ከምዝግባእን ብተግባር ክርእዩን ክለማመዱን ምግባር፣

> መዘክር፡- ዓንቲ ኢድ ብህፃናት ኢድ ልክዕ ክስራሕ ይግባእ።

ተፍትሽ ፡- መመገቢ ከባቢኦም ንምፅራይ ምልምማዶም ምግምጋም።

ዒላማ፦ ምክንኻን ከባቢ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህረ መስተምህረ፦ ሰባት ጉሓፍ ፈቼድኡ ቦታታት እንትድርብዩ፣ ሳዕሪ እንትረግፁ፣ ዕምበባ እንትቐንጥቡ ዘርእይ ስእሊ ብቐይሕ ምልክት X ዝተገበረሉ ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ሰባት ጉሓፍ ፈቼድኡ ቦታታት እንትድርብዩ ዘርኢ ስእሊ፣
- ዝርኣይዎ ስእሊ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ክርድኡ ምግባር፣
- መልእኽቲ እቲ ስእሊ ክርድኡን ከምዚ ዓይነት ተግባር ክፍፅሙ ከምዘይግባእ ምግላፅ፣
- ኣብ ከባቢኦም ዝርኣዩን ዝሰምዕዎምን ነገራት ክዛረቡ ምግባር፣
- ኣብ ከባቢኦም ጉድኣት ዘብፅሑ ነገራት ከይፍፅሙ ማዕልታዊ ምንቅስቓሶም ምክትታል፣
- እተፈፀሙ እዉን ዘብፅሕዎ ጉድኣት ክግንዘብዎ ብምግባር መአረምታ ክወስዱ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ከባቢ ንምክንኻን ልምምድ ምግባሮም ምክትታል።

ተግባር ሽዱሽተ፦ ምክንኻን ተኽልታት

ዒላማ፡- ተኽልታት ምክንኻን ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ቆርቆሮ ቀለም/ ታኒካ፣ ዘርኢ ተኽሊ/ ፈልሲ/፣ ማይ፣ መሰተዩ ተኽሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ኣብ ገዛኦም ኮነ ኣብ ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቶም ተኽልታት ክቑርፁ ከምዘይብሎም፣ እዞም ተክልታት ንከባቢና ፅባቐ፣ ምዝባዕ ኣየር ክይፍጠር ልዑል ግደ ከምዘለዎም ክርድኡ ምግባር፣
- ሕድሕድ ህፃን ኣብ ፕላስተክ ባልዲ ዝተፈላዩ ተኽልታት ክተኽሉ ምግባር፣
- ንዝተኸልዎም ተኽልታት ማዕልታዊ ክንክን ክገብርሎም ምዝራብ፣
- ተኽልታት ክንክን ከምዘድልዮም ክርድኡ ምግባር፣

  ንኣብነት፡- ህፃናት ምግቢ እንድሕር ዘይተመጊቦም ከምዘይዓብዩ ኩሉ ተኽልታት እዉን ማይ ከምዘድልዮም ክርድኡ፣ ህፃናት እንትቕንጨዉ ከምዘሕምሞም ኩሉ ተኽልታት እዉን እንትቑረፁ ከምዘሕምሞም ክርድኡ ምግባር የድሊ።

> መዘክር፡- ህፃናት ኣብ ኣቕሑ ፕላስቲክ ክተኽሉ እንበር ኣብ ዝምርቱ ናውቲ ቆርቆሮ ክተኽሉ የብሎምን።

ተፍትሽ ፡- ተኽልታት ምክንኻን ልምምድ ምግባሮም ምግምጋም።

ዒላማ፦ እንስሳ ዘቤት ይከናኽኑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ስእሊ እንስሳ ዘቤት( ደርሆ፣ ድሙ፣ ከልቢ ወዘተ)

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ኣብ ገዝኦም ዘለዉ እንሰሳ ዘቤት(ደርሆ፣ ድሙ፣ ከልቢ ወዘተ ወለዶም ምግቢ፣ ማይ ከምኡዉን መፅለሊ ብምሃብ ከምዝከናኸንዎም ምዝኽኻር)
- ምግቢ እንስሳት ምምንጣል፣ ምድፋእ ወዘተ... ከምዘይግባእ፤ ምስ ወለዶም ሓቢሮም እንስሳት ክከናኽኑ ከምዘለዎም ክርድኡ ምግባር፣

  ተፍትሽ፦ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት እንስሳት ዘቤት ከመይ ከመንከናኽኖም ዝተረድኡ ምኻኖም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ንካልኦት ምሕብሓብ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ባንቡላ፣ ናይ ባንቡላ ክዳውንትን መፃወትን፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ወለዶም ስራሕ እንትሰርሑ ኣብ ገዛ ዘለዉ ህፃናት ብምፅዋትን ብምክንኻንን ክሳተፉ ከምዝግብኦም ክርድኡ ምግባር፣
- ፀወታ መሲልካ ምፅዋት ከመይ ከምዝፃወቱን ከምዝከናከኑ ክለማመዱ ምድባር፣

> መዘክር፦ ንኣናእሽተን ኣሕዋቶም ካብ ኣልጋ ምልዓል፣ ምጉታት፣ ምሕቛፍ ከምዘይግባእ ክግንዘቡ ምግባር የድሊ።

ተፍትሽ ፦ ንካልኦት ምሕብሓብ ልምምድ ምግባሮም ምግምጋም።

ተግባር ሸሞንተ፦ ንካልኦት ምሕብሓብ

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 4. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ዝኾኑ ነገራት ምፍላይን ጥንቃቐ ክወስዱ ምግባርን። | 4.1. ዓርስኻ ካብ ሓደጋ ዞብፅሑ ነገራትን ከባቢኻ ምፅራይ ምኽኣልን። |

ዒላማ

ተግባር ሓደ፡- ምፍላይ ሓደጋ ዘብፅሑ ነገራት

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ክርቢት፣ ላማ፣ ጥርሙዝ፣ በሊሕ ነገር ወዘተ...

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ጉድኣት ዘብፅሑ ነገራት ዝገልፁ ሓፀርቲ ግጥምታት ብቃል ምዝራብ፣
- ጎዳእነቶም ንምጥንኻር ዝስዕብ ኣብነት ምጥቃም፡-
  - ክርቢትን ላማን መፃወቲ ኣይኰኑን፣

    ካባና ይጥፉኡ ንዓና ኣይጠቕምን፣

    ተፈተውቲ ዝኾኑ ንዓና ዝጠቕሙን፣

    ኰዕሶታትናን ባንቡላታትናን፣

    ናባና ኣምፅእዎም ንፎትዎም ኢና።
- ኣብ ከባቢኦም በለሕቲ ነገራት ዝወግኦም፣ ጥርሙዝ ወይ ላማ ዝቖረዮም፣ ሓዊ ዘቃፀሎምን መኪና ዝገጨዮምን ሰባት ሰሚዖም ዝፈልጡ እንተኾይኖም ምሕታት፣
- ብዛዕባ ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ነገር ክዛረቡ ምግባርን ክመያየጡ ምግባርን፣

ተፍትሽ ፡- ሓደጋ ዘብፅሑ ነገራት ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ዒላማ፡- ጉድኣት ዘብፅሑ ነገራት ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ህፃናት ኣብ መንገዲ ኩዕሶ እንትፃወቱ ዘርኢ ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ከባቢኻ ጉድኣት ካብዘብፅሑ ነገራት ምሕላው ዘኽእሉ መንገድታተ ዝሕብሩ ታሪኻት ምዝንታው፣
- ህፃናት ኣብ ከባቢኦም ብክርቢት ምፅዋት፣ ሰኮታት ኤሌክትሪክ ምንኽኻእ፣ ቡታ ጋዝ ምቅፅፃል፣ ከምዘይግባእ ክርድኡ ምግባር፣
-
-

ተግባር ክልተ፡- ዓርስኻ ካብ ጉድኣት ዘብፅሑ ነገራት ምሕላው

- ተረፍ ምግበታት፣ ቅራፍ ፍረምረ ምብላዕ ንሓደጋ ከምዘቃልዕምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ዓርስኻ ጉድኣት ካብዘብፅሑ ነገራት ምሕላው ልምምድ ምግባሮም ምክትታል።

ተግባር ሰለስተ፡- ኣብ መጓዓዝያ ክግበር ዝግባእ ጥንቃቐ ምግንዛብ

ዒላማ፡- ኣብ መጓዓዝያ ከግበር ዝግብኦ ጥንቃቐ ይግንዘቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ህፃናት ብትራንስፖርት እንትትጉዓዙ ዘርኢ ስእሊ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ምስ ወለዶም ብመጓዓዝያ ህዝቢ ከይዶም ዝፈልጡ ምኻኖምን ዘይምኻኖምን ምሕታት፣ ከይዶም ዝፈልጡ እንተኾይኖም ናበይ ከምዝኸዱን ብምንታይ ዓይነት መጓዓዝያን ከምዝኸዱ፣ ኣብ እዋን ጉዕዘኦም ኮፍ ኢሎም ድዩ ወይስ ደው ኢሎም ከምዝኸዱ ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ምሕታት፣
- ኣብ መውረዲኦም እንትበፅሑ ሓቢሮምዎም ዘኸዱ ሰባት ንሹፌር /ረዳት/ እንታይ ከምዝበልዎም ምሕታት
- ብትራንስፖርት ኣብ ዝጉዓዝሉ እዋን ኮፍ ክብሉ ከምዝግባእ ክርድኡ ምግባር፣
- ዝወርድሉ ቦታ ከይበፅሑ ካብ ኮፍ መበሊኦም ክትስኡ ከምዘይብሎም ክርድኡ ምግባር፣ እንተተንቀሳቒሶም ግና ክወድቑ ከምዝኽእሉ ክርድኡ ምግባር፣
- ብትራንስፖርት ኣብዝጉዓዝሉ እዋን ክኽተልዎም ዝግባእ ስርዓት ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ኣብ መጓዓዝያ ከግበር ዝግብኦ ጥንቃቐ ምግንዛቦም ምክትታል።

ዒላማ፡- ዓርስኻ ካብ ሓደጋ መኪና ይሕልዉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ህፃናት ኣብ መንገዲ ኩዕሶ እንትፃወቱ ዘርኢ ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ኣብ መንገዲ ኩዕሶ እንትፃወቱ ዘርኢ ስእሊ ንኩሎም ህፃናት ምርኣይ፣
- ኣብ ስእሉ ብዛዕባ ዝረኣይዎ ነገር ክዛረቡ ምግባር፣
- ኣብ መንገዲ መከና ምፅዋት ንሓደጋ ዘቃልዕ ምዃኑ ክርድኡ ምግባር፣
- ዛንታ ዮናስ ኣሕፂርካ ምዝንታው

ተፍትሽ ፡- ዓርስኻ ካብ ሓደጋ መኪና ምሕላው ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ዓርስኻ ካብ ሓደጋ መኪና ምሕላው

ተግባር ሓሙሽተ፡- ምኽባር ሕግታት ትራፊክ

ዒላማ

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፡- ህፃናት ኣብ መንገዲ ኩዕሶ እንትፃወቱ ዘርኢ ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ መንገዲ መኪና ከቋርፁ ከምዘይብሎም ክርድኡ ምግባር፣
- ምስ ዓበይቲ ሰባት መንገዲ ኣብ ዘቋርፅሉ እዋን ፃዕዳን ፀሊምን ዝተለኸየ መንገዲ ጥራሕከምዝኾነ ክርድኡ ምግባር፣
- መንገዲ እንትጉዓዙ ፀጋማይ መንገዶም ሒዞም ክጉዓዙ ከምዘለዎም ምርዳእ፣
- ኣብ ክፍልን ካብ ክፍሊ ወፃእን መስመር ኣስሚርካ ብተግባር ምርኣይ፣
- ሙብራህቲ ትራፊክ መንገዲ ዝብል ፀወታ ምፅዋት

መዘክር ፡- ካብ 4-5 ዓመት ንዘለዉ ዕድመ ዝተዳለወ ሓጋዚ መፅሓፍ እቲ ፀወታ ተፃሒፉ ኣሎ። ንፉዕ ተምሃሪ ጥንቁቕ እዩ። ዝብል መዝሙር ብሓባር ክዝምሩ መልእኽቱ ክርድኡ ምግባር የድሊ።

ተፍትሽ ፡- ሕግታት ትራፊክ ምኽባር ምኽኣሎም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 4. ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ኅዳእቲ ነገራት ምፍላይን ጥንቃቐ ምውሳድን። | 4.2. ብደረጃኦም መሰል ህፃናት ተረዲኦም ዓርሶም ካብ ጥቕዓት ንምክልኻል ይፍትኑ። |

ተግባር እንድ ፡- ዓርስኻ ካብ ሓደጋ ምክልኻል

ዒላማ፡- ዓርሰም ካብ ሓደጋ ምክልኻል ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ሓደ ህፃን በይኑ መንገዲ መኪና እንተቖርፅ ዘርኢ ስእሊ፣

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ህፃናት ንመምህራኖምን ንወለዶምን ከኽብሩ ከምዘለዎምን ምዝራብ፣
- ናቶም ዘይኮነ ንብረት ከየፍቀዱ ከምዘየድሊ ብኣብነት ኣደጊፍካ ክርድኡ ምግባር፣
- ዝኾነ ዘይናቶም ንብረት እንትረኽቡ ኣብ ቀረበኦም ዝርከቡ ዝምልከቶም ኣካል ክህቡ ይግባእ፣
- ንዝምልከቶ ኣካል እንድሕር ቀልጢፎም ዘይሂቦም ካልኦት ሰባት ኣገዲዶም ስለዝወስድዎም ክጥንቀቑ ይግባእ።

| |
|---|
| መዘከር ፦ እቲ መምህርር ዘቕርብዎ ተጓንፎ ንደረጃኦም ብዝምጥንንን ጭንቀት ብዘይፈጥርን መንገዲ ክኸውን ይግብኦ። |

ተፍትሽ ፦ ዓርሰም ካብ ሓደጋ ምክልኻል ልምምድ ምግባሮም ምክትታል።

ዒላማ፦ መሰሎም ብዝግባእ ፈሊጦም ዓርሶም ካብ ሓደጋ ይከላኸሉ።

**ተግባር ክልተ፦ መሰልኻ ምኽባር**

ናውቲ መምህ... ት፣ መዝሙራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ዝተፈላለዩ ህፃናት ብሓደጋ ትራፊክ ዝበፅሖም ጉድኣት ዘርኢ ስእሉ ክርእዩ ምግባር፣
- ኣብ ከባቢ ገዛኦም ዝወቕዖም፣ ዝፃረፎምን ዘፈራርሖምን ሰብ እንተልዩ ንመምህሮም ክዛረቡ ከምዘለዎም ክርድኡ ምግባር፣
- ህፃናት ክዳኖም ክሕፀበሎም እንተደልዮም ካብ ወለዶም ወይ ሓብሐብቶም ወፃኢ ክዳኖም ከውፅኡ ከምዘይብሎም ክግንዘቡ ይግባእ።
- ካብ ወለዶምን ሓብሐብቶምን ወፃኢ ዝኾነ ሰብ ኣገዲዱ ክዳንኩም ኣውፅኡ ዋላ እንተበሎም እሺ ከምዘይብሃል ክርድኡ ይግባእ።
- ዝኾነ ሰብ ካብ ኢዶም፣ ግንባሮምን ጉምጫኦምን ወፃኢ ካልእ ክፍሊ ኣካል ሰዉነቶም ክስዕሞም ከምዘይግባእ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ መሰሎም ብዝግባእ ፈሊጦም ዓርሶም ካብ ሓደጋ ከመይ ከምዝከላኸሉ ምግንዛቦም ምክትታል።

ተግባር ሰለስተ፦ ምኽባር መሰል ካልኦት ሰባት

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፦ መሰል ካልኦት ሰባት የኽብሩ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፦ መዝሙራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ተጓንፎታትን መዝሙራትን ተጠቂሞም ንመማህርቶም ግቡእ ፍቕሪ፣ ሓልዮትን ኣኽብሮትን ክህቡ ከምዝግብኦም ክርድኡ ምግባር፣
- ምፅራፍ፣ ምውቓዕን ምሕጫጭ ከምዘይድባእ ምዝራብ፣
- ዓርሶም ብወገን ተጐዳእቲ ገይሮም ብምሕሳብ እንታይ ዓይነት ስምዒት ከምዝስምዖም ብምሕታት ዕለታዊ ትምህርቲ ምጥንኻር፣

ተፍትሽ፦ መሰል ካልኦት ሰባት ምኽባር ምልምማዶም ምክትታል።

ዒላማ፡- ኣብ ህፃናት ዝበፅሑ ጥቕዓታት ይግንዘቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ጥንቃቐ ህፃናት ዘርኢ ስእሊ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ንዕድሚኦም ዝምጥን ኣብ ህፃናት ዝበፅሑ ጥቕዓታት ዝገልፅ ተጻንሮ ንህፃናት ምቕራብ፣
- ኣብ ህፃናት ዝበፅሑ ጥቕዓታት ብምልዓል ንምይይጥ ክቐርቡ ምግባር፣
- ኣብ ብዓል ወለዲ ኣብ ህፃናት ዝበፅሑ ጥቕዓታት ብመልክዕ ተዋስኡ ብምቕራብ ወለድን ሓብሐብትን ህፃናት ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ኣብ ህፃናት ዝበፅሑ ጥቕዓታት ምግንዛቦም ምርግጋፅ።

ተግባር ኣርባዕተ፡- ኣብ ህፃናት ዝበፅሑ ጥቕዓታት ምግንዛብ

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ብዛዕባ መሰል ህፃናት ወለዲ ይርድኡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምሀሪ፡- ጥንቃቐ ህፃናት ዘርኢ ስእሊ፣ መዝሙራት፣ ካሴታት ወዘተ…

ተግባር ሓሙሽተ፡- ብዛዕባ መሰል ህፃናት ወለዲ ክርዱኡ ምግባር

- ንዝስዕብ ግጥሚ ዜማ ብምድላው ህፃፃናት ኣብ ብዓል ወለዲ ክቕርቡ ምልምማድ
  - ንዓና ትፈትዉ ሰባት ኩልኹም
    መሰልና ኣኽብሩልና በይዛኹም
    እንትነጥፍእ ካብ ምውቓዕ ምሽሩና፣
    ከካብ ምዕራፍን ምርጋምን ኣምሀሩና፣
    ዋላ ህፃናት እንተኾና ምኽሪ የድልየና፣
    ክንፃወት በይዛኹም ኣይትሽልኩሉና።
    ክንፃወት በይዛኹም ፍቐዱልና ፣
    ክንሕጕስ ክንዘልል ከምድልየትና፣
    ግዜና እዩ ክንዕንድር ከምድሌትና፣
    መሰልና ምኺኑ ፈሊጥኩም በይዛኹም ፍቐዱልና።
- ህፃናት ወለዲ ኣብ ዝተረኸብሉ መዝሙሮም ክቕርቡ ምብርትታዕ።
- ወለዲ ጥቅዓት ህፃናተ ከመይ ዘበለ ከምዝኾነ ክርድኡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ብዛዕባ መሰል ህፃናት ወለዲ ዝተረድኡ ምኻኖም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 5. ክልስ ሓሳብ ምንቅስቓስ ምርዳእን ፈተነ ምክያድን | 5.1. ሓድነትን ኣፈላላይን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ መዓይነታት መጓዓዝያ ምውድዳር ይኽእሉ። |

ተግባር ሓደ፡- ዓይነት መጓዓዝያ ምፍላይ

ዒላማ፦ ዓይነት መጓዓዝያ ይፈልዩ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ስእሊ ዝተፈላለዩ ዓይነት መጓዓዝያ፣ ባንቡላታት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብዓብዪ ዝተስኣሉን ሕብሪ ዘለዎምን ዝተፈላለዩ ዓይነታት መጓዓዝያ፣
- መፀውዒ ስም ዝተፈላለዩ መጓዓዝያታት፣ ኣበይ ከምዝዕደጉ፣ ረብሓኦም እንታይ ከምዝኾነ ክመያየጡ ምግባር፣
- ዓይነት መጓዓዝያ ዝተፈላለዩን ዝዕደግሉ ቦታን ኩነታትን እዉን ዝተፈላለየ ከምዝኾነ ክርድኡ ምግባር፣

  ንኣብነት፦ ናይ አየር ፦ አዉሮፕላን፣ ጀት፣ ሂሊኮፕተር ወዘተ…

  ናይ መሬት ፦ መኪና፣ አዉቶብስ፣ ባቡር ጋሪ/ካሮሳ ወዘተ…

  ናይ ማይ ፦ መርከብ፣ ጀልባ፣ ታንኳ ወዘተ…

- መጓዓዝያታት ሰባትን ንብረትን ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካሊእ ቦታ ብፍጥነት ከመዘጓዓዕዙ ክርዱ ምግባር፣
- ካብ ኩሎም መጓዓዝያታት ቅልጡፍ ኣየር ምዃኑ ክርዱ ምግባር፣
- ብዙሕ ንብረት ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካሊእ ንምጉዕዓዝ ዝሕግዝ መርከብ ምዃኑ ምግላፅ፣
- ኣብ ማዕልታዊ ህይወት ነባሪ ከተማ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ንምጉዕዓዝ ዝጠቅም ኣውቶብስ/ታክሲ ምዃኑ ክርድኡ ምግባር፣
- ኣብ ገጠር ኣድጊ፣ ፈረስ፣ በቕሊ ዝበሉ እንሰሳት ንሰብን ንንብረትን ንምጉዕዓዝ ዘጠቕሙ እንሰሳት ከምዝኾኑ ምግላፅ፣

ተፍትሽ፦ ዓይነት መጓዓዝያ ፍላይ ምኽኣሎም ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም።



ተግባር ክልተ፦ ዓይነታት መጓዓዝያ ምምዳብ

ዒላማ፡- ዓይነታት መጓዓዝያ ይምድቡ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ፍላሽ ካርድ፣ ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለየ ዓይነታት መጓዓዝያ ዝተሓዘ ፍላሽ ካርድ ምሃብ
- ህፃናት መጓዓዝያታት ብዓይነቶም ክምድብዎም ምግባር፣ ንምንታይ ከምዝመደብዎም ብምሕታት ክመያየጡ ምግባር።
- ወረቐት እናዓፀፉ ጀት፣ መርከብ፣ ወዘተ ዝበሉ መፃወቲ ክሰርሑ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ዓይነታት መጓዓዝያ ምምዳብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ፡- ዓይነታት መጓዓዝያ ምስኣል

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፦ ዓይነታት መጓዓዝያ ይስእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ እርሳስ፣ ወረቐት፣ ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንህፃናት ወረቐት፣ እርሳስ ከለር ምሃብ
- ካብ ዓይነታት መጓዓዝያ ሓደ መሪፆም ክስእሉን ከለር ክለኽይዎን ምግባር፣
- እነታይ ከምዝስኣሉን እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝለኸይዎምን ንምንታይ ከምኡ ከምዝገበሩን ንምሓዙቶም ክዛረቡ ምግባር፣
- ምስ ዓይነታት መጓዓዝያ ርክብ ዘለዎም መዝሙራት ክዝምሩ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ዓይነታት መጓዓዝያ ምስኣል ምኽኣሎም ምምዳብ።

ተግባር ኣርባዕተ፦ ብፀወታ ዓይነታት መጓዓዝያ ምግላፅ

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ብፀወታ ዓይነት መጓዓዝያ ይገልፁ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- እርሳስ፣ ወረቐት፣ ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዝተፈላለዩ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ብምቕራብ ዓይነታት መጓዓዝያ ብባህሪኦም ክፈልጠዎም ምግባር፣

  ንኣብነት ፡- ሕንቅል ሕንቅሊተይ

  ሰናቢተይ

  ኣነ ንሰባት ካብ ዘጓዕዙ ሓዲኡ እየ።

  ኣብ ኣየር ይበርር። ኣነ መን እየ?

- ዝተፈላለዩ ዓይነታት መጓዓዝያ ዝተሓዙ ሎቶታትን ዶሚኖታትን ብምሃብ ክፃወቱ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ብፀወታ ዓይነት መጓዓዝያ ምግላፅ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ፡- ዓይነታት መጓዓዝያ ምስኣል

ዒላማ፦ ዓይነታት መጓዓዝያ ይስእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ እርሳስ፣ ወረቐት፣ ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንህፃናት ወረቐት፣ እርሳስ ከለር ምሃብ
- ካብ ዓይነታት መጓዓዝያ ሓደ መሪፆም ክስእሉን ከለር ክለኽይዎን ምግባር፣
- እነታይ ከምዝስኣሉን እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝለኸይዎምን ንምንታይ ከምኡ ከምዝገበሩን ንምሓዙቶም ክዛረቡ ምግባር፣
- ምስ ዓይነታት መጓዓዝያ ርክብ ዘለዎም መዝሙራማድረግ

ተፍትሽ፦ ዓይነታት መጓዓዝያ ምስኣል ምኽኣሎም ምግምጋም።

| ትፅቢት ዝግበር ውፅኢትት | ብቕዓት |
|---|---|
| 6. ብስነ ስእልን ቅርፃ ቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍጣር፣ ምድናቕን ዓርስኻ ምግላፅን | 6.1. ዝተፈላለዩ ነገራት ብምስራሕ ክእለት ፈጠራኦም የዕብዩ። |

ተግባር ሓደ፦ ኣምሲልካ ምስኣል

ከወረቐት ላይ መገልበጥ



ተግባር ክልተ፦ ኣብ ከባቢኦም ዝርኣይዎ ነገር ምስኣል

ዒላማ፦ ኣምሲልካ ምስኣል ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ስእሊ፣ እርሳስ፣ ወረቐትን ከለርን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንኹልም ህፃናት ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ነቲ ስእሊ ምንጥልጣል፣
- ንሕድሕድ ህፃን ኣብ ጠረጴዛኦም እርሳስ፣ ወረቐትን ከለርን ምሃብን ኣብ ቅድሚኦም ካብ ዝተንጠልጠለ ስእሊ እናርኣዩ ኣምሲሎም ክስእሉን ብከለር ክለኽዩን ምግባር፣
- ስኢሎም ምስ ወድኡ ኣብቲ እግሩ ስሞም ክፅሕፉ ምግባር
- ዝሰኣልዎ ስእሊ ኣብ ጠረጴዛኦም ከቐምጡ ምግባር።

ተፍትሽ ፦ ኣምሲልካ ምስኣል ልምምድ ምግባሮም ምርግጋፅ።

ተግባር ክልተ፦ ኣብ ከባቢኦም ዝርኣይዎም ነገራት ምስኣል

ዒላማ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርኣይዎ ነገር ምስኣል ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- እርሳስ፣ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ህፃናት ካብ ገዝኦም ናብ ኣፀደ ህፃናት እንትኸዱ ኣብ መንገዲ እንታይ ከምዝርኣዩ ክመያየጡ ምግባር፣
- ብምቕፃል ንሕድሕድ ህፃን እርሳስን ወረቐትን ምሃብ
- ብድሕሪኡ ኣብ መንገዲ ዝርኣይዎ ነገር ክስእሉ ምግባር፣
- ኣብከባቢኦም ዝርይዎም ነገራት ኣስተውዒሎምን ዘኪሮምን ክስእሉ ምግባር፣
- ስኢሎም ምስወድኡ ስእሎም ንመሓዘዙቶም እንታይ ከምዝስኣሉ ክዛረቡ ምግባር፣

ተፍትሽ ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርኣይዎ ነገር ምስኣል ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ሰለስተ ፡- ብሩሽ ተጠቒምካ ንምስኣል ምልምማድ

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ብሩሽ ተጠቒምካ ንምስኣል ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ብሩሽ ስእሊ፣ ናይ ማይ ሕብሪ፣ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ኣብ ቅድሚ ህፃናት ደው ምባል፣
- ብሩሽ ስእሊ ኣብ ናይ ማይ ሕብሪ ብምእላኽ ናይ ፀሓይ፣ ኣራንሺ፣ ገዛ ዝመሳሰሉ ስእልታት ኣብ ወረቐት ብምስኣል ክርእዩ ምግባር፣
- ኣብ ጠረጴዛ ህፃናት ናይ ማይ ሕብሪ /ንኡሽተን ኣቕሓ ፕላስቲክን ወረቐትን ምሃብ፣
- ህፃናት በቲ ዝረኣይዎ ኣብነት ብሩሽ ተጠቒሞም ክስእሉ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘኻኸሪ፡- ስእሊ ቡሩሽ ተዘይ ተረኺቡ መወፅ ጫፉ ሓይሻ ምጥቃም ይክኣለ እዩ። ናይ ማይ ሕብሪ ዘይርከብ እንተኾይኑ ኣብ ከባቢ ካብ ዝርከቡ መርዝነት ዘይብሎም እፀዋትን ሓን ምድላው ይክኣል እዩ። |

ተፍትሽ ፡- ብሩሽ ተጠቒምካ ንምስኣል ልምምድ ምግባሮም ምርግጋፅ።



ተግባር ኣርባዕተ፡- ኣፃብዕቲ ብምጥቃም ስእሊ ምስኣል

ዒላማ፦ ኣፃብዕትኻ ተጠቒምካ ስእሊ ምስኣል ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ናይ ማይ ሕብሪ፣ ወረቐት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ናይ ማይ ሕብሪ፣ ወረቐት
- ሓባሪ ኣፃብዕቲ ተጠቒምካ ስእሊ ከመይ ከምዝስኣል ክርእዩ ምግባር፣
- ንህፃናት ናይ ማይ ሕብሪን ወረቐትን ምሃብ
- ህፃናት በቲ ዝርኣይዎ ኣብነት መሰረት ክስእሉ ምግባር፣

ተፍትሽ ፦ ኣፃብዕትኻ ተጠቒምካ ስእሊ ንምስኣል ምልምማዶም ምርግጋፅ።

ተግባር ሓሙሽተ፦ ሕትመት ምሕታም

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፡- ሕትመት ምሕታም ይለማመዱ።

- ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ናይ ማይ ሕብሪ፣ ወረቐት፣ ቆፅሊ፣ ፃዕደ ወረቐት፣ ድንኾ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ብብሩሽ ቀስ እናበሉ ነቲ ቆፅሊ ብማይ ሕብሪ ምልካይ፣
- ኣብ ፃዕዳ ወረቐት ኣቐሚጥካ ምሕታም፣
- ካብኡ ዝተሓተመ ሕትመት ቆፅሊ ንህፃናት ምርኣይ፣
- ህፃናት ክትሕትሙ ትደልዩ ዶ ኢልካ ብምሕታት ስምዒቶም ምልዕዓል፣
- ንሕድሕድ ቈልዓ ወረቐትን ቆፅልን ምሃብ፣ት
- ናብ መምህር በቢ ሓደ እናኸዱ ቆፅሎም ብቀለም ከልክዩ ብምግባር ምሕታም፣
- ምስ ደረቐ/ነቐፀ ኣብቲ ዝሓተምዎ እግሪ ስሞም ክፅሕፉ ብምግባር ኣብ ክፍሊ ምልጣፍ፣
- በዚ ዓይነት ኣገባብ ድንኾ ብክቡ ቈሪፅካ ኣብ ልዕሊኡ ዝተለዩ ቅርፅታት ብምስራሕሕትመት ምልምማድ፣

ተፋትሽ ፡- ሕትመት ንምሕታም ልምምድ ምግባሮም ምርግጋፅ።

ተግባር ሽዱሽተ፡- ጥልፊ ወረቐት

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፦ ጥልፊ ወረቐት ምስራሕ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ክላሰር፣ መቐስ/ከተር፣ ክሪ፣ መርፍእ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ኣብ ረጉድ ክላሰር መሰረታዊ መስመራት ምስራሕ፣
- መስመር ሓሊኻ ሓሓሊፍካ ምልክት ምግባር፣
- ደሚቕን ረጉድን ሃሪ ሱፍ ጉቲም መርፍእ ተጠቂምካ ኣብ ወረቐት ጥልፊ ከመይ ከምዝስራሕ ክርድኡ ምግባር፣
- ህፃናቱ በቲ ኣብነት መሠረት ክጠልፉ ምግባር፣
- ቀስ ብቀስ ቀለልቲ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ብምሃብ ኣብ ወረቐት ምጥላፍ ይለማመዱ።

ተፍትሽ ፦ ጥልፊ ወረቐት ምስራሕ ምልምማዶም ምክትታል።




ተግባር ሸውዓተ፦ ማእለማ ወረቐት

ዒላማ፡- ማእለማ ወረቐት ምስራሕ ይለማመዱ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ክላሰር፣ መቐስ/ከተር፣ ክሪ፣ መርፊእ፣ ኮላ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ማእለማ ወረቐት ንምስራሕ ዝስዕቡ ቅድመ ምድላው ምፍፃም፣
    - 1 ዐ X1 ዐ ሴ.ሜ ዝኾነ ረጉድ ክላሰርን 10X10 ሴ.ሜትር ደሙቕ ሕብሪ ዘለዎም ስእሊ ወረቐት ብበዝሑ ቁፅሪ ህፃናት ምድላው፣
    - ነቲ ክላሰር ኣብ ላዕልን ኣብ ታሕትን ከምእዉን ካብ ፀጋም ናብ የማን 2X2 ሴ.ሜትር እትው ኢልካ ምስማር፣
    - ናይ እቲ ውሽጢ 8X8 ሴ.ሜትር ዝኾነ ቦታ ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ 2 ሴ.ሜትር ስፍሓት ክህልዎ ገይርካ ምስማር፣
    - እቲ ዝተሰመረ ውሽጣዊ ክፍሊ 4 መስመራት ቀስ ኢሎም ናይ ላዕልን ታሕትን ከምኡውን የማነ ፀጋሙ መስመር ከይነኸኡ ብመቐስ ክቖርፁ ምግባር፣
    - እቲ ወረቐት ስእሊ 2 ሴ.ሜ X 10 ሴ.ሜ ናብ ታሕቲ ብጥብጣብ መልክዕ ብምቑራፅ ምድላው
    - A 4 ሳይዝ/ ሙሉእ ወረቐት ታይፕ መጠን ዘለዎ ክላሰር ምጥቃም፣



- ኣብ ላዕሊ ብዘሎ ኣብነት መሰረት ዝተቖረፀ ሓደ ጥብጣብ ረቘቕ ወረቐት ምውሳድ፣
- ኣብ ውሽጢ ክላሰር ሓደ ግዜ ብላዕሊ ሓደ ግዘ ብታሕቲ ብምግባር ናብ ጐኒ ምትሕልላፍ፣
- ኣብ መወዳእታ ኣብ ጠርዝ እንትበፅሕ ፊለማ ኣብ ኣፃብዕቲ ኮላ ብምንካእ ምልቕላቕን ምጥባቕን
- ሓደ ሓደ ክላሰርን ጥብጣብን ብምሃብ ነቲ መምህር እንዳርኣዩ ክሸምኑ ምግባር፣
- ምስ ወድኡ ካሊእ ጥብጣብ ብምሃብ ክሳብ መወዳእታ ክሰርሑ ምግባር፣
- ባር፣

> መዘክር፡- መምህር ሕድሕድ ምንቅስቓስ ብተግባር እናርኣዩ ምርዳእ የድሊ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ጠርዚ እንትበፅሑ ዝጀመርሉን ዝወድኡሉን ብኮላ ምጥባቕ ከምዝግብኦም ተዘይ ተጣቢቑ ክምዘዝ ከምዝኸእል ክርድኡ ምግላፅ።

ተፍትሽ ፦ ማእለማ ወረቐት ንምስራሕ ምልምማዶም ምክትታል።


ዒላማ፦ ብቅርፂ ጂኦሜትሪ ዝተፈላለዩ ምስልታት ምስኣል ይለማመዱ።

ናውቲ መምህረ መስተምህሪ፦ ወረቐት፣ እርሳስ፣ መቐስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

ተግባር ሸሞንተ፦ ብቅርፂ ጂኦሜትሪ ዝተፈላለዩ ምስልታት ምስኣል።

- ዝተፈላለዩ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ክበለሉ ምግባር፣
- ዝተስኣሉ ቅርፂ ጂኦሜትሪ ብመቐስ ቆሪፆም ከውፅኡ ምግባር፣
- ቆራሪፆም ቅርፂ ጂኦሜትሪ ምስ ሰርሑ ዝተረፎም ወረቓቕቲ ምዕካብ፣
- ካብኡ ብኮላ ብምጥባቕ ዝተፈላለዩ ስእልታት ክሰርሑ ምግባር፣
- ዝሰርሕዎም ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ወይኦም ከርእዩን እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር፣



መዘክር፦ ፈለማ ንህፃናት ሰሪሖም ብምርኣይ ህፃናት ኣብ ዝርእይዎ ቦታ ምስቃል።

ተፍትሽ፦ ብቅርፂ ጂኦሜትሪ ዝተፈላለዩ ምስልታት ምስኣል ምልምማዶም ምርግጋፅ።

ተግባር ትሸዓተ፦ ምስራሕ ካርዲ ውህበቶ/ህያብ

ተግባር ዘጠኝ ፦ የስጦታ ካርድ መስራት

ከወረቐት ላይ መገልበጥ

ዒላማ፦ ካርዲ ውህብቶ ይሰርሑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ረጒድ ክላሰር፣ መቐስ፣ ኮላ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ካብ 4-5 ዓመት ብዝተምሃርዎ መሰረት ፖስት ካርድታት ምስ ረጒድ ክላሰር ኩዓልዉ ምግባር፣
- ዝተፈላለዩ ምስልታት ካብ ዝኣረጉ መፅሄታት ቆሪፆም ብምውፃእ ክልጥፉን ከማዕርጉን ምግባር፣
- መግለፂ ሰናይ ተምኒት ካርዲ ሰሪሖም ምስ መሓዙቶም ክለዋወጡ ምግባር፣

ተፍትሽ፦ ካርዲ ውህበቶ ምስራሕ ምኽኣሎም ምግምጋም።

ተግባር ዓሰርተ፦ ብመጣቕ/ጭቃ ምስሊ ዝተፈላለዩ ናውትታት ምስራሕ



ተግባር ዘጠኝ ፦ የስጦታ ካርድ መስራት

ብወረቀት ላይ መገልበጥ



ዒላማ፡- ምስሊ ዝተፈላለዩ ናውትታት ብመጣቕ/ጭቃ ምስራሕ ይኽእሉ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መጣቕ፣ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ከለር

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ግቡእ ስርዓት ኣቦኻኽዓ መጣቕ ብምኽታል ዝቦኽዐ መጣቕ ምድላው፣
- ጠረጴዛ ህፃናት ብላስቲክ ብምሽፋን እቲ መጣቕ ምቕራብ፣
- ዝደለይዎ ምስሊ ክሰርሑ ምግባር፣
- ስራሖም እንትውድኡ ብኣናእሽተን ወረቐት ስሞም ብምፅሓፍ ብዛዕባ ዝሰርሕዎ ስራሕቲ ክገልፁን ምግባር፣
- ምስ ነቐፀ ሕብሪ ክለኽይዎ ምግባር፣
- ውፅኢት ስራሖም ብካልኦት ክጉብነዩ ኩነታት ምምችቻው፣

| |
|---|
| መዘክር፡- ንፀወታ ዘድልዮም ዝተፈላለዩ መፃወቲ ባዕሎም ኩዓልዉ ምብርትታዕ የድሊ። |

ተፍትሽ ፡- ምስሊ ዝተፈላለዩ ናውትታት ብመጣቕ/ጭቃ ምስራሕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።




ተግባር ዓሰርተ ሓደ፡- ብወረቐት ባንቡላ ኣፃብዕቲ ምስራሕ

ዒላማ፡- ብወረቐት ባንቡላ ኣፃብዕቲ ይሰርሑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- ወረቐት፣ እርሳስ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ዓብዪ ወረቐት ብምሓዝ ንህፃናት 10 X10 ሴ.ሜ ዝኾነ ወረቐት ምሃብ፣
- ዝስዕብ ተግባር ብገለፃ ሰሪሕካ ምርኣይ፣
    - *ፈለማ ተመዓዓደውቲ ጫፋት ኣራኺብካ ምዕፃፍ /ቅርፂ ስሉስ ኩርናዕ ይህብ።/*
    - *ካብ ማእኸል ዝተወሰኑ ሴንት ሜትራት ብምሃብ ጫፍ እቲ ስሉስ ኩርናዕ ናብ ታሕቲ ምዕፃፍ፣*
    - *ካብ ዝተዓፀፈ ወፃኢ ዘሎ ቦታ ምስለ ገፅ ከልቢ ዓይኒ፣ እፍንጫ፣ ኣፍ ምስኣል፣*
    - *ኩርኩር ከልቢ ብወረቐት ምስራሕን ምልምማድን፣*
- *እንትውድኡ ሓባሪ ኣፃብዕቶም ገይሮም ክትንቀሳቐስ ብምግባርን ከም ከልቢ ውሕ፣ ውሕ፣ ውሕ ብምባል ድምፂ ብምውፃእ ከፃወቱ ምግባር፣*



ተፍትሽ ፡- ብወረቐት ናይ ኣፃብዕቲ ባንቡላ ምስራሕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ዒላማ፦ ዝተፈላለዩ ባኮታት ተጠቒሞም መፃወቲ ይሰርሑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፦ ፓኮ ክርቢት፣ ሳሙና፣ ቆፅሊ ሻሂ 354፣ ክሪ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦

- ንሕድሕድ ህፃን ባኮ ክርቢት፣ ሳሙና፣ ቆፅሊ ሻሃይ፣ ሰለስተ ባኮታት ምሃብ፣
- ኣብ ሕድሕድ ውሽጣዊ ክፍሊ ጫፍ እቲ ባኮ ብጐቲም መርፍእ ስፍሕ ዝበለ ነኚል ምድላው፣
- በቲ ነኚል ክሪ ብምእታው ነኒ ባዕሉ ከም ባቡር ብምትሕሓዝ ፍርጎታት ምስራሕ፣
- እንትውድኡ ብነውሕ ክሪ እናጐተቱ ብባኮ ክርቢት ቀለልቲ ፀፀራት ምፅዓንን ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናጐዓዙ ክፃወቱ ምግባር፣

| |
|---|
| መዘክር ፦ ዝተፈላለዩ ባኮታት ካብ ገዛኦም ከምፅኡ ምግባር። |

ተፍትሽ ፦ ዝተፈላለዩ ባኮታት ተጠቒሞም መፃወቲ ምስራሕ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

ተግባር ዘጠኝ ፡- የስጦታ ካርድ መስራት




ዒላማ፡- ብካርቶን ሶፍት ባንቡላ ይሰርሑ።

ናውቲ መምህሪ መስተምህሪ፡- መጠቕለሊ ሶፍት፣ ከለር፣ ጭራሮ፣ ፅሩይ ላስቲክ /ጨርቂ/

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ካርቶን መጠቕለሊ ሶፍት ንህፃናት ምሃብ፣
- ብሕብረ ዝተፈላለዩ መስመራትን ቅርፅታትን ብምስራሕ ከማዕርጉ ምግባር፣
- ብምቕፃል ብላዕሊ ገፅ እቲ ካርቶን ምንኳል፣
- ኣብ ቀጢን ዕንፀይቲ ወረቐት ብምጥቕላል በቲ ነኺል ምግባር፣
- ቐፂሎም ፅሩይ ላስቲክ ወይ ጨርቂ ብምጥቕላል ብላዕሊ ገፅ እቲ ካርቶን ብምእታው ርእሲ ሰብ ምስራሕ፣
- ኣብ መወዳእታ ብከለር ዓይኒ፣ አፍንጫ፣ ኣፍ ክሰርሑን ኣብ ሸቓቕ ወረቐት መጠቕለሊ ባንቡላ ብምስራሕክፃወቱ ምግባር፣



ተፍትሽ ፡- ብካርቶን ሶፍት ባንቡላ መስራት ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

2.5.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ መከታተያ ቅጽ

ስም ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ

ስም ህፃን……………………………………ዕድመ……………ፆታ…………

ስም መምህር…………………………………ዓመተ ምህረት…………………

ኩነታት እቲ ህፃን ዝምልከት ኣብ ሓዴኡ ብርኪ ጥራሕ ብምሕራይ ኩነታቱ ምምዝጋብ፣

1. ምምሕያሽ ዘድልዮ……………………………………………………

2. ነቲ ዝተተለመ ብቕዓት ኣማሊኡ ……………………………………………

3. ካብ ዝተተለመ ብቕዓት ንላዕሊ ዝተረኸበ……………………………………

መተሓሳሰቢ፡- ሰደቃ ክትትል ኣብ መፈላምታ ዓመት፣ መፋርቅ ዓመት፣ መወዳእታ ዓመት ክምላእ ይግባእ።

| መድረሻ/ ግብ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | መጀመሪያ ዓመት | መንፈቕ | መወዳእታ ዓመት |
| 1. ካባቢን ምፍታሽን ምፍላጥን | | | |
| 1 ካባቢኻ ምፍታሽን ምፍላጥን | | | |
| 1.1 ኣብ ገዝኦምን ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቶም ዝርከቡ ሰባት፣ ተፈጥሮኣውን ሰራሕ ሰብ ነገራት ምፍላይ ይኽእሉ | | | |
| 1.2 ኣብ ከባቢኦም ብዝረኽብዎም ነገራት ፈተነ ምክድይኽእሉ | | | |
| 2. ኣብ ካባቢኦም ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታትምፍላጥን ምድናቕን | | | |
| 2.1 ጠቓምቲ ቦታታት ብፅሒት ስራሕን ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| 2.2 ስምዒት ምፍታው ሃገር ይሓድሮም | | | |
| 3. ከባቢኦም ከመይ ምክንኻን ከምዝክኣል ምፍላጥን ምክንካንን | | | |
| 3.1 ኣብ ከባብያዊ ፅሬት ምስታፍ ይክእሉ | | | |
| 4. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ጎዳእቲ ነገራት ምፍላይን ጥንቃቐ ምውሳድን | | | |
| 4.1 ንባዕሎም ካብ ጎዳእቲ ነገራት ምሕላውንምፅራይን ይክዕሉ፣ | | | |
| 4.2 ብደረጃኦም መሰል ህፃናት ተረዲኦም ንባዕሎም ካብ ጥቕዓት ህፃናት ንምክልካል ይፍትኑ፣ | | | |
| 5. ክልስ ሓሳብ ምንቅስቓስ ምርዳእን ፈተነ ምክድ፣ | | | |
| 5.1 ብዝሓትን ረብሓን ጉማታት መኪና ምዝራብ ይክእሉ፣ | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| **6.** ብስነ ስእልን ቅርፃ ቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍጣር ምድነቕን ንባዕልካ ምግላፅ | | | |

# ልጋብ

| መዝሙር | ፀዋታ | ዛንታ/ነበረያ ነበረ |
| --- | --- | --- |
| 1. ህፃን አየ ኣነ<br>2. ኣነ ንእሽተይ ህፃን እየ<br>3. ብዛዕባ ጣዕሚ<br>4. ኣናእሽተይ ክፍልታት ሰብነት<br>5. ንእሽተይ ኣፈይ<br>6. ምምማፅ ስኒ ከምዚ እዩ<br>7. ፅርየተይ ክሕልይ እየ<br>8. ዒፍ ክኸውን እየ<br>9. ብንጉሆ ተሲአ<br>10. ምሕፃብ ገፅካ<br>11. ሓሳዊ ጓሳ<br>12. ጉራኛ ማንቲለ<br>13. ነበረያ ነበረ<br>14. መን አየ<br>15. ኣናእሽተይ ኣዕዋፍ<br>16. ገዛይ ገዛይ<br>17. ኣብ ልዕሊ ሓደ ሓደ ወሲኽ<br>18. ተለላ ቁፅሪ<br>19. ዓሰርተ ቆፃል ጠራሚዝ<br>20. ብንጉሆ ተሲአ<br>21. ማዓልቲታት ሰሙን መነ መን እዮም<br>22. ባንደራና<br>23. ህፃናት በጃኹም<br>24. ሓደገኛ ነገራት<br>25. ንፋዕ ተምሃራይ<br>26. መዓልቲ ወለዲ | 1. ቕብብል በትሪ<br>2. መን ቐዲሙ ይበትኽ<br>3. ምምንዛዕ ጭራ<br>4. ንእሽተይ ጎማ<br>5. ዒፍ ክኸውን እየ<br>6. ኣቦይ ዝብኢ<br>7. ቆፃል ቆፃል<br>8. ኣለሻ ወንበር<br>9. ምፍላጥ ፀዋዒኻ<br>10. ጥዒምካ ፍለጥ<br>11. ታኣምረኛ ከረፂት<br>12. መንዲለይ ዶ ሪኢኹም<br>13. ቐዲሙ ዝኸደን መን እዩ<br>14. መራሒካ ምፍላጥ<br>15. ምፍፃም ትእዛዝ<br>16. ክትወፅእ ኢላ ክትውፅእ ኢላ<br>17. ምእላሽ ምሓዛ<br>18. ዝጎደለ ምምላእ<br>19. ጣቐዒት ምስ ቁፅሪ ምዝማድ<br>20. ምዕቃን ፀወታ<br>21. እንታይ መዓዝ ይግበር<br>22. እንታይ መዓዝ ከም ዘሎ ምፍላጥ<br>23. መብራህቲ መንገዲ ትራፊክ | 1. ንእሹተይ ዮናስ<br>2. ዒዋልን ድሙን<br>3. ኪሮስ ሓላዊ በሪ<br>4. መን ይበልፅ<br>5. ድሙን ከልብን<br>6. ነፋሪ ዕምበባ<br>7. ጃምቦን ኩባያን |

## መዝሙር

# አባሪ

1. <u>ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና</u>

ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና

ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና

ክንዛወር ኢና

ምዝዋር ንኽእል ኢና

ክንስዕስዕ ኢና

2. <u>ዓይኒ ኣለኒ ንምርኣይ</u>

ዓይኒ ኣለኒ ይርእይ

ዓይኒ ኣለኒ ይርእይ

ከባቢአይ የስተውዕል

ኣብ መንገዲ እንከይተብኣስኩ

ኣስተውዒለ ይኸይድ ናብ ገዛይ

3. <u>ጩና ዝገልፅ ተለላ</u>

ጩይንኒ ጩና ሎሚን

ጩይንኒ ጩና ሎሚን

ጩና ኣብ መጉሓፊ ጉሓፋት

ንህፃናት ይስዕብ ሕማማት

ንርሓቕ ንርሓቕ ካብ ጉሓፋት

ከይሕዘና ሕማም ስዓል

4. <u>ዒዋልን ድሙን</u>

ጓል ላሊቱ ሉሊት

ካብ ቲቲ ኩረኩር በሊፀት

ቲቲ ኩርኩር ከመይ ኰነት

ትምህርቲ ፀሊኣ ፈቕድኡ ዕንይንይ በለት

ከይተሓፀበት እናጐረሰት

ሓመመት፣ ወደቐት፣

ደኸመት፣ ትዝለፍለፈት፣ ወደቐት

ጓል ላሊቱ ሉሊት

በለጠች ከቲቲ ቡቾሊት

የላሊቱ ሉሊት

ካብ ቲቲ  ኩረኩር በለፀት

ቲቲ ኩርኩር ከመይ ኰነት?

ካብ ድቃሳ ተሲኣ፣

ክዳና ተኸዲዲና፣

ብሳሚና ተሓፀበት

ምግባ ተመገበት

ቦርሳኣ ኣልዐለት፣

ጉዕዞኣ ቀፀለት።

**5.** <u>ሃሎ ሃሎ</u>

ሃሎ ሃሎ ዳሕን ዶ ውዒልካ መሓዛይ?

ተማሂረ መፂአ ናብ ገዛይ

ንስኻ ከ ከመይ ኣለኻ ?

**6.** <u>ኣናዕሸተይ ኣናእሸተይ ኣዕዋፍ</u>

ሓደ ክልተ ሰለስተ ኣናእሸተይ ኣናእሸተይ ኣዕዋፍ

ኣርባዕተ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ኣናእሸተይ ኣናእሸተይ ኣዕዋፍ

ሸውዓተ ሸሞንተ ትሽዓተ  ኣናእሸተይ ኣናእሸተይ ኣዕዋፍ

ዓሰርተ ኣናእሸተይ ኣዕዋፍ

**7.** <u>ወሃብቲ ግልጋሎት ቦታታት</u>

ኣደይ ስርናይ ክተጥሕን

ከይዳ ንእንዳ መጥሓን

ኣጥሒና እንትትመፅእ ንገዛ

ኣቦይ ካብ ስራሕ መፅአ

ሓደ ማልቲ

ከብይ ሓመምኩ

ሕክምና ከድኩ

ሓኪሚ እንታይ ኮይንኻ በለኒ

ኢድካ ከይትሓፅብኻ

ከይትበልዕ ምግብኻ

ሕራይ በልክዎ ኣነ እውን

ካልኣይ ግዜ ከይተሓፀብኩ ኣይበልዕን በልኩ

**2.** <u>ብሕብረት ምፅራይ</u>

ኣናእሽተይ ህፃናት ብሕብረት

ክፍልና ነፅርይ ብሓድነት

ምሰ ወዳእና ኣፅርይና

ብሳሙና ንተሓፀብ ኢድና

**9.** <u>ብምንታይ እንታይ ንገብር ?</u>

መምህር ንርእይ እንትብሉ /ብዜማ/

ህፃናት ብዓይንና ይብሉ /ብዜማ/

መምህር ንኅይይ /ብመልክዕ ጉያ ብዜማ/

ህፃናት ብእግርና

መምህር ንሰምዕ

ህፃናት ብእዝና

መምህር ንጥዕም

ህፃናት ብመልሓስና

መምህር ነጭኒ

ህፃናት ብኣፍንጫና ወዘተ.....

**10.** <u>ቀስ ብቐስ እታ ሳርየት</u>

ቀስ ብቐስ እታ ሳሬት

ናብ ላዕሊ ናብ ላዕሊ

ንፋስ ነፊሱ ናብዚ ናብዚ ኣበላ

ዝናብ ወቒዑ ንታሕቲ ንታሕቲ ኣውደቓ

**11.** <u>ከም ዖም እውዝወዝ</u>

ከም ዖም እውዝወዝ

ከም ዒፍ እነፍር

ክም ፌንጣ እነጥር ወዘተ......

## 12. ዒፍ ክኸውን እየ

ዒፉ ክኸውን

ብኣየር ይነፍር

ብልዕሊ ኣእዋም

ናብ ላዕሊ ናብ ላዕሊ

ፅምብላሊዕ ክኸወን እየ

ብኣየር ይነፍር

ብልዕሊ ዕምበባታት

ናብ ላዕሊ ናብ ላዕሊ

## 13. ጉረኛ ማንቲለ

ጉረኛ ማንቲለ ሓፊረ

ፃዕራም ኣባ ጎበዮ ኸበረ

ማንቲለ እንትነዝሕ ጉርኡጥንቸል ጉረኛው ሲነዛ ጉራ

ኣባ ጎበዮ ቐደሞ ብተስፋ ገይዩ

ኣጣቐዑ ዳያኑ እንስሳት

ብኣባ ጎበዮ ኾርዑ ወሰዱ ትምህርቲ

## 14. እንሰሳት ዘቤት ምዝማር ይኽእሉ

እንስሳት ዘቤት ምዝማር ይኽእሉ /2/

ድሙ ትዝምር እያ ትድንስ እያ

እንስሳት ዘቤት ምዝማር ይኽእሉ /2/

ከልቢ እንታይ በለ እንታይ እንታይ በለ?

እንስሳት ዘቤት ምዝማር ይኽእሉ /2//

ደርሆ ኸ እንታይ በለ እንታይ እንታይ በለ?

እወ እወ እንታይ እንታይ እንዳበሉ?

ሚያው ሚያው ሚያው እናበለት

እወ እወ እንታይ እንታይ እንዳበሉ?

ውሕ ውሕ በለ ዓፅሚ እንዳፈሓቖ

እወ እወ እንታይ እንታይ እንዳበሉ?

ኲኲዒት ኲኲዒትሉ በለ ብሓፀር

ዘለለ

**15.** <u>ሕጉስ ዝኾነ</u>

ሕጉስ ዝኾነ ዘጣቕዐ

ሕጉስ ዝኾነ ዝዘለለ

ሕጉስ ዝኾነ ዝተሓገሰ

ዱብ ዱብ ብምባል ይገልፅ

**16.** <u>ኢድ ምሕፃብ ከምዚ እዩ</u>

ኢድ ምሕፃብ ከምዚ እዩ ከምዚ እዩ

ገፅ ምሕፃብ ከምዙይ እዩ ከምዚ እዩ

ፀጉሪ ምስንታር ከምዙይ እዩ ከምዙይ እዩ ወዘተ.....

**17.** <u>ሓሙሽተ ሙዝ አለኒ</u>

ሓሙሽተ ሙዝ ኣለዋኒ ንመን ክህቦ?

ንሃና ሂበ ኣርባዕተ ተሪፉ

ንሄኖ ሂበ ሰለስተ ተረፉኒ

ንእስቴር ሂበ ክልተ ተሪፉኒ

ንእሹ ሂበ ሓንቲ ተሪፋትኒ

ንባዕለይ ሓንቲ ወሲደ ክንደይ ይተሪፉኒ?

**18.** <u>ንእሽተይ ንእሽተይ ኣዕዋፍ</u>

ሓደ ክልተ ሰለስተ ንእሽተይ ንእሽተይ ኣዕዋፍ

ኣርባዕተ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ንእሽተይ ንእሽተይ ኣዕዋፍ

ሸውዓተ ሸሞንተ ትሽዓተ ንእሽተይ ንእሽተይ ኣዕዋፍ

ዓሰርተ ኣናእሽተይ ኣዕዋፍ

**19.** ሓሙሽተ ህዋሳት ስምዒት

ሓሙሽተ ሓሙሽተ ህዋሳት ስምዒት

ሓሙሽተ ሓሙሽተ ህዋሳት ስምዒት

ዓይኒ ኣፍንጫ (**×2)**

መልሓስ እዝኒ (**×2)**

ቆርበትና እዩም። (**×2)**

ብዓይኒ ይርእይ (**×2)**

ብእዝኒ ይሰምዕ (**×2)**

ብኣፍንጫ የጭኒ (**×2)**

ብመልሓሰ ይጥዕም (×2)

ብቆረበት ይድህስስ (×2)

ፍለጡለይ ፍለጡለይ

ስምዒት ህዋሳተይ!

**20.** ኩልሻብ

ኩልሻብ ንጉሆ ተሲአ

ገፀይ ተሓፂበ

ቁርሰይ በሊዐ

ኩሉሻብ ከምዚ እየ ዝገብር ኣነ

**21.** ምኻድ ናብ ድኳን (ምልላይ ቦታታት ወሃብቲ ግልጋሎት )

| | |
|---|---|
| ኣነ ምስ ኣደይ ናብ ድኳን ክኸይድ እየ | ክኸይድ እየ |
| ኣነ ምስ ኣቦይ ናብ ድኳን ክኸይድ እየ | ክኸይድ እየ |
| ከይደ ብስኩት ክገዝእ እየ | ክገዝእ እየ |
| ከይደ ደፍተር ክገዝእ እየ | ክገዝእ እየ |
| ተመሊሰ ናብ ገዛይ ክመፅእ እየ | ክመፅእየ እየ |
| ኣነ ናብ ሕክምና ምስ ኣደይ ክኸይድ እየ | ክኸይድ እየ |
| ከይደ ሕማመይ ክሕከም እየ | ክሕከም እየ |
| ተመሊሰ ድሒነ ናብ ገዛ ክመፅእ እየ | ክመፅእ እየ |

## 22. ኣናእሸተይ ወረቐት

ኣናእሸተይ ወረቐት

ኣናእሸተይ ወረቐት

ወዲቆም ኣብ ምድርቤት

ክፍልና ኣበላሽዮም ኣርሲሖም

ክንኣርዮም ይግባእ ኩሎም

## 23. ንፉዕ ተምሃራይ

ንፉዕ ተምሃራይ ብጣዕሚ ንቁሕ እዩ

መንገዲ እንተጉዓዝ እንዳሰተውዓለ እዩ

መኪና እንትመፅእ ብርሑቕ ይርእይ

መንገዲ እንትጉዓዝ ፀጋሙ ሒዙ እዩ

## 24. ዒፍ

ዒፍ ኣበይ እዩ ገዛኺ?

ትኣትዊ ዘይርኺ

ብሰማይ እንትበሪ

ቀንጢስኪ ሳዕሪ

ገዛኺ ክትሰርሒ

ምኧኑ ፈሊጠ

ለካስ መዕረፍን መደቀስን

## 25. ኣነ ህፃን እየ

ኣነ ህፃን እየ

ኩሉ ሰብ ይፈትወኒ

ኣነ ዝፈትው ፀወታ

ብሻሕተታ መሳልል ሽክርክርታ

ምድያብ ምውራድ ዝህበካ ደስታ

**26.** <u>ክፍሊ ኣካላት ሰብነት</u>

ብኣእዳወይ የጣቕዕ /ጩብ ፣ ጩብ/

ብእግረይ እዘልል /ዝል፣ ዝል/

ብኣዕንተይ እርእይ / ብርሑቕ ዓይንኻ ፅልል ኣቢልካ እትርእይ ምምሳል/

ብክሳደይ ኢድ ይነስእ /ኢድ ምንሳእ/

ብኣፍንጫይ የጭኑ /ከም ምጭናው ኣየር ምስሓብ/

**27.** <u>ኣነ እንታይ ኣለኒ</u>

ኣነ ህፃን እየ ህፃን እየ

ኣናእሽተይ ክፍልታት ኣካላት ኣለውኒ

መሰጎሚ ኣናእሽተይ እግሪ ኣለውኒ

ኣነ ህፃን እየ ህፃን እየ

መፃወቲ ኣናእሽተይ ኣእዳው ኣለውኒ

ኣነ ህፃን እየ ህፃን እየ

ዝርእየሎም ኣናእሽተይ ኣዕንቲ ኣለውኒ

ኣነ ህፃን እየ ህፃን እየ

ዝሰምዐሎም ኣናእሽተይ እዝኒ ኣለውኒ

ኣነ ህፃን እየ ህፃን እየ_

**28.** <u>ንእሽተይ ኣፈይ</u>

ንእሽተይ ኣፈይ ኣበይ ኣለኺ?

ኣብዚ እየ ኣብዙይ እየ ከመይ ኣለኹም

ፃዕዳ ኣስናነይ  ኣበይ ኣለኹም?

ኣብዚ እየ ኣብዙይ እየ ከመይ ኣለኹም

ቀይሕ መልሓሰይ  ኣበይ ኣለኺ?

ኣብዚ እየ ኣብዙይ እየ ከመይ ኣለኹም

ኣናእሸተይ ከናፍረይ ኣበይ ኣለኹም?

ኣብዚ እየ ኣብዙይ እየ ከመይ ኣለኹም

**29.** <u>መዝሙር ምጥዓም</u>

ስኳር ጥዑም እዩ

ቓሓምኒ  ቓሓምኒ ይብለካ

ማዓር ጥዑም እዩ

ልሓሱኒ ልሓሱኒ ይብለካ

ሎሚን መፂፅ እዩ

ትፍታፍካ የምፅእ

**30.** <u>መንዲለይ ዶ ርኢኹም</u>

መንዲሎይ ዶ ርኢኹም? /እንትብል/

ኣይረኣናን /ህፃናት ይብሉ/

እዚአ እንታይ እያ? /ህፃን/

ኩፅሶ ድሙና እያ /ህፃናት/

ምርኣይ የለን፣ /ህፃን/

ሃሰስ ምባል የለን /ህፃናት ይብሉ/

**31.** <u>ንጉሆ ተሲአ</u>

ንጉሆ ተሲአ

ገፀይ ተሓፂበ

ቁርሰይ በሊዐ

ክኸይድ ቤት ትምህርቲ

ቦርሳይ ተሐንጊጠ

**32.** <u>ውሓሰዪ ዓሳ</u>

ሓሳይ ዓሳ

ኩልሻብ  ልማደኛ

ብኧርያ መፂኣትኒ

ኣባጊዐይ በሊዓትለይ

እንዳበለ ኩልሻብ

እንትቐልደ እንተሸግር
በዚ ስራሕቱ
ድማ ብሕሶቱ
ኩሉሰብ ኣምሪሩ
ሓደ ማዓልቲ ብሿርያ
ብሃንደበት መጺኡ
ኣባጊዑ በሊዕሉ *2
ሓሳዊ ኻሳ
ኩልሻብ ልማደኛ
ኡይ እንዳበለ መፅአ
ዝሕግዞ ሰኣነ ብሕማቕ ተግባሩ*2

## 33. ነበረያ ነበረ

ነበረያ ነበረ

እንታይ ነበረ

ካብ መዓልቲታት ሓደ

ሓንቲ ውዓግ

ለቆታ ማዓረ ሰረቓ

ኣእዳዋ ኣእትያ እንዳለሓሰት

ዋላ ሓነቲ ከየትረፈት

ከብዳ ተነፊሓ ምኻድ ምስ ኣበያ

ሃነደበት መፅአ ብዓል ማዓረ

ኣእዳዋ ኣሰራ ንድሕሪት

ገሪፉ ገሪፉ ብዝሓዞ በትሪ

ውዓግ ተፈለጣ ስሕተታ

ናይቲ ስብኣይ ምዓር ብምስራቓ

ኣይለምደንን ካብ ድሕሪ ሐዚ ብምባል በኸየት

ብምስራቓ ተጣዒሰት

እዚአ ነበረያ ነበረ ዝረሰዐ

ኣጅቦን ጠስምን ኣይወሓጦ

## 34. ገዛይ ገዛይ

ገዛይ ገዛይ ብምንታይ ፀቢቑ ? /ባምቡላ/

ብዝተፈላለዩ ሕብርታት /ህፃናት/

ብምንታይ ብምንታይ ሕብርታት ? /ባምቡላ/

መንድቑ ብብጫ ፣ ምድርበቱ ብቀይሕ፣ናሕሱ ብቆፃል እዩ/ህፃናት/

ደስ ኢሉኒ /2/ የቐንየለይ።

**35.** <u>ግጥሚ ንሕብሪ</u>

ሰማይ ሰማያዊ - ሳዕሪ ቆፃል እዩ

ሓዊ ቀይሕ እንትኸውን -- ገልገለ መስቀል ቢጫ እዩ

ብጣዕሚ ነስተውዕል ህፃናት ከይንርስዕ

**36.** <u>ህፃናት ህፃናት ስሙዕኒ በይዛኹም</u>

ህፃናት ህፃናት ህፃናት በይዛኹም

ስምዑኒ በይዛኹም ኣብ ዝኾነ ቦታ ጓሓፍ ኣይተደብርዩ

ሕማም የምፅኡ፣እንተተታሒዝና ብሕማም

ንተርፍ ካብ ማዓዲ ትምህረቲ

ኣይህልዉን እቲ ጥዑም ፃዉቲ

**37.** <u>ሓደገኛ ነገራት/ግጥሚም/</u>

ክብሪትን ላማን መፃወቲ ኣይኮኑን

ካብ ጎንና ይርሓቑ ኣይጠቅሙናን

ተፈተውቲ ንዓና ዝጠቕሙ

ኩዕሶታት ባምቡላታት እዮም

ሃቡና ንዓና

ንሕና ንፈትዎም ኢና

**38.** መዓልቲ ወለዲ

ንዓና ትፈትው ሰባት በይዛኻትኹም

መሰልና ኣኽብርልና ባዕልኩም ኣኽቢርኩም

እንትንጋገ ካብ ምኽሩን ካብ ምውቓዕን

ካብ ምፅራፍ ይበልፅ ምምሃር

ይግበአና እኮ እዩ ዋላ ህፃን ንኹን

በይዛኹም ኣይትኸልክሉና እንትንጫወት

ንዝለል ንፃወት ንድስት

ግዝና እዩ ምዝላል ምፅዋት

ተፈዊድሉና ነይርኩም መስልና ምኺኑ እንተትፈልጡ

## 2.1.5 መርኣያ ቅጥዒ መከታታሊ ምልከታ

ም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ---------------------------- ጉጅለ--------------

ስም ህፃን--------------------------------ዕድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር------------------------------ግምገማ ዝተኸየደሉ ወርሒ------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሓን/ሐትን----------------------------------

2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ አይበፅሐን/ትን--------------------------

3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣበፅሐትን-----------------------------------

መተሓሳሰቢ፦ ሰደቓ ክትትል ቡብወርሑ መወዳእታ ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| **1.** ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ብዓርስኻ ምትእምማን፣ ንዓርስኻ ምኽባር ስምዒት ምህላው | | | |
| 1.1ንባዕሎም ምግላፅ ይኽእሉ። | | | |
| • ህፃናት ንባዕሎም ብቃላት ምግላፅ ይኽእሉ። | | | |
| 1.2ንባዕሎም ምስ ካልኦት ብምውድዳር ምግላፅ ይኽእሉ። | | | |
| • ብዛዕባ ኣከባብራ ብዓል ልደት ይኽእሉ። | | | |
| 1.3. ኣብ ከይዲ ፀወታ ዝፍጡ ዘይምቅድዳዋትን ጐንፅታትን ምፍታ ይኽእሉ። | | | |
| • ፀወታታት ብጉጅለ ምፅዋት | | | |
| **2.** ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ምፍላይን ተግባሮም ምዝራብ፣ | | | |
| 2.1. ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ምፅራሕይኽእሉ። | | | |
| • ፀወታ ምዝማድ ክፍሊ ኣካላት ምፅዋት ይኽእሉ። | | | |
| 2.2. ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ዝፍፅምዎም ተግባራት ብትኽክል ምግላፅ ይኽእሉ። | | | |
| • ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ዝፍፅምዎም ምዝራብ ይኽእሉ። | | | |
| **3.** ምክንኻን ዓይኒ | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 3.1. ዓይኖም ብጥንቃቀን ብክንክንን ምትሓዝ ይኽእሉ። | | | |
| • ረብሓ ዓይኒ ምዝራብ ይኽእሉ። | | | |
| **4.** ምክንኻን እዝኒ | | | |
| 4.1. ንእዝኖም ብጥንቃቑን ብክንክንን ምትሓዝ ይኽእሉ። | | | |
| • ረብሓ እዝኒ ምዝራብ ይኽእሉ። | | | |
| **5.** ምክኽኻን ኣፍንጫ | | | |
| 5.1. ሕማቕኝ ፅቡቕን ጨና ምግላፅ ይኽእሉ | | | |
| • ሕማቕኝ ፅቡቕን ጨና ምግላፅ ምኽኣል | | | |
| **6.** ምክኽኻን መልሓስ | | | |
| 6.1. ዝተፈላለየ ጣዕሚ ዘለዎም ምግብታት ምድናቑ ይኽእሉ | | | |
| • ኣብ አፍ ውሽጢ ዝርከቡ ክፍሊ አካላት ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| 6.2. ኣፎም ብጥንቃቐ ብክንክንን ምትሓዝ ይኽእሉ | | | |
| • ኣስናኖም ብጥንቃቐ ንምትሓዝ ይለማመዱ | | | |
| **7.** ብምድህሳስ ንነገራትን ኩነታትን ምግላፅ | | | |
| 7.1. ኣብ መንጎ ናውትታት ዘሎ ባህሪ፣ መጠን ሙቐትን ቅርፅን ምፍላይ ይኽእሉ | | | |
| • ባህሪ ነገራት ብምድህሳስ  ምፍላይ ይኽእሉ | | | |
| 8. ምሕላው ጥዕናን ስርዓት ኣተሓላልዋ ጥዕናን ምልምማድ | | | |
| 8.1. ንጥዕና ዝሰማምዑ ምግብታት ፈልዮም ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| • ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግብ ምፍላጥ | | | |
| 8.2. ውልቀ ፅርየቶም ምሕላው ይኽእሉ | | | |
| • ውልቀ ፅርየት ምሕላው ዘለዎ ረብሓ ምግንዛብ | | | |
| 8.3. ውልቀ ፅርየቶም ምሕላው ይኽእሉ | | | |
| • ውልቀ ፅርየት ንምሕላው ዘድልዩ ናውትታት ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| 9. ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ብጥንቃቐ ምሓዝን ምክንኻንን | | | |
| 9.1. ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ብጥንቃቐ ምሓዝን ምክንኻንን ይኽእሉ | | | |
| • ክፍሊ ኣካላት ሰዉነቶም ካብ ጉድኣት ምሕላው ይለማመዱ | | | |
| 10. ዓበይትን ኣናኡሽተንን ጭዋዳታት ምጥቃም | | | |
| 10.1. ዓበይትን ኣናኡሽተንን ጭዋዳታት ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ተግባራት ምፍፃም  ይኽእሉ | | | |
| • ሚዛን ሓሊዮም ምስጓም ይኽእሉ | | | |
| 11. ብነፃነት ምህዞኻ ምግላፅ | | | |
| 11.2. ኣብ ካባቢኻ ብዝርከቡ ናውትታት ዝተፈላለዩ መፃወቲ ምስራሕ ይኽእሉ | | | |
| • ምህዞ ብስእሊ ምግላፅ ምኽኣል | | | |

## 2.2.5 መርኣያ ቅጥዒ መከታታሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ----------------------------- ጉጅለ--------------

ስም ህፃን---------------------------------ዕድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር------------------------------ግምገማ ዝተኻየደሉ ወርሒ------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሓን/ሐትን----------------------------------

2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ አይበፅሐን/ትን-------------------------

3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣበፅሐትን-----------------------------------

መተሓሳሰቢ፦ ሰደቓ ክትትል በብወርሑ መወዳእታ ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ምልከታ^ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ሰባት ምርኣይን ንምልላይ ድሌት ምሕዳርን ምፍላይን | | | |
| 1.1 ኣብ ቀረባ ንዝረኽብዎም ሰባት ተቐባልነት ዘለዎም ባህሪ ምርኣይ ይኽእሉ፣ | | | |
| • ምስ ካልኦት ተሓባቢሮም ምስራሕ ይኽእሉ። | | | |
| 1.2. ብዛዕባ ፅቡቕን ሕማቕን ስነ ምግባር ምዝራብ ይኽእሉ። | | | |
| • መግለፂ ፅቡቕ ስነ ምግባር ምርዳእ | | | |
| **2.** ክንክን ሕብሓበን ዝገብሩሎም ሰባት ምፍላይን ከመይ ከምዝሕብሕብዎም ምፍላጥ | | | |
| 2.1 ዓበይቲ ሰባት ከመይ ከምዝንከባኸብዎምን ከምዝሕብሕብዎምን ምግላፅ ይኽእሉ። | | | |
| • ጥንቃቐን ክንክንንን ዝገብርሎም ሰባት ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| **3.** ንኻልኦት ምሕብሓብን ዘለና ነገር ምክፋልን/ምምቃልን | | | |
| 3.1 . ኣብ ስራሕቲ ዕዮ ጉጅለ ብዝግባእ ምስታፍን ስምዒት ካልኦትምርዳእን | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ምክፋልን ይኽእሉ፣ | | | |
| • ስምዒት ሓጎስን ሓዘንን ምፍላይ ምኽኣል፣ | | | |
| 3.2. ኣብ ከባቢኦም ሰባት ዝግበር ሰናይ ተግባር ምስታፍ ይኽእሉ፣ | | | |
| • ስምዒት ካልኦት ብፀወታ ምግላፅ ምኽኣል | | | |

## 2.3.5 መርኣያ ቅጥዒ መከታታሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ---------------------------- ጉጅለ--------------

ስም ህፃን--------------------------------ዕድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር-----------------------------ግምገማ ዝተኻየደሉ ወርሒ------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሓን/ሐትን----------------------------------

2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ አይበፅሐን/ትን-------------------------

3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በጺሑ/ኣበፅሐትን----------------------------------

መተሓሳሰቢ፦ ሰደቓ ክትትል ቡብወርሑ መወዳእታ ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | **1** | **2** | **3** |
| **1. 1.** መረዳእታታት ብኣግባቡ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ምላሽ ምሃብን | | | |
| 1.1 ኣብ ከባቢኦም ዝድመፁ ድምፅታት ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| • ድምፅታት ምፍላይ ምኽኣል፣ | | | |
| 1.2 ኣብ መንጎ ድምፅታት ዘሎ ኣፈላላይ ይግንዘቡ። | | | |
| • ሰባት ብድምፆም ምፍላይ፣ | | | |
| 1.3 ንትእዛዛትን መምርሕታትን ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ። | | | |
| • ንትእዛዛትን መምርሕታትን ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ | | | |
| 1.4 ዘዳመፅዎም ዛንታታት መሊሶም ምዝንታው ይኽእሉ። | | | |
| • መልእኽቲ ዛንታ ዝተረድኡ ምኳኖም ምግምጋም፣ | | | |
| **2.** ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ብዓርሶም ክተኣማመኑን ብኣግባቡን ትርጉም ክህብ ብዝኽእል ዝርርብን ብቋንቋ ምልክትን ምርድዳእ። | | | |
| 2.2 ቋንቋ ብዝግባእ ምጥቃም ይኽእሉ። | | | |
| • ፅብፃብ ንጉሆ ምቕራብ ምኽኣል፣ | | | |
| 2.2 ብዝርርባዊ ቋንቋ ብዝግባእ ይሕጉሱ፦ | | | |
| • ብዝርርባዊ ቋንቋ ሓጎስ ምርካብ ይኽእሉ። | | | |
| **3.** ብንባብ ምሕጓስ፣ ፍለጠት ምርካብን ምርዳእን፣ | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 3.2 ቀለልቲ ቃላት ምሉእ ሓሳባትን ምንባብ ይኽእሉ። | | | |
| • ምስስልን ፍልልይን ስእሊ ምዝራብ ይኽእሉ። | | | |
| **4.** ምውዳድ ዓይንን ኢድን ብምምፅባል ንፅሑፍ ድልዊ ምግባር | | | |
| 4.1ፊደላትን ቃላትን ምፅሓፍ ይኽእሉ። | | | |
| • መሰረታዊ መስመራት ንፅሑፍ ምድላው፣ | | | |

## 2.4.5 መርኣያ ቅጥዒ መከታታሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ---------------------------- ጉጅለ-------------

ስም ህፃን--------------------------------ዕድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር------------------------------ግምገማ ዝተኸያደሉ ወርሒ------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሓን/ሐትን----------------------------------

2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ እይበፅሐን/ትን-------------------------

3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣበፅሐትን-----------------------------------

መተሓሳሰቢ፦ ሰደቓ ክትትል በብወርሒ መወዳእታ ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ምልከታ^ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| **1. 1.** ባህሪ ናውቲ ምርዳእ ምፍታሽን ምፍላይን | | | |
| 1.1. ንነገራት ብዓይነት ምምዳብ ይኽእሉ። | | | |
| • ሓደ ዓይነት ዝኾኑ ነገራት ምዝማድ | | | |
| **2..** ነገራት ብባህሪኦም ምውድዳር፣ | | | |
| 2.1. ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድና ቅደም ስዓብ ምርኣይ ይኽእሉ፣ | | | |
| • ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድና ምግላፅ ምኽኣል | | | |
| **3. 3.** ቁፅርታት ምልላይ፣ መግላፅ፣ ዝምድናኦም ምርዳእን ቀለልቲ ስልሒት ምስራሕ | | | |
| 3.1. ኣብ መንጎ ነገራትን ቁፅርታትን ዘሎ ሓድነትን ኣፈላላይን ምዝራብይኽዝሉ። | | | |
| • ተቖፀርቲ ምቑፃር ምኽኣል | | | |
| 3.2 ማዕረ እዮም፣ ይዓብይ፣ ይንእስ እናበሉ ምዝራብ ይኽእሉ። | | | |
| • ይዓብዩ ይንእስን ዝብሉ ኣምራት ምግንዛብ ይኽእሉ | | | |
| 3.3 ካብ 1-20 ዘለዉ ኣሃዛት ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| • ብዝተፈላለየ ኣንፈት ቁፅሪ ምቑፃር ምኽኣል | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 3.4 ካብ 1-20 ዘለዉ ኣሃዛት ምድማርን ምጉዳልን ይኽእሉ። | | | |
| • ኣምር ምድማር ምርዳእ ምኽኣል | | | |
| **4.** ኣብ ዘተፈላለየ ኲነታትግቡእ ዝኾነ መሳርሕታት መለክዒ ምጥቃም፣ | | | |
| 4.1 ቦታ፣ ርሕቐትን ኣንፈትን ምግላፅ ይኽእሉ። | | | |
| 4.2 ንነገራት ብስርዓት ምድርዳርን ምውድዳርን ይኽእሉ። | | | |
| • ዓበይትን ኣናእኽተንን ናውትታት ምውድዳር ምኽኣል | | | |
| **5.** ክልሰ ሓሳብ ግዘን መግለፅታቱን ምጥቃም፣ | | | |
| 5.1. ኣብ ግዘ ዝፍፀሙ ተግባራት ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| • ኣብ ዝተፈላለዩ ግዘ ዝፍፀሙ ተግባራትን ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| **6.** ፅንሰ ሓሳበ ቦታን መግለፅታቱን ምጥቃም፣ | | | |
| 6.1. ናውትታት ዝርከብሉ ኣንፈትን ቦታን ምዝራብ ይኽእሉ። | | | |
| • ፅንሰ ሓሳበ ቦታን መግለፅታቱን ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| **7.** ንገንዘብ ምልላይ፣ ምፍላይ፣ ምግላፅን ምጥቃምን | | | |
| 7.1 ዋጋ ገንዘብ ምዘራብ ይኽእሉ። | | | |
| • ዋጋ ገንዘብ ምዘራብቦም ምርግጋፅ፣ | | | |

## 2.5.5 መርኣያ ቅጥዒ መከታታሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ---------------------------- ጉጅለ--------------

ስም ህፃን--------------------------------ዕድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር-----------------------------ግምገማ ዝተኸያደሉ ወርሒ------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሓን/ሐትን----------------------------------

2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ አይበፅሐን/ትን-------------------------

3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣበፅሐትን----------------------------------

መተሓሳሰቢ፡- ሰደቓ ክትትል በብወርሑ መወዳእታ ክምላእ ይግባእ።

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| **1.** ከባቢኦም ምፍላጥን ምፍታሽን | | | |
| 1.1 ኣብ ገዝኦምን ኣብ ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቶም ዝርከቡ ተፈጥሮኣዊን ስራሕ ሰብን ነገራት ምፍላይ ይኽእሉ። | | | |
| • ተፈጥሮኣዊን ስራሕ ሰብን ነገራት ምፍላይ ምኽኣል፣ | | | |
| 1.2 ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ነገራት ፈተነ ምክያድ ይኽእሉ። | | | |
| • ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ተፈጥሮኣዊን ስራሕ ሰብን ነገራት ምፍላይ ምኽኣል፣ | | | |
| **2.** ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣድላይቲ ቦታታት ምፍላጥን ምድናቕን | | | |
| 2.1 ጠቐምቲ ቦታታትን ብፅሒት ስራሕ ሰባትን ምዝራብ ይኽእሉ። | | | |
| • ብዛዕባ ትካላት ግልጋሎት ወሃብትን ኣብ ውሽጡ ዝሰርሑ ሰብ ሞያት ምዝራብ ምኽኣል። | | | |
| 2.2 ስምዒት ምፍታው ሃገር ይሓድሮም። | | | |
| • ምፍላጥ ቅራርፂ ካርታ ኢትዮጵያ | | | |
| **3.** ከባቢኻ ከመይ ምንክብኻብን ከምዝክኣል ምፍላጥን ምክንኻንን | | | |
| 3.1 ኣብ ከባብያዊ ፅሬት ምስታፍ ይኽእሉ። | | | |
| • ንመሳራርሕታት ፅሬት ምርዳእ ምኽኣል፣ | | | |
| **4** ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ጐዳእቲ ነገራርት ምፍላይን ብጥንቃቐ ምውሳድን | | | |
| 4.2 ንባዕልኻ ካብ ጐዳእቲ ነገራት ምሕላውን ምፅራይ ከባብን ይኽእሉ። | | | |
| • ጉድኣት ከብፅሑ ዝኽእሉ ነገራት ምፍላይ ምኽኣል፣ | | | |
| 4.2 ብደረጃኦም መሰል ህፃናት ተረድዲኦም ካብ ጥቕዓት ህፃናት ምክልኻል ይፍትኑ። | | | |
| • ንባዕሎም/ዓርሶም ካብ ጥቕዓት ምክልኻል ከምዘለዎም ምርዳእ፣ | | | |
| **5.** ኣምር ምንቅስቓስን ምራርዳእን ፈተነ ምክያድን | | | |
| 5.2 ሓድነትን ኣፈላላይን ኣብ ከባቢኦም ዝራርከቡ ዝተፈላለዩ መጓዓዝያታት ተረዲኦም ምውድዳራር ይኽእሉ። | | | |
| • ዓይነታት መጓዓዝያ ምርድኦም ምርግጋፅ፣ | | | |
| **6.** ብስነ ስዕልን ቅርፃ ቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍጣራር፣ ምድናቕን ንባዕልኻ ምግላፅን | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 6.1 ዝተፈላለዩ ነገራት ብምስራሕ ክእለት ፈጠራኦም የዕብዩ። | | | |
| • ኣምሲሎም ምስኣል ይኽእሉ። | | | |